# ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን ዝወሃብ ዶክትሬት ድግሪ ንምርካብ ብኽፋል መማልኢ ዝቐረበ ዴሰርቴሽን


ብ
ሃፍተ ንጉሥ ገብረገርግስ (ቀሲስ)

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኰለጅ ኀብረተሰብ ሣይንሥን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ሥነ ጽሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርኃ ግብሪ ድኅረ ምረቓ ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን



ሰነ፥ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኰለጅ ኅብረተሰብ ሣይንሥን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ሥነ ጽሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርኃ ግብሪ ድኅረ ምረቓ ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን

# ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን ዝወሃብ ዶክትሬት ድግሪ ንምርካብ ብኽፋል መማልኢ ዝቐረበ ዴሰርቴሽን

ብ
ሃፍተ ንጉሥ ገብረገርግስ (ቀሲስ)

ዋና ኣማኻሪ
ተስፋዬ መሰለ (ፒኤችዲ)

ሓጋዚ ኣማኻሪ
ጌታሁን መሰለ (ፒኤችዲ)

ሰነ፥ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኰለጅ ኅብረተሰብ ሣይንሥን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋን ሥነ ጽሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርኃ ግብሪ ድኅሪ ምረቓ ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን

# ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ብንጽጽራዊ ሥነ ጽሑፍን ባህልን ዝወሃብ ዶክትሬት ድግሪ ንምርካብ ብኸፊል መማልኢ ዝቐረበ ዴሰርቴሽን

ብ
ሃፍተ ንጉሥ ገብረገርግስ (ቀሲስ)

<u>ኣባላት ቦርድ ፈተና</u>

| | ዕለት | ፊርማ |
|---|---|---|
| ናይ ደገ ፈታኒ<br>ተስፋዬ ዳኘው (ፒኤችዲ) | 08-10-2017 | |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ<br>ገብረየሱስ ተኸሉ (ፒኤችዲ) | 08-10-2017 | |
| ዋና ኣማኻሪ<br>ተስፋዬ መሰለ (ፒኤችዲ) | 08-10-2017 | |
| ሓጋዚ ኣማኻሪ<br>ጌታሁን መሰለ (ፒኤችዲ) | 08-10-2017 | |

CS CamScanner

# ሰደቓ ትሕዝቶ

**ርዕሲ** **ገጽ**


መግለፂ ዋንነት መጽናዕቲ ............................................................ Error! Bookmark not defined.
ምሥጋና ........................................................................................................... vi
ምኅጻረ ቃላትን ሓረጋትን ....................................................................................... vii
መፍቱሕ ቃላትን ሓረጋትን ..................................................................................... viii
ማራ መጽናዕቲ........................................................................................................ xi
ምዕራፍ ሓደ፤ መእተዊ ........................................................................................... 1
1.1. ድኅረ ባይታ መጽናዕቲ ............................................................ 1
1.2. ሓተታ መጽናዕቲ ................................................................... 3
1.3. ሕቶታት መጽናዕቲ ................................................................ 5
1.4. ዕላማ መጽናዕቲ..................................................................... 6
1.4.1. ሓፈሻዊ ዕላማ ................................................................. 6
1.4.2. ዝርዝር ዕላማታት ............................................................. 6
1.5. ረብሓ መጽናዕቲ..................................................................... 6
1.6. ደረት መጽናዕቲ ..................................................................... 7
1.7. ውሱንነት መጽናዕቲ.....................................................................8
ምዕራፍ ክልተ፤ ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መጽናዕትታትን .......................... 9
2.1. ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት ..........................................10
2.1.1. ዝንታወ ...................................................................10
2.1.2. ዝንታወን መዋቕራውነትን.............................................16
2.1.3. ድኅረ ዋንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ...............................18
2.1.4. ኣገባባት ዝንታወ......................................................20
2.1.4.1. ትዕይንት ..................................................21
2.1.4.1.1. ምርኣይ ...........................................22
2.1.4.1.2. ምንጋር ...........................................23
2.1.4.2. ኣኅጽሮት ..................................................24
2.1.4.2.1. ገለፃ................................................25
2.1.4.2.2. ኣስተብህሎት ....................................26

2.1.5. ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ........................................29
2.1.5.1. ልደተ ተጋዳሊ ........................................35
2.1.5.2. ተቀብኦ ተጋዳሊ ........................................35
2.1.5.3. ቀቢጸ ተስፋ ተጋዳሊ ........................................35
2.1.5.4. ተነጽሎ ተጋዳሊ ........................................36
2.1.6. ገድል ........................................37
2.1.7. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት 41
2.1.7.1. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ ........................................41
2.1.7.1.1. ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ........................................41
2.1.7.1.2. ተኣምራዊ ኣገባብ ........................................42
2.1.7.1.3. ትእምርታዊ ኣገባብ ........................................42
2.1.7.2. ገድል ከም ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ........................................44
2.1.7.2.1. ተጋዳሊ ከም ጅግና ........................................44
2.1.7.2.2. ኣስተምህሮ ........................................44
2.1.7.2.3. ምሥራሕ ተኣምር ........................................45
2.2 ዳህሳስ ተዛመድቲ ቅዱማት መጽናዕትታት ........................................46
ምዕራፍ ሠለስተ፤ ሜላ መጽናዕቲ ........................................57
3.1. ንድፊ መጽናዕቲ ........................................57
3.1.1. ዓይነት መጽናዕቲ ........................................59
3.1.2. ኣመራርጻ ሰነዳት መጽናዕቲ ........................................59
3.1.3. መሣርሒታት መአከቢ መረዳእታ ........................................60
3.1.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ........................................60
3.2. ኣገባብ መጽናዕቲ ........................................61
3.3. ኣዋድዳ መጽናዕቲ ........................................62
3.4. ሥነ ምግባር መጽናዕቲ ........................................63
ምዕራፍ ኣርባዕተ፤ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፣ ጽሚቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን...64
4.1. ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ........................................64
4·2. ጽሚቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳም ........................................65
4·3. ጽሚቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣብርሃም ........................................68

ምዕራፍ ሓሙሽተ፤ ትንተና መረዳእታ ..........71
5.1. ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን..........71
5·1.1. ትዕይንት..........71
5.1.1.1. ምርኣይ..........78
5.1.1.2. ምንጋር..........81
5·1.2. ኣጎጽሮት..........84
5.1.2.1. ገለፃ..........88
5.1.2.1. ኣስተብህሎት..........91
5.2. ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን..........93
5.2.1. ልደት ተጋዳሊ..........93
5.2.2. ተቀብኦ ተጋዳሊ..........101
5.2.3. ቀቢጸ ተስፋ..........106
5.2.4. ተነጽሎ ተጋዳሊ..........108
5.3. ገድል ከም ማጎደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን..........114
5.3.1. ገድል ከም ማጎደር ኣገባባት ዝንታወ..........114
5.3.1.1. ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ..........114
5.3.1.2. ተኣምራዊ ኣገባብ..........117
5.3.1.3. ትእምርታዊ ኣገባብ..........119
5.3.2. ገድል ከም ማጎደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት..........121
5.3.2.1. ተጋዳሊ ከም ጅግና..........121
5.3.2.2. ኣስተምህሮ..........123
5.3.2.3. ምሥራሕ ተኣምር..........127
ምዕራፍ ሽዱሽተ፤ መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን..........129
6.1. መጠቓለሊ..........129
6.2. መደምደምታ..........131
6.3. ለበዋ..........132
መዋኽስቲ ድርሳናት..........134
መዘርዝረ ድርሳናት..........149

## መግለጺ ዋንነት መጽናዕቲ

ኣነ ሃፍቶ ንጉሥ ገብረገርግስ (CSSL/PHDR013/13) "**ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን**" ብዝብል ርዕሲ ንዘካየድኩዎ መጽናዕቲ ግቡኣት መዋኸስቲ ተጠቒመን ፍልፍላት ብሥርዓት ሓቢረን እየ። ከምኡ እውን፥ እዚ መጽናዕቲ ናይ ባዕለይን ቅድሚ ሕዚ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ኩነ ዓውደ መርበብ ዘይቐረበን ካብ ካልእ ፍልፍል ዘይተወሰደን ምዃኑ እሕብር። በዚ መጽናዕቲ ኣቢሉ ንዝመጽእ ሪብሓ ይኹን ተሓታትነት ድማ ባዕለይ ኃላፍነት ዝወሰድ ምዃነይ ብልሙድ ፊርማይ ከምዝስዕብ የረጋግጽ።

ሥም፦ <u>**ሃፍቶ ንጉሥ ገብረገርግስ (ቀሲስ)**</u>

ዕለት፦ <u>08-10-2017 ዓ.ም.</u>

ፊርማ፦ ______________________

CS CamScanner

# ምሥጋና

እዚ መጽናዕቲ፥ ኣብዚ ብጺሑዎ ዘሎ ብርኪ ንክበጽሕ ንዝሓገዘኩምኒ ኣማኸርተይ፦ ዶር. ተስፋዬ መሰለን ዶር. ጌታሁን መሰለን ፈጣሪ ዕድመን ጥዕናን የሃብኩም!! ዶር. ጌታሁን መሰለ፥ ርዕሲ ብምቕራጽ፣ ዕላማ ተኮር ትሕዝቶታት ብምምችቻው፣ ገለ መነጽርታታት ብምትሓዝ፣ ናይ ቋንቋን ትሕዝቶን ኣርየትን ብምግባር ስለ ዝሓገዝኻኒ ኣመሥግነካ።

በዓልቲ ቤተይ ጸጋ ሃፍቲ፥ ኣብ እዋን ጻንሒት ትምህርቲ ኩነ ምድላው እዚ መጽናዕቲ ንዝገበርክለይ ሓገዝን ዘርኣኽኒ ፍቕርን ሓልዮትን ልዕሊ ኩሉ እዩ እሞ ኣመስግነኪ። ከምኡ እውን ደቀይ፦ ትእማር፣ ሕዝቅያስን ሔኖክን፥ እንትደኸመኒ እናዋዘኹምን እናስሐቕኩምን ተሓዲሰ ሥርሐይ ክድሚ ስለ ዝገበርኩምኒ ጽላል ነከራ (መንፈስ ቅዱስ) ካባኹም ኣይፈለ።

ናይ ኢትዮጵያ ኣብያተ መዘክርን መጻሕፍትን ግልጋሎት ዳይሬክቶር ዝኾንኻ ኃው ኣቶ ይኩኖኣምላክ መዝገበ ንመጽናዕቲ ንዝሓረይኩዎም ሰነዳት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ስለ ዘቕረብካለይን ሓገዝካ ኣብዚ ብርኪዚ ብምብጽሑን ኣመሥግነካ፣ ከምኡ እውን፥ ንፍልጠትካ፣ ጉልበትካን ግዘኻን ከይተጸባጸብካ እዚ ዕዮ እዙይ ኣብዚ ሕዚ ዝርከበሉ ብርኪ ንክበጽሕ ደገፍ ዝገበርካለይ ዶር. ገብረየሱስ ተኸሉ ክብረት የሃበለይ። ዲን ኮለጅ ኀብረተሰብ ሣይንሥን ቋንቋታትን ዩኒቨርሲቲ መቐለ ዝኾንካ ዶር.ተሥፋዓለም ገብረዮሃንስ ከም ደላዪ ናይ ሰብ ጽቡቕን ከም ኣማሓዳሪ ትካልን ወትሩ ተስፋን ደገፍን እንዳሃብካ ተምሃሮ እዚ መርኃ ግብሪ ንክንጥንክር ስለዝገበርካ ክብርን ምሥጋናን ይግበኣካ። መምህር ኣታኽልቲ መኮነን፥ መርኃ ግብርታት ብምውዳድ ይኹን ፈተንቲ ብምትእልላሽ ንዝነበረካ ትግሃት ፈጣሪ ዓስበ ጻማኻ ኣየጥፍእ።

ዩኒቨርስቲ ዓዲ ግራት ዕድል ትምህርቲ ብምምችቻው፣ ዩኒቨርስቲ መቐለ ኮለጅ ኀብረተሰብ ሣይንሥን ቋንቋታትን ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ሥነ ጽሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ ድማ ተቐቢልኩም ብምምሃር ዝገበርኩምለይ ሓገዝ ኣዝየ ኣመሥግን።

# ምኅጻረ ቃላትን ሓረጋትን

| | |
|---|---|
| ዘፍ. | ዘፍጥረት |
| ማቴ. | ማቴዎስ |
| ራዕ. | ራዕይ |
| ኣክ. | ኣክሲማሮስ |
| መዝ. | መዝሙር |
| ትም.ኅቡ. | ትምህርተ ኅቡኣት |
| ኢ.ዮ. | ኢ.ዮብ |
| ዕብ. | ዕብራውያን |
| መጽ.ስንክ. | መጽሓፈ ስንክሳር |
| መጽ.ሠዓ. | መጽሓፈ ሠዓታት |
| 1ይ ሳሙ. | ቀዳማይ ሳሙኤል |
| ጸሎ.ሓ.እ.ሳ. | ጸሎተ ሓና እመ ሳሙኤል |

# መፍቱሕ ቃላትን ሓረጋትን

| | |
|---|---|
| ህላወ | Existence |
| ልምዳዊ ፍልይታ | Traditional Distinction |
| ልዕለ ሓቲታዊ ድምፀት | Extra Textual Voice |
| ሓበሬታዊ ትርጉም | Annotated Translation |
| መርኣያታት | Models |
| መነጽርታታት | Perspectives |
| መዘርዝረ ድርሳናት | Bibliography |
| ምልላዪ | Advertisements |
| ምልክት | Sign |
| ምምስሳል | Mimesis |
| ምርኣይ | Showing |
| ምንጋር | Telling |
| ሥነ ሕይወታዊ ህላወ | Biological Existence |
| ሥነ ምግባር መጽናዕቲ | Ethical Consideration |
| ሥነ ዝንታወኣዊ መዋቕራት | Narratological Structures |
| ሰፊሕ ትዕይንት | Panoramic |
| ሴሚዮታዊ ውክልና | Semiotic Representation |
| ስብከታዊ | Pastoral |
| ስንእው | Isochrony |
| ቃና | Tone |
| ቅርጻውነት ሩሲያ | Russian Formalism |
| ቑሉዕ | Overt |
| ብሉይ/ጥንታዊ ሥነ ጽሑፍ | Classical Literature |
| ብርኺ | Phase |
| ብዝኃ ዲስፕሊናዊ ኣገባብ | Multidisciplinary Approach |
| ቦኽሪ | Original |
| ተምሳሌታዊ ፍካሬ | Metaphorical Interpretation |

| | |
|---|---|
| ቴማዊ ኣንድምታ | Thematic Implications |
| ትእምርትታት | Symbols |
| ትዕይንት | Scene |
| ኂሳዊ ትርጉም | Critical Translation |
| ኂሳዊ ንባብ | Critical Reading |
| ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታት | Archetypal Features |
| ነገረ ሰብኣውያን | Humanities |
| ናህሪ/ቅልጣፈ | Speed up/Acceleration |
| ንቑሕነት | Consciousness |
| ንድፊ መጽናዕቲ | Research Design |
| ንጽጽራዊ ትርጉም | Comparative Translation |
| ኣስተብህሎት | Comment |
| ኣትኩሮት | Focalization |
| ኣትኳሪ | Focalizer |
| ኣኅጽሮት | Summary |
| ኣገባብ መጽናዕቲ | Research Procedure |
| ኣገባባት ዝንታወ | Narrative Modes |
| ኣዋድዳ መጽናዕቲ | Organization |
| ከፊል ንቑሕ | Subconscious |
| ኩለንተናዊ | Universal |
| ኪናዊ ጽባቐ | Artistic Qualities |
| ክልስ ሓሳብ | Theory |
| ክልስ ሓሳባዊ መቓን | Theoretical Framework |
| ክያዱታት | Stages |
| ውህሉል ኢንቑሕ | Collective Unconscious |
| ዓውዳዊ ኣንድምታ | Contextual Implications |
| ዓውደ ፍልጠት | Discipline |
| ዕጹው ንባብ | Close Reading |
| ጽሩይ | Purest |

| | |
|---|---|
| ዝንተዋ | Narration |
| ድምፀት | Voice |
| ድባብ | Mood |
| ደውታ | Pause |
| ድግግም | Frequency |
| ግብረ ኣካላዊ | Physiological |
| ግዘ ሓተታ | Discourse time |
| ግዘ ዛንታ | Story Time |
| ግዘ ዝንታወ | Narrative Time |
| ጥረ ትርጉም | Literal Translation |
| ጽሟቕ ሓሳብ | Synopsis |
| ጽውጽዋያት | Folktales |
| ፍካሬ | Interpretation |

# ማራ መጽናዕቲ

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ተጋድሎኣዊ ሕይወት ኣዳምን ኣብርሃምን ዘዘንትዉ፣ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ዝነግሩ፣ ህላወን ሕልፈትን ዓለምን ተፈጥሮኣን ዘረድኡ፣ ኣካል ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ እዮም። እዚ መጽናዕቲ ድማ፦ ኣብዞም ክልተ ገድላታት ንዝህልዉ መግለፅታት፥ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብምትንታን፦ ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾነሎም ትሕዝቶታት ንምንጻር ዝዓለመ እዩ። ዓይነቱ፥ ዳህሳስ ሰነድ ብምኽያድ ገለፃ ትሕዝቶ ስለ ዘቕርብ ዓይነታዊ መጽናዕቲ እዩ። ዝረኣዩ መግለፅታት፣ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንምትንታን፦ ገለፃዊ፣ ጽሑፋውን ፍካረኣውን ሜላታት ትንተና ኣብ ተግባር ውዒሎም። ኣገባባት ዝንታወ ንምሕባር እኒ Genette (1980 [1972])፣ Bonheim (1982)፣ Chatman (1978)፣ Toolan (2001)ን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ሊቃውንትን ዘሰጉምዎም ክልስ ሓሳባዊ ኣምራት ተጠቒሞም። ኣብ ንነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ንምድህሳስ በዓል Frye (1957)፣ Jung (1959)ን ኣብዚ ዓውዲ ንናይ ዝነጥፉ ምሁራንን ሓሳባት ወሲዱ። ብመሠረት እዚ፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ፦ ገድላዊ ዛንታታት፥ ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ብዝብሉ መግለፅታት ኣገባባት ዝንታወ፤ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ድማ፦ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ዝብሉ መግለፅታት ዝዘንተዉ ኰይኖም ተረኺቦም። ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብ፣ ትእምርታዊ ኣገባብ፣ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ ኣሥተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን ዝብሉ ዛዕባታት እውን ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምዃኖም ንምርግጋጽ ተፈቲኑ። ሜላታት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ምዃኖም ብግዲኡ ገድላታት ከም ሥነ ጽሑፍ ክራኣዩ ከምዝኽእሉ ርካቦ እዚ መጽናዕቲ ይሕብር። ኣጠቓቕማ ቋንቋ፣ ኣገባብ ትሕዝቶ፣ ኣወዳድዳ ታሪኽ፣ እምነት ዝተቐረጸሉ መንገዲ፣ ምትእስሳር ምድራዊ ሕይወትን ሰማያዊ ዕጫን እንታይ ከምዝመስል ካልኦት ተመራመርቲ ትኹረት ሂቦም ክጽንዕዎ ተዝኽእሉ፥ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት ንጽጽራዊ መጽናዕቲ ንክጠናኸር ይሕግዙ፤ ካልኦት ተመራመርቲ ነዚ ኣድህቦ ንክስዕቡ ድማ መጽንዓይ ይላቦ።

# ምዕራፍ ሓደ
# መእተዊ

## 1.1. ድኅረ ባይታ መጽናዕቲ

ገድል፥ ኣብ ትሕቲ ብሉይ/ጥንታዊ ሥነ ጽሑፍ ተሠሪዑ፥ ሓደ ዓውደ ትኹረት መጽናዕቲ ሥነ ጽሑፍ ካብ ዝኸውን ነዊኅ መዋዕል ኣቝጺሩ እዩ። ኣገላልፃ ሓሳብ፣ ቀረጻ ድባብ፣ ኣዋድዳ ታሪኽ፣ ኣመራርጻ ዛዕባ ... ከም ሥነ ጽሑፍ ክንበብ ይገብሮ። ሚታዊ መበቈል ዘለዎም ፍጻመታትን ቴማታትን ከሐድሽ[1] ብዝኽእል ቋንቋ ኣሠናሲሉ ስለ ዘቕርብ ንዕብየት ዘመናዊ ሥነ ጽሑፍ ኣበርክቶ ከም ዝገበረ ይእመን፤ ስለዝኾነ እውን ገድል ብበይነ ዲሲፕሊናዊ[2] መርአዩ እንዳተዳኅሠሠ መጺኡ።

ብሉይ ሥነ ጽሑፍ[3]፦ ዘመን ተሳጋሪ ቴማ፣ ዓሚቝ ምሥጢር፣ ሰፊሕ ፍካሬ፣ ፍሉይነት ቅርጺ፣ መዋቕር ዝንታወ፣ ቴክኒክ፣ ቅዱ ኣቀራርባን ብልሓት ዝንታወን ዘለዎ እዩ። ብዚ ኣቢሉ፦ ሕገ ልቡና፣ ግብረ ገብነት፣ ሥነ ምግባር፣ መንነት፣ ባህሊ፣ ፍልስፍና፣ ታሪኽን እምነትን ይነግር። ዘወትር ንክንበብን ንክስማዕን ሚትን ትእምርትን ይጥቀም (Atasi & Guest, 2020: 4)። እዚ ማለት ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ዝግለፁ ሓሳባት ምስ ተፈጥሮን ነገረ ተፈጥሮን እናተኣሰሰረ የቕርብ፣ ምሥጢራዊ ትርጉሞም ንምጉላህ እውን ማኅበረሰባት ዝተረዳድእሎምን ዝረዳድእሎምን ትእምርትታት ተጠቒሙ ንነገራት ዝገልፅ ከም ዝኾነ እዩ። ከምኡ እውን Chamran (2020: 2345)፥ ትሕዝቶን ቴማን ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፦ ምስ ሥነ ምግባር፣ እምነት፣ ታሪኽ፣ ኪነ ጥበብ፣ ፍልስፍናን ኣተሓሳስባን ሰባት ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ ማኅደር ዝተፈላለዩ፦ ቅድታት፣ መዋቕራት፣ ቴክኒካት፣ ዝንታወታት፣ ነገረ መበቈላዊ

---

[1]"ምሕዳሽ" ወይ ድማ "Defamilarization" ንድርሰት ሥነ ጽሑፋዊ ባሕርይ መውሃቢ ኰይኑ መንበባይ ዝቐርበሉ ልሙድ ዛዕባ ክሕድሾ/ክጋየሾ ወይ ድማ ቅድም ኢሉ ምስ ዘይፈልጦ ዛዕባ ክላመዶ ናይ ምግባር ተግባር እዩ (Victor Shklovsky, 1966: 21; Ann Jefferson, 1996: 27-28; Terry Eagleton, 1996: 17)።

[2] በይነ ዲሲፕሊናዊ "ኣብ መጽናዕቲ ሥነ ጽሑፍ ኣካዳምያዊ ርትዒ እዩ" ብምባል ኣብ ዝገለጸሉ፥ "በይነ ዲሲፕሊናዊ የሥነ ጽሑፍ ንባብ" ኣብ ዝብል መጽሓፉ፣ ኣብ ትሕቲ መዘክር ትርጋጽ፣ ንበይነ ዲሲፕሊናዊነት ዝብል ቃል "ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ዲስፕሊናት ዘለዎም ጥምረትን ውህደትን፥ ምሕሳብ፣ ምሕታት፣ ምጽናዕን ምምርማን እዩ" (ቴዎድሮስ፥ 2001: xiii) ይብል።

[3] ብዝተፈላለዩ ኲርንዓት ክፍከርን ክትንተንን ዝኽእል ዓሚቝ ቴማ፣ ረቂቕ ምሥጢር፣ ቅዱን ቋንቋን፣ ብሉጽ ተነባብነትን ተሳጋርነት ዘመንን መሐብሮ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ እዮም። ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ዝለዓለ ጽሬት ዘለዎም፣ ቀልቢ ኣንባቢ ዝሕዙ፣ ብዝተነበ ቁጽሪ ዝሕደሱን ዶብ ግዘን ቦታን ዘይስዕሮም እዮም (https://track2training.com/2021/06/25/what-is-classical-literature/)።

ትሕዝቶታት፣ ቅርጽታት፣ ብልሓታት፣ ሚታዊ ይትበሃላት፣ ሥነ መጕት፣ ፍልስፍና፣ ሓሳባት፣ መነጽርታታት፣ ሥእለ ሓሳባት፣ ቅጅልታታትን መንነትን[4] ኰይኑ ይርከብ።

እቱ ቅድም ክብል ዝተባህለ ከም ዘሎ ኰይኑ፥ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት ኣብ ምምሃርን ምቕራጽን ሰብኣውነት ዝለዓለ ግደ ስለዘለዎም ጐተራ (መኽዝን) ቦኽሪ ሓሳባትን መርአዩ ሠሌዳ ጥበብን ከምዝኾኑ ይእመን። ከም፦ ግጥሚ፣ ቅያዊ ዛንታ፣ ገድላዊ ዛንታ፣ መስተንክራዊ ቅኔ፣ ውልቃዊ ስምዒት ዘንፀባርቕ ግጥሚ፣ ግጥሚ ደርፊ፣ ዘጎዝን ፍጻመ ወይ ጎዝኖታዊ፣ ዘሐጉስ ፍጻመ ወይ ትፍሥሕታዊ፣ ሃገረሰባዊ ሕይወት፣ ሃገረሰባዊ ኪነ ጥበብን ሥነ ጥበብን፣ ምኽርን ኣስተምህሮን ካህን ዝኣመሰሉን ካልእ ስልቲ ወይ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝኽተሉን እውን ኣካል ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ይኾኑ (Esther, 2022: 1; Atasi, 2020: 17)። ኣብ ምቕራጽ ሥነ ልቡና ደቂ ሰባት ዝበዝሐ ግደ ዘለዎም እዞም ብሉያት ሥነ ጽሑፍ፥ ብዘለዎም ዘመን ተሳጋሪ ተነባብነትን ዘልዕልዎ ቴማን ብወገኖም ከም መግለፅን መርኣያን ኩርናዕ ሥነ ጽሑፍ ይጽብጸቡ፤ ብዝተነበቡ ቑጽሪ ስለዘሐድሱ፣ ብሉጻት ተመኩሮ ሕይወት ደቂ ሰባት ስለዝሕዙ መሐብሮ ጸፍሒ ሥነ ጽሑፋዊ መልክዕ ተገይሮም ይውሰዱ (Richard, 2021: 19; Aigul, 2020: 231-244)። ገድልታት እውን እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ጨናታት ሥነ ጽሑፍ ስለዘርእዩ ከም ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ተወሲዶም ይጽንዑ።

ኣገባባት ዝንተወን ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታትን ብወገኖም፥ ተፈላልዮም ዘይረአዩ መልክዓት ዝንታወ ኰይኖም፥ ብሥነ ዝንታወ ክጽንዑ ዝኽእሉን ኣብ ትሕቲ ዝንታወ ብኣውርኡ ድማ ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ዝብል ዓውዲ ኂስ ሥነ ጽሑፍ ዝሕቌፉን እዮም። ስለዝኾነ እውን፥ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፥ [ከም ገድል ዘኣመሰሉ ድርሳናትን] ሓፈሻዊ መጸውዒ ቅዱማት ብሉጻት ሥራሕቲ ሥነ ጽሑፍ[ን] ብምኳኑ ብምኽንያት ዕላማዊ ሕርያን ይኾነነን (Tuckett, 2017: 654) እዚ መጽናዕቲ ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተመልኪቱ ኣሎ። ከምኡ እውን፥ ንብሉያት ሥነ

[4] መንነት፥ ካብ ምሥጢራውን ረቂቕን ዝኾነ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ይፍልም። ምኽንያቱ ኩሉ ምሥጢር፥ ኣብ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ስለ ዘሎ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝትንተንን ዝፍከርን መንነት እውን፦ ምኽንያተ ተፈጥሮ ወዲሰብን ግብሩን ምግባሩን፣ ተፈጥሮን ጸጋታት ተፈጥሮን ኰይኑ ዝረቐቐ ምሥጢር ነገረ ተፈጥሮን ፍጥረትን፣ ብቕብኣ ትእምርቲ ዝተገለፁ ቦኽሪ ሓሳባት፣ ፍልስፍናታትን ሣይንሣዊ ኣምራትን ንምፍላጥ ይሕግዝ።

ጽሑፍ ብድኅረ መዋቕራዊ መርአዪ ንኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታትን ገድልታት ዝረኣየ መጽናዕቲ ስለዘይተረኸበ እዚ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘድህበ መጽናዕቲ ተካይዱሎ።

ብሓፈሻ፥ እዚ መጽናዕቲ ሽዱሽተ ምዕራፋት ኣለዉዎ። ምዕራፍ ሓደ መእተዊ ኰይኑ ኣብ ትሕቲኡ፦ ድኅረ ባይታ፣ ሓተታ፣ ሕቶታት፣ ዕላማ፣ ረብሓን ደረትን መጽናዕቲ ዝብሉ ትሕዝቶታት ኣለዉዎ። ምዕራፍ ክልተ፦ ዳኅሣሥ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መጽናዕትን ዘለዉዎ እንትኾን ምዕራፍ ሠለስተ ድማ፦ ንድፌ መጽናዕቲ፣ ኣገባብ መጽናዕቲ፣ ኣዋድዳ መጽናዕትን ሥነ ምግባር መጽናዕትን ዝብሉ ትሕዝቶታት ሜላ መጽናዕቲ ዝሓዘ እዩ። ነዚ ስዒቡ ዝመጽእ ምዕራፍ ኣርባዕተ ብዛዕባ፦ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፣ ጽሟቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ይድኅሥሥ። ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፣ ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፣ ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታትን ዝብሉ ኣብ ምዕራፍ ኃሙሽተ ኣብ ትሕቲ "ትንተና መረዳእታ" ቀሪቦም እዮም። ኣብ መወዳእታ፦ ትሕዝቶታት መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን ኣብ ትሕቲ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተዋዲዶም ቀሪቦም ኣለዉ።

## 1.2. ሓተታ መጽናዕቲ

ኣማኒ ዝሓዞ እምነት ብዝበለጸ ክሰርጾን ናተይ ኢሉ ክሕዞን፣ ኢኣማኒ ንምእማንን ንምስባኽን፤ ታሪካዊ፣ ፍልስፍናዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናዊ፣ ግብረ ገባውን ሥነ ምግባራውን ኣስተምህሮ ንምምሕልላፍ፤ ተጋዳሊ ዝሓለፎ ፈታኒ ዓለማዊ ሕይወት ንምዝካር፣ ተጋዳሊ ብጽንኣ ተጋድልኡ ዝሠርሖም ተኣምራት፣ ዝረኸቦም ትሩፋትን ኣክሊለ በረከትን ንምንጋር፤ ኣብ ምርካብ ስቃይን መንከራን ተመሥሪቶም ጽንኣ ተጋድሎ ተጋዳሊ ዘዘንትዉ ገድልታት ግእዝ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ተጻሒፎም ንንባብ ቀሪቦም። ኣብ ግዘ ዝንታወ፣ ቴክኒክ ዝንታወ፣ ድምፀትን ኣትኩሮትን ዝንታወ፣ ዝንታወን ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታትን ትኹረት ዝገበሩ መማልኢ መጽናዕትታት ካልኣይን ሣልሣይን ዲግሪ እንተሃለዉኳ ከም ገድል ንዝበሉ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ዓድና ብድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ መርአዪ ብፍላዪ ንኣገባባት ዝንታወን

ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝረአየ መጽናዕቲ ዘይምርካብ እዚ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘድሀበ መጽናዕቲ ንክካየድ መልዕሎ ኰይኑ ኣሎ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾንሎም ትሕዝቶታት ወይ መሠረተ ሓሳባት ዝንታው፣ ሥነ ዝንታው፣ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምግንዛብ፤ ኣምራት ክልስ ሓሳባት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከመይ ከምዝቀረቡ ምርኣይ ኰነ ዘለዎም ትርጉም ምርዳእ ብወገኑ ንጽጽራዊ መጽናዕቲ ሥነ ጽሑፍ ብውሱን ብሓፈሻ ድማ ትምህርትን ትግባረን ሥነ ጽሑፋዊ ኂሥ ኣብ ዓድና ንክጥጥዕ ግደኻ ንምውጻእ ስለዝሕግዝ እዚ መጽናዕቲ ተወጢኑ።

ዝንታው፥ ኣብ ቃላዊ ይኹን ጽሑፋዊ ተረኽ ይርአ፤ ንኩሎም ዓይነት ዝንታወታት ብዝምርምር ሥነ ዝንታወ እውን ይጽናዕ። ሥነ ዝንታው፥ ንሥነ ጽሑፋውን ኢሥነ ጽሑፋውን፣ ልቢ ወለዳውን ኢልበ ወለዳውን፣ ልሳናውን ኢልሳናውን" የጽንዕ (Hamilton, 2007: 214; Pradl, 1984: 10 & 250)። እዚ ኣገላልፃ ሥነ ዝንታወ ንኹሎም ዝንታወታት ዘጽንዕ ሣይንሥ ዝንታወ ምኻኑ፤ ንኩሎም ዘጽንዕ እንተኾይኑ ድማ "ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን መልክዓት ዝንታወ" ምኻኖም ይሕብር። ብሉይ ሥነ ጽሑፍ እውን ኣካል እዚ ኣምር ሥነ ዝንታወን ብኣተኩሮኡ ዝጽናዕ ከም ዝኾነን ቀዲሙ ዝቐረበ ገለፃ Hamiltonን Pradlን የረድእ።

ገድላታት ኣዳምን ኣብርሃምን ብኣዳምን ኣብርሃምን ዝተገብሩ ንሕይወት ፈተንቲ ዝኾኑ ተጋድሎ ዘዘንትዉ፣ ኢልበ ወለዳዊ (ኣብ ክውን ተጋድሎ ሕይወት ዝተመሥረቱ) ኃይማኖታዊ ጽሑፋት ምኻኖም ምስ ሓሳብ (Hamilton, 2007: 214; Pradl, 1984: 250) ይቃዶ። ዓሚቕ ብልሓት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብዝተጠቐምሉ ግዘን ብልሓትን ዝንታወ ዝልካዕ ቴማን ዝርዝር ፍጻመታትን ዝሓቑፉ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምጽናዕ እውን ሒዞምዎ ዘለዉ ብትእምርቲ ዝተለበጠ ሚታዊ ቴማ ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንምርካብ ስለዘኽእሉ ንዓውደ ትምህርቲ ሥነ ጽሑፍን ትግባረ ሥነ ጽሑፋዊ ኂሥን ይጠቅም። ስለዝኾነ እውን ነዚ መጽናዕቲ ምስላጥ ኣድላዪ ይኸውን።

ምሥጢርን ትሕዝቶን ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣብ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ ጥራሕ ከይተደረኸ፥ ሓደ ገድላዊ ፍጻመ ዝጸንሓሉ ግዘ ቅድሚ ምዝዛሙ ካልእ ገድላዊ ፍጻመ ኣብ ዝኣትወሉ ግዘ ዘሎ ምኽንያታዊ ደውታ፥ ብፍላይ እቶም ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝጠልብዎም ብልሓታት ጊስ ሥነ ጽሑፍ፥ ሕሉፍ ተጋድሎ፣ እማተ መጻኢ ዕድል፣ ኣጠቓቕማ ህሉው ኩነታት ሰብ ዋና ፍጻመ ወይ ገድል (ትዕይንትን ኣኀጽሮትን)፣ ሓደ ቴማ ወይ ገድል ዝቐርበሉ እዋናዊ ድባብ፣ ለውጢ ዘመን፣ ቅቡልነት ወቕትን (ልደተ ተጋዳሊ፣ ተቀብኦ ተጋዳሊ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ)፣ ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ክጽንዑን ክትንተኑን ብምኽኣሎም እውን ዝጋሃድ እዩ። በዚ መሠረት፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ንዝህልዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብምትንታን ገድል ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾነሎም ዛዕባታት ምንፃር ኣድላዪ ኰይኑ ስለዝተረኸበን ኃይማኖታዊ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት ዛዕባ ሥነ ጽሑፋዊ ኣካዳሚ ንክኾኑ ኣበርክቶ ይህልዎ ብዝብል ተስፋን እዚ መጽናዕቲ ተካይዱሎ።

## 1.3. ሕቶታት መጽናዕቲ

ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብምጽናዕ ገድላት ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾነሎም ዓውድታት ንምንጻር ዘኽእሉ ሕቶታት እዚ መጽናዕቲ ከም ዝስዕብ ይቐርቡ።

i. ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን እንታይ እንታይ እዮም?
ii. ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ዛንታታት ዝህልዎም ኣገባባት ዝንታወ እንታይ ይመስል?
iii. ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዘለዎም ትርጉም እንታይ እዩ?
iv. ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾንሉ ብልሓት ከመይ ይግለፅ?

## 1.4. ዕላማ መጽናዕቲ

እዚ መጽናዕቲ ክዕውቶም ዝእምቶም ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ኣለዉዎ፤ ንሳቶም እውን ብቢክፍሎም ቀጺሎም ተገሊፆም ኣለዉ።

### 1.4.1. ሓፈሻዊ ዕላማ

ሓፈሻዊ ዕላማ እዚ መጽናዕቲ፥ ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብኣገባባት ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብዝኾንሎም ትሕዝቶታት ብምፍካርን ምትንታንን ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾነሎም ትሕዝቶታት ምንፃርን ገድላት ከም ኣካል ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ሓደ ዓውዲ ንጽጽራዊ መጽናዕቲ ሥነ ጽሑፍን ባህልን ኰይኖም ንክረአዩ ዘኽእልሉ ሃዋህው ብገቢር ምጥጣሕን እዩ።

### 1.4.2. ዝርዝር ዕላማታት

ዝርዝር ዕላማታት እዚ መጽናዕቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

i. ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምፍላይን ምምዳብን፤
ii. ብኣገባባት ዝንታወ ዝቐረቡ ዛንታታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምትንታን፤
iii. ብነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዝግለፁ ዛንታታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምፍካር፤
iv. ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ከም ዝኾኑ ምፍታሽ።

## 1.5. ረብሓ መጽናዕቲ

እዚ መጽናዕቲ ንገድለ ኣዳምን ኣብርሃምን መርአዩ ብምግባር ንኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምፍላዩን ምምዳቡን ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ ዓውደ (ትኹረት) መጽናዕቲ ሥነ ጽሑፋዊ ክልስ ሓሳብ፣ ሥነ ጽሑፋዊ ታሪኽን ሥነ ጽሑፋዊ ኂሥን ንምግባር ይሕግዝ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝገበር

ትንተናን ፍካረን ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾነሎም ትሕዝቶታት ክግለፁን ኍሊሆም ክወጹን ይገብር። እዚ ድማ ንመሠረታውያን ሚታዊ ቴማታትን ጸለውቲ ሓሳባትን ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ ብዕምቈት ንምርዳእ የኽእል።

ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታትን ኣተኣሳሲርካ ብምምርማር ሚታዊ ቴማታት፣ ትእምርታውን ዓውዳውን ፍካረ ናይዞም ሥነ ጽሑፋዊ መሣርሕታት ንምግላፅ ስለዘኽእል ኣብ ትርጉምን ዝምድናን እዞም ገድልታት ሓደሽቲ መነጽርታታት ንምምጣው[5] ከምዘኽእል ይእመን።

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቄላዊ ጸለውቲ ሓሳባትን መዚዙ ብምውጻእ ኣብ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ንዘሎ ኣካል ፍልጠት ኣበርክቶ ንምግባር ስለ ዘኽእል ኣብዚ ዓውዲ እዚ ይ ክህሉ ንዝኽእል ክፍተት ኣብ ምምላእ ግደ ይህልዎ ተባሂሉ ይእመን።

## 1.6. ደረት መጽናዕቲ

ኣብ ጥንቲ ግዘ ዝተጽሓፉ ብመልክዕ፦ ተኣምር፣ ገድል፣ ድርሳን፣ መልክእ (ግጥሚ) ዝቐረቡ ብርክት ዝበሉ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ ኣለዉ። ንቅድሚ ልደተ ክርስቶስ መበገሲ ዝንታውኦም (ግዘ ታሪኽ) ዝገበሩን ክሳብ ዳግም ምጽኣት ዝዘልቕ መዛዘሚ ግዘ ዝንታወ ታሪኮም ዝኾኑን ገድለ ኣዳም (ኣብ 1956 ዓ.ም. ዝተጽሓፈ EMML 722 ብዝብል መፍለዪ ተመዝጊቡ ዝርከብ ብራና)ን ገድለ ኣብርሃም ($C_3$-IV-15፤ A36፣ 67 ገድለ ኣብርሃም 186 ብዝብል ዝተመዝገበ)ን ፍልፍላትን ተጸናዕትን ዝተገበሩ እዮም።

ብመዳይ መርኣዩ ክልስ ሓሳባዊ መቓን መጽንዕቲ፥ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፦ ንቴማዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ሴሚዮታዊ፣ መበቄላዊ፣ ታሪካዊ፣ ሚታዊ ዝብሉ ሥነ ዝንታወታት ስለ ዝሓቁፍ (Fludernik, 2000: 87)፥ ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ትኹረት ንዘለዎም ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቄላዊ

[5]"ምምጣው" ሡረ መሠረቱ "መጠወ" ዝብል ቃል ግእዝ ኰይኑ ሓደሽቲ ኣረኣእያትን ሓሳባትን ምሃብ ወይ ምቕራብ ከም ማለት እዩ። ንብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ ኃይማኖታዊ ጥራሕ ገይርኻ ካብ ምርኣይ ብተወሳኺ ሥነ ጽሑፋዊ ኣረኣእያ የምጽእን ይህብን ስለ ዘሎ፥ '"መጠወ" ሓዱሽ ነገር ሃበ፣ ኣቕረበ፣ ኣወፈየ፤ ምምጣው ድማ ምሃብ፣ ምቕራብ፣ ምውፋይ፣ ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ወይ ኣስተምህሮ ምቕራብ' ዝብል ቴማ ከምዝህልዎ ኰይኑ ኣብዚ መጽናዕቲ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ኣሎ።

ትሕዝቶታትን ከም መተንተኒ ወሲዱ። Genette (1980 [1972])፣ Bonheim (1982)፣ Chatman (1978)፣ Toolan (2001)ን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ካልኦት ሊቃውንትን ብዛዕባ ኣገባባት ዝንታወ ዘበገስዎም ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን መተንተኒ መጽናዕቱ ደሪቱ። Frye (1957)፣ Jung (1959)ን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ካልኦት ምሁራንን ብዛዕባ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዘቀልቀልዎም ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን ወሲዱ። ስለዝኾነ እውን፥ እዞም ዝተሓበሩ ዛዕባታት፥ ብመዳይ ተጸናዕቲ፣ ትኹረት መጽናዕትን መነጸርታታት መጽናዕትን ዝተነጸሩ ደረት እዚ መጽናዕቲ እዮም።

## 1.7. ውሱንነት መጽናዕቲ

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ዝጽንዐሉ ግዘ ጸገማት ኣጋጢሞም እዮም። ኣብዚ ከም ቀንዲ ጸገም ተገይሩ ዝውሰድ፥ ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ገድላት (ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን) ብቐሊሉ ክርከቡ ብዘይምኽኣሎም፥ ንምርካቦም ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪ ትዕግሥቲ ዘወድእ ነይሩ። እቶም ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ገድላት ብቐሊሉ ዘይምርካብ ሓደ ጸገም እንትኾውን ብኢድ ኣብ ብራና ተጻሒፎም ብመልክዕ ሰነድ ኣብ ውሱን ቦታ ተሰኒዶም ሓለዋ ዝግበረሎም ስለ ዝኾኑ እቲ ጸገም ዝበለጸ ዝተሓላለኸ ክኸውን ገይርዎ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣብ ብሔራዊ ቤተ መዛግብትን ቤተ መጻሕፍትን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዕቀባ ጥንታዊ ሰነዳት ዘለዉ እዮም። ብሔራዊ ቤተ መዛግብትን ቤተ መጻሕፍትን ድማ ኣብ ሰሉዕ ናይ ሥራሕ ሠዓት ጥራሕ ኣገልግሎት ይህብ። ከምኡ እውን እቶም ሰነዳት ኮፒ ምግባር ይኹን ብዝተፈላለዩ ሜላታት ምግልባጥ ዝተኸልኸለ ስለ ዝኾነ መጽናዕቲ ንምስላጥ ዝኸበደ ገይርዎ። ዝነበረ መማረጺ ናብ ብሔራዊ ቤተ መዛግብትን ቤተ መጻሕፍትን እናኸድኻ ግልጋሎት ምርካብ እዩ። ይኹን እምበር ብሔራዊ ቤተ መዛግብትን ቤተ መጻሕፍትን (ሓላፊ) መጽናዕቲ ሒዝዎ ዝተበገሰ ዕላማ ንዕብየት ሥነ ጽሑፍ ዘለዎ ግደ ብምርኣይ እቶም ሰነዳት ብቐሊሉ ዝርከብሉ መንገዲ ስለ ዘመቻቸወ ዝነበረ ጸገም ተፈቲሑ፥ መጽናዕቲ ኣብ ግዝይኡን እዋኑን ክሳለጥ ክኢሉ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ
# ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መጽናዕትታትን

እዚ ምዕራፍ፥ ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መጽናዕትታትን ዝሓዘ እዩ። ብደረጃ ክልስ ሓሳብ ከም ንድፈ ሓሳባዊ መሠረትን ክልስ ሓሳብ መቓን[6] መጽናዕትን ዝተወሰዱ፦ ዝንታወ፣ ዝንታወን መዋቕራውነትን፣ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፣ ኣገባባት ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ገድልን ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾንሎም ትሕዝቶታትን ተዳህሲሶም።

ኣብ ትሕቲ ዳህሳስ ተዛመቲ ቅዱማት መጽናዕትታት ድማ ኣገባባት ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ግዘ ዝንታወ፣ ድምፀት ዝንታውን ኣትኩሮትን፣ ኣብ ልበ ወለዳት ትግርኛ፣ ኣምሓርኛን እንግሊዝኛን፤ ታሪክ ሕይወት፣ ገድልታት፣ ተኣምርን ዜና መዋዕላትን ከም ሓደ ሜላ ዝቐረብሉ መንገዲ ዝረአዩ ድርሳናት ብትሕዝቶኦም፣ ብሜላ መጽናዕትኦም፣ ርካቦኦምን ምስዚ መጽናዕቲ ብዘለዎም ዝምድናን ኣፈላላይን ተራእዮም። ዝርዝሮም ድማ በቢወገኖም ኣብ ትሕቲ 2.2. ቀሪቡሎ።

---

[6] መቓን፥ "Framework" ንዝብል ቃል እንግሊዝኛ ማንዛ ትርጉም ተጠቒምሉ (Tekie, 2014)። መቐን÷ ንመመቀሪ ጸብሒ እትጠቅም ካብ ኩሎም ቅመማት ተውጻእጺኣ ብባህላዊ መንገዲ እትዳሎ ንኡሽተይ ቅመም እያ [ብዘመናዊ ኣጸዋውዓ ክኖር] እዚኣ ጸብሒ፦ መዓዛ፣ ጣዕምን መቐረትን ንክህልዎ ትገብር። ወለድና እኳ ንሓደ ነገር "መቐን ኣለዎ" ይብሉ፦ ጣዕሚ፣ መቐረት ... ኣለዎ ንምባል እንትደልዩ። ካልእ፣ መቓን ምስ ኣብ ውሽጢ ዓጽሚ ዘላ ኣንጉዕ እውን ይተሓሐዝ፤ ንዓጽሚ ሰይርና ኣብ ውሽጢ ዓጽሚ እንረኽባ ኣንጉዕ ጣዕማ ክንየናይ ከም ዘዕግብ ዝተጠቐመ ይፈልጦ። ክልስ ሓሳብ መቓን መጽናዕቲ (Theoretical Framework) ድማ፥ ብዝተፈላለዩ ምሁራን ካብ ዝተብሃሉ ኣምራትን ይትበሃላትን ዝተውጻእጽአ ኰይኑ ሓደ ሥራሕ ንምርኣይ ከም መርትዖን መተንተንን ኰይኑ ዘገልግል ካብ ሓሳባት ምሁራን ዝቕመም እዩ። ብምኽንያት እዚ መቓን ዝብል ቃል ኣብዚ መጽናዕቲ ተመሪጺ ኰይኑ።

## 2.1. ዳህሳስ ተዛመድቲ 'ክልስ ሓሳባት'[7]

ኣብ ትሕቲ እዚ ንኡስ ክፍሊ ነዚ መጽናዕቲ ንድፊ ሓሳባዊ መሠረት ዝኾኑ ኣምራዊ ትሕዝቶታት ብዝርዝር ቀሪቦም ኣለዉ።

### 2.1.1.ዝንታወ[8]

ሥነ ዝንታወ፦ ንኩሎም ዝንታወታት ዘጽንዕ ሣይንሥ ዝንታወ እዩ (Fludernik, 1993: 38-39; Priestman, 2008: 115; Herman etal., 2012: 1; Phelan & Rabinowitz, 2005: 23-24; Susana & Jose, 2014: 1)። እኒ፦ Todorov, 1969: 9; Priestman, 2003: 1; Bal, 1985: 3 ድማ "ሥነ ዝንታወ ክልስ ሓሳብ እዩ" ይብልዎ። "ሥነ ዝንታወ መርኅ እዩ" ዝብሉ እውን (Amerian & Jofi, 2015: 185) እዮም። Sommer ብግድኡ (2012: 154) "ሥነ ዝንታወ፥ ክልስ ሓሳብ ተግባርን ሥነ ትምህርትን እዩ" ዝብል ኣምር ጽሒፉ እዩ። ብምኳኑ

---

[7]ክልስ ሓሳባት ሥነ ጽሑፍ፥ ፈጠራዊ፣ ሓቃዊ ትሕዝቶታት ዝጽነዐሉን ዝትንተነሉን ሜላን ረቛሒታትን ከመይ ክኸውንን እንታይ ክመስልን ከም ዘለዎ፣ መሠረታዊ ኣተሓሳስባን መርኅን ዝነግሩ፣ ተመራመርትን ኃየስትን ኣብ መጽናዕትን ምርምርን ሥነ ጽሑፍ ዝትግብርዎም መርአዪ ሓሳባት ሥነ ጥበብ፣ ሥነ ጽሑፍን ባህልን እዮም (Gabriel, 2008: 178)። እዞም ዝተፈላለዩ መርአዪ ሓሳባት ተመራመርትን ኃየስትን ሥራሕቲ ሥነ ጥበብ፣ ሥነ ጽሑፍ ወይ ባህሊ፣ ክኅይስዎ፣ ክፍክርዎን ክትንትንዎን ንዝደለዩ ሥራሕ ብመንጽር ገለ ግምት ንክርእይዎም ይፈቕዱ። እቶም ዝተፈላለዩ መርአይታት ድማ ብመንጽር ሓደ ይኸውን ወይ ይጠቅም ዝብልዎ መኣዝን ኣድህቦ ገይሮም ንክሪእዎ ዝገብሩ እዮም (Davidson, 1984: 142)።

[8]ዝንታወ፥ ንዝዝንቶ (Story)፣ ኣዘንታውን (Narrator) ዝንተዋን (Narration) ይሕዝ። ዘንተወን ኣዘንተወን ድማ፣ ተተኻኺእቲ ቃላት ኲይኖም፣ ንዛንታ ወይ ታሪኽ ዝነግር ኣካል ዘመልክቱ እንትኾኑ፥ ነገረ፣ ተረኸ፣ ጸወየ፣ ኣውግዐ፣ ዜነወ፣ ኣብሠረ ዝብል ፍታሕ ኣለዎም። "ንዝንታወ፣ ዜነወ፥ ዘንተወ፣ ነገረ፣ ኣውረየ፣ ኣስምዐ፣ ኣስተምሃረ፣ ኣረድአ፣ ኣብሰረ፤ ዜናዊ፥ ዘዘንቱ፣ ዝነግር፣ ዘውሪ፣ ዝትርኽ፣ መውረዪ፣ ፍጻመ ነጋሪ፣ ሰባኺ፣ ኣምሃሪ፣ ወረኛ፣ በዓል ወረ፣ በዓል ብሥራት፣ መልእኽተኛ፣ ታሪኽ ፈላጢ፣ መኽዝን (ሙዳይ) ወረ፤ ዜና፥ ወረ፣ ዝተብሃለ፣ ዝተነገረ ቃል፣ ዝኾነን ዝተፈጸመን ሥራሕ፣ ካብ ኣፍ ሰብ ዝስማዕ ወይ ካብ መጽሓፍ ዝስማዕ ሓዱሽ (እንግዳ) ነገር፣ ትንቢት፣ ብሥራት፣ ስብከት፣ ድኅነት፣ መርድእ፣ ወግዒ፣ ታሪኽ፣ ገድል፣ ደብዳበ፣ መልእኽቲ፣ ዝመሳሰሉ ኩሎም፤ ተዜነወ፥ ተወረየ፣ ተዘንተወ፣ ተነገረ፣ ተበሰረ፤ ዚንው፥ ዝተወረየ፣ ዝተዘንተወ፣ ዝተነገረ፣ ዝተበሰረ፤ ብምባል ኣስፍሕ ኣቢሎም ይገልፅዎ (ኪዳነ ወልድ፥ 1948: 418-419)። እዚ ድማ፣ ዝንታወ፣ ዝብል ቃል ካብ ዜነወ ዝብል ቃል ግእዝ ዝወጸ ከም ዝኾነ የትዕል። ዝንታወ ዝብል ቃል፣ ንዛንታ ወይ ታሪኽ፣ ንዘዘንቱ ኣዘንታዊ ዝበሃል ኣካልን ዝንተዋን ጠሚሩ ስለ ዝሕዝ፣ ኣብ እዚ መጽናዕቲ እቲ ስያመ ተመራጺ ኲይኑ። ዝንታወ፣ ንእዚ ከም ዘገልግል ንፈለማ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኣተኣታትዩ ዝጠቐመሉ ጌታሁን መሰለ (ዶር.) እንትኸውን፣ ንሱ እውን ኣብ 1998 ዓ.ም. ፈጠራዊ ጽሑፍ (ልቢ ወለድ) ኣብ ዘምህረሉ ዝነበረ ግዘ ከም ዝኾነ ተምሃርኡ ይዛረቡ። ስለዚ "ዝንታወ" ዝብል ቃል፣ ናብ ሥነ ጽሑፍ ትግርኛ ኣምጺእኻ ኣብ ምጥቃም ፈላምን ጸያኅን ጌታሁን መሰለ (ዶር.) እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ቦኽርነት ምጥቃም እዚ ቃል ንዕኡ ኣፍልጦን ኣጽንዖትን ሂቡ መጽንዒ ኣብ መጽናዕቱ ተጠቒምሉ።

ዝንታወታት ብዝተፈላለዩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ዝተሸፈኑ ስለ ዝኾኑ ግልፂ ኾይኖም ብላዕሊ ኣይረአዩን፤ ግና ብውሽጢ ኾይኖም የንቀሳቕሱ። ሥነ ዝንታወ ንቶም ተወሰኽቲ መግለፅታት ሓሊፉ ናብ ውሽጢ ብምዝላቕ እቶም መግለፅታት ዝተመሥረትሉ ሣይንሥ፣ ናይ ሓባር ሓሳብን ዝግዝእሉ ናይ ሓባር መርኀን ንምርካብ ዝጽዕር ዘፈር መጽናዕትን ምርምርን ዝንታወ ስለዝኾነ ከም ሣይንሥ፣ ክልስ ሓሳብ፣ መርኀ፣ ክልስ ሓሳብ ተግባርን ሥነ ትምህርትን ይጽብጸብ (Descartes R., 1998: 31; Paul, 1984: 211)።

እዚ ሣይንሣዊ መጽናዕቲ ኩሎም ዝንታወታት ከም ሓደ ዓውዲ መጽናዕትን ምርምርን ተሓሲቡ ካብ ዝተኸሠተሉ ዘመን ክሳብ መፈለምታ 21 ክፍለ ዘመን ክልተ ቀንዲ ብርኽታት ዕብየት ሓሊፉ። እቶም ዝሓለፎም ብርኽታት ዕብየት ድማ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወን ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወን ዝብሉ እዮም (Amerian & Jofi, 2015: 182; Herman & Vervaeck, 2005: 103; Priestman, 2003: 254; Fludernik, 2003: 49)። ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ካብ መፈለምታ 1960ታት ክሳብ ብኀተት 1980ታት ዘሎ ግዘ ይሸፍን። ካብ 1980ታት ናብዚ ዘሎ ዘመን ኣንፈት መጽናዕትን ምርምርን ሥነ ዝንታወ ናብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ተሰጋጊሩ (Amerian & Jofi, 2015: 187)።

ዝንታወ፥ ኣብ ሓደ ሥነ ጽሑፍ ታሪኽ መሠረት ገይሮም ዝለዓሉ ወይ ዝኸሠቱ ዝተፈላለዩ ተጓንፎታትን ክሥተታትን ኣበይ፣ ብኸመይ፣ ንምንታይ ተኸሢቶም፤ ውጽኢት ክሥተቶም እንታይ እዩ፤ በቲ ክሥተት ዝተረብሐን ዝተጐድአን ኣካል ኣሎዶ፣ ኣንፈት ፍጻመ ካበይ ናበይ ይውሕዝ ንዝብሉ ዝርኢ እዩ (Slávka, 2009: 281)። ኣብ ዝንታወ፥ ኣንድም፥ ንዛንታ ወይ ዝንታወ ዝነግር ብደራሲ ዝተቐመጠ ኣብ ክንዲ ደራሲ ኮይኑ ከይዲ ዝነግረና ኣካል ኣሎ። ኣንድም፥ ብግዘን ብኩነትን ዝልካዕ ክሥተት ህሉው ይኸውን። ንዚ ክልቲኡ ጠሚሩ ዝነግረና ድማ ኣዘንታዊ ይህሉ። ስለዚ፥ "ኣዘንታዊ ታሪኽ ዝነግረና ወይ ዛንታ ዘዘንትወልና እዩ" (Keen, 2003: 32)። ከይድን ውጽኢትን፣ ሥራሕን ፍጻመን፣ መዋቕርን መዋቕራውነትን ሓደ ወይ ብዙኀ ሓቃዊ ወይ ፈጠራዊ ክሥተት ብሓደ፣ ክልተ ወይ ብዙኃት ኣዘንተውቲ ዝዘንተወሉ እዩ (Prince, 1987: 58)።

ዝንታው፦ ብዓይነቱ፣ መዋቕሩ፣ ብዘካትቶም ባእታታት፣ ብባሕሪኡ፣ ብዘሕልፎ መልእኽቲ፣ ብክዋነ፣ ብትሕዝትኡ፣ ብዕላምኡ ... እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ይፍለ (Berger, 1997: 23-28)። እዚ ዘሪአና ዝንታው፥ ግዘን ቦታን ዘይውስኖ፣ ኣብ ኩሉ ቦታን ግዘን ብዝተፈላለየ ቅዲ ዝንገር፣ ዝጸሓፍ፣ ዝኽወን፣ ዝሥኣል፣ ዝቕረጽ ... ውጽኢት ምህዞን ፈጠራን ወዲ ሰብ ከም ዝኾነ እዩ (Phelan, 2005b: 210; Richardson, 2000: 168; Matti, 2006: 20)። ዝንታው፥ ዘልዕሎ ዛዕባን ዝሽፍኖ ዓውድን ሰፊሕ ካብ ምዃኑ ዝተልዓለ ድማ ንኩሉ ብማዕረ ከስማዕምዕ ዝኽእል ኣምር[9] ወይ ወሰነ ትርጉም ንምሃብ ከቢድ ይገብሮ (Somers, 1994:  606)።

ዝንታው፥ ሓደ ክሥተት ብተወሳኺ ካልእ ክሥተት ከም ዘለዎ የርኢ። ይኹን እንበር ዝተዘንተወ፣ ዝተዘረበ ወይ ዝተነገረ ክሥተት እንተይኰነስ ሓደ ነገር እንትገልፅ ዝብሎ ኣበሃህላ ወይ ኣዘራርባ ከም ዝኾነ፤ ... ኣዘንታዊ ድማ እቶም ክሥተታት ኣብ ምግላፅ ወሳኒ ኣካል ዝበሃል መራሒ ተደራሲ ወይ ኣንባቢ እዩ (Genette, 1980: 25-26)። ትኹረት ዛዕባ እዚ ኣምር ካብ ዝንታው ናብ ኣዘንታዊ ዘዘንበለ፣ ኣጽንኦቱ እውን ኣብ ዝተዘረበ ወይ ዝተብሃለ ክሥተት እንተይኰነስ ኣዘንታዊ ንእቲ ዝግለፅ ዘሎ ክሥተት እንትገልፅ ኣብ ዝብሎ ኣበሃህላን ብልሓት ኣዘነታትዋን ገይሩ። ከምኡ እውን ኣዘንታዊ "ነቶም ክሥተታት ወይ ፍጻመታት ከመይ ገይሩ ናብ ተደረስቲ የብጽሖም?" ኣብ ዝብል የድህብ፤ በዚ ግድኡ "ኣዘንታዊ ኣብ ዝንታው ወሳኒ ኣካል ይኸውን" (Alison, 2018: 685)።

ንዝንታው ብዘሕልፎ መልእኽቲ፣ ብክዋነን ብዓይነትን ብምምዳብ፦ ብቃል ዝቐርቡ፣ ብጽሑፍ ዝቐርቡ፣ ብቃልን ብጽሑፍን ተወሃሂዶም ዝቐርቡ፣ ብግጥምን ብክዋንን ዝቐርቡ ዝብል እውን ካልእ መልክዕ ኣምር ዝንታው እዩ (Goyal, 2016: 39)። ኣብዞም ምድባትን ብልሓት ኣቀራርባታትን እዚኦም ክካተቱ ዝኽእሉ ዓይነትን ብዝኃትን ዝንታወታት "ቁጽሮም ክንዲዙይ እዩ" ኢልካ ምግላፅ ይኸብድ። ምኽንያቱ፥ ዛንታ

[9]ኣምር፥ ኣብ ሥነ ጽሑፍ ይኹን ካልእ ዓውዲ ናይ ዝለዓል ርእሲ፦ እንታይነት፣ ወሰነ ትርጉም፣ ብያነ፣ መግለፂ ... ይምልከት። ብምዃኑ "መሠረተ ቃሉ ኣመረ ወይ ኣእመረ ዝብል ግስ ግእዝ ኰይኑ፣ ኣመረ፥ ኣመልከተ፣ ጠቆመ፣ ሓበረ፣ [...] ዝብል ፍታሕ እንትህልዎ፤ ኣእመረ፥ ፈለጠ፣ ፈለየ፣ ነጸረ፣ [...] ዝብል ፍታሕ ኣለዎ። ኣምር ድማ ካብ እዞም ክልተ ግሳት ዝተረኸበ ሥም እዩ። [ስለዚ] ኣምር፥ ብያነ፣ ክልስ ሓሳብ ወይ ወሰነ ትርጉም ዝብል ፍታሕ ኣለዎ (ኪዳነ ወልድ፥ 1948: 228-229)። ብምዃኑ ኣምር፥ ንዝተፈላለዩ ወሰነ ትርጉማት ጠሚሩ ስለ ዝሕዝ መጽንዒ ተመራፂ ገይርዎ።

ዝዝንተው፥ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ጥራሕ ኣይኮነን። ዛንታ ዝዛረቡ ባህላዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኃይማኖታዊ፣ ታሪኻውን ማኅበራውን ትእምርትታት ኣለዉ። ሓውልትታት፣ መካነ መቓብራት፣ ሕንጻታት፣ ፒራሚዳት፣ ቅሪታት ሥነ ኳዕቲ፣ ሥእልታት፣ ቅርጻቅርጺ ... ዘዘንትውዎ ዛንታ ኣለዎም። ብዝተፈላለዩ ቅድታት ኣቀራርባ ዝኽሠቱ ዝንታወታት ድማ ይበሃሉ (Matti, 2007: 447-448)።

ካብዚ ዝተልዓለ ብዛዕባ ዝንታወ ዝወሃቡ ኣምራትን ትንታነታትን ኣብ ክልተ ኽፈልኻ ምርኣይ ይክኣል። ቀዳማይ ኣምር፦ ዘርዛሪ፣ ሰፊሕን ንኩሉ ዘካተተን እንተኾውን፤ ካልኣይ ኣምር ድማ ጠቕላልን ጸቢብን እዩ። ከም ኣገላልፃ Barthes (1977: 79)፥ መልእኽቲ ክሕልፍ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ኣብ ከባቢና ዘሎ ነገር ኩሉ ዝንታወ ይኾውን እዩ። ብዚ ሰፊሕ ኣምር፦ ብቃል፣ ብጽሑፍ፣ ብድምፂ፣ ብክዋኒ፣ ብሥእሊ፣ ኣብ ሻራ፣ ብቅብኢ ... ዝዝንተዉ ኩሎም ፍልፍላት ጥበብን ዓንድታት ፍልጠትን ዝንታወ እዮም። ብተወሳኺ Ryan (2005: 347)፥ ዝንታወ ንዛንታ፣ ዝንታውኡን ዛንታ ዝቐርበሉ ኩነትን መንገድን ኩሉ ጠቕሊሉ ዝሕዝ ኣምር እዩ፤ ብሰፊሕ ኣገባቡ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ክቐርብ፣ ብግጥሚ ወይ ብዙሩው ክዝንተው ዝኽእል ... ዝድረፍ፣ ዝስዕሳዕ፣ ዝሥኣል፣ ዝቕረጽን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክኸወን ዝኽእልን ቕርጺ ክምዝኾነ ይሕብር።

ካልኣይ ምድብ ኣወሃህባ ኣምር ዝንታወ ጽብብ ዝበለን ትኹረቱ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ኣብ ዝቐርቡ ሥራሕቲ ዝገበረን እዩ። "ብቃልን ብጽሑፍን ዝቐርብ ዝኾነ ይኹን ፈጠራዊ ሥራሕ ዝንታወ ከም ዝኾነ" (Hawthorn, 2001: 11)። ንRimon-Kenan (1983: 2) "ዝንታወ፦ ፈጠራዊ ዝኾኑ ፍጻመታት ነንርእሶም ተሠናሲሎም ዝቐርቡሉ እዩ"። Genette (1980) ድማ ብዛዕባ ዝንታወ፣ ሠለስተ ኣምራት ኣቐሚጡ። ፈላማይ ኣምር፥ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ዝቐረበ፥ ሓቀኛ ወይ ፈጠራዊ ዛንታ ኰይኑ ናይ ሓደ ነጸላ ፍጻመ ወይ ብርክት ዝበሉ ተኸታተልቲ ፍጻመታት ኣመክንዮኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ተዋቒሮም ዝቐርቡሉ እዩ። ካልኣይ ኣምር፦ ብቃል፣ ብጽሑፍን ካልኦት ቅርጽታትን ዝቐረበ ፈጠራ ወይ ሓቃዊ ፍጻመታት ብዝተፈላለዩ ርክባት፣ ተጻብኦ፣ ብምድግጋም ንኣንባቢ ወይ ንተደራሲ ምቕራብ እዩ። ብመሠረት ኣበሃህላ Genette፥ ዝንታወ ካብ ቃላዊ ቅርጽታት፦ ነበረያ ነበረ፣ ዛንታ፣ ሚት፣ ኣፈ ታሪኽ፤ ካብ ፈጠራዊ ታሪካት፦ ተዋሥኦ፣ ፊልሚ፣ ካርቱን፣ ሙዚቃን ሥእልን የካትት። ሣልሳይ ኣምር፥ ዝንታወ

ዝሕዞ ትሕዝቶን ትሕዝቶ ዝቐርበሉን መንገዲ ወይ ሓተታ ጥራሕ እንተይኰነስ ናብ መድመፅቲ ወይ ኣንበብቲ ዘቕርብ ተዛራቢ ወይ ኣዘንታውን ፍጻመታቱን ዘርኢ ቀልቢ ወይ ትኹረት ምኳኑ እዩ።

ዝንታው ብኣምሩ ጥራሕ እንተይኰነስ ብዝሓንጸምን ኣብ ውሽጡ ብዘካትቶምን ዓውድታት እውን ዝተፈላለየ እዩ። ንRimon-Kenan (1983: 3-4) ዝንታው፦ ጽሑፍ፣ ዛንታን ዝንተዋን ዝብሉ ሠለስተ ክፋላት ኣለዉዎ። Bal (1985: 6-7) ብወገና ዝንታው፦ ፋቡላ፣ ዝንተዋን ጽሑፍን ከም ዝሕዝ ተረድአ። Genette (1980: 25) ድማ ምደባ ዝንታው ቅርጻውያን ሩስያ ብምውሳድ መግለፂ ዝንታው፦ ዛንታ፣ ሓተታን ዝንተዋን ምኳኖም ምስ ገለፀ ነብሲወከፎም ዘለዎም ርክብ፣ ባሕርን ዝምድናን ንምጽናዕ፦ ግዘ፣ ድባብን ድምፅን ዝብሉ መንገድታትን ሜላታትን መተንተኒ ዝንታው ኣፋሊጡ። ኣብ ትሕቲ ግዘ፥ ቀድም ስዓብ ግዘ፣ ጸንሒት ግዘን ድግግም ፍጻመታትን ዝብሉ ሠለስተ መተንተኒ ሜላታት ግዘ ዝንታው ከም ዘለዉ ኣላልዩ። ኣብ ትሕቲ ኣገባባት ዝንታው ድማ፦ ትዕይንትን ኣጎጽሮትን ዝብሉ ከም ዝርከቡ ሓቢሩ። በዞም ምድባት እዚኦም ተቢሉ ድማ ዝንታው ይጽናዕን ይትንተንን (Genette, 1980: 32)።

ካብቲ እንዳተሓበረ ዝመጸ ሓሳብ ብተወሳኺ፥ ዝንታው ዝተወሰኑ ባእታታት ወይ ክፋላት ኣለዉዎ። እዞም ክፋላት ዝንታው እውን፥ ቅድመ ፈጠራ፣ ፈጠራ፣ ኣንፈት ዝንታው፣ ግደ፣ ቦታን ምልውዋጥ መንነትን፣ ምዝካር ዝሓለፉ ኩነታትን ኣዘንታውን ዝብሉ ሽዱሽተ ቀንዲ ባሕርያት ኣለውዎ (Toolan, 2001: 4-5)።

ዝንታወታት ከም ምስትያት እዮም፤ ሕቡእ ባሕርያትን ፀባያትን፣ ክውንነትን መንነትን፣ ፍጥረትን ተፈጥሮን፣ ሓጐስን ጉዘንን፣ ደስታን ስቃይን፣ ጻምእ ሠላምን ፍትሕን ዝምልሱ ከም ኣየር ንህላወ ኣድለይቲ ነገራት እዮም (Livo & Rietzs, 1986: 4)። እዚ ሓሳብ እዚ፥ ዝንታወታት፥ ብመገረጂ ክምስታ ዝተጋረዱ ፀባያት፣ ክውንነትን እንታይነትን ፍጥረትን ተፈጥሮን ዝነግሩ፤ ኣነባብራ ሕሉፋትን ህልዋትን ወለዶታት፣ ጉዕዞ ሕይወት፣ ማኅበራዊ ርክብ፣ ዓወትን ሽንፈትን ንቐጻሊ ትውልዲ ዘቕብሉ ናይ ዘመን ትእምርትን ኣሰርን፣ መሳልልን ድልድልን ኾይኖም የገልግሉ (ዮሴፍ፥ 2012: 38)።

ዝንታወ፥ ሓቃዊ ይኹን ፈጠራዊ ዝኾነ ክሥተት ወይ ፍጻመ ዝነግር፤ ቀድም ስዓብ ፍጻመታት፣ ከም ክሥተት ኃጸርቲ ታሪኻት ሓደ ተግባር፣ ልቢ ወለዳት፣ ምርኢታት፣ ቅያዊ ዛንታታት፣ ኃጸርቲ ልቢ ወለዳት፣ ሕንጻታት፣ ሓወልትታት፣ ሥእልታትን ካልኦት ልቢ ወለዳዊ መልክዕ ወይ ቅርጺ ዘለዎም ሥራሕትን ዝዝንተወሉ፤ ካብ እዚ ብተወሳኺ ብመልክዕ፥ ቅርጻቅርጺ፣ መዝሙር፣ ግጥሚ፣ ዝርርብ፣ ኢልበ ወለድ ክግለፅ ዝኽእል እዩ (Shaun, 2015: 469)። ምኽንያቱ፣ እዚኦም ኩሎም ብሓደ ኣዘንታዋይ ናብ ምዝንታው ክውሰዱ ስለ ዝኽእሉ። ስለ ዝኾነ ድማ ትንታነ ሥነ ዝንታወ፣ ኣብ ስሩዓትን ተቐባልነት ዘለዎምን ውጽኢት ሥነ ጽሑፍ ትኹረት ይገብር። እዚ እንትበሃል ግና ዝንታወ፣ ኣብ ካልኦት ትኹረት ኣይገብርን ማለት ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ፥ ታሪኻዊ፣ ቴማዊ፣ ቅዳዊ፣ ነገረ መበቈላዊ ... ዝብሉ ቁም ነገራት፣ ዝንታወታት ስለ ዝኾኑ ኣካል ትኹረቱ እዮም። ስለዚ ዝንታወ፣ ኩሉን ንኩሉ ዝሓቈፈን ብልሓት እዩ (Paul, 1984: 211)።

ቀዲሙ ከም ዝተገለጸ፥ ዝንታወ፦ ቃላዊ ይኹን ጽሑፍ፣ ሕሉፍ፣ ህልውን ትንቢትን ኩሉ ዝሓዘ እዩ። ማኅበራዊ ርክብ፣ ፍልስፍናዊ ኣተሓሳስባ፣ መንነት፣ ዛንታ፣ ባህሊ፣ እምነትን ኃይማኖትን ዘመልክቱን ዝነግሩን፦ ሥነ ጽሑፋት፣ ሕንጻታት፣ ሓወልትታት፣ መካነ መቓብራት፣ ሥእልታት፣ ቅርጻ ቅርጺ፣ ቅብኢታት፣ ሚታት ... ዝንታወታት እዮም (Widdershoven, 1993: 2)። ይኹን ድኣምበር፥ ዝንታወ ብቅዲ፣ ቅርጺ፣ መዋቕርን ከይዲ ኣዘነታትዋን ካብ ዝግለፀሉ ብተወሳኺ ብነገረ መበቈላውን ሚታውን ይንገር። ተግባርን ግብርን ሓዊሱ ሥነ ጽሑፋዊ ቅጥዕታት ዝህልዎም ባእታታት ፍጻመን ዝንተዋን ብምምእኻል፥ ብዝሩውን ግጥማውን መልክዕ ዝጸሓፍን ዝዝንተውን እዩ። ስለዝኾነ እውን፥ "ዝንታወ፣ ብዙሩው[10] ይኹን ብግጥሚ ዝተነግረ ዛንታ፣ ምንቅስቓሳትን ፍጻመታትን ገጸ ባሕርያትን፣ እቶም ገጸ ባሕርያት ዝዛረብዎምን ዝገብርዎምን የጠቓልል" (Abrams, 1999: 73)።

---

[10]ዝሩው እንትብል፦ ግጥማዊ ዘይኮነ፣ ጽሑፋዊ ይኹን ቃላዊ ኣዘነታትዋ እንትኸውን፤ ከምዚ ዝኣመሰለ መልክዕ ኣዘነታትዋ ድማ ንነበረያ ነበረታት፣ ሚታት፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ኃጸርትን ነዋኅትን ልቢ ወለዳት፣ ውልቀ ታሪኻት፣ ገድላዊ ፍጻመታት... የካትት። ግጥማዊ፣ እንትብል ድማ፥ ዝቐርበሉ መንገዲ ዜማዊ ኰይኑ ንቲ ኪነት ቃናን ንታሪኩ ተዘካርነትን ብምሕሳብ ንዝጸሓፍ ሥነ ጽሑፋዊ ዝንታወ የካትት።

ኩሉ ነገር ዝንታወ እዩ፦ ምልክቱ፣ ትእምርቱ፣ ፍልስፍንኡ፣ ባህሉ፣ ታሪኩ፣ ሕንጻኡ፣ መንድቑ፣ ሓወልቱ (Quinn, 2006: 278; Chatman, 1983: 19; Kindt, 2003: 1)። ስለዚ፥ ምኽን ሓደ ነገር፣ ክኸውን ኣይኽእልን ኣብ እትብሎ ስለ ዝርአን ኲይኑ ዝርከብን ስለ ዝኾነ፣ መጽንዒ "ኩሉ ነገር ዝንታወ እዩ" ንዝብል ድምዳመ ይቕበል። ምኽንያቱ፥ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስና፦ ዝገበርናዮ፣ እንገብሮ፣ ዝነበርናዮ፣ እንነብሮን እንኾኖን ኩሉ ካብ ዝንታወ ወጻኢ ስለ ዘይኮነ። ዝንታወ ኩሉ ዘካተተ መግለጺ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን እንትኸውን፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ኪነ ጥበብ ዘሎ ቦኽሪ ሓሳብ ዝሓዘ ትእምርትን ረቂቕ ፍካሪኡን ንምርካብ የኽእል። ሥእሊ፣ ፍልሚ፣ ሙዚቃ፣ ይኹን ካልእ መልክዕን ቅድን ሒዞም ዝኽሡቱ ሥነ ጽሑፋት ክህልዎም ንዝኽእል ዝንተዋን ዓሚቕ ትርጉምን ንምጽናዕን ንምትንታንን ይሕግዝ (Coste, 1989: 34; Childs, 2006: 151)።

### 2.1.2. ዝንታወን መዋቕራውነት

መዋቕራውነት፣ ኣብ ኣሜሪካን ኣውሮፓን ካብ መፋርቕ 20 ክፈለ ዘመን ፈሊሙ ዝተስፋሕፍሐ፣ መሠረት ሥነ ልሣን ዘለዎ ዘፈር መጽናዕትን ምርምርን ቋንቋ፣ ሥነ ጽሑፍን ኅብርተሰብን እዩ። ኣብዚ ግደ ዝነበሮም ኣሜሪካውያን መገስገስቲ መዋቕራውነት፦ Franz Booth (1940)፣ Edward Sapir (1921)ን Frederic Blumfield (1943)ን እዮም። ኣብ ኣውሮፓ ድማ Levi-Strauss (1974)፣ Jonathan Culler (1985)፣ Todorov (1977)ን Genette (1980)ን እዮም (Terry Eagleton, 1996: 84, 89)።

መሰጕምቲ ቅርጻውነት ሩስያ፥ ከም በዓል Roman Jakobson (1915)፣ Victor Shklovsky (1917)ን ካልኦት ሊቃውትን፥ መዋቕራውነት ንክዓቢ ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይርዎም (Habib, 2005: 603)። መዋቕራውነት ድማ ሥነ ጽሑፍ ንዘለዎ ትርጉምን ሣይንሣዊ ኣቀራርባን ዝርኢ፤ ንደራስን ኣንባብን ከየካተተ ኣብቲ ጽሑፍ ንዘለዉ ቅርጽን ትሕዝቶን ትኹረት ይገብር። ኣብ መንነ ቅርጽን ትሕዝቶን ዘለዉ ተጻብኦታት ዘጉልህን ብመሣርሕታት ትንተና ኣቢሉ ትርጉም ጽሑፍ ንምርካብ ዝፍትንን እዩ። መዋቕራውነት ኣብ ውሽጢ ጽሑፍ ሓዱሽ ክውንነት ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ግደ ከምኡ እውን ኣገዳስነት ኣገባባት ዝንታወን ትርጉም ኣንባብን ኣብ ቅርጻዊ ትንተና ልቢ ወለድ እውን ትኹረት ይገብር (Sturrock, 2003: 47)።

መዋቕራውነት መሠረቱ ቋንቋ እኳ እንተኾነ ካልኦት ነገራት እውን የጠቓልል። ብምኳኑ እምነት መዋቕራውነት "ትርጉም ዝርከብ ብጥምረት ብሥርዓት ዝተዋቐሩን ሕግን ደምብን ዝተኸተሉን ባእታታት ቋንቋ እዩ" ዝብል እዩ (Schiopu & Lucia, 2022: 2)። እዚ ሓሳብ፥ ቋንቋ ሥርዓታዊ ውህደት ትእምርትታት ምኳኑ ዘርኢ እዩ።

ኣብ ክልስ ሓሳብ ሥነ ዝንታው መዋቕራውያን ነብሲወከፍ ዝንታው ክፋላት ኣለዎ፤ እቶም ክፋላት'ውን ታሪክን ውዲትን ብምባል ይፍለጡ። Chatman (1978: 19)፥ ክልተ ብርክታት ዝንታው እንተርኢ ኣብ ዝንታው'ውን እንታይን? ከመይን? ዝብሉ ሕቶታት ብምልዓል፥ እንታይ? እንትንብል ትሕዝቶ ዝንታው፤ ከመይ? እንትንብል ድማ ትሕዝቶ ዝቐርበሉ መንገዲ ወይ ስልቲ ክም ዝገልፅ የብራህርህ።

ታሪክ፥ ትሕዝቶ፣ ተኸታተልቲ ዝኾኑ ፍጻመታት፣ ኹነታት፣ ፈጸምቲ ፍጻመን ተቐበልቲ ግብሪ ፍጻመን ዝኾኑ ገጸ ባሕርያት፣ ፍጻመታት ዝፍጸምሉን ዝተፈጸምሉን ዝተፈላለዩ ግዘን ቦታን ይሕዝ። ሓተታ ድማ፥ ፍጻመታት፣ ኹነታት፣ ገጸ ባሕርያት፣ መዓበይ ... ተጠዓዒሞምን ተወሃሂዶምን ዝቐርቡሉ ብልሓት ዘመልከት እዩ (Chatman, 1978: 19)። ብመሠረት ሓሳባት፥ Chatman (1978: 19)፣ Rimon-Kenan (1983: 3-4)ን Genette (1980: 25)ን ዝንተዋ፣ ሣልሳይ ክፍሊ (ብርኪ) ዝንታው እዩ። ኣብዚ ብርኪ፥ ትሕዝቶ ዝንታወን ባእታትን ብብልሓት ተወሃሂዶም ዝፈጥሩልና ጽሑፍን መልእኽቱን (ቴምኡን) ናብ ኣንባቢ ዘቕርብ ኣዘንታዊ ዝካተተሉ ብርኪ እዩ። ድምር እዚኦም ድማ ዝንተዋ ክንረክብ ይገብረና።

ኣብ ታሪክ መዋቕራውያን ክልተኣዊ ርክብ ኣዋድዳ ዝንታው (ታሪክን ሓተታን) ናብ ሠለስተኣዊ ዝንተዋ ካብ ዘዕበዩዎ ምሁራን Genette (1980)፣ Bal (1985)፣ Rimon-Kenan (1983)ን Chatman (1978)ን ተጠቀስቲ እዮም። Genette ኣብ ውሽጢ ዝንታው፥ ኣዘንታዊ፣ ኣትኳሪ፣ ኣትኩሮትን ድምፂ ዝንተዋን ዝበሃሉ ኣለዉ። ኣንባቢ ካብዚኦም ጥረ መረዳእታን ናይ ኣዘንታዊ ሥነ ልቡናን ርእዮተ ዓለማዊ ግንዛበን ይረኽበሉ።

ብሓፈሻ መዋቕራውነት'ውን ካብ ተግባራት ናብ ቅርጽታት፣ ካብ ትሕዝቶ ናብ ዝምድናታት ኣብ ምጽናዕ ባህላዊ ሥርዓታት ትርጉም ድማ ካብ ዝርአ ባህሊ ናብ ዘይርአ ረቂቕ ባህሊ ኣእምሮኣዊ መዋቕራት ተሰጋጊሩ (Terry Eagleton, 1996: 83)። ንምጽናዕ'ውን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ሚታት፣ ምልክታት፣ ትእምርትታትን

ትርጉሞምን ሓጊዙ "ኣብ ሓደ ባህሊ ዘለዉ ሓተታታትን ሚታትን ትርጉም ከም ዘለዎምን ዛንታ ዘዘንትዉ ጥራሕ ዘይኰኑስ ርእዮተ ዓለም ዘመሓላልፉ እዮም" ዝብል ሓሳብ ኣምጺኡ። መንነት፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ፍልስፍና፣ ኣገባብ ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶን ሚታዊ ይትበሃላትን ንምጽናዕ ዝሕግዝ "ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ" ዝብል ክልስ ሓሳብ ኣተኣትዩ (Fludernik & Margolin, 2004: 149)። ሥነ ጽሑፋት፥ ቅዶም፣ መዋቕሮም፣ ኣገባብ ዝንታውኦም፣ ትሕዝትኦም፣ ቴምኦም፣ ሒዞምዎ ዘለዉ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ፍልስፍና ዝትንተንሉ መሥርሕ ኣቐሚጡ። ተመራመርቲ ሥነ ሰብእ፦ ንፀባይ፣ ባሕርን ባህልን ወዲሰብ፣ ብኸመይ ከም ዝርድእዎ፣ ከም ዝፍክርዎን ከም ዝትንትንዎን፣ ንኩሎም ዝንታወታት ዘጽንዕ፣ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ዝብል ክልስ ሓሳብ ኣግሂዶ (Fludernik, 2006: 8)።

## 2.1.3. ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ

መጽናዕትን ምርምርን ዝንታወ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራትን ዓውድታትን ሞያ ተደላይነቱ ዝወሰኸሉን ብዝበለጸ ትኹረት ዝረኸበሉን ዘመን እንተሃለወ መበል 21 ክፈለ ዘመን እዩ (Benhabib, 1999: 336)። ከምኡ እውን መዋቕራውነት ኣብ ከባቢ 1970ታት ዝተልዓልሉ ሕቶታት ምምላስ ብዘይምኽኣሉን ንኩሎም መልክዓት ዝንታወ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ምጽናዕን ምምርማርን ድልየትን ዝንባለን እናወሰኸ ብምምጽኡን ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ እናተስፋሕፍሐን እናጠንከረን መጺኡ (Alison, 2018: 678)። ኣብ ጥንታዊ መጽናዕቲ ዝንታወ ውሱናት ምሁራን መዋቕራውነት ንቃላዊ ዝንታወታት ብምውሳድ፦ ኣበርክትኦም፣ መዋቕሮም፣ መስርዖም (ቅዶም)፣ ዝመራቕሕዎም ባሕርያትን ባእታታትን ኣብ ምጽናዕ ብርክት ዝበሉ ዘመናት ኣሕሊፎም። ኣብዚ ዘመን ዘለዉ ምሁራን ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ድማ ትኹረቶም ካብ መጽናዕቲ ቃላዊ ዝንታወታት ብዝዘለለ ኣብ ዝተጽሓፉን ዘይተጽሓፉን፦ ፊልሚ፣ ተዋሥኦ፣ ባህላውን ታሪኻውን ጽሑፋትን ቅርጻቅርጽታትን ትኹረት ብምግባር ኣድማስ መጽናዕቲ ሥነ ዝንታወ ኣስፊሖምዎ (Sommer, 2012: 143)።

ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ንኩሎም ዓይነታት ዝንታወ ንምርኣይ ዝተኣታተወ ክልስ ሓሳብ እዩ (Fludernik, 2000: 93)። ከም ሓሳብ Fludernik ኣብ ዝንታወ፥ ቴማዊ ሥነ ዝንታወ፣ ልማናዊ ተግባራዊ ሥነ ዝንታወ፣ ፍልስፍናዊ ሥነ ዝንታወን ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወን ኣለዉ (Habib, 2005: 603)። እዞም ሞዴላት ሥነ ዝንታወ ኣብ ትሕቲኦም ዝተፈላለዩ ዘፈራት ሞያ ዘለዎም እዮም። ኣብ ቴማዊ ሥነ ዝንታወ፥ እንስታዊ ሥነ ዝንታወ፣ ዓሌታዊ (ነገዳዊ) ሥነ ዝንታወን ድኅረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሥነ ዝንታወን ኣለዉ። ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ድማ፦ ኣገባባዊ፣ ቴማዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ትእምርታዊ፣ መበቈላዊ፣ ታሪኻዊ፣ ሚታዊ፣ ንዝብሉ ሥነ ዝንታወታት ይሓቁፍ (Fludernik, 2000: 87)።

መገስገሲ ክልስ ሓሳብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፥ ዝንታወን ብርክታት ዝንታወን ንምርዳእ ንዛንታን ውዲትን ይጥቀሙ (ዮሴፍ፥ 2012: 42)። Forster (1928; 1963)፥ ኣፈላላይ ዛንታን ውዲትን እንተብራህርህ፦ ዛንታ ቀድም ስዓብ ግዘ ሓልዩ ዝጕዓዝ ሠንሰለት ፍጻመታት እንትኸውን፤ ወዲት ድማ ምኽንያትን ውጽኢትን ሓደ ፍጻመ ይሕዝ።

ሊቃውንቲ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፥ "ዝንታወ፣ ነብሲወከፉ ዝተሓላለኸን እዙይ እዩ ኢልካ ንምግላፅ ዘጸግምን ስለ ዝኾነ፦ ፍትሒቱ፣ ትርጉሙን ፍካርኡን ብተደራሲኡ ይውሰን" ዝብል እምነት ኣለዎም (Somers, 1994: 648)። ብምኳኑ፣ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፣ ኣብ ትንተና ዝንታወ፣ ኣብ መንነ ዝንታወታት ዘሎ፥ ኃበራዊ ባሕሪ፣ ኣወቓቕራን ዝምድናን፥ ኣብ ምትንታንን ምፍካርንን ጥራሕ እንተይኮነ ትኹረት ዝገብር፥ ዝንታወታት ዝወጽሉን ዝፈለቕሉን፦ ባህላዊ፣ ኢኮኖምያዊ፣ ማኅበራውን ፖለቲካውን ዓውዲ ኣብ ምምርማርን ግደ ተደራሲ ኣብ ምጉላህን እውን እዩ (Riggan, 1981:450)። መሰጕምቲ ክልስ ሓሳብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ንባብናን ዝንታወናን ኣብ ትሕቲ ተጽዕኖ፦ ሚታዊ ይትበሃላት፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ባህሊ፣ ሥነ ልቡና፣ ርእዮተ ዓለምን ፍልስፍናን ኅብረተሰብ ዘሎ ስለ ዝኾነ ኣብዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዋኒናት ህላወ ትኹረት ክንገብር ይግብኣና ይብሉ (Herman, 2012: 105)።

ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታው፦ ብዘለዎ ሓቛፍነት ብዙኃ ዓውድታት፣ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ዝንታወ ብምእታው ኣድማስ መጽናዕቱ ኣስፊሑ። ኩሎም መልክዓትን ዓይነታትን ዝንታወ (ኣገባባት ዝንታወ፣ ሚታዊ ይትበሃላትን ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታትን) ብሓባር ዝጽንዕሉን ዝትንተንሉን መሥርሕን መርአዩ ነጥብን ኣምጺኡ (Kindt, 2003: 206)። መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ ድማ መጽናዕቱ ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ተመሥሪቱ። ምኽንያቱ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታው፥ ካብ ቅድን ቅርጽን ዝንታወ ወጺኡ ንዝረቑ፦ ባህላዊ፣ መንነታዊ፣ ፍልስፍናዊ፣ ነገረ መበቌላዊ፣ ሚታዊ ይትበሃላትን ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ስለ ዝርኢ።

## 2.1.4. ኣገባባት ዝንታወ

ታሪክ ሓተታ ኣገባባት ዝንታወ ካብ ግዘ ኣሪስቶትል ይጅምር (Peace, 2015: 137)። ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ኣለዉ። ኣብ ትሕቲ ትዕይንት ምርኣይን ምንጋርን ዝብሉ ንኡሳን ኣገባባት ዝንታወ ኣለዉ። ገለፃን ኣስተብህሎትን እውን ንኡሳን ክፋላት ኣኅጽሮት እዮም (Chatman, 1978: 44; Bonheim, 1982: 20-24; Genette, 1980 [1972]: 94-95, 109-112; Rimmon-Kenan, 1983: 54-55; Jhon, 2021: 66)።

ቀንዲ ኣገባባት ዝንታወ ሓደ ምሉእ ይኹን ክፋል ሥነ ጽሑፍ ክቐርበሉ ዝኽእል መንገድታት፣ ንዝምድናታትን ርክባትን፥ ድግግማውን ንቀድም ስዓብ ንውኃት ግዘን ይኸተሉ። ኣብ መንጎ ምርኣይን ምንጋርን ዘሎ ልምዳዊ ፍልልይ ምስ ምምስሳል ወይ ምቕዳሕን ምንጋርን ዝተኣሳሰረ ዝምድናታት ፈልዮም ብምውጻእ ይትንትኑ (Jahn, 2021: 66-67)።

ስለዝኾነ፥ ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ዝብሉ መግለፅታት ኣገባባት ዝንታወ መተንተንን መፈከርን ንመጽናዕቲ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተገይሮም። ብደረጃ ኣምር እንታይ ከም ዝመስሉ ዘልዕልዎ ዛዕባን ኣብ ነብሲ ወከፎም ዘለዉ ንኡሳን መርኣይታትን ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ተብራህሪሆም ቀሪቦም ኣለዉ።

### 2.1.4.1. ትዕይንት

ትዕይንት[11] ትሕዝቶ ሥነ ጽሑፍ ከምዝርአ ገይሩ ንምቕራብ ዘኽእል ሓደ መሠረታዊ ባእታ ኣገባባት ዝንታው እዩ። ጸሓፍቲ ከም ዝርርብ (ምልልስ) ዝኣመሰሉ ብልሓታት ወይ ኣገባባት ብምጥቃም ትዕይንት ይፈጥሩ። ዝርርብ ድማ ተደረስቲ ንእቲ ትሕዝቶ ንምጭባጥ ወይ ንምርዳእ ዘኽእሎም ኲይኑ ብሥምዒት ሕዋሳቶም፦ ብምርኣይ፣ ብምድህሳስ፣ ብምጥዓም፣ ብምሽታት፣ ንከስተማቕሩ ዝሕግዞም ብልሓት ኣዘነታትዋ እዩ (Genette, 1980: 109-112)።

ትዕይንት፥ ቀጻልነት ዘለዎም ዋሕዚ ዝርዝር ተግባራዊ ፍጻመታት ዘቕርብ ኣገባብ ዝንታው እዩ። ቀዲሙ ከም ዝተገለፀ ኣብዚ፥ ዝርርብ (ምልልስ) ከምዘይተሓናፈጸ ወይ ጽሩይ ቅርጺ ትዕይንት ይቑጸር። "ዝርርብ ዘይተሓናፈጸ ወይ ዝጸረየ ቅርጺ ትዕይንት እኳ እንተኾነ፣ ዝርዝር ዝንታው ሓደ ፍጻመ ከምሥእላዊ እውን ይውሰድ፣ ጽሬትን ጽባቐን ሓደ ትዕይንት ድማ ብዝንታወኣዊ ሓበሬትኡን ብቕዓት ኣዘንታዊኡን ተፈልዩ ይፍለጥ። ምርኣይ ኣገባብ ቀጻልነት ዘለዎም ዋሕዚ ተግባራዊ ፍጻመታት የቕርብ። ስንእውን ቀጻልነት ዘለዎ ገጽታን እዩ (Bonheim, 1982: 20-24; Genette, 1980 [1972]: 94-95, 109-112; Rimmon-Kenan, 1983: 54-55)።

ትዕይንት፥ ብተግባር ይኹን ብዝንተዋ ወይ ብኻሊእ ብልሓት ኣብ ኣእምሮ ምስሊ ምፍጣር እንተኸውን ብልሓት ኣዘነታትውኡ ድማ ስንእው[12] ይበሃል (ኣየለ፥ 2007፥ 46)። ኣብ ግዘ ዝንተዋ፦ ምንቅስቓሳት፣ ፍጻመታትን ክሥተታትን ንኀሊና ዝቐርቡ ስለ ዝኾኑ ምናባዊ ምስሊ ይፈጥሩ፤ ንነገራት ብዓይኒ ኀሊና ንምኣይ የኽእሉ፤ እዚ ማለት ግን፥ ኩሎም ዝርርባት ወይ ወግዕታት ትዕይንት ይፈጥሩ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ፥ ገጸ ባሕርያት ዘለውዎ ቦታ ከይተፈለጠ፣ ኣብ ውሽጢ ከመይን እንታይን

---

[11] ፍጻመታት ብመልክዕ ተዋሥኦ ቀሪቦም ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ምስሊ ዝፈጥርሉ ብልሓት ዝንተወ እዩ። ኣብ ትዕይንት ኣንድም ተግባራዊ ሥራሕ ወይ ተዋሥኦ ህሉው እዩ። ኣንድም ተዘካሪ ዝኾነ ምስሊ ምፍጣር ኣሎ።

[12] ስንእው ኣዘነታትዋ፥ ግዘ ዝንታወን ግዘ ዛንታን መልክዕ ተዋስኦ ተላቢሶም ብማዕረ ዝቐርብሉ እዩ። ከምኡ እውን ግዘ ሓተታን ግዘ ዛንታን ኣብ ሓደ ፍጻመ ማዕረ ንውኃት ዝረኽቡሉ እዋን እዩ (Genette, 1980: 109-112)። ስንእው ዝንታወ፣ ስምረት ወይ ማዕረነት ኣዘነታትዋ ግዘ ሓተታን ግዘ ዛንታን የመልክት (Rimmon-Kenan, 1983: 54-55; Toolan, 1988: 57-61)።

ዝኣመሰለ ኩነታትን መዋጥር ሕይወትን ከም ዘለዉ ከይተርአየ፣ ስምዒቶም ከይተገለፀ፣ ኣካላዊ ቁመንኦም ከይተርአየ፣ ማኅበራዊ ምንቅስቓሶም ከይተገለፀ፣ ድምፆም ጥራሕ እንተተሰሚዑ ትዕይንት ክኸውን ኣይኽእልን። ቀንዲ መግለፂ ትዕይንታዊ ኣዘነታትዋ፥ ተዋሥኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ቀሪቡ፣ ኣብ ምናብ ተደረስቲ ዘይርሳዕን ተዛካርን ምስሊ ምፍጣር እዩ።

ትዕይንት ብቀመር እንትርአ፥ ግዘ ዛንታን ግዘ ዝንታወን ማዕረ እዩ (Genette, 1980 [1972]: 109-112; Chatman, 1980:222)። ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመናት ታረክ ሥነ ጽሑፍ፥ ምሉእ ንምሉእ ዝርርብ (ምልልስ) እንተየካተቱ ዝተጽሓፉ ሥነ ጽሑፋት ብርክት ዝበሉ ምኽኖም ድርሳናት ይሕብሩ። ዝርርብ፣ ንጹኅ ቅርጺ ትዕይንት እኳ እንተኾነ፥ ገለገለ ምሁራን "ዝርዝር ኣገባብ ዝንተዋ ከም ትዕይንት ክቁጸር ኣለዎ" ኢሎም ከም ዝኣምኑ Rimmon-Kenan (1983:56) ንLubbock (1921)፣ Kayser (1948)፣ Lämmert (1955)ን Ewen (1978)ን ብምጥቃስ ትሕብር። እዚ ሓሳብ ርትዓውነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ዝርርብ ኣብ ትዕይንት ንሠለስተ ዕላማታት ክገልግል ስለ ዝኽእል ቀዳማይ፥ ብዛዕባ እቲ ገጸ ባሕሪ ገለ ነገር የርኢ እዩ። ካልኣይ፥ ወጥሪ (ስምዒት) ይፈጥር። ሣልሳይ ድማ፥ ነቲ ዛንታ ብግበራዊ ምስሊ ኣደጊፉ ንምስጓም ስለ ዝሕግዝ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ዝንታው ምስሊ ፈጣሪ ዝርርብን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ክልቲኦም ዝተለመዱ እዮም (Chatman, 1978: 71)።

ኣብ ኣገባባት ዝንታወ፥ ንመተንተኒ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምርኣይን ምንጋርን ንዝብሉ ንኡሳን መርኣይታት ጠሚሩ ዝሓዘ ትዕይንት እዩ። ኣምር፥ ምርኣይን ምንጋርን ዝብሉ ንኡሳን ክፋላት ትዕይንት ከምቲ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

### 2.1.4.1.1. ምርኣይ

ምርኣይ[13] ወይ ምምስሳል፥ ቃላዊ ንዘይኾኑ ንተዋሥኣዊ ወይ ትያትራዊ ክዋነታት የመልክት (Haile, 2013: 25)። ኣብ ምርኣይ ኣገባብ ዝንተዋ ኣዘንታዊ ዝበሃል ኣካል የለን (Chatman, 1978: 43)። ኣብዚ ኣዘንታዊ ህልውንኡ ዘብቅዐ እዩ። ኣንበብቲ ወይ ተዓዘብቲ ግብራዊ ተግባር ብዓይኒ ኅሊንኦም ዝሪእሉ፣ ተዋሥኣዊ ፍጻመ ዝከታተልሉ

[13]Showing: In a showing mode of presentation, there is little or no narratorial mediation, overtness, or presence. The reader is basically cast in the role of a witness to the events (Jahn, 2021: 66).

እዩ። ዛንታ፥ ምርኣይ ብዝብል ብልሓት ዝንታው እንትቐርብ ግደ ኣዘንታዊ ይንእስ ወይ የለን (Bonheim, 1982: 20)። ኣብዚ ግደ ኣንባቢ ወይ ተዓዛቢ ንፍጻመታት ናይ ዓይኒ ምስክር ምዃን እዩ (Jahn, 2021: 66)።

ብዛዕባ ምርኣይ ልዕል ክብል ብእኒ Chatman፣ Bonheimን Jahnን ዝተገለፀ ሓሳብ ግብራዊ ምንቅስቓስ ብዓይነ ኅሊናኻ ክትርኢ ዝገብር ተዋሥኣዊ መልክዕ ተላቢሱ ንዝኽሥተሉ ንትዕይንታውነት የርኢ። ብምዃኑ፥ ሓደ ፍጻመ በዚ ብልሓት እዚ ኣብ ዝቐርበሉ ግዘ ብሓሙሽተ ስምዒት ሕዋሳት ንክስማዕ ብምግባር ኣእምሮኣዊ ምስሊ ይፈጥር። ብተወሳኺ "ምርኣይ፦ ኣብ መንጎ ክልተ ገጸ ባሕርያት ዝግበር ዝርርብ፣ ኣካላውን ኅሊናውን መልክዖም፣ ኩነታት ከባቢ፣ ድባብ ... ብኣግባቡ ቐሪቡ ተደራሲ ናታቶም ዝርርብ እናሰምዐ፣ ምስሎም ብዓይነ ኅሊንኡ ንክርኢ፣ ቁመንኦም ኣብ ሰሌዳ ኣእምርኡ ንክሥእል፣ ኣብ ማኅደር ልቡንኡ ፍጻመታቶም ክምዝግብ ዝገብር ተዋሥኣዊ ኣቀራርባ ዘለዎ እዩ" (Rimmon-Kenan, 1983: 54)።

## 2.1.4.1.2. ምንጋር

ምንጋር[14]፦ ገድላዊ ግጥሚ፣ ዝተፈላለዩ ሚታዊ ይትበሃላት፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ጽውጽዋይን ካልኦት ዓይነት መልክዓት ዝንታወታትን የጠቓልል (Haile, 2013: 25)። ኣብ ምንጋር ኣገባብ ዝንተዋ፣ ኣዘንታዊ ፍጻመታት ብቀድም ስዓብ ግዘ ዘዘንትወሉን ንውኃት ግዘ ፍጻመታት ዘውስኣሉን (ዝነግረሉን) እዩ (Toolan, 1988: 57)። ገጸ ባሕርያት ተግባራቶምን ፍጻመታቶምን እንታይ ከም ዝመስል ይነግር። ኣብዚ ዝንገር ዝንታው እምበር ዝርአ ምስሊ የለን (Genette, 1980: 94)። ብብልሓት ምንጋር ኣብ ዝቐርብ ዛንታ ግደ ኣዘንታዊ ዝለዓለ እዩ (Jahn, 2021: 66)። እዚ ብምኽንያት ዝንተዋ ሓደ ፍጻመ ናይ ምቕራብ ኣገባብ እዩ። ብምንጋር እንትቐርብ፥ ኣቀራርብኡ ኣብ ኣእምሮ ኣንባቢ ምስሊ ዝፈጥር ኣይኮነን። እናተነበበ ወይ እናተዘንተወ ዝርአ እንተይኰነስ እናተነበበ ወይ እናተዘንተወ ዝድመፅ እዩ (Bonheim, 1982: 24)።

---

[14] Telling: In a telling mode of presentation, the narrator is in overt control (especially, durational control) of action presentation, characterization and point-of-view arrangement (Jahn, 2021: 66).

### 2.1.4.2. ኣጎጽሮት

ኣጎጽሮት ንሓደ ቀድም ስዓብ ናይ ተግባር ፍጻመታት ናብ ቴማ ትኹረት ብምግባር ሰፊሕ ዛዕባ ኣጎዲርኻ ናይ ምዝንታው ኣገባብ እዩ (Toolan, 2001: 85)። ኣብ ኣጎጽሮት ፍጥነት/ቅልጣፈ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ጽሑፍ ዘለዉ ዛንታታት ብኃጺሩ ይግለፁ። ንኃጺር መግለፅን ቀንዲ ባሕርያትን ዛንታ ይነግር። ንቀንዲ ቴማ ዛንታ ጠቕላሊ ብዝኾነ መልክዑ የዘንቱ (Bonheim, 1982: 20-24)።

ኣጎጽሮት ብናህሪ/ቅልጣፈ ይግለፅ። ግዘ ታሪኽ ዝነውሕ እናሃለወ ከይዲ ግዘ ዝንታወ ዝቕልጥፈሉ ወይ ብናህሪ ዝዝንተወሉን ኣዘንታዊ ብቀጥታ ናብ ቴማ ጽሑፍ ዝኣትወሉን እዩ። ግዘ ዝርርብ ካብ ግዘ ታሪኽ ብጣዕሚ ዝኃጸረ ምኺኑ የርኢ። “ናህሪ/ቅልጣፈ ባሕሪ ኣብ መጠቓለሊ ወይ ሰፊሕ ትዕይንት ዘሎ ድባብ ገለፃ ዝሕብር እዩ” (Jahn, 2021: 66)። “ኣብ ጽሑፍ ብንውሕ ዝበለ ግዘ ዝተገለፀ ሓሳብ ብኃጺሩ ክፋል ጽሑፍ ብምጥቃስ ዝርከብ ውጽኢት እዩ” (Rimmon-Kenan, 1983: 53-54)። ኣጎጽሮት ምስ ቅልጣፈ ይተሓሓዝ። ቅልጣፈ ድማ ዝነውሕ ግዘ ታሪኽ ብኃጺሩ ወይ ብመልክዕ ምጥቕላል ኣብ ዝኃጸረ ግዘ ዝዝንተወሉ እዩ። ግዘ ዝንታወ ልክዕ ከም ግዘ ታሪኽ ዝሸፍኖ ንውኃት ግዘ ዝኸይድ ኣይኰነን ሓሳባትን ፍጻመታትን (ቴማ) ናብ ሓደ ብምጥቕላል ብኃጺሩ ዝዝንተወሉ እዩ።

ኣጎጽሮት ዝፍጠር ንንውሕ ዝበሉ እዋናት ዝተፈጸሙ ፍጻመታት ወይ ነዊሕ ግዘ ዝነግሩ ታሪኻት ኣብ ጽሑፍ ብውሱናት መስመራት ወይ ገጻት እንትግለፁ እዩ። ታሪኽ ዝተፈጸመሉ ግዘ ነዊሕ እናሃለወ ብኣገባብ ዝንታወ ኣጎጽሮት ግና ብዝኃጸረ ግዘ ምዝንታው ዘርኢ እዩ። ኣጎጽሮት ቁጡብነትን ቅልጣፈን ብዝበሃል ዓይነት ግዘ ዝንታወ ይግለፅ። ግዘ ዝንታወ ካብ ግዘ ታሪኽ ይንእስ ምስ ዝብል ሓሳብ ዝዛመድ እዩ። ኣዘንታዊ ኣድላይነት እቶም ፍጻመታት ተገንዚቡ ናብ ሓደ ብምጥማር ዘየድልዩ እንተልዮም እውን ብምዝላል ኣጎጺሩ ዝገልፅ ብልሓት ዝንታወ እዩ። ኣብ ሓደ ዓመት ዝተፈጸመ ፍጻመ ወይ ኣብ ዝበዝሑ ኣዋርሕ እቲ ዓመት ንዝተኸሠተ ክሥተት ኣብ ጽሑፍ ኣብ ሓደ ገጽ ወይ ብናይ ሓደ ደቒቓ ምንባብ ምግላፅ እዩ (Genette, 1980: 94-95, 95-99)። ኣብ ኣጎጽሮት ቅልጣፈ ኣሎ። ቅልጣፈ ድማ ግዘ ታሪኽ ብምጥቕላል ግዘ ዝንታወ ዝፈጥነሉ ዝስጉመሉ “Pace” እዩ (Toolan, 1988: 57)።

ብመሠረት እኒ፦ Jhon (2017: 66)፣ Chatman (1978: 43-44)ን Bonheim (1982: 30-32)ን ብዘይካ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ገለፃን ኣስተብህሎትን ዝብሉ ክልተ ንኡሳን ኣገባባት ዝንታወ ኣለዉ። እዞም ንኡሳን ኣገባባት ዝንታወ በይኖም ጠጠው ክብሉ ከም ዘይኽእሉ Jhon ይምጉት። ስለዚ "ንበይኖም ተጠቒሙ ዛንታ ክነግር ዝኽእል ኣዘንታዊ የለን" ይብል።

### 2.1.4.2.1. ገለፃ

ገለፃ ኣዘንታዊ ገጸ ባሕርያት ዘላልየሉን መዓበይ ዝገልፀሉን ናይ ምዝንታው ኣገባብ እዩ። እዚ መግለፂ (መኸሠቲ) ደውታ[15] ዝበሃል ግዘ ዝንታወ እዩ (Chatman, 1978: 43-44)። ኣብ ኣገልግሎት ዘውዕሎም ምሉእ ሓሳባት እውን ኩነታት ዘመልከቱ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ገለፃ መልክዕ ዝንተወ ኣካላዊ ኩነትን መዓበይን ዝምልከቱ ገለፃታት ይበዝሑ (Jhon, 2021: 67)።

ኣዘንታዊ ንሥነ ጽሑፋዊ ሜላ ኣገባብ ገለፃዊ ዝንተዋ ተጠቒሙ፦ ኣከዳድና፣ ኣካላዊ መልክዕ፣ ሥምዒትን ምንቅስቓስ (ምልውዋጥ) ገጽን ኣብ ዛንታ ዘለዉ ገጸ ባሕርያት ይገልፅ። ብተወሳኺ ገለፃ ዘይቤኣዊ ገለፃ ገጸ ባሕርያት ዝንቀሳቐስሉ ኩነታት ኣየር ሃዋህውን ከባብን እዩ። ተኣማንነት ዛንታ ሓልዩ ብሥእላዊ መልክዕ ንነገራት ይገልፅ (Dawit, 2019:75)። ጸሓፍቲ ኣብ ሓደ ዛንታ ኣገባብ ዝንተወ ገለፃ ዝጥቀሙ ንድምፀትን ቅድን ክብደት ንምሃብ እዩ። ሓደ ሓደ ጸሓፍቲ ገጸ ባሕርያት መዓበያትን ካልኣትን ንምግላፅ ውሁድ መግለፅታት እንትጥቀሙ ካልኣት ጸሓፍቲ ድማ ናብ ብጣዕሚ ዝርዝር ዝበለ ወይ ንዛንታ ዝጸሉ ፍሉይ ኣቀራርባ መግለጺ ኣለዎም (Bateson, 2000: 463)። ገለፃ፦ መዓበይ፣ ድምፀት፣ ቅጅልታን ቅኻረትን ዝኣመሰሉ ባእታታት ዘጠቓልል ስለ ዝኾነ ንዛንታ ብገለፃ ክትዛረብ ወይ ክትጽሕፍ እንተኾይንኻ እትጥቀመሉ ሜላ ገለፃ እንታይ ዓይነት ክኸውን ከም ዘለዎ ክትፈልጥ ይግባእ። ምህላው ገለፃ ኣብ ዛንታ ካብ

---

[15] ደውታ ቀንዲ ፍጻመ ጠጠው ኢሉ ናብ ገለፃን ርኢቶን ዝእተወሉ ወይ ቀንዲ ፍጻመ ኣብ ዘለዎ ጠጠው ዝብለሉ እዩ። ኣብ ዋና ፍጻመ እታዎት ዘይብሎም ርኢቶ ሓዘል ፍጻመታት እንትመጹ ዝርአ እዩ። ከምኡ እውን ደውታ ምስ ዝያዳ ናህሪ ዘይምህላው ይዛመድ (Genette, 1980: 99-106)። ዋሕዚ ዝንታወ ቀንዲ ፍጻመ ጠጠው ኢሉ ግዘ ታሪክን ግዘ ሓተታን ኣብ ገለፃን ርኢቶን ይሓልፍ (Rimmon-Kenan, 1983: 53; Toolan, 1988: 56; Jahn, 2017: 66)። ደውታ ውሱን ክፋል እቲ ጽሑፍ ምስ ዘይሮ ጻንሒት እቲ ዛንታ ዝዛመድ እዩ (Rimmon-Kenan, 1983: 55)።

ኣንባቢ ንዝመጽእ ዘየድሊ ሥምዒታዊ ግብረ መልሲ ንምትራፍ ይጠቅም እዩ (Tarski, 1944: 342)።

ገለፃ ኣብ ዝንታው ጽሑፍ ንዝርዝር ተግባራት ገጸ ባሕርያት ከምኡ እውን መዓበይን ነገራትን ኣብ ምግላፅ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ዘመልክት ኰይኑ ብቃላት ምስሊ ምፍጣር እዩ (Mieke, 1981: 122)። ኣንባቢ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዘሎ ብቃላት ዝዝንተው ዘሎ ትዕይንታዊ ኣገላልፃ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣእምርኡ ንክሥእል ዝገብር መልክዕ ዝንተዋ ኰይኑ መብዛሕትኡ ግዘ ነገራት፦ ብዓይኒ ጎሊናኽ ክትርኢ፣ ብእዝነ ልቡናኽ ድምፂ ክተድምፅ፣ ጨና ክተሽትት፣ ጣዕሚ ክተለልን ኣካል ክትድህስስን ዘኽእሉ ሥምዒት ሕዋሳዊ መግለፅታት ይጥቀም (Dawit, 2019: 76)።

## 2.1.4.2.2. ኣስተብህሎት[16]

ኣዘንታዊ ንተግባር ምዕባለን ኩነታትን ገጸ ባሕርያት ኣስተብሂሉ ሓደ ነገር ይብል። ኣስተብህሎታት ልሙዳት ዝንታወኣዊ ምትእትታዋት ኾይኖም መብዛሕትኡ ግዘ ንዓርሰ ንቑሕ (ልቡው) ዝንተዋ ዘመልክቱ እዮም (Bonheim, 1982: 30-32)። ብምኳኑ ኣዘንታዊ ኣብ ገጸ ባሕርያት፦ ዝትግብርዎምን ዘተግብርዎምን ተግባራት፣ ዘርእይዎም ዝተፈላለዩ ባሕርያት፣ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዕብየት እናርአየ ዝኸይድ ፍጻመ፣ ኩነታት ዛንታን ወሕዚ ፍጻመታትን ኣስተብህሉ ክህብ ይኽእል እዩ። እዚ መግለፂ ኣብ ትሕቲ ግዘ ዝንታው ንዝርእ ደውታ ዝበሃል ብልሓት ዝንታው ግዘ እዩ (Jhon, 2021: N3.2.20, N5.3.3)። ገለፃን ኣስተብህሎትን እንትህልዉ ቀንዲ ዛንታ ደውታ ስለ ዝፈጥር ክልቲኦም መግለፂ ደውታ ዝበሃል ግዘ ዝንታው እዮም (Genette, 1980: 106)።

ኣገባብ ዝንታው፦ ኣስተብህሎ፣ ድምፂ ዝንታው፣ ሕርያ ኣዘንታዊ፣ ድምፀትን ድባብን ዝንታው፣ ነጻ ኢ.ርቱዕ ሓተታ፣ እንደ ወረደ፣ ውሽጣዊ ውልቃዊ ወግዕን ካልኦትን ይሕዝ (Hawthorn, 2001: 67)። ሓደ ደራሲ ኣብ ሥነ ጽሑፉ ዘሎ፦ ታሪክ፣ ባህሊ፣ እምነት፣ ፍልስፍና፣ ጥበብ፣ ቅዲ፣ ብሓፈሻ ክመሓላለፍ ዝደለዮ ቴማ ናብ ኣንባቢ

[16] ኣስተብህሎት፦ ምስትብሃል፣ ርግዕ ምባል፣ ህድኣት፣ ርግዕኢልኻ ምግንዛብ ኰይኑ ብዛዕባ ዝረኣኻዮን ዝሰማዕኻዮን ብውነ ብምግንዛብ ውጽኢት ምስትብሃልካ እትነግረሉ እዩ (ባህሩ፥ 1994: 338)። ስለዚ ኣስተብህሎት፥ ኣብ ዓሚቕ ምስትብሃል ዝተመሥረተ ሓሳብ ዝቐርበሉ (ርኢቶ ዝዋሃበሉ) ስለ ዝኾነ መጽንዒ ተመራጺ ገይርዎ።

ንምምሕልላፍ ክልተ ኣገባባት ወይ ብልሓታት ዝንታው ይጥቀም (Jhon, 2021: 66)። ቀዳማይ ምንጋር እንትኾውን ካልኣዋይ ድማ ምርኣይ እዩ። ምንጋር ሓደ ዛንታ ምጽብጻብ ወይ ብመልክዕ ምጥቕላል ኣኀጽር ኣቢልኻ ምዝንታው እዩ። ምርኣይ ድማ ፍጻመ ብመልክዕ ትዕይንት ወይ ተዋሥኦ ምቕራብ እዩ (Bonheim, 1982: 20-24; Genette, 1980 [1972]: 94-95 & 109-112; Rimmon-Kenan, 1983: 54-55; Toolan, 2001: 85; Chatman, 1978: 43-44)።

Jhon (2021: 66-67) እዞም ኣገባባት ዝንታው ኣብ ሠለስተ መዲቡ ኣቕሪብዎም። ፈላማይ ምድብ ምንጋርን ምርኣይን እዩ። ካልኣይ ኣኀጽሮትን (ምጥቕላል) ትዕይንትን (ተዋሥኦ) እንትኾኑ ሣልሳይ ድማ ኣስተብህሎትን ገለፃን እዮም። ካብ ውሽጢ እዞም ኣገባባት ዝንታው ኣኀጽሮትን ትዕይንትን ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታው እንትኾኑ ኣስተብህሎትን ገለፃን ድማ ንኡሳን ኣገባባት ዝንታው እዮም። ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታው "ዘመናዊ ኣገባባት ዝንታው እዮም" ተባሂሎም ዝጥቀሱ እውን ትዕይንትን ኣኀጽሮትን ከም ዝኾኑ Jhon (ገጽ፣ 66) የረድእ። እቶም ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታው ዓርሶም ክኢሎም ከም መተንተኒ ሥነ ጽሑፍ ኰይኖም እንተገልግሉ እቶም ንኡሳን ግና ዓርሶም ክኢሎም ኣይቐርቡን Jhon (ገጽ፣ 77)። ስለዚ ዝግበር ትንተናን ፍካሬን ታራ ከይኾውን ምስ እቶም ክልተ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታው ተሰባጢሮም ክቐርቡ ይግብኦም (Toolan, 2001: 87)። "እዞም ናይ ምዝንታው ብልሓታት ብኣቀራርብኦም ጥራሕ እንተይኰነስ ብዕላምኦምን ከሕልፍዎ ዝደልዩ ቴማን እውን ይፈላለዩ እዮም። ይኹን እምበር እቲ ሓደ ዕላማን ቴማን ካልእ ወይ ካልኡት ደሪቡ ይርከብ እዩ" (ዳኛቸው፥ 1977: 172)። እዚ ነብሲ ወከፎም ንተናጸል ሓለሓሊፉ ድማ ንኃበራዊ ዕላማ ጠጠው ዝብልሉ ኩነት እቶም ኣገባባት ዝንታው ምስ ዘለዎም ግደ ወይ ኣገልግሎት ዝተተሓሐዘ እዩ (Bonheim, 1982: 24)።

ሓደ ጸሓፊ ወይ ደራሲ ዝሓርዮ ብልሓት ዝንታው፦ ንመዋቕር፣ ቅርጽን ትሕዝቶን፥ ጽሑፉ ዝስማዕማዕ ክኸውን ኣለዎ። "ዛንታ እቲ ጽሑፍ ከመይ ኢሉ እንተ ቐሪብሎም እዩ ኣንበብቲ ልቡንኦም ዝማረኽን ኅሊንኦም ዝቕየድን" ኢሉ ንባዕሉ ክሓትት ኣለዎ (Genette, 1980 [1972]: 109)። ኣንበብቲ ኣብ ውሽጢ ጽሑፍ ዘለዉ ሓሳብን ተግባርን ዘሰጉሙ ገጸ ባሕርያት ሥጋ ለቢሶም ኣብ ግሁድ ዓለም ካብ ዘለዉን ብግሁድን ብሑብኡን ዝተፈላለዩ ፍጻመታት ዝፍጽሙን ሰባት ብዝበለጸ ይፈልጥዎም። ኣብ

ግሁድ ዓለም ዘለዉ ሰባት፦ ምንቅስቓሶም፣ ሓሳቦም፣ ድሌቶም፣ ግብሮም፣ ተግባሮምን መንነቶምን ዝገልፁ ብጣዕሚ ብዝተቘጠበ መንገዲ ቀኒሶምን ኲሓሒሎምን እዮም (Chatman, 1978: 48)። ኩሉ ሰብ ንኻሊእ ዘይነግሮ ሓቢኡ ኣብ ውሽጡ ዝሕዞ ናይ ውልቁ ዝኾነ ምሥጢር ኣለዎ። ኣብ ልበ ወለድ ዓለም ግና ደራሲ ብኣዘንታዊ ወይ ብኻልኦት ኣገባባት ዝንታወ ተጠቒሙ፦ ድሌት፣ ባህገ፣ ምንቅስቓስ፣ ሓሳብ፣ ግብረ፣ ተግባር፣ መንነትን እምነትን ገጸ ባሕርያት ግልፅን ግሁድን ናይ ምግባር ሥልጣን ኣለዎ። ኣንባቢ፦ ክድሰት፣ ክኃዝን፣ ክግረም፣ እጹብ ድንቂ ክብል፣ ክሻቐል፣ ኣብ ሸንፈለል ክኣቱ [...] ክሳብ መወዳእታ ገጽ እቲ መጽሓፍ ብኅንጣወ ክጐዓዝን ቴማ ኣራቒቑ ክውጽእን ዝገብሮ ዛንታ እቲ ጽሑፍ ዝቐርበሉ ኣገባብ ዝንታወ እዩ (Cressman, 2006: 289)።

ተመሳሳሊ ዛዕባ ዘለዎም ጽሑፋት ኪናውነቶምን ደረጃ ተቐባልነቶምን ብምኽንያት ኣገባብ ዝንታውኦም ይፈላለዩ። ሓደ ጸሓፊ (ደራሲ) ካብ ካልእ ጸሓፊ ዝፍለ ሒዝዎ ዝተልዓለ ዋኒን ሓደ ምኽንያት ኰይኑ ብዋናነት ግና ንእቲ ዋኒን ዘቕርበሉን ዘቕረበሉን ኣገባብ ወይ መንገዲ እዩ (ዳኛቸው፥ 1977: 174)። ኣብዚ መጽናዕቲ ትኹረት ዝተገበረሎም ኣገባባት ዝንታወ ኰይኑ ኣብ ትሕቲ ኣገባባት ዝንታወ ዝካተቱ ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ኣብ ነብሲወከፎም ዘለዉ ንኡሳን መግለፅታትን እዩ።

ብሓፈሻ ትዕይንት ምንጋርን ምርኣይን ኣኅጽሮት ድማ ገለፃን ኣስተብህሎትን ዝብሉ ዝሓዙ መልክዓት ዝንታወ ኰይኖም ብሥነ ዝንታወ ዝጽንዑን ንኩሎም ዝንታወታት ኣብ ዘጽንዕ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ ዝሕቈፉን እዮም። መጽንዒ ንኣተገባብራ እቶም ኣብ ትሕቲ ኣገባባት ዝንታወ ዝረአዩ ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ ብልሓታት ኣገባባት ዝንታወን ኣብ ነብሲ ወከፎም ዝጠቓለሉ ንኡሳንን ተጠቒሙ ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተንቲኑ እዩ።

## 2.1.5. ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት

"ነገረ መበቄላዊ" ዝብል ቃል ቦኽሪ ሓሳብን ቅድን ማለት እዩ (Raney, 2004: 348)። ካልኣት ቅድሓት ዝኾንሉ ንጽሩይን ዘይተበረዘን መሠረታዊ (ቦኽሪ) ዝኾነ፦ ሓሳብ፣ ቅዲ፣ ቅርጺ፣ ትርጉምን ፍካረን፦ ባህላዊ መዋቕራት፣ ሚታዊ ይትበሃላት፣ ፍልስፍናዊ ሕሳቦታት፣ መንነታዊ ተግባራት፣ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ኣስተምህሮታት የመልክት (Frye, 1957: 45)።

ሓሳብ ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት ካብ ፊሎ ይሁዳውያን (Philo-Judaeus) ከም ዝጀምር ምስሊ ኣምላኽ ኣብ ሰብ ዝኽሥተሉ ከም ዝኾነ Jung ይዛረብ። ኣብዚ Jung ትኹረት ዝገበረሉ ዛዕባ ንእቲ ቃል ዘይኰነስ ንመርኣታትን መትከላዊ ሓሳባትን ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት እዩ። ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት ቅርጸምን ዝቐርብሉ ብልሓት ዝንታወን ዝተፈላለዩ እኳ እንተኾኑ ምሥጢራዊ ቴምኦም ግና ምስ መለኰታዊ ርድኢት ብምትሕሓዝ ዝፍከሩ እዮም (Antonio, 1967: 169)። ስለዚ መትከላትን መርኣታትን ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት ሥነ ጽሑፍ ንምጽናዕን ምትንታንን የኽእሉ (Mircea, 1959: 136)።

ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት ቦኽሪ ኩለንተናዊ ድሌታትን ባህግታትን ኣእምሮ ዝሓዙ እዮም። ቦኽሪ ሓሳባት ዝፈልቕሉ ዝትንተንሉን ዝፍከርሉን ሓደ ዓይነት ድልውነት ንሓደ ዓይነትን ተመሳሳልን ረቂቕ ምሥጢር ውክልና ዝወሃበሉ ነገረ ተፈጥሮን ፍጥረትን ቦኽሪ ፍካረኦም ዝተኸተበሉ መፍለጥን መግሀድን ፈላማይን ቦኽርን ትርጉምን ረቀቕቲ ሓሳባትን ግዙፋን ነገራትን እዩ (Frye, 1951: 92-110)። ውህላል ኃባራዊ ሓሳባት፣ ፈጠራ፣ ኣተሓሳስባ፣ ሥምዒት ከምኡ እውን ኣገባባት ምምስሳል ኣብ ኩሉ ቦታን ኣብ ኩሉ ግዘን ዝውቱራት ካብ ትውፊት ነጻ ኰይኖም ዝርከቡ ልሙዳት፦ መልክዓት፣ ባሕርያት፣ ሓሳባትን ምስልታትን ኰይኖም ሕይወት ንምትርጓም ዘኽእሉ እዮም (Antonio, 1967: 177)። ነገረ መበቄላዊ ትሕዝቶታት ዝተፈላለዩ እኳ እንተኾኑ ልሙዳትን ኣድማሳውያንን እዮም። ኣብ ውሽጦም ዘሎ ቴማ እውን ዘይርሳዕ ምስሊ ዝፈጥርን ዝለዓለ ትርጉም ዘለዎ ዙፉን ፍካረ ዝተቈጻጸረን ኩሉ ግዘ ቦኽሪ እዩ። ብዝፈጥርዎ ካብ ኣእምሮ ዘይጠፍእ ምስልን ተዘካሪ ሓሳብን ኣቢሎም ኣብ ልዕሊ ኃበራዊ ቅርጺ ባሕርያትና ወሳኒ ጽልዋ የሕድሩ።

ንምርዳእ ፍልስፍናዊ ትሕዝቶን ቴማን ሓደ ሥነ ጽሑፍ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታት ወሰንቲ መርኀታትን ዓውደ ፍልጠታትን እዮም። ስለዚ ናብ ኣምር ሓባራዊ ኢንቑሕ (ስቱር፣ ክቡት) ዝመርሕ ሥነ መጐት Jung ክምኡ እውን ኣብ ጽሑፋቱ ዘቐመጦም ረቀቕቲ ሓሳባት ትርጉሞም ምትንታን ኣገዳሲ እዩ (Stein, 1963: 77; Igor, 1964: 101)። ህላወ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ ህላወ፥ ረቂቕ ምሥጢር፣ ፍካሬን ትርጉምን፥ ዝተፈለለዩ ዝንታወታት እዩ። ዝንታወ ብጥብብ ኂስ ሥነ ጽሑፍ እንትፍከር ብኣፈሙዝ ብርዒ ተወቒጡ እንትብለል ኩነትን ባሕርን ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ዓለም ኩልዕ ኢሉ ይወጽእ። ሕሉፍ ብሠንሠለት ምልሶ ተስተማቕር መጻኢ ሕይወት ብኣክናፈ ትንቢት ንቕድሚት ተወጪፍኻ ትርኢ። ህልው ሕይወት ብሕሉፍን መጻእን ኣሳፊጥኻ ምችው ንምግባር የኽእል። ቦኽሪ ሓሳባት፣ ፍልስፍናታት፣ እምነታት፣ ዛንታታት ብሓፈሻ ብኣመክንዮ ሕልምን ትእምርትን ዝተቐመጡን ዝተገለፁን ምሥጢራትን ጥበባትን ይፍከሩ። ብፍካረ ረቂቕ ምሥጢር ይወጽእ መሠረት ኩሉ ዝኾነ ሓሳብ ይገሃድ። ስለዚ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ ትርጉምን ፍካረን መበቌላዊ ዛዕባ[17] ዝገልፅ ኣብ ውህሉል ኢንቑሕ ኣእምሮ ዝፍጠር ቦኽሪ ሓሳብ እዩ (Shiraev, 2017: 6)።

ሰብ ካብ ዘይምፍላጥ (ኢንቑሕነት) ፈሊሙ ንዝለዓለ ፍልጠት (ንቑሕነት) ዝተፈላለዩ ገድልታት ይፍጽም። ምዕባለን ዕብየትን ንቑሕነት ዝኸበደ ጾር መንከራን በረከትን ወዲ ሰብ እዩ። "ተባዕትዮ፣ ኣንስትዮን ኣምላክን" እዚ ህላወ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ የመልክት (Jung, 1955: 248)። ዝግለፅሉ'ም መንገድታት ድማ ብትውክልቲ ትእምርትታት፣ ምስልታት (ሥእልታት)፣ ገጸ ባሕርያትን መዋቕር ውዲትን እዮም። ነብሲ ወከፎም'ዚ ምስ ሚት፣ ኃይማኖትን ፎክሎርን፣ ሕልምን ራዕይን፣ ሥነ ጽሑፍ፣ ተዋሥኦን ፍልምን ዝተኣሳሰሩ እዮም። ኣብዚኦም ዘሎ'ዚ ሓሳብ፣ ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ፍልስፍናን መንነትን ቦኽሪ እዩ። ንዚኦም ብምጽናዕን ብምትንታን ሥዉር ካብ ልቡና ሕቡእ (ክቡት) ካብ ኣምሮ ኰይኑ ዘሎ ረቂቕ ምሥጢር ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ብኣክናፈ ፍካረ ናብ ውሽጡ ዘሊቕኻ ብምእታው ብእግረ ትንተና ንምውጻእን

[17] ብትውክልተ ዛዕባ ዝግለፁ ቁም ነገራት ዝተፈላለዩ ዝንታወታት እንትኾኑ'ዚ ሚት፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ፍልስፍና፣ እምነት፣ ታሪኽ፣ መንነት፣ ኣረኣእያ፣ ዝንባለ፣ ማኅበራዊ ናብራን ርክብ ማኅበረሰብን ኅብረተሰብን ... ፖለቲካውን ቁጠባውን ምንቅስቓሳት፣ ጉጅለታትን ሕዝብታትን ዝገብርዎም ርክባት፣ ትእምርትታትን ኣካል ትእምርቲ ዝኾኑ ሕልምታትን እዮም።

ምሥጢሩ ምፍካርን የኽእል። Jung (1959) ንዚኦም "ኣብ ኢንቑሕ ኣእምሮ ዝፍጠሩን ኣብኡ ተመዝጊቦም ዝርከቡን እዮም" ይብሎም።

ክልሰ ሓሳብ ትንተና ፍካሬ ልቡና Jung ተግባራት ንቑሕን ኢንቑሕን ልቡና (ክፋላት ኣእምሮ) ዝብል ከም ሓደ ነጥቢ ኣልዒሉ ዝረአየ ክልሰ ሓሳብ እዩ። ክልሰ ሓሳብ ፍካሬ ልቡናዊ ትንተና፣ ትንተና ኣብ ሥነ ጽሑፍ ዝርከቡ ብነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዝተወከሉ ትእምርትታት ንመጽናዕቲ ምልከታ ውህሉል ሥምዒት ኢንቑሕን ከፊል ንቑሕን ዝብል ኣምር መበቈላዊ ትሕዝቶ ከተኣታቱ ክኢሉ እዩ። "ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ንትእምርትታት ዝሓዘ ዓውዲ ኰይኑ መልክዓትን ዓይነታትን ትእምርቲ ዝፍከረሉን ዝትንተነሉን ሞያ እዩ" (Jung, 2009: 230)።

Jung ኣብ ምርምራዊ ፍካሬ ልቡና ትእምርቲ ንዝብል ቃል ብዝተፈለየ መልክዑ የረድእ። ትንተና ፍካሬ ልቡና ንትእምርቲ ምስ ምልክት የዋህዶ። ምልክት ማለት ንዝኾነ ነገር ዘመልክት እንትኾውን ትእምርቲ ድማ ዝምልከቱ ነገራትን ሥነ ትእምርታዊ ባእታታትን የርኢ። እዚ መሊስካ ናብ ምሕናጽ እምበር ናብ ብሥምምዕነት ዝተወሰነ ሓቂ ኣይወስድን። ቅጹላት ወይ ድጉላት ሃንደበታዊ ናይ ጸታዊ ርክብ ድሌት መግለጺ ተባሂሎም ቅድሚ ምግላፆም ብሣይንሥ ቅቡላት ኣይነበሩን። ብJung እዞም ቅጹላት ብባዕላዊ (Ego) ትኽክል እንተተርጒሞም ሥነ ልቦናዊ ትእምርትታት እዮም። ንቕሓተ ኀሊና ካብ ትእምርቲ ዝተፈጠረ እዩ። ተጻራሪ ተግባር ዘለዎ ሓሳብ እንተኣሸጊፍዎ ግና ተጻራሪነት መደምደምታ እንተይኰነስ ናይ ፈጠራ መንገዲ እዩ። ናይ ተግባር ሽቶ ብክፋላት ፍልልይ ናብ ዝተገለፀን ናብ ክለሳዊ ከይዲ ዘብል መንነት ስለ ዝኾነ (Jung, 1912: 49)።

ትእምርታት ወካልን ተወካልን ይሕዙ። ቀዲሙ ካብ ዝርአ ወይ ዝተመሥረተ ትርጉም ንላዕሊ ደሊኻ ዝርከቡ እዮም። ትርጉሞም ድማ ኣብ ምሕዋስን ምውሃድን ይምሥረት። ትእምርታት እንድሕር ካብ ዘለውሉ ናብ ድኅሪት ናብ ካሊእ ነገር ንወስዶም እንተ ኾይንና ትእምርቲ ኰይኖም ጠጠው ዝበልሉ ሥምዒት ምትርጓም ኣይከኣልን (Jung, 1983: 9)። ትእምርትታት ኣብ መንጎ ንቑሕን ኢንቑሕን ወሰንቲ መራኸቢ ወይ ድልድል ኣይኰኑን። ንእዚ ከም ምኽንያት ዝኸውን ድማ Jung ንናይ Freud ኣምር፣ ዘይምዕቡል ኀሊናዊ ተግባር ክብል ሰይምዎ። ኣብ ትእምርታዊ ዓውደ ጽንዓት Jung

ሥነ ሚትን ሃይማኖታትን ከም ዓበይቲ ዘይምዕቡል ጎሊናዊ ተግባር ተጠቓሊሎም ይርከቡ። ውልቃዊ ገለፃ ትእምርቲ Jung "ትእምርታት ከም ቀለልቲ ኣመልከቲ ገይርኻ ክወሰዱ ይኽእሉ እዮም" ዝብል ናይ (Colman, 2017 [2011]: 264) ሓሳብ ኣየጠቓልልን። ትእምርትታት ቀንዲ ገለፅቲ ዘይፍለጡ ሓቅታት እዮም (Jung, 1921: 5) ይብሎም። ቋንቋታት፣ ሓሳባትን ተዘክሮታትን ኩሎም ናይ ፍልጠት ዝተወሳሰቡ ገጽታታትን ሓደ ግዘ ማኅበራዊ ካልእ ግዘ ድማ ውልቀ ሰባዊ ትውክልቲ ኣለዎም። ትእምርትታት ኣብ እዚ እዮም ዘለዉ። ኣብ ማኅበራዊ ወይ ውልቃዊ ኣመለኻኽታት። ቋንቋ ንባዕሉ ትእምርቲ እዩ። ወዲ ሰብ እውን ንባዕሉ ንምግላፅ ትእምርቲ ይደሊ። ብትኽክል ግልፂ ዝኾነ መግለፂ ትእምርቲ እዩ። ዝኾነ ትእምርቲ ሥምዒት ወይ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ምስ ካልኦት ትእምርትታት እንትራኸብ ድማ ብዝበለጸ ትርጉሙ ይጉልህ። ሓደ ነገር ብባዕሉ ጥራሕ ምንም ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ኩሉ ግዘ ከም ሕግን ሥርዓትን ተገይሮም ዝውሰዱ ከባብያዊ ትእምርትታት ብዝግባእ ክረአዩን ክፍተሹን ኣለዎም። "ካብ ካልእ ከባቢ ዝመጻእኻ እሞ ድማ ንእቶም ከባብታት ባዕዲ እንትኾይንኻ እቶም ትእምርትታት ኣብቲ ከባቢ ዘለዎም ትርጉም እንተ ዘይተረዲእኻ ክትረኽቦ ዝደለኻዮ ቁም ነገር ክትስእን ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ንትእምርቲ ኣብ ውሽጢ ማኅበረሰብ ዘለዎ ውክልና ተንትን" (Elias, 1995: 248)።

በዓል ሞያ ፍካሬ ልቦናን ሥነ ኣእምሮን ዝኾነ Jung (1959: 67-74) ተፈጥሮኣዊ ኣእምሮ ሰባት ክንሪኣሎም እንኽእል ውህሉል ሥምዒት ኢንቹሕነትን ኅዳጥ[18] (ከፊል) ንቑሕን ዝብሉ ክልተ ኣምራት ኣምጺኡ እዩ። እቶም ኣምራት ሓደ ሥነ ጽሑፍ ንምምርማርን ንምትንታንን ዝረብሑ እዮም። ሥምዒት ኢንቹሕነት ወይ ከፊል ንቑሕ ሓበራዊ ዝኾኑ ኩሎም ተመክሮታት ወዲሰብ ዝምዝገብሎም ኣእምሮ እዮም፦ ፍቕሪ፣ ተመስጦ፣ ውዑይ ሥምዒት፣ ምውላድ፣ ሞት፣ ሕርቃን፣ ቁጠዐ፣ ሠላም፣ ህድኣት፣ መከራ፣ መንፈሳዊ ... እዚኦም ኩሎም ዝኽተብሉ እዮ። ስለዚ "ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ምልክታት ወይ ትእምርትታት ኰይኖም ሓበራዊ ተመክሮታት ሰባት ዝገልፁ ናይ ሓባር ሥምዒት ኢንቹሕ እዮም" ብምባል ይገልፆም።

---

[18] "ኅዳጥ" ዝብል ቃል መበቈሉ ግእዝ እዩ። ብትግርኛ፦ ንኡሽተይ፣ ውሱን፣ ብውሱን መልክዑ ዝብል ፍታሕ ኣለዎ። ንኡሽተይ፣ ውሱን፣ ብውሱን መልክዑ ዝብሉ ቃላት ኣብ ግልጋሎት እዚ መጽናዕቲ እንተ ውዒሎም ኣንባቢ ንሓደ ቃል ዝተፈላለዩ ትርጉማት እንትረክብ ከይደናገር ብምሕሳብን ዝሐሸ ገላፂ ቃል እዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነሉን መጽንዒ ንእዚ ቃል ተመራጺ ብምግባር ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ።

ሓበራዊ ዝኾኑ ኩሎም ልምዲ ሰባት ዝስከሙ ሥምዒት ኢንቑሕ ወይ ከፊል ንቑሕ ኣእምሮ ብትእምርትታትን ነገራት፣ ገጸ ባሕርያትን ኩነታትን ዝብሉ ሠለስተ መሠረታዊ ዛዕባታት ይገልፁ (Jung, 1921: 27)። ነብሲ ወከፎም ዝሕዝዎም ዛዕባታት ድማ ነገራትን ማይ፣ ፀሓይ፣ ክቢ፣ ሓሰኻ፣ ስፍራ ተኽሊ፣ ዛፍ፣ መንገዲ፣ በረኻ፣ ምድረ ባዳ፣ ኅብርታትን ቁጽርታትን። ገጸ ባሕርያትን ተጋዳሊ፣ በይዛ፣ ምግላል፣ ምስሊ ዲያብሎስ፣ ፈተና፣ ጥልመትን ብልሓት ዓቢዩ ሰብን። ኩነታትን ድሌት፣ ተግባር፣ ውድቀትን ጉዕዞ ለይትን ዝብሉ ኰይኖም ክጽናዕን ክትንተንን ዝግብኦ ምሥጢራዊ ቁም ነገር ዝሓዙ ትእምርትታት እዮም (ዝኺ ከማሁ)።

ትእምርታት መበገሲ ክልስ ሓሳብ Jung እዮም። ትእምርታት ናይ ሕልሚ ምስልታትናን ሕቡእ ድልየታትናን ናብ ወድዓዊ ሓቃዊ ሕይወት የምጽእዎ። ሥነ ልቡና ሰባት ኣብ ሕልማዊ ትእምርታት ወይ ምልክታት ይምሥረቱ። ኣብዚኦም ዝግበር መጽናዕትን ምርምርን ድማ መጽናዕትን ምርምርን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ይኸውን (Jung, 1921: 163)።

ካልእ፥ Jung ኣብ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ከም ትእምርቲ ገይሩ ዘምጽኦ ሕልሚ እዩ። ሕልሚ Freud (1911: 113)ን Jung (1983: 159)ን ምስ ኢንቑሕ ኣእምሮ ኣተኣሳሲሮም ዘልዕልዎ ዛዕባ እዩ። Freud "ሕልሚ መፈጸሚ ዘይተወድአ ድልየት እዩ" ይብሎ። Jung ድማ "ሕልምታት ሰማዒ እንተረኺቦም ተዛረብቲ ሓቂ ትእምርትታት ወይ ምልክታት እዮም" ይብል። "[...] ሓደ ሓደ ትእምርትታት ሕልሚ ዝርድኦም ስለ ዝስእኑ እዮም እምበር እቲ ሕልሚ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝኾነ ሓቂ ይነግሩ" (Victor, 2011: 4)። ስለዚ Freud "ሕልሚ መፈጸሚ ዘይተወድአ ድሌት እዩ" እንትብሎ። Jung "ሕልሚ መፈጸሚ ዘይተወድአ ድሌት እንተይኰነስ ዝርድኦ እንተ ረኺቡ ሓቂ ዝነግር ትእምርቲ እዩ" ይብሎ። መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ እውን ንሓሳብ Jung ቅቡል ይገብር።

ሕልሚ ብንቑሕ ኣእምሮ ዘይተዛብዐ ቅጽበታዊ ውጽኢት ኢንቑሕ (ስቱር) እዩ። ሕልምታት ብዝተፈላለዩ ነገራት ዝኽሠቱ ነገርቲ ርትዒ እዮም። ኣብ ግዝይኡ እንተ ዘይተርጕምኻዮ፥ ፊኪርኻዮን ባሕርያዊ ክሥተቱ እንተ ዘይተገንዘብካዮን ግና ቦኽሪ ሓሳብ ብልጭኢሉ ድርግም ዝብለሉ መብረቅ ኣእምሮ እዩ (Jung, 1983: 160-161)። Jung ንሕልሚ ከም ስግረ ሰብኣውን ራዕይ ኣምላኽን ይትርጕሞ። ካብዚ ብምብጋስ

ኢንቑሕ ኣእምሮ ውልቃዊ ድሌትን ሥምዒትን ዝሓዘ ይመስል። ካብ ቁጽጽር ሥምዒትና ነጻ ዝመስል ስብእና ዝወነነ መግለጺ ሓበራዊ ኣተሓሳብባ እውን እዩ (Colman, 2017 [2011]: 268)። ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ንዝገሃደሉ "ንጡፍ ሓሳብ" ተባሂሉ ንዝፍለጥ ብልሓት ዘግህድ እዩ። ብኸኖ ኢልካ ኣትኲርኻ ምግንዛብ ዝፍጠር ቀድም ስዓብ ቅጅልታታት ስለ ዘርኢ። ኣብ መንጎ ሕልምን ቅጅልታን ምትእስሳር ኣሎ። ቅጅልታታት ንቑሓት እንትኾኑ ሕልምታት ዝደጋገምሉ ኩነት እናነከዩን እናደኸሙን ይኸዱ። እዚ ኩሎም ካብ ሓደ ፍልፍል ካብ ኢንቑሕ ከም ዝፍልፍሉ ዘረጋግፅ እዩ። ውጽኢት ዝኾነ ቀድም ስዓብ ተቀብኦ (ተሓርዮ) ንኢንቑሕ የቃልሎን ብምስልታት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ዝሃፍተመ ንዋት የፍርን። ውጽኢት ድግግም ቅጅልታታት ንኢንቑሕ የመልክት ከም ውጽኢቱ ድማ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ብተዘካሪ ምስሊ ዝበልጸገ ይገብሮ (Jung, 1983: 169)።

ኣብ Jung ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮ ኢድ ኣታውነት ዘለዎ ተፈጥሮ ወዲ ሰብን ከም መግለጺ ልምዲ ዝኾኑ ተለዋዋጢ ባሕሪ ዘለዎም ተመሳሰልቲ፦ ምስልታት፣ ምልክታት፣ ገጸ ባሕርያት፣ ኩነታት፣ ስፍራታት፣ ትእምርትታት ብፍሉይ ሕልማዊ ትእምርትታት ይሕዙ። ኣብ Frye (1957) ድማ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ምስ ሚት ይተሓሓዙ። ይኹን እምበር Jung ብዝርዝር ዝገለጾም ሓሳባት ሚትን ኣካል ሚታዊ ይትበሃልን እዮም፤ ነገረ መበቈላዊ ቅጅልታታትን ዣናራትን (Archetaypal Motifs & Genres) ኣብ ዝብሉ ዓውድታት ሥነ ጽሑፍ ድማ ይምደቡ (Adagogo, 2024: 1)። እዚ ማለት Jung መግለፅታት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ኢሉ ዘቐመጦም ቁም ነገራት ነገረ መበቈላዊ ቅጅልታታት እዮም። Frye፦ ብጽድያ፣ ሓጋይ፣ ቀውዕን ክረምትን ዝወከሎም፦ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ዝርእዩ ድማ ነገረ መበቈላዊ ዣነራት ይበሃሉ።

Fryeን Jungን ኣብ ምዕባለ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ዝለዓለ ኣበርክቶ ዝገበሩ እዮም። ትእምርቲ ሥእሊ ወይ ምስሊ ዝዓበየ ሓቋፊ ትርጉም ሚት ምኻኑን ትእምርቲ ኣብ ሚት ኣገዳሲ ረቛሒ ከም ዝኾነን የትዕሉ። እዚ ኣረኣእያ እዚ ድማ ብርክት ዝበሉ ጸሓፍቲ ዝተቐበልዎ እዩ (Igbifa, 2014: 100-110)። ልዕል ክብል ከም ዝተገለፀ Frye (1957: 163-222) "ቀንዲ መግለጺ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ሚታት እዮም" ይብል። "ኣርባዕተ ክፋላት ሚት" ዝብል ርእሲ ብምሃብ ንእቶም ምደባታት የብራህርህ። እቶም

ምድባት ሚት (ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት)፦ ብጽድያ፣ ሓጋይ፣ ቀውዕን ክረምትን ዝወከሉ፦ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ዘመልክቱ ኣብ ዓውዲ ነገረ መበቈላዊ ዠነራት ዝሕቈፉ ዝንታወታት እዮም (Drabble, 2000: 386)።

### 2.1.5.1. ልደት ተጋዳሊ

እዚ ቀዳማይ ብርኪ ሚት ብጽድያ ዝተወከለ ወጋሕታን ውልደትን ዘመልክት እዩ። ኣብ ወጋሕታን ውልደትን ዘለዉ ድባባት ትርጉሞም ንምትንታን ንምፍካርን ዘኽእል መልክዕ ዝንታው እዩ። ኣብዚ ብዛዕባ ልደት ተጋዳሊ (ጅግና) ሕውየትን ትንሣኤን ንኃይልታት ጸልማትን ሞትን ዝስዕረሎምን ዝሰዓረሎምን ሚታዊ ዝንታወታት ኣለዉ። ከምኡ እውን ኣብቲ ሚት ከም ኣቦን ኣደን ተገይሮም ዝውሰዱ ንኡሳን (ኀዳጣን) ገጸ ባሕርያት ህልዋት እዮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሚታዊ ዝንታወታት እምበኣር እዮም ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እንብሎም። ምኽንያቱ እዚኦም ዘይተሓናፈጹን ካልእ ባዕዲ ነገር ዘይተወሰኸሎምን ቦኽሪ ዝንታወታት ስለ ዝኾኑ። ከምኡ እውን ኣብ ዚብርኪ ዘለዉ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ብትሕዝቶኦምን ቴምኦምን ትፍሥሕታዊ እዮም (Frye, 1957: 171, 173)።

### 2.1.5.2. ተቀብኦ ተጋዳሊ

እዚ ካልኣይ ብርኪ ሚት ውክልንኡ ሓጋይ እዩ። ተጋዳሊ ብልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝረኸቦ ተቀብኦን ዓወትን የመልክት። ኣብዚ ብርኪ እዚ፦ ፍጹምነት፣ መለኰትነት፣ ናብ መዓርግ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ናይ ምጽጋዕ ተግባር፣ ቅዱስ ሓዳርን ናብ ገነት ምእታውን ዝገልፁ ሚታዊ ዝንታወታት ኣለዉ። ኣብዚ ሚታዊ ዝንታው ዝርከቡ ኀዳጣን ገጸ ባሕርያት መርዓውን (ብጻይን) መርዓትን እዮም። ኣብዚ ዘለዉ ዝዉቱራት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እውን፦ ስብከታዊ፣ ቅሱን ናብራ፣ ርጉብ ሕይወት፣ ፍቕራውን መወድሳውን እዮም (Frye, 1957: 205)።

### 2.1.5.3. ቀቢጸ ተስፋ ተጋዳሊ

እዚ ሣልሳይ ብርኪ ሚት ኰይኑ ውክልንኡ ቀውዒ እዩ። ብጸልማትን ምድረ ባዳን ይምሰል። ዓወት ተጻባእቲ ተጋዳሊ ዝኾኑ ኃይልታት ዝነግሩ ሚታት ኣለዉ። እቶም ሚታዊ ዝንታወታት፦ ከም ውሑጅ፣ ምምላስ ህውከትን ስዕረት ተጋዳልን ዝኣመሰሉ እዮም። ኣብዚ ከም ኀዳጣን ገጸ ባሕርያት ተገይሮም ዝውሰዱ ዕንቅርቢትን ጠንቋሊትን

ኩይኖም ዓይነት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ግርምቢጥን ላግጽን (Irony[19] & Satire) እዮም (Frye, 1957: 207, 214)።

### 2.1.5.4. ተነጽሎ ተጋዳሊ

እዚ ራብዓይ ብርኪ ሚት ውክልንኡ ክረምቲ እዩ። ብምዕራብ ፀሓይን ሞትን ይምሰል። ኣብዚ ብርኪ'ዚ ውድቀት ተጋዳሊ (ጅግና)፣ ሞት፣ ምርሓቕ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ፣ ዓመጽ ዝመልኦ ሞት፣ መሥዋእትን ተነጽሎ ተጋደልን መሠረት ገይሮም ዝዝንተዉ ሚታት ዝረአየሉ እዩ። ኣብዚ ዘለዉ ጎዳጣን ገጸ ባሕርያት ፈጠርቲ ራዕዲ፣ ከዳዓትን ሳይረንን እዮም። ኣብዚ ዝርከቡ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ጎዝኖታውን ላጎህን[20] እዮም (Frye, 1957: 189)።

ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ፥ መግለፂ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዝኾኑ ሚታት ኩይኖም Frye ኣብ ዝተፈላለዩ ሥራሕቱ ደጋጊሙ ዝገለፆምን ንጥንታዊ ሥነ ጽሑፍ ብዓይኒ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ኣብ እንትንትነሉን እንፍክረሉን ግዘ ወሰንቲ ክም ዝኾኑንን ብዚኦም ክም ዝርአን ይገልፅ። ብዝተፈላለዩ ጸሓፍቲ ኣብ ዝተጽሓፉ ሥነ ጽሑፋት እዞም ኣርባዕተ ብርክታት ሚት ተደጋጊሙም ክም ዝተገለፁን ሥነ ጽሑፍ ንምኅያስ ዘገልግሉ ነገረ መበቈላዊ ቋነራት ክም ዝኾኑን ይገልፅ (Frye, 1957: 222)።

ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት መሠረታዊ (ቦኽሪ) ሓሳባትን ተመኩሮታትን ደቂ ሰባት ፍሉያት ፀባያት ባሕርያት ወይ ግደን ተግባራትን ዝውክሉ ዝውቱራት ቅድታት ወይ ኩለንተናዊ ትእምርትታት እዮም (Xue, 2023: 3)። ክም መሠረት ሕንጻ ዝንታወታት ኩይኖም ዘገልግሉ ኩይኖም መብዛኅትኡ ግዘ ንፍሉያት ጽባቖታት ወይ ባሕርያት ዘንጸባርቑ እዮም። ነፍሲወከፍ መበቈላዊ ትሕዝቶ ምስ ሓደ ፍሉይ ኣገባብ ዝንታወ ክተሓሓዝ ይኽእል። እዚ ድማ ሓደ ዛንታ ዝቐርበሉን ዝቐረበሉን ኣገባብ ወይ ዝዝንተወሉ ኣረኣእያ ዘመልክት እዩ (Soyinka, 1979: 215)። ስለዚ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዝንታወ ብውክልና ትእምርቲ ኣቢሎም ንዝመሓላለፉ ባህላዊ ጸጋታትን ክብርታትን ክጉልሁ ይኽእሉ። ብዚ ምኽንያት ኣብ ገድለ ኣዳምን

[19] ሕሜጨ፣ ኣሽሙር፣ ሸምጣጥ...።

[20] ብርቱዕ ኃዘን፣ ብኽያት፣ ኣውያት፣ ቃንዛ፣ ስቅያት፣ ኃያል ድምፂ ምስማዕ፣ መልቅስ ... ዘመልክት እዩ።

ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታትን (መበቌላዊ ጸለውቲ ሓሳባትን) ተንቲኑ።

### 2.1.6. ገድል

ገድል ዝብል ቃል መሠረቱ "ተጋደለ" ዝብል ቃል ቋንቋ ግእዝ እዩ። በይዛ ዝኣመነሉ ዕላማ፦ ሕይወቱ ንምውፋይ ቌሪጹ ተልዓለ፣ መንከራን ስቃይን ተቐበለ፣ ሃሩር (ዋዕየ) ፀሓይን ቁሪ ለይትን (ቁረ ሌሊት) ተዓገሰ፣ ዕረፍቲ ነብሲ ንምርካብ ስቃያተ ሥጋ ተጻወረ ማለት እንትኸውን፦ ፈተና፣ ጸዋትወ መንከራ፣ ዓቐብን ቑልቑልን ላዕልን ተሕትን ዝዓብለሎ ናብራ ሕይወት፣ ስቃይን ሞትን ተፈራሪቖም ዝረአይሉ ጻማ ህላወ (ኑባሬ) የመልክት። ተጋዳሊ[21] ድማ እዚኦም ኩሎም ዝቕበል ፍጡር እዩ (Allan, 2000: 325)። "ገድል" ዝብል ቃል ቀጥታ ትርጉሙ፦ ቓልሲ፣ ፈተና፣ ውግእ፣ ሰልፊ፣ ዓወትን ኣክሊልን ክሳብ ዝርከብ ዝድከም ድኻም ዝሥራሕ ሥራሕን እትቕበሎ መንከራን እዩ" (ኪዳነ ወልድ፥ 1948: 301)። ንባዕልኻ፣ ንሃገር፣ ንወገን ወይ ንእትኣምኖ ኢልኻ ... ኣንጻርኻ፣ ኣንጻር ዝኣመንኻሉ ዕላማ፣ ወገንኻ፣ እምነትን ኃይማኖትን ጠጠው ምስ ዝበለ ኃይሊ እትገጥመሉን እትጋፈጠሉን ምስ ጻዕረ ሞት እትፋጠጠሉ ኣብ መወዳእታ እውን እትስየፈሉን ሕይወትኻ እተሕልፉሉን ጽንዓትን ትዕግሥትን ዝሓትት ፈተና ሥጋን ነብሥን እዩ (Kaplan, 2005: 351)። ኣብ ገድል ተጋዳሊ ከም ዘሎ ኩሉ ብሕማቕ ይኹን ብጽቡቕ ክትርጐም ዝኽእል ውጽኢት ልፍዓት ተጋዳሊ ድማ ኣሎ። ስለዚ ገድል ታሪካዊ ተጋድሎ፥ ጻድቃን፣ ሰማዕታትን ቅዱሳንን፥ ዘዘንቱ ስኑድ ሥነ ጽሑፍ እዩ (ጌታቸው፥ 2010: 77)። ኣብ መንፈሳውያን ተጋደልቲ ንውጽኢት ተጋድልኦም ከም ምስክርነት ዝሕሰብ ኣክሊልን ቃል ኪዳንን ከም ዘሎ ኩሉ ኣብ ዓለማውያን ተጋደልቲ ድማ ብታሪኽ ዝዝከርን ንወለዶ ዝሓልፍን ጅግንነት ኣሎ። እዚኦም ክልቲኦም ኣብ ሥነ ጽሑፍ ኣስኺል እዮም (Nosnitsin, 2005: 970)።

---

[21] ተጋዳሊ ዝብል ቃል ከከም ዘመኑንን ማኅበረሰባዊ ዘልማድን ፍትሒቱ ክልውጥ ዝኽእል ኣምር እዩ። ተጋዳሊነት ኣብ ብሉይ ሚቶሎጂ ዕድል ስለ ዝኾነ ገድሉ ካብ ተጋዳሊ ይቕድም። ተጋዳሊ ዝተቐመጠሉ ዕድል ንክፍጽምን ዝተዳለወሉ ፈተና ንክዋጻእን ይምረጽ። ዝተመረጸ ተጋዳሊ ክሳብ ዝውለድ ብዝተፈላለዩ ኃይልታት ይሕለ። ምስ ተወለደ ቅድሚ ምውላዱ ዝተሰናድኣሉ ገድል ይክውን። ተጋዳሊ ዝተቐመጠሉ ፈተና ከይዛዘመ ኣብ ዘይመዋዕሉ ከይመውት ኣብ ከይዲ ገድሉ ሓገዝ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ኣይፍለዮን። ተጋዳሊ ብኣካለ ሥጋ ሞይቱ ብመንፈስ ዝለዓል ኣብ ህልውናዊ ትንሣኤ ተፈጥሮኣዊ ወይ ሥነ ሕይወታዊ ሞት ዝሥልጥን ዓቢዩ ሰብ እዩ (ቴድሮስ፥ 2001: 152)።

ገድል፥ መንከራ፣ ስቃይን በደልን የርኢ። መጻኢ ዕድል ብጽቡቕ ብምምትስፋው ኣቐዲምኻ እትኽፍሎ ዋጋ መጻኢ ሕይወት እዩ። መጻኢ ሕይወት ብጽቡቕ ብምትስፋውን ህልው ሕይወት ንመንከራን ስቃይን ኣሕሊፍኻ ዝወሃበሉ፣ ህልው ሕይወት ኣብ ዓለመ ሥጋ ዝሳቐየሉ፣ ዓለመ ሥጋ ገዲፍኻ መጻኢ ነብሲ ዝበሃገሉ፣ ሰባት ሰብኣውነቶም ናብ ጻድቃን ሰማዕታትን ቅዱሳንን ዝብል ሥም ተቐይሩ ዝንገረሉ፣ ፈተናን መንካራን ሥጋ (ሕይወት) ገዚፉ ዝረአየሉ ዓለም እዩ። እዙ ከምዙይ ዝኣመሰለ ኩነትን ተርእዮን ኣብ መንፈሳዊ እምነት (ክርስትና) ርኡይን ተለምዶኣዊ (ልሙድ) ተግባርን እዩ (Kaplan, 2005: 357)።

ገድል ብሕይወትኻ ንእትነብሮ ዓለም ዘንዕቕ ሥጋኻን ኣዕፅምትኻን ኣብ ትሕቲ መሬት ገዲፍኻ ብነብስኻን መንፈስኻን ንእትኸዶ ዓለም ዘብህግ ንብተስፋ እምበር ብኣካለ ሥጋ ዘይትበጽሖን ብሕይትኻ ዘይትህውጾን ዓለም ክትብልን እትፍተኖ ፈተና፣ እትቕበሎ መንከራ፣ እትነብሮ ስቃይ፣ እትሰትዮ ጽዋዕ ሕልፈትን እትጕናጸፎ መንጠላዕተ ሞትን እዩ (Allan, 2000: 329)። "ገድል ድሒሩ ኣብ ዝመጽእ ትስፉው ዓለም ብጽቡቕ ንምንባር ሓዱሽ ተስፋ ብምስናቕ መንከራን ሽግርን ሥጋ ምቕባል የርኢ። ኣብ ካልኣዋይ ዓለምን 'ኣክሊል ቅድስና፣ ጽንዓት፣ ሰማእትነት ወይ ጸጋን በረከትን ክንረክብ ኢና' ብምባልን ጻድቃን፣ ሰማእታት፣ ቅዱሳን፣ ዝገብርዎ ተጋድሎ እዩ። ተግባራት ዓለመ ሥጋ ገዲፎም ብዝመነኑ፥ ጻድቃን፣ ሰማእታትን ቅዱሳን፥ ዝትግበር ሓዱሽ ክሥተት ጥራሕ ግና ኣይኰነን ብዓለማውያን እውን ዝካየድ እዩ" (Peter, 1981: 58)።

ገድል፥ ጻድቃን፣ ሰማእታትን ቅዱሳንን (መንፈሳውያን)፥ ጥራሕ ዝቕበልዎ ኣሰቃቒ ፍጻመ እንተይኰነስ ዓለማውያን ብደረጃ ኅብረተሰብን ማኅበረሰብን ዘለዉ ጉጅለታት እውን ምእንቲ ሃገሮምን ሕዝቦምን ኢሎም ከም ዝጋደሉን መንከራን ስቃይን ከም ዝቕበሉ ርዱእ እዩ (Marrassini, 1982: 76)። ስለ ዝኾነ ድማ "ገድል ቓልስን ውግእን ሰዓራይነትን ኣክሊልን ክሳብ ዝረኽቡ ዝዋጽእዎ ግቡእነት ዝቅበልዎ መንከራ እዩ። ምግዳል መንፈሳዊ ወይ ኃይማኖታዊ ሥጋዊ ወይ ዓለማዊ ክኸውን ይኽእል። ከከም ዓይነት ገድል ዕላማን ውጽኢትን ተጋድሎ ምስ ተጋድሎ ተተሓሒዙ ዝመጽእ በረከት መንፈሳዊ ወይ ቁሳዊ በረከት ይፈለለ እዩ። [...] ገድል ሕይወት ታሪኽ ቅዱሳን

ተጋድልኦም ዝዝክር ኣርኣያነቶምን ፀጋ በረከቶምን ዝነግር ዝንታው እዩ" (ቴዎድሮስ፥ 2008: 265-266)።

ከም ገለፃ ቴዎድሮስ ገድል፦ ህልኽ ዝመልኦ ቓልስን ውግእን ምክያድ፣ መንፈስ ሰዓራይነት ክሳብ እትጕናጸፍ ምስ ዝኾነ ይኹን ኃይሊ ምግፋጥ፣ ምጉናጽ፣ ብሰፊሑ ዝረአየሉ ከምኡ እውን ኣክሊልን በረከትን ክሳብ ዝርከብ ተጋዳሊ ዝቅበሎ መንከራ ከም ዝኾነ ዝገበር ምግዳል እውን መንፈሳዊ ወይ ሥጋዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ብኸምዙይ ዝተረኸበ ውጽኢት ዝነግር ሕይወት ታሪኽ ቅዱሳን ተጋድለኦም ዝዝክር ኣምሳልነቶምን ትሩፋት ጽንዓቶምን ዝነግር ዝንታወ ከም ዝኾነ ዘረጋገፀ ሓሳብ እዩ።

ገድል፦ መንፈሳዊ ዜና፣ ብሥራት፣ ወግዒ፣ ታሪኽ፣ መንከራ ቅዱሳን፣ ጻድቃን፣ ሰማእታት፣ ጸጋ ተጋድልኦም ዝነግር መጽሓፍ (ሥነ ጽሑፍ) እዩ። ከምኡ እውን ገድል ዝተጽሓፈሉ ተጋዳሊ ብዛዕብኡ ዝምልከቱ፦ ወግዕታት፣ ይትበሃላት፣ ታሪኻት፣ ዝተፈላለዩ ፍጻመታትን ብሕይወቱ ዝተቐበሎም ጸዋትው መንከራታትን ዝሓዘ ኣብ ጉዕዞ ተጋድልኡ ብተራዳኢነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝሠርሖም ተኣምራት ዝኸተበ፣ ዝተቐበሎን ዝረኸቦን ጸጋን ቃል ኪዳንን ብናቱ ቃል ኪዳን ኣመንቲ ክረክብዎ ዝኽእሉ በረከትን ድኅነት ሕይወትን ዘዘንትው ሥነ ጽሑፍ እዩ (ኪዳነ ወልድ፥ 1948: 301)።

ገድል መግለፂ ጽኑዕን ድልዱልን እምነትን ኃይማኖትን እምብለይ ብእምነተይ ኣይደራደርን እምነተይ ኣሕሊፈ ኣይህብን ንዕላማይ ክሥዋእ እየ ኣይሰዓርን ኢደይ እውን ኣይህብን ብምባል ጽኑዕ ቅዋምን ሓቃዊ እምነትን ዝረአየሉ ኰይኑ፣ ኣብ ብሉይሥነ ጽሑፍ ምስ እምነትን ኣምልኮን ፈጣር ይተሓሓዝ (Michael, 2005: 43)። እዙ ሓሳብ እዙይ "ገድል ቅዱሳንን ፃድቃንን ምእንቲ ልኡል እግዚኣብሔርን ምእንቲ ቅዱስ መስቀልን ከምኡ እውን ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ክብሉ መንከራ ተዓጊሶም፥ ብጾም፣ ብጸሎትን ብምናንን ካብ ዓለም ተፈልዮም ዝረኸብዎ ክብርን በረከትን ዝናገር እዩ" (Herbert, 1958: 4) ብዝብል ሓሳብ ይጠናኸር።

ገድል ዝበጽሖም መንከራን ስቃይን ብምዕጋስ፦ ናብ ሞት ዘብጽሕ ግርፋት ዝተገረፉ፣ መስሐችን መሳለችን ኰይኖም ኣብ ቤት ማእሠርቲ (ሞቅሕ) ዝተኣሠሩ፣ ብእምኒ ተወቒያም ዝሞቱ፣ ብምጋዝ ዝተቈረጹ፣ ብሰይፊ ዝተሰየፉ፣ ናብ ግሩማን ኣራዊት

ዝተደርበዩ፣ ብእሳት ዝተቓጸሉ፣ ኩሉ እናሰኣኑ መንከራ ዝተቐበሉ፣ ቈርበት ለቢሶም ዝተንከራተቱ፣ እምኒ ተተርኢሶም ጻምእ ጕረሮ (ጻምኣ ጉርኤ) ብኣለለይ ኣርሒሶም ምእንቲ እምነቶም ኢሎም ዝገበርዎ ተጋድሎ ዝነግረና መጽሓፍ እዩ" (ዕብ. 11፥ 33-38)።

ገድል፥ ቅዱሳንን ጻድቃንን፦ ቁሪ ለይትን ፀብኣ ኣጋንንትን ክኢሎምን ብጾምን ጸሎትን ስዒሮምን፣ መፍርሕን መርዐድን ዝኾነ ድምፂ ኣራዊት ተዓጊሶምን ሃሩር ፀሓይ ኣስሓይታ ወጋሕታ ተሸኪሞምን፣ ካብ ዓለማዊ ናብራን ሥጋዊ ተግባርን ርሒቖም ብነብሶም ንዝረክብዋ ዓለም ብምትስፋው ኣምላክ ንምግልጋል ዝፍጽምዎ ተጋድሎ እዩ። እዞም ኩሎም ፍጻመታት ዝሓዘ ሥነ ጽሑፍ (ዝንታወ) ገድል ይበሃል (Kaplan, 1997: 49)። ምኽንያቱ ገድል እምነት ተጋድሎ፥ ጻድቃን ሰማዕታትን፥ ዝዝክርን ብቕብኣ ነከራ (መንፈስ ቅዱስ) ጸጋ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ኣብ ልዕሊኦም ሓዲሩ ንኃይልታት ገባርያነ እከይ ከም ዝሰዓሩን ዘዘንትው ስለ ዝኾነ (Gurevich & Roberts, 1985: 130)። ስለዚ ገድል ብሓደ ገጽ መንከራን ስቃይን ዘመልክት ፍጻመ ብእቲ ካልእ ገጽ ድማ ተጋዳሊ ንዝገበሮ ተኣምር ዝረኸቦ መንከራን ስቃይ ሰኒዱ ዝሓዘ ሥነ ጽሑፍ (መጽሓፍ) ዘመልክቱ ክልተ ዓበይቲ ቁም ነገራት ዝሓዘ እዩ።

ገድልታት ብዓይኒ እምነት እንትረአዩን እንትግለፁን፦ ምጽላእን ምምናን ዓለማዊ ናብራ፣ ውጻእ ውረድን ከርተትን፣ ጥምየትን ዓጸባን፣ ተስፋን ቀቢጸ ተስፋን፣ ምንባርን ሕልፈትን፣ ምስያፍን ምርካብ ቃል ኪዳንን፣ ሰማእትነትን ኣክሊልን፥ ቅዱሳን፣ ጻድቃንን ሰማእታትን ዝነግሩ እንትኾኑ ብመዳይ ከዊንነት ፍልፍላት መጽናዕቲ ታሪክ፣ ኣዘነታትውኦም ምሥንግል ሓሳባትን ዝተዋቐርሉ ሜላን ርኢኻ ንምዕባለን ዕብየትን ዘመናዊ ሥነ ጽሑፍ ልዑል ግደ ኣለዎም (Kaplan, 1982: 97)።

ብመሠረት እናተገለፁ ዝመጹ ሓሳባት፥ ገድል ክልተ ትርጉም ኣለዎ። ምቕባል መንከራን ስቓይን ላዕልን ታሕትን ዓወትን ስዕረትን ብሕይወተ ሥጋ ንእትነብራ ዓለም ኣንዒቹ ብእግረ ሞት ንእትኸዳ ዓለም ምትስፋውን ምእንትኣ መሥዋእቲ ምኽፋልን ብካልእ ገጽ ድማ ኣብ ልዕሊ ተጋዳሊ ዝበጽሐ መንከራን ስቃይን ብተጋድልኡ፦ ዝገበሮ ተኣምር፣ ዝረኸቦ በረከተ ነብሲ ይኹን መርገመ ሥጋ ከቲቡ ዝሓዘ መኽዝንን

ማኅደርን ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾነ ሰነድ። ክልቲኦም ድማ ሓደ መልክዕ ዝንታወ እዮም (Nosnitsin, 2005: 974)።

## 2.1.7. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን

ኣብ ትሕቲ እዚ ንኡስ ርዕሲ ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾንሉም ምኽንያታትን ትሕዝቶታትን (ዓውድታትን) ቀሪቦም።

### 2.1.7.1. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ

ገድል ከም ማኅደር ኣገበባት ዝንታወ ተገይሩ ዝርአ፥ ዝንታወታትና ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብን ትእምርታዊ ኣገባብን ስለ ዘለውዎ እዩ (Cunningham, 1985: 123)።

#### 2.1.7.1.1. ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ

ገድል ማኅደር ዝንታወታት እዩ። ነዊኅ ገድላዊ ሕይወት (ታሪክ ሕይወት) ተጋዳሊ ድማ ብኃዊሩ የዘንተ፡ (Barnes, 2010: 18)። ኣብ ገድል ዘለዉ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ዘሪኡ ዝንታወታትና ኣብ ኣእምሮን ልቡናን ኣንባቢኦምን ሰማዒኦምን ካብ ኀሊና ዘይጠፍእ ተዘካሪ ምስሊ ዝገድፉን ትዕይንታዊ ብዝኾነ ኣገላልፃ ተጋድሎ ተጋዳሊ ዘዘንትዉን እዮም። ገድላዊ ፍጻመታት ብኣመክንዮ ኣሠናሚሎም ብምምጻእ ግብራዊ ምስሊ እትርኢ ዘለኻ መሲሉ ንክስመዐካ ዝገብሩ እዮም (Uytfanghe, 1988: 155-157)። ቀዳማይ ሓሳብ ኣብ ዝንታወ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣገባባት ዝንታወ ንኣኀጽሮት ይምልከት። ካልኣይ ሓሳብ ድማ ንትዕይንት ይገልፅ። "ገድል ገድላዊ ሕይወት ቅዱሳንን ክቡራት ውልቀ ሰባትን ዝሓዘ ሰነድ ኰይኑ መኽዝን ዝተፈላለዩ ኣገባባት ዝንታወ እዩ" (Cunningham, 1985: 83)።

ኣብ ገድል ኣብ ፍጻመታት ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ታሪክ ሕይወት ኣሎ። እቲ ኣገባብ፥ ታሪኽ ሕይወት ተጋዳሊ ይገልፅ። ንኣገደስቲ ፍጻመታት፣ ተኣምራትን ትምህርትን የጉልህ። ኣገባብ ዝንታውኡ ድማ ቀድም ስዓባዊ ዝኽተል ኾይኑ መብዛኀቲኡ ግዘ ካብ ልደት ክሳብ ሞት ዝኽይድን ንኣድለይቲ ገድላዊ ፍጻመታት ዝነግርን እዩ (Barnes, 2010: ix)። ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ምስ ሥነ

መለኮታዊ ኣገባብ ዝተሓላለዘ እዩ። ኣብ ሥነ መለኮታዊ ኣገባብ ረብሓ ኃይማኖትን ሞራላዊ ትምህርትን ኣለዉ። ኃይማኖታዊ ረብሓ ብዝምልከት ተጋዳሊ ምስ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዘለዎ ርክብ መንፈሳዊ ጉዕዝኡን ትምህርታዊ (ገድላዊ) ኣበርክትኡን ይድህስስ። ሞራላዊ ትምህርቲ ድማ ሥነ ምግባራዊ ትምህርትን ጽቡቕ ፀባያት ተጋዳልን ዘሪኡ እንትኾኑ ኣንበብቲ ንተፈጥሮኣዊ ባሕሪኦምን ደሓር ንዘማዕብልዎ ጽቡቕን ምስ ክምኡም ዝኣመሰለ ፍጡር ኣሳንዩ ዘኽይድን ፀባዮም ንክመስሉ የተባብዕ (Aigrain, 1953: 7–8)።

## 2.1.7.1.2. ተኣምራዊ ኣገባብ

ኣብ ተኣምራዊ ኣገባብ፥ ተኣምራዊ ዛንታታትን ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኣገባባትን ጐሊሆም ይረአዩ (Cressman, 2006: 284)። ተኣምራዊ ዛንታታት ብተጋዳሊ ዝፍጸሙ ንሰማዒ እጹብ ድንቅን መገረመትን ዝኾኑ ተኣምራዊ ተግባራት ዘማእኸለ ኰይኑ መለኮታዊ ምትእትታውን ፍሉይ ደረጃ ተጋዳልን ዘርኢ እዩ (Nosnitsin, 2005: 970)። ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ባእታታት እንተኾነ እውን መብዛንቲኡ ግዘ ንቅድስናን ብፅእናን ተጋዳሊ ዘጉልህ ራዕይን ተገልፆን ተጋዳሊ ብኣካለ ሥጋን ብዓጸደ ነፍስን ክገብሮም ዘይኽእል ካልኦት ፍሉያት ተኣምራዊ ፍጻመታትን የጠቓልል (Aigrain, 1953: 8)።

## 2.1.7.1.3. ትእምርታዊ ኣገባብ

ትእምርታዊ ኣገባብ ኣብ ዝብል፥ ተምሳሌታዊ ፍካረታትን ባህላዊ ዓውድን ኣለዉ። ኣብ ተምሳሌታዊ ፍካረታት ትእምርትታትን ፍሉያት ምልክታትን ተጠቒሙ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎም መንፈሳዊ መልእኽትታት የመሓላልፍ (Cunningham,1985: 71)። እዚ ድማ ብርክት ዝበሉ ፍካረታት ንምርካብ የኽእል። ባህላዊ ዓውዲ ብዝምልከት ድማ ንእቲ ናይቲ ዘመን ኅብረተሰባውን ባህላዊ ጸጋታትን ክብርታትን ዘንጸባርቕ ኰይኑ ንሕይወት ተጋዳሊ ተጠቒሙ ኣብ ሰፋሕቲ ባህላዊ ዛዕባታት ርእይቶ ይህብ (Cressman, 2006: 287)። ብዚ ዝግለፁ ዛዕባታት ወግዓዊ ኣገባብ ኣለዎም። ምኽንያቱ ወግዓዊ ኣገባብ ውልቃዊ ዛንታታትን ተዛመድቲ ዝንታወታትን ስለ ዝሕዝ። ውልቃዊ ዛንታታት፦ ንባሕሪ፣ ፀባይን ጽልዋን ተጋዳሊ ዘጉልሁ ዝንታወታትን ውልቃዊ ምስክርነትን የጠቓልል። ተዛመድቲ ዝንታወታት ድማ ንተጋዳሊ ብተዛመድቲ

ዛንታታትን ተመኩሮታትን ኣቢሉ ብዝበለጸ ናብ ኣንባቢ ተበጺሒ ይገብሮ (Cunningham, 1985: 94)።

ምስ ትእምርት ዝተሓሓዝ ካልእ ቤተ ክርስቲያናዊ ኣገባብ ኰይኑ ትካላዊ ኣረኣእያን ታሪካዊ ዓውድን ንዝብሉ ይሓቁፍ። ተጋዳሊ ኣብ ውሽጢ ቤተ እምነት (ክርስቲያን) ዘለዎ ግደን ኣብ ቤተ ክርስቲያናዊ ኣሠራርሓን እምነትን ዘለዎ ጽልዋን ይምርምር። ታሪካዊ ዓውዲ፦ ንጉባኤታት፣ ተሃድሶታትን ሥነ መለኮታዊ ክትዓትን ሓዊሱ ንተጋዳሊ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝዓበየ ዝንታው ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ትእምርት ገይሩ የቐምጦ (Getachew, 1993: 47)። ኣብዚ ከባብያዊ ልምድታትን ጥበባዊ ውክልናታትን ህልዋት እዮም። ከባብያዊ ልምድታት ክልላውን ከባብያውን ኣፈላላይ ልምዳዊ ኣኽብሮታት ዘንጸባርቕ ኰይኑ ተጋዳሊ ኣብ ውሽጢ ፍሉያት ወይ ውሱናት ማኅበረሰባት ዘለዎ ትርጉም ወይ ግደ የርኢ። ጥበባዊ ውክልናታት ተጋዳሊ ኣብ ኪነ ጥበብ ሙዚቃን ሥነ ጽሑፍን ብኸመይ ከምዝሠኣል ይነግር፤ ንባህላዊ መንነት ከም ዝጸልዎ ድማ የርኢ (Dawit, 2019: 126)።

ኣብ ትሕቲ ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታው ዝብል ርዕሲ ዝተገለፁ ሓሳባት፥ ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታው ከም ዝኾነ ዘትዕሉ እዮም። ገድል ተጋደልቲ ኣብ ሕይወት ዘመኖም ዝፈጸምዎም ጽቡቓት ሥነ ምግባራዊ ፀባያት ንምትሕልላፍ፦ ካብ ሥነ መለኮት፣ ሥነ ምግባር፣ ሥነ ጽሑፍን ሥነ ጥበብን ካልኦት ዓውደ ፍልጠታትን ብምውህሃድ ዘይምነዉን ምስሊ ፈጠርትን ኣገባባት ዝንታው ይጥቀሙ። ስሕበት ብምፍጣርን ነባሪ ኣስተምህሮ ምግዳፍን ኣማኒ ኣብ እምነቱ ክጸንዕ የኽእሉ። ብዚ ኣቢልኻ፦ መንነታዊ፣ ታሪካዊ፣ ፍልስፍናዊ፣ ባህላውን መንፈሳውን ቅርስታት ይዕቅቡ" (Cunningham, 1985: 79)።

ኣገባባት ዝንታው ኣብ መጽናዕቲ ክልስ ሓሳብ ሥነ ዝንታው ከም ሓደ ብልሓት ዝንታው ተገይሮም ዝውሰዱ እዮም። ብልሓት ዝንታው ድማ ዝተፈላለዩ ኣፍላጋተ፦ ኈስ፣ ፍካሬን ትንተናን ሥነ ጽሑፍ ዝሕዝ እዩ። ብዞም ዘይነጽፉ ፍልፍላት (ዘይነትጉ ኣፍላጋት) ኣቢልኻ ሓደ ሥነ ጽሑፍ ሒዝዎ ዘሎ፦ ሕገ ልቡና፣ ግብረ ገብነት፣ መዋቕር፣ ቅዲ፣ ቴማ፣ ባህሊ፣ መንነት፣ ታሪኽ፣ ፍልስፍናን ጥበብን ይፍክርን ይትንተንን።

### 2.1.7.2. ገድል ከም ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት

ገድል ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት ኣብ ገድል፦ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ መምህርን (ኣስተምህሮን) ሠራሒ ተኣምርን ተገይሩ ዝዝንተው ዛንታ ምህላዉ እዩ። እዚኦም ድማ ቦኽሪ ሓሳባት ዝተሰከሙ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዮም (Gregory & Greg, 2015: 390)።

#### 2.1.7.2.1. ተጋዳሊ ከም ጅግና

ገድል ተጋዳሊ ዝፈጸሞ ጅግንነታዊ ተጋድሎ የዘንቱ። ተጋዳሊ ብጅግንነት ዝተዋጽኦም፦ ዓለማዊ ፈተናታት፣ መንፈሳዊ ርትዕታት፣ ሓቅታት፣ ሕገ ልቡናውን ሞራላዊ ትምህርትን ንምትሕልላፍ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ይጥቀም። ምኽንያቱ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣንበብቲ ብዛዕባ፦ እምነት፣ ኃይማኖት፣ ኪዳን፣ ደግነት፣ ኃይሊ፣ ድኽመት፣ ተመክሮ ሰባትን ማኅበራዊ ርክብ ዘመልክቱ ዝተሓላለኹ ሓሳባትን ብቐሊሉ ንኽርድኡ ስለዘኽእሉ (Zewdie & Abba Petros, 2022: 353-354)።

ተጋዳሊ ከም ጅግና ኣብ ዝብል ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ተጋዳሊ ርኡይ ፈተናን መንከራን ዝሰገረሉ እዩ። እዚ ድማ ትእምርቲ ኣብ መንነ ሠናይን ክፉእን ዝግበር ቃልሲ እዩ። ገድላዊ ጉዕዝኡ ንብሉይ (ጥንታዊ) ተጋዳሊ ዝገብሮ ጉዕዞ ዘንጸባርቕ እንትኸውን ዝጋፈጦም ጸገማት ድማ ንውልቃዊ ለውጥን ኣክሊለ በረከትን ዘመልክቱ እዮም (Zewdie & Abba Petros, 2022: 352)። ሰማእትነት ዘይንቕነቕ ጽኑዕ እምነትን መሥዋእትን ዘንጸባርቕ እዩ። ሰማእታት መብዛኅቲኡ ግዘ ብሰንኪ እምነቶም፦ ተነጽሎ፣ መግረፍቲ፣ መቐሰልቲ፣ ስደትን ሞትን የጋጥሞም። እዚ ድማ ከም ትእምርቲ ጽኑዕ እምነትን ናይ መወዳእታ ዋጋ እምነትን ኰይኑ የገልግል። ጅግንነት ተጋዳሊ እውን ብዙይ ይልካዕ (Brown, 1981: 90)።

#### 2.1.7.2.2. ኣስተምህሮ

ተጋደልቲ መብዛኅቲኡ ግዘ መምህራንን መራሕትን ኰይኖም፦ ጥበብ ዓለምን መንከርኡን፣ ተስፋን ቀቢጸ ተስፋን፣ ህላወን ተነጽሎን ኣመልኪቶም መንፈሳውን ሥጋውን ርድኢት ንክህልወና ኣብ ተጋድሎ ሕይወቶም ዘጥረይዎ ተመክሮ የካፍሉን

የምህሩን (Saint-Laurent, 2015: 20)። እዚ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞ ኣገዳስነት ፍልጠትን ርድኢትን ዘጉልህ ዓውደ ፍልጠት እዩ። ንስሓን ድኅነትን ዘንጸባርቕን ዘምህርን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ እዩ (Anna, 2020: 2)። ኃጢኣት ዝገበሩ ወይ ካብ መንገዲ እምነት (ማኅበራዊ ህላወ) ዝወጹ ሕድገት፣ ይቕርታን ለውጥን ዝደልዩ ኃይልታትን ተኽእሎ ሕድገት መለኮታዊ ኃይልን ኣጉሊሁ የርኢ (Duffy, 2012: 92)።

## 2.1.7.2.3. ምሥራሕ ተኣምር

ተጋደልቲ መብዛኒቲኡ ግዘ ተኣምር ከም ዘርእዩን ከም ዝፍጽሙን ተገይሮም ይሠኣሉ። እዚ ድማ ትእምርቲ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ (መለኮታዊ) ኃይልን ኃይሊ እምነትን እዩ (Hughes, 1972: 219)። ኣብ መንጎ ምድራውን ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይልን ዘሎ እምነታዊ ምትእስሳር ድማ የመልክት። ተቤዝዎ ወይ በይዛነት የርኢ። ተጋዳሊ ንካልኦት ድኅነት ዝልምነሉ ኣብ ክንዲ ካልኦት፦ ዝእሠረሉ፣ ዝግረፈሉ፣ ዝስየፈሉ ... ምትእስሳር ርኅራኄን ሰብኣውነትን ዝረአየሉ እዩ። ተጋዳሊ ኣብ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዘለዎ ልዑል ፍቕርን ኣስተምህሮ መንፈሳዊ ጸጋታትን ድማ የርኢ። ተጋዳሊ ብጽንዓት ተጋድልኡ ዝገበሮ ተኣምርን ኣብ ልዕሊ ተጋዳሊ ዝተገበረ ተኣምርን ዝሓዘ ዛንታ ዝፍክረሉ እዩ (Robert, 1993:567-570)።

ተጋዳሊ፦ ከም ጅግና፣ ኣስተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን ገድል ከቲቡ ዝሓዞም ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዮም (Natalya, 2021: 231)። ከምኡ እውን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፦ ንተጋድሎ ሕይወት ቅዱሳን፣ ጻድቃን፣ ብፁዓንን ሰማእታትን ንምዝንታው ጥራሕ ዘይኮኑ ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ ኣመንቲ ንምልዕዓል፦ ታሪኽ፣ እምነት፣ መንነት፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ግብረ ገብነትን ሕገ ልቡናን ንምምሃር እውን የገልግሉ። ኣንበብቲ ከም ዚኦም ዝበሉ ሚታዊ ዝኾኑ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ብዝግባእ ብምፍላይን ብምርዳእን ገድልታት ሰኒዶም (ከቢቶም) ዝሓዝዎ ግዘ ዘይስዕሮ ትምህርትን ፍልጠትን ብዝበለጸ ክርድእዎ የኽእሉ (Joghee, 2022: 1535)።

ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ግምት ዘይተመሥረቱ ሥሩት ፍልጠታት እዮም። ሰብን ዓለሙን፣ ተፈጥሮ፣ ነገረ ተፈጥሮን ባሕሪ ሰብን መስተጋብር ሕይወቱን

ክትግንዘብን ክትርዳእን ዝገብሩ ፍልጠታት እዮም። ስለዚ ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታት፥ ውሉዳት ንቑሕነሊና፣ ፍረ ኣእምሮ፣ ዓሰቢ ህላወ እዮም ክበሃሉ ይኽእሉ። "ከም ዚኦም ዝኣመሰሉ ቦኽሪ ፍልጠታት ኣብ ገድል ተኸቲቦም ስለ እንረኽቦም እዩ 'ገድል ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዩ' እንብሎ" (Bodkin, 1934: 9)።

## 2.2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ቅዱማት መጽናዕትታት

መጽንዓይ፥ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንመማልኢ ካልኣይን ሣልሣይን ድግሪ ዝተሠርሑ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ካብ ቤተ መጻሕፍትን መርበብ ሓበሬታን ረኺቡ። ምስዚ መጽናዕቲ ዘለዎም ዝምድናን ኣፈላላይን ንምርኣይ ድማ ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ሓተታ ተገይርሎም።

ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ካብ ዝተሠርሑ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፦ Haile Gezae (2013) “Narrative Time and Mode in Minkuhkuwah Zeyfleyelu Mae’tso and Hezike Nabey” ዝብል ሓደ እዩ። መጽናዕቲ Haile (2013) ብግዘ ዝንታወን ኣገባብን ንክልተ ልቢ ወለዳት ትግርኛ ዝረአየ እዩ። እቶም ልቢ ወለዳት ብእዞም ሚላታት ሥነ ዝንታወ ዝተዋቐሩ ከም ዝኾኑ ኣርእዩ። ስለዚ መጽናዕቲ Haile (2013)፣ ምስ እዚ መጽናዕቲ፣ ብሥነ ዝንታወ ካብ ሥነ ዝንታወ ድማ ብኣገባብ ዝንታወ ዝረኸቡ ኰይኖም፣ ብቅዲ፣ ብዓይነት ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ሥነ ጽሑፋት፣ ከምኡ እውን ብዘመናውን ጥንታውን (ብሉይ) ዝፈላለዩ እዮም። Haile (2013) ብዓይነት ሥነ ጽሑፍ፥ ንክልተ ልቢ ወለዳት ትግርኛ ገምጊሙ። ብዓይነት ቋንቋ ጽሑፍ እውን ብትግርኛ ዝተጽሐፈ ኰይኑ ብመንጽር ግዘ ድማ ኣብ ዘመናዊ ሥነ ጽሑፍ ሪኡ። እዚ መጽናዕቲ ግና ብዓይነት ሥነ ጽሑፍ "ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን" ብዓይነት ቋንቋ ጽሑፍ ግእዝ፣ ብዘመን ድማ ኣብ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ብምኳኑ ካብ መጽናዕቲ Haile (2013) ዝተፈለየ እዩ።

Marissa Carolina (2009) “Tomorrow Is Forever: Examining Narrative Structure And Cultural Archetypes In Three Mexican Telenovelas” ብዝብል ርዕሲ መጽናዕቲ፣ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ዘጽንዐ እዩ። ዝገበሮ መጽናዕቲ ኣብ ሕዝባዊ ባህሊ ሜክሲኮ ዘመልከተ፥ ሠለስተ ኖቬላታት ኰይኑ፣ ዝንታወታቶም፣ ተረዳድኣዊ ሓተታ፣ ርእዮተ ዓለማዊ ትርጉም ኣብ ዘሪኡ ዛንታታትን ሚታትን ናይቲ ባህሊ ከም ዝኾነ ገሊፁ።

ዓይነት መጽናዕቱ ጽሑፋዊ ትንተና ከም ዝኾነ ብምግላፅ ኣብ መርበብ ቋንቋ ስፓንኛ፥ ላስ ቶንታስ ኖ ቫን ኣል ሲየሎ፣ ኩይዳዶ ኮን ኤል ኣንጀልን ማናና ኤስ ፓራ ሲምፕረን (Las Tontas No Van al Cielo, Cuidado con el Ángel, and Mañana Es Para Siempre)፣ ኣብ ዝብሉ ሠለስተ ሜክሲካውያን ቴለኖቬላታት ብዕምቈት ጽሑፋዊ ትንተና ከም ዝገበረ ኣርእዩ። ካብ ረቡዕ ክሳብ ረቡዕ 25 ለካቲት - 4 መጋቢት 2009 ዝነበረ ናይ ሓደ ሰሙን ፍጻመታት (episodes) ተተንቲኑ። ዕላማ ናይዚ ጽሑፋዊ ትንተና፣ ዝንታወ ብኸመይ ከም ዝሕነጽን፡ ከመይ ዓይነት ፍሉያት ባህላዊ ባእታታት፣ ገጸ ባሕሪ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት (character archetypes)፣ ቴማ ደርፍታትን ምስለ ሓሳብን ናይቶም ቴሌኖቬላታት ብመንገዲ ባእታታት ዝንታወ ከም ዝግለፁን ንምፍታሽ እዩ። መጽናዕቱ፣ ብዛዕባ ታሪኻዊ መሠረት ናይቶም ኣብዘን ቴለኖቬላታት ዝተርኣዩ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ምርዳእን ንመዋ`ቕር ዝንታወ ምርዳእ ዝሕግዝ መቓን ምምጻእን እዩ። ንመዋ`ቕር ዝንታወን ገጸ ባሕሪ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንምትንታን እውን ብልሓት ቅርጻውያን ከም ዝተጠቐመ ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ፣ ውሱናት ተግባራት ዝንታወ፣ ንመዓልታዊ ሓጐስ እቶም ቀንዲ መጻምድቲ ንምዕጋት ብኸመይ ከም ዝጥቀምሉ ዝገልፅ መቓን ኣምጺኡ። ኣብ ቴሌኖቬላታት ዝርከቡ ተግባራት ብምምርማር፣ ውዲታት መስመር ዛንታታት ምስ ገጸ ባሕሪ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ተመሳልቲ ከም ዝኾኑ ይገልፅ። ታሪካዊ ምስልታትን ጾታዊ ግደታትን ኣብ ውሽጢ ቴለኖቬላታት ብኸመይ ከም ዝቐርቡን ከም ዝረአዩን ኣብ ምምርማርን ምርዳእን ዘሎ ተበግሶ ኣካል ሥነ ጽሑፍ እውን ኣበርክቶ ከም ዝገብር ኣርእዩ። ቴሌኖቬላታት ንዝተራቐቐ ቀድም ስዓብ ኣርእስታት፣ ባእታታት ዝንታወን ፍሉያት ባህላዊ ኣንድምታን ብናይ ባዕሎም ቅርጺ ብኸመይ ከም ዝገልጽዎ ንምርኣይ ዘኽእሉ ምኽኒያም ደምዲሙ። Marissa (2009)፣ ዘቕረቦ መጽናዕቲ ናብ ትግርኛ እንትትርጐም፣ "ጽባሕ ቀጻሊ እዩ፤ ምምርማር መዋ`ቕር ዝንታወን ባህላዊ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ሠለስተ ቴሌኖቬላታት ሜክሲካዊ" ዝብል እዩ። ብጽሑፋዊ ትንተና፣ መዋ`ቕር ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምስ እዚ መጽናዕቲ ይመሳሰል። ብብሉይ ሥነ ጽሑፍ (ገድል)፣ በይነ ዲስፕሊናዊ ሜላ፣ ግዘን ቅዲ ኣቀራርባን ድማ ካብዚ መጽናዕቲ ይፍለ።

Ephrem Eshete (1999) ድማ፣ “Narrative Techniques of Three Selected Ethiopian Hagiographies” ብዝብል ርዕሲ መጽናዕቲ፣ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ኣብ ዘቕረቦ ሥራሕ፣ መዋቕር ዝንታወ፣ ኣሰኣእላ ገጸ ባሕርያትን ግዘ ዝንታወን ኣብ ውሽጢ ዝተመረጹ ሠለስተ ገድልታት ኢትዮጵያ፣ ዝቐረብሉ መንገዲ ንምጽናዕ ዕላማ ገይሩ ድኅሪ ምልዓሉ፣ እንታይነት ዝንታወ ኣመልኪቶም ዝተፈላለዩ ምሁራት ዝሃብዎም ብያነ ጠቒሱ። መዋቕር ዝንታወን ኣሰኣእላ ገጸ ባሕርያትን ንምርኣይ ኣብ ሓሳባት፥ Propp፣ Barthes፣ Rimmon-Kenan፣ Greimasን ሓሳባት ካልኦት ምሁራትን ከም ዝተመርኰሰ፣ ግዘ ዝንታወ ብዝምልከት ድማ Genette፣ Rimmon-Kenanን Metzን ዘቕረብዎም ሓሳባት ደገፍቲ ምግባሩ ሓቢሩ። ኣብ ትንታነ ድማ፥ ገድለ ገብረ መንፈስ ቅዱስ፣ ገብረ ክርስቶስን ክርስቶስ ሠምራን ብሜላ ሕርያ መሪጹ፣ ብልሓት ዝንታውኦም ሪኡ። ኣብ መጠቓለሊኡ እውን ጸሓፍቲ እቶም ሠለስተ ገድልታት ብልሓታት ዝንታወ ከም ዝተጠቐሙ ገሊፁ።

Yimam Werkneh (2008) "Narrative Techniques in the Holy Qur'an with Special Reference to the Five Surahs (Chapters)." ብዝብል ብቋንቋ እንግሊዝኛ መጽናዕቲ ዝገበረ እዩ። እዚ ንመርአዩ ዝተጠቐመሉ ክልስ ሓሳባዊ መቓን መጽናዕቲ፣ ሜላ ዝንታወ እዩ። ቀንዲ እዚ ኰይኑ፣ ንዝንታወ ድምፀት፣ ግዘ ዝንታወ፣ ቅዲ ዝንታወ፣ ገጸ ባሕርን ኣሰኣእላ ገጸ ባሕርን ፈትሹ። ብፍላይ ግዘ ዝንታወ ኣብ ዝብል ርዕሲ፥ ቀድም ስዓብ፣ ጻንሒትን ድግግምን ዝብሉ ዝረአየ እንትኸውን ንእዚኦም ብሜላ ዝንታወ እምበር፣ ብግዘ ዝንታወ ዛንታን ግዘ ዝንታወ ሓተታን ኣይርአዮምን። ቁርዓን ብዝንታወ ድምፀት፣ ብልዕለ ሓቲታዊ ድምፀት ከም ዝዘንቶን ኣብ እተን ከም መርኣያ ዝወሰደን ምዕራፋት ዘሎ ኣዘንታዊ፣ ባዕሉ እቲ ጸሓፊ ወይ ፈጣሪ ከም ዝኾነን ኣብ ውጽኢቱ (Hence, the sample chapters are narrated by their author, “God”) ብምባል ኣቐሚጡ። ብቑሉዕ ኣዘንታዊ ከም ዝዝንቶ እውን ውጽኢት መጽናዕቱ የመልክት። ብግዘ ዝንታወ እውን ምልሰትን ትንቢትን ከም ዝበዝሖ የርኢ። ኣገባብ ኣዘነታትውኡ እውን መሳጥን ሰሓብን ቅዲ ከም ዘለዎ ይሕብር። ብገጸ ባሕርያት እንተኾነ እውን ከም ዓለማዊ ልቢ ወለድ፣ ዝተፈላለዩ ገጸ ባሕርያት ብዝተፈላለዩ ኩነት ተቐሪጸም ከም ዝቐረቡን፣ እቶም ገጸ ባሕርያት ብኣቀራርጽኦም ተኣመንትን ዘየወላውሉን ከም ዝኾኑ፣ ኣርጊጹ ደምዲሙ። እዚ መጽናዕቲ ብሜላ ዝንታወ፣ ብሉይነት ንመጽናዕቲ

ዝተሓረየ ሰነድ፣ ምስዚ መጽናዕቲ እንትራኸብ፤ ብዓይነት ሰነድ፣ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታትን ብዝብሉ መርኣዩ መነጽራት ይፍለ።

Zenebe Desta (2003)፣ “Narrative Time Analysis In Tä'amm∂ ∂∂ ∂Rä Maryam” ብዝብል ርዕሲ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ መጽናዕቲ ኣካይዱ። Zenebe (2003) ግዘ ዝንታወ ኣብ ተኣምረ ማርያም እንትርኢ፣ ንእቲ ግእዝ እንተይኰነስ ንትርጉም ኣምሓርኛ ፈትሹ። ከምኡ እውን መጽንዒ፣ ኣብ መጽናዕቱ፣ ግዘ ዝንታወ ዝምልከት ኣብ ሓሳባት፥ Genetteን Rimmon-Kenanን መሠረት ከም ዝገበረ፣ ብሓሳባት እቶም ምሁራን ገይሩ፣ ንተኣምረ ማርያም ከም ዝተንተንን ርኽብን ተዛምዶን ግዘ ዛንታን ግዘ ሓተታን ንምግላፅ ከም ዝፈተንን ገሊፁ። ንመጽናዕቱ ከም መርኣዩ ዝተጠቐመሎም ሜላታት ግዘ ዝንታወ፥ ቀድም ስዓብ፣ ጻኒሕትን ድግግምን ግዘ፣ ከም ዝኾኑ ጠቒሙ። ብመሠረት እዚ፣ ኣብ ውሽጢ ተኣምረ ማርያም ዘለዉ ተኣምራት ዝቐረብሉ ግዘ ዝንታወ፣ ከም ዝተኸሠትሉ ብቀድም ስዓብ ከም ዝኾኑን ምልሰትን ትንቢትን ኣብ ውሽጢ እቶም ተኣምራት ከም ዘይርከቡን ገሊፁ። እዚ ድማ ተኣምረ ማርያም፣ ካብ ካልኦት ዝንታወታት ዝተፈለየ ገጽታ ንክህልዎ ምግባሩን እቲ ተኣምር ምስ ሃገረሰባዊ ነበረያ ነበረ ተመሳሳልነት ዘለዎ ከም ዝኾነን ኣርእዩ። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ሓደ ብልሓት ዝንታወን መጽሓፍን ጥራሕ ትኹረት ዝገበረ ምኳኑ፣ መጽንዒ፣ ነገራት ብጥልቀት ክርኢ ሓጊዝዎ። ስለዚ መጽናዕቲ Zenebe Desta ብሜላ ዝንታወ ንብሉይ ሥነ ጽሑፍ ምርኣዩ ምስ እዚ መጽናዕቲ እንትራኸብ፤ መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ ግና፣ ኣካይድዎ ዘሎ መጽናዕቲ፣ ኣብ ገድልታት ምኳኑን ካብ ሜላ ዝንታወ ብተወሳኺ ነገረ መበቑላዊ ትሕዝቶታት ምክታቱን ዝሪኦ ጽሑፍ እውን ንትርጉም እንተይኰነስ ብግእዝ ዝተጽሓፈ ቦኽሪ ጽሑፍ ዝርኢ ምኳኑን ፍሉይ ይገብሮ።

Desaleign Gebeyehu (2010) "Narratology in Films: With Reference to Two Amharic Films— ‘Wubetin Felega’ and ‘Siryet’." ብዝብል ርዕሲ፣ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ብቋንቋ እንግሊዝኛ መጽናዕቲ ኣካይዱ። መጽንዒ፣ ንእተን ክልተ ናይ ኣምሓርኛ ፊልምታት፣ መርኣዩ ዝተጠቐመሉ ክልሰ ሓሳብ፣ ሥነ ዝንታወኣዊ መዋቕራት ኰይኑ፣ መዋቕር ውዲት እተን ፊልምታት፥ መዓበይ፣ ገጸ ባሕርን ኣሰኣእላ ገጸ ባሕርን፣ ኣትኩሮት፣ ድምፀት ተኸታተልቲ ዝንታወ፣ ምልሰት፣ ትንቢት፣ ኣብ ምርኢት ዘሎ ድምፅን ኣብ ምስልታት ዘሎ ቃናን ፈትሹ። ብዚ መሠረት እንትርአ፣

ውበትን ፍሊጋ፣ "መዋቕራዊ ቅቡልነት ኣለዋ፤ መዋቕር ውዲት እውን ብናይ ዝንታው መዋቕር ፊልም ኣማሊኣ እትኸይድ እያ" ይብል። ካብ ፊልሚ ስርየት ብኩለመንኣ ከም ዝሐሸት እቲ ውጽኢት የመልክት። ብዚ መዐቀኒ እንትርአ፣ ኣብ ውዲት ክፍተት ከም ዘይብሉ፣ መዓበይ እውን ቅቡሉን ተኣማንን ከም ዝኾነ፣ ስርየት ብመንጽር ውበትን ፍሊጋ እንትርአ ግና ግነት ከም ዘለዋ ገሊፁ።

Melkamu Teshome (2010) "Narrative voice as applied to dhaba Woyessa's godaannisa and gurraacha abbayyaa: a comparative study." ብዝብል ርዕሲ መጽናዕቲ፣ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ዘጽንዐ እዩ። መርአዪ ክልስ ሓሳቡ፣ ድምፀት ዝገበረ ኰይኑ፣ ንጽጽራዊ መጽናዕቲ እዩ። እዚ እውን ኣብ እተን ክልተ ጽሑፋት፣ ንዓይነታት ዝንታው ድምፀት መሠረት ብምግባር፥ ፍልፍል ኣዘንታዊ፣ ክያዶታት ኣዘንታዊ፣ ኣዘንታዊ ምስ እቲ ጽሑፍ ዘለዎ ርክብ፣ ደረጃ ለባዊነት ኣዘንታዊ፣ ርክብ ግዘን ተኣማንነትን ፈትሹ። ብዚ ድማ፣ ሓደ ጸሓፊ ዝተፈላለዩ ሜላታት ድምፀት ኣዘነታትዋ ከም ዝዋቀም ደምዲሙ። "ኣብ Godaannisa ሰባዊ ባሕሪ ዝተላበሰ ድምፀት ኣነ ብዝብል ክንዲ ሥምን ስሙ ብምግላፅን እንተ ዘንቱ፤ ኣብ Gurraacha Abbayyaa ናይ ባዕሉ ድምፀት እናሓብአ ብናይ ካልኦት እዩ ዝነግር" ብምባል ዝረኸቦ ውጽኢት የርኢ።

Hiwet Walelgn ((2012)፣ "Narrative Technique of Adam Reta's Gracha Qachiloch: Stream-of-Consciousness in Focus" ብዝብል ርዕሲ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ዝሰርሓቶ መጽናዕቲ እውን፣ ንመርአዪ ዝተጠቐመትሉ ክልስ ሓሳባዊ መቓን መጽናዕቲ፣ ብልሓት ዝንታው ኰይኑ፣ ኣብ ንቑሕነትን ፍካሬ ልቦናዊ ኣተሓሳስባን ትኹረት ዝገበረ እዩ። ኣብ ንመጽናዕቲ ዝሓረየቶ ጽሑፍ፣ ብልሓት ዋሕዚ ንቑሕነት እንታይ ከም ዝመስል ሪኣ። ብዚ መሠረት ጸሓፊ ብልሓት ዋሕዚ ንቑሕነት ከም ዝተጠቐመን ጽሑፉ እውን እዚ ከም ዘርእን ገሊፃ።

Assefa Mekonen (2009) "A Study Of Narrative Technique In Adafris And Grachakachiloch: Point Of View And Speech And Thought Presentation In Focus" ብዝብል ርዕሲ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ዘጽንየ መጽናዕቲ፣ ንመርአዪ ዝተጠቐመሉ ክልስ ሓሳባዊ መቓን መጽናዕቲ፣ ብልሓት ዝንታው እዩ። ብዚ ኣቢሉ ድማ ኣብ እተን ልቢ ወለዳት፥ ንዝንታው፣ ዝርርብን ኣብ ገለፃ ዘሎ ኣተሓሳስባን

ሪኡ። ብዚ ድማ፣ ብልሓት ዝንታወ፣ ኣብ እተን ልቢ ወለዳት ኪናዊ ጽባቐ ንክህሉ ዝለዓለ ግደ ከም ዝተፃወተ፣ ኣብ ውጽኢቱ ኣርእዩ። ዝንታወ፣ ዝርርብን ኣብ ገለፃ ዘሎ ኣተሓሳስባን ዝብሉ ብልሓት ዝንታወ፣ ኣብ እተን ልቢ ወለዳት ተሳፊጦም ብብምጽኦም፣ መሠረታዊ ዝኾነ ምዕቡል ብልሓት ኣዘነታትዋ ከም ዘለወን ገሊፁ። አደፍርስ፥ ንሱ፣ ንሳ፣ ናቱ፣ ናታ፣ ናታቶም፣ ብዝብሉ ሜልሳይ መደብ ኣዘነታትዋ ከም እትዝንቶ፤ ግራጫ ቃጭሎች ድማ ብኣንጻሩ፣ ኣነ፣ ናተይ፣ ብዝብል ቀዳማይ መደብ ኣዘንታዊ ከም እትዝንቶ ሓቢሩ። ኣብ አደፍርስ ዘሎ ዝርርብ ቀጥታዊ ዝርርብ ጥራሕ እንትኸውን፣ ኣብ ግራጫ ቃጭሎች ዘሎ ዝርርብ ግና፣ "ቀጥታዊ፣ ነጻ ቀጥታዊ፣ ኢቀጥታውን ነጻ ኢቀጥታውን እዩ" ይብል።

ሃፍተ ንጉሥ (2011) "ግዘ ዝንታወ ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ" ብዝብል ርዕሲ ንመማልኢ ካልኣይ ድግሪ ብቋንቋ ትግርኛ መጽናዕቱ ዝሠርሐ እዩ። መጽሓፍ ተኣምረ ኢየሱስ ካብ እቶም ዓብዪ ትኹረት ዝወሃቦም ብሉያት ኃይማኖታዊ መጻሕፍቲ ሓደ ከም ዝኾነ ሓቢሩ። መጽናዕቱ፣ ግዘ ዝንታወ ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ ብመንጽር፥ ቀድም ስዓብ፣ ጻንሒትን ድግግምን ዝብሉ መግለፅታት ግዘ ዝንታወ ከም ዝረአየ ገሊፁ። ንብሉይ ሥነ ጽሑፍ ብዘመናዊ መርኣዪ [ግዘ ዝንታወ] ምርኣዩ፣ ዝተፈላለዩ ብፍላይ ድማ ኃይማኖታዊ መጻሕፍቲ ዝቐርብሉ ብልሓት ዝንታወ እንታይ ከም ዝመስል ንምግንዛብ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ረብሓ ከም ዝህልዎ ኣርእዩ። ዓይነት መጽናዕቱ ድማ፣ ድርሳናዊ (ድረሳዊ) ወይ መጽሓፍ መሠረት ዝገበረ መጽናዕቲ ስለ ዝኾነ ብዓይነቱ ዳህሳስ ሰነድ ከም ዝኾነ ኣነጺሩ። ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ ዘለዉ መግለፅታት ግዘ ዝንታወ ንምርኣይ ድማ ገለፃዊ ትንታነ ከም ዝተጠቐመ፤ ብመሠረት እዚ ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ ዘለዉ ታሪኻት (ተኣምራት) ብሥርዓት ግዘ ዝንታወ፥ ቀድም ስዓብ፣ ጻንሒትን ድግግምን ዝዝንተዉ ምዃኖም ኣረጋጊጹ። ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ ዝርከብ ብልሓት ግዘ ዝንታወ፥ ቀድም ሰዓብ ድማ፥ ተርታ፣ ምልሰትን ትንቢትን ብሰፊሑ ተተግቢሮም ከምዝርከቡ፤ ብተመሳሳሊ ኣብ ጻንሒት ዝርኣዩ ናህሪ (ቅልጣፈ)፣ ግድፈትን ደውታን ኣብ ግዘ ዝንታወ ተኣምረ ኢየሱስ ተግባራዊ ምዃኖም ምርግጋፅ ምኽኣሉ፤ ኣብ ትሕቲ ብልሓት ዝንታወ ድግግም ዝግሃዱ ነጸላዊ፣ ድግግማውን ክልልሳውን መግለፅታት ግዘ ዝንታወ እውን ኣብ ግዘ ዝንታወ ተኣምረ ኢየሱስ ተተግቢሮም ይርከቡ ክብል ደምዲሙ።

ብኻልኣይ ደረጃ ዝተጻህሰሱ ንመማልኢ ማልሳይ ድግሪ ዝቐረቡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት እዮም። ካብ መንጎ ንመማልኢ ማልሳይ ድግሪ ዝተሠርሑ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ንክልስ ሓሳባትን ሥነ ዝንታወ፣ ብልሓታት ዝንታወን ኣገባባትን መርኣዩ ገይሮም ዝተሠርሑ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዳህሳስ ተገይሮሎም። እቶም መጽናዕታዊ ጽሑፋት፥ ብዮሴፍ ጌትነት (2012)፣ ብኣየለ ፍቅሬ (2007)፣ Elizabeth M. G. Krajewski (2015)ን Taye Assefa (1986) ን ዝተሠርሑ እዮም።

ዮሴፍ ጌትነት (2011)፣ "የትረካ ድምጽ እና አተኩሮ በተመረጡ የአማርኛ የወንጀል ክትትል ረጅም ልበወለዶች" ብዝብል ርዕሲ ንመማልኢ ማልሳይ ድግሪ ዝሠርሖ መጽናዕቲ፣ ልቢ ወለድ ክትትል ገበን፣ ኣብ ምሥጢራዊ ዝኾኑ ከበድቲ ፍጻመታት ገበን ብምምሥራት፣ ፈጻሚ ገበን መን ከም ዝኾነ፣ ገበኑ፣ ንምንታይ፣ ኣበይ፣ መዓዝን ከመይ ከም ዝፈጸሞ፣ ብዝተፈላለዩ ብልሓታት ምርመራ፣ ብኽእለትን ብቕዓትን መርማሪ፣ ገበነኛ ዝጋለፀሉን ንፍርዲ ዝቐርበሉን ከይዲ ዘዘንትው ዓይነት ሥነ ጽሑፍ ከም ዝኾነ ብምግላፅ፤ ደረስቲ ንመጽናዕቲ ዝሓረዮም ሥነ ጽሑፋት፣ ዛንታ እቶም ኣብ ክትትል ገበን ተመሥሪቶም ዝተሠርሑ ልቢ ወለዳት፣ ናብ ኣንባቢ ንምቕራብ ካብ ውሽጢ ዝመረጽዎም ብልሓታት ዝንታወ፣ ዝንታወ ድምፀትን ኣትኩሮትን ከመይ ከም ዝቐረቡን ንምንታይ ኣገልግሎት ከም ዝወዓሉ፣ ንዛንታ እቶም ልቢ ወለዳት ዘለዎ ኪናዊ ረብሓ፣ ዘምጽኦ ድኽመት እንታይ ከም ዝኾነ መርሚሩን ተንቲኑን ምርኣይ ከም ዝኾነ ገሊፁ። ንመጽናዕቲ ዝሓረዮም ልቢ ወለዳት፣ ካብ ውሽጢ 1970ታት ክሳብ 2004 ዓ.ም. ዝተኃተሙ ነዋኀቲ ልቢ ወለዳት ክትትል ገበን፣ ብብልሓት ዕላማዊ መረጻ ካብ ዓሠርተ ሓደ ብምምራጽ ከም ዝተንተነ ኣርእዩ። ንመጽናዕቲ ዝሓረዮም ነዋኀቲ ልቢ ወለዳት ድማ፥ ናይ ይልማ ሀብተየስ አጋጣሚ (1979)፣ ፈቃደ ዮሐንስ ሠንሠለት (1983)፣ ገስጥ ተጫኔ የፍቅር ቃንዛ (1992)፣ ጌቱ ሶሬሳ የአመጻ ብድራት (2004)፣ ዝብሉ ከም ዝኾኑ የርኢ። ንምትንታን ዝተጠቐመሉ ሜላ ትንተና፣ ጽሑፋዊ ትንተና ከም ዝኾነ፣ ኣቀራርባ ዝንታወ፣ ልቢ ወለዳት፥ አጋጣሚ፣ ሠንሠለትን ናይ ፍቕሪ ቃንዛን ኣብ ውሽጢ ፍጻመ እቲ ዛንታ ምንም ዓይነት ተሳትፎ ብዘይብሎም ደጋውን ሕቡእን ኣዘንተውቲ ከም ዝዝንተዉ፣ ዘንታዊ ልቢ ወለድ የአመጻ ብድራት ግና ኣካል እቲ ዛንታን ቀንዲ ተሳታፊ ፍጻመን ብምዃኑ፣ ብረኣዩን ተሳታፍን ገጸ ባሕሪ ዝቐረበ እዩ ይብል። ኣብ ውሽጢ እቶም ልቢ ወለዳት ዘሎ ግዘ፥

ሕሉፍ፣ ህሉው፣ ቅጽበታውን ሃንደበታውን ብዝበሃሉ ብልሓታት ከም ዝግለፅ ጠቐሙ። ኣብ ውሽጢ ኩሎም ልቢ ወለዳት ክትትል ገበን ዝቐረበሉ ግዘ፣ ብህልው ግዘ እንትኸውን፣ ሕሉፍ መንነትን መዓበይን ገጸ ባሕርያት ንምርኣይ ድማ፣ ሕሉፍ ግዘ ዘመልክት ግዘ ከም ዝተጠቐሙ ኣብ ውጽኢቱ ኣርእዩ።

"የተረክ ጊዜ ትንተና በአማርኛ ረጅም ልበ ወለዶች" ብዝብል ርዕሲ፣ ብአየለ ፍቅሬ (2007)፣ ንመማልኢ ማልሳይ ድግሪ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዝቐረበ መጽናዕቲ፣ እንተኾነ እውን፣ ትንተና ግዘ ዝንታወ Genette መሠረት ብምግባር፣ ካብ 1901 ዓ.ም. ጀሚሮም ክሳብ 1962 ዓ.ም. ካብ መንነ ዝተኃተሙ ነዋኅቲ ልቢ ወለዳት ኣምሓርኛ፣ ንልብ ወለድ ዛንታ (1958)፣ ኣርኣያ (1960)፣ የዕንባ ደብዳቤዎች (1982)፣ ሴተኛ ኣዳሪ (1956) ፍቅር እስከ መቃብርን (1958) ኣደፍርስን (1962) ብምሕራይ ግዘ ዝንታውኦም ዘተንተነ እዩ።

ንመጽናዕቱ፣ ዝሓረዮም ልቢ ወለዳት ኣምሓርኛ፣ ብመንጽር ቀድም ስዓብ ግዘ እንትትንተኑ፣ ብዘይካ ኣደፍርስ (1962)፣ እቶም ካልኦት ሓሙሽተ ልቢ ወለዳት ዝተለመደ ሃገረሰባዊ ብልሓት ኣዘነታትዋ ከም ዝኸተሉ የርኢ። ከምኡ እውን ብዘይካ ሴተኛ ኣዳሪን (1956) ኣደፍርስን (1962)ን እቶም ካልኦት ልቢ ወለዳት፣ ኣብ ስልሒት ግዘ ጸገም ከም ዘለዎም፣ ኣብ ውጽኢት ትንተንኡ ኣመልኪቱ። ከም እቲ ግዘ ታሪኽ ዘለዎ ስፍሓት፣ ለውጢ ሥምዒትን ኣተሓሳስባን ገጸ ባሕርያት፣ ጐሊሁ ዘይተርአየሉ ሥራሕ ኣርኣያ (1960) እዩ ይብል። ብልሓት ምልሰት ኣብ ኩሎም ልቢ ወለዳት ከም ዘሎ ድማ ጠቐሙ። እዚ መጽናዕቲ ብክልስ ሓሳብ ንግዘ ዝንታወ ዝወሰደ እዩ። ብዓይነት ዓውዲ ሥነ ጽሑፍ ንልቢ ወለዳት፣ ብዓይነት ቋንቋ ጽሑፍ ድማ ብኣምሓርኛ ዝተጽሓፉ ዘመነዎት ሥነ ጽሑፋት ተንቲኑ። መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ ግና፣ ብክልስ ሓሳብ፣ ኣብ ዝንታወ፣ ሥነ ዝንታወን ድኅረ ዋንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወን ንዝሕቈፉ ኣገባባት ዝንታወን ትእምርትታትን ሚታዊ ቴማታትን ንምትንታን ዘኽእሉ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ከም መርአዪ ወሲዱ። ብዓይነት ጽሑፍ ድማ፣ ንብሉይ ኃይማኖታዊ ሥነ ጽሑፍ (ገድል)፣ ብዓይነት ቋንቋ ጽሑፍ እውን፣ ብግእዝ ንዝተጽሓፉ ክልተ ገድላታት ዘተንተነ እዩ። ብዚ ድማ ካብ እዚ መጽናዕትን ኣብዚ ዳህሳስ ዝተገረሎም ኩሎም መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ይፍለ።

Elizabeth M. G. Krajewski, M. Div. (2015) **ርእሲ መጽናዕቱ** "Archetypal Narratives: Toward a Theological Appreciation of Early Celtic Hagiography" **ዝብል እዩ። መጽናዕቱ ንሕይወት ኣብ ክርስትና ዘለዉ ቅዱሳን ከም ኣብነት ወሲዱ ኃይማኖታዊ ጽሑፍ ንምፍካር ዝዓለመ እዩ። ገድል ልሙድ ኮይኑ ሓደ ጽሑፍ ዝተደርሰሉ እዋን ፖለቲካ ወይ ሥነ ልሳን ዘመልክት ታሪኻዊ ቅርሲ ኮይኑ ዝጽናዕ ኮይኑ፥ ኃይማኖታዊ ትሕዝቶኡ ንምፍካር ዝፈተኑ ክልስ ሓሳባውያን ግን ውሑዳት ከም ዝኾኑ ይገልፅ። እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ኣብ ውሽጢ ገዳማዊ ሃዋህው ዝተሰርሑ ስለ ዝነበሩ እቲ ኃይማኖታዊ ትሕዝቶ ኣብ ውሽጢ ትረኻ ንዘሎ ስዉር ሥነ መለኮት ቅድስና ብዘርኢ ኣገባብ ክበርህ ከም ዝኽእል ይሕብር። ኣብ መፋርቕ ዒሥራ ክፍለ ዘመን ብ**Paul Ricoeur **ዝቐረበ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣንድምታዊ ኣገባብ ኣብ ቀዳሞት ሕይወት፦ ሳምሶን፡ ካትበርትን ብሪጂትን** (Samson, Cuthbert, and Brigit) **ትኹረት ዝገበረ ከም ዝነበረ ሓቢሩ። እዞም ሠለስተ እዚኣቶም ካብ መፋርቕ ክሳብ መወዳእታ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ዝዘለቑ እዮም። "እዚ ዘመን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ለውጢ ዝተርአዩ እዋን እዩ" ይብል። ከምኡ እውን ዕግርግር ዝፈጠረሉ እዋን እዩ ምንባሩ ገሊፁ። ንመዋቕር ነፍሲ ወከፍ ጽሑፍ ዝምልከት ታሪኻዊ ትሕዝቶ ኣቕሪቡ፤ እቶም ጽሑፋት ንመጽሓፍ ቅዱሳዊ ምምልካትን ሥነ ጽሑፋዊ ምንጭታትን ይትንተኑ፣ ንመዋቕራዊ ትንተና ድማ ይቐርቡ። ኃይማኖታውን ነገረ መበቌላውን ፍካሬ ዘለዎም ሞቲፋት ካብ ስራሕ ክልሰ-ሓሳባውያን፦ ኣብ ፎክሎር፣ ኣንትሮፖሎጂ፣ መጽሓፍ ቅዱስን ታሪኽ ኃይማኖታትን ዝመጹ ምኽኖም ኣርእዩ። ነፍሲ ወከፍ ጽሑፍ ነቲ ሥራሕ ንምውዳብ ዝተጠቕመሉ መዋቕራዊ ቅርጺ ዝገልጹ ሞቲፋትን ቅዲታትን ተንቲኑ። ቀጺሉ መዋቕራዊ ትንተና ኣብቲ ጽሑፍ ዘለዉ ንኡሳን ቴማታት ንምውጻእ ተጠቒምሉ። እዚ ሜላ ፍካረ ኣብ መንጎ ጽሑፍን ኣንባቢን ዳይናሚካዊ ርክብ ንምንጻር ዘኽእል ኮይኑ ታሪኻዊ ሓተታታት ምስ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትርጉማት ዘወሃህድ ከም ዝኾነ ሓቢሩ። ብዚ ኣቢሉ ሳምሶን ምስ ተመንን ጠንቋሊትን ዝገብሮ ርክብ ከም መበገሲ ቅዲ ኮይኑ ንገዳማውያን ናብ ዳይናሚክ መንፈሳዊ ዕብየት ዝስሕብ ኮይኑ ከም ዝረኸቦ። ካትበርት ኣብ ደሴት ፋርን ዝነበረሉ ግዜ መቓልሕ ቅዱሳን በረኻታት ከምኡ'ውን ስቕለት ክርስቶስ ዘጠቓልል ኮይኑ ውጽኢቱ ድማ ኃጺር ግን ከኣ ኃያል ኬኖቲካዊ ኤጲስቆጶሳዊ ኣገልግሎት እዩ ይብል።** Brigit's Kildare **ቦታ ሓዳስ ኢየሩሳሌም ከተማ ዕቑባን ሰላማዊት መንግስትን ብምባል ድማ ደምዲሙ። እዚ መጽናዕቲ ኣብ እምነት**

ክርስትና ዝለዓለ ቦታ ዝወሃቦም ሠለስተ ቅዱሳን ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሥነ ጽሑፍ ዘለዎም ውክልናን ዛዕብኦም ዘለዎ ትሕዝቶ ንምፍካር ንቅጅልታታት (ሞቲፋት) ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ተጠቒሙ ንኃይማኖታዊ ትሕዝቶ ፈኪሩ። ስለዚ እዚ መጽናዕቲ ንኃይማኖታዊ ትሕዝቶ ኣብ ምፍካር ትኹረት ዘገበረ እዩ። መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ ግና ንኃይማኖታዊ ዛዕባ እቶም ገድልታት ዝርኢ እንተይኮነስ ብነገረ ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንሥነ ጽሑፋዊ ዛዕብኦም ዝርኢ እዩ።

Taye Assefa (1986) “Form In The Amharic Novel” ብዝብል ርእሲ ንመማልኢ ማልሳይ ድግሪ መጽናዕቲ ገይሩ። ቅዱማት መጽናዕትታት ንልቢ ወለድ ኣምሓርኛ ብቕርጺ ዝረአየ ከም ዘየለን ትኹረት ከም ዘይግበረሉን ሓቢሩ። ዕላማ መጽናዕቱ ኣብ ልብ ወለድ ኣምሓርኛ ብዛዕባ ኣገባባት ዝንታወ ኂስ ምቅራብ ምዃኑ ይገልፅ። እዚ ንምርኣይ ድማ ዓሠርተ ልቢ ወላዳት ኣምሓርኛ ከም ዝሓረየ ነጊሩ እዩ። እቶም ልቢ ወለዳት ናይ ኣፈወርቂ ልቢ ወለድ ታሪክ፣ ናይ ህሩይይ ሓዲስ ዓለም፣ ናይ ግርማቸው ኣርኣያ፣ ናይ መኮነን ኣልሞትኩም ብየ ኣልዋሽም፣ ናይ ነጋሽ ዘጠና፣ ብርሃኑ የቴዎድሮስ እምባ፣ ናይ ሓዲስ ፍቅር እስከ መቃብር፣ ናይ ዳናቻው ኣደፍርስ እዮም። ናይ በኣሉ ከኣድማስ ባሻገር፣ ናይ ኣበበ ድማ የረገፉ ኣበቦች። ኣብ ነፍሲ ወከፍ እተን ልቢ ወለዳት መዋቕር ዛንታ፣ ኣሠኣእላ ገጸ ባህርያት፣ ኣገባብ ኣገላልጻ፣ ኣቀራርባ ትዕይንትን ምትእትታው ኣዘንታዊን ከም ዝረአየ ገሊፁ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ልቢ ወለድ ዘሎ መዋቕር ዘለዎ ምትእስሳር ጥራይ ዘይኮነ ሪኡ ውህደት ፍሉይ ኣገባብ ኣቀራርባ እዚ ብምህላዎ ዘለዎ ትርጉምን እውን ከም ዝፈተሸ ነጊሩ እዩ። ቀንዲ ርካቦ ናይዚ መጽናዕቲ፥ ብረቂቕ ኣገላልፃ ዝቐረቡ ገጸ ባህርያት፣ ከምኡ እውን ሞራላዊ ሓተታ ብምጥቃም ናይ ምስባኽ ዝንባለ ከም ዘሎ እቲ ደራሲ ብዘእምን ድራማዊ ኩነታት ኣቢሉ ራእይ ሕይወት ብረቂቕ መንገዲ ናይ ምትሕልላፍ ልምዲ እውን ዝያዳ ኣንበብቲ ክረኽቡ ከም ዘገበሮም ይገልፅ። ዘለዎም መዋቕር ውዲት እውን ጥንኩር ምዃኑ የርኢ። ዝገብርዎ ዝርርብ ዕለታውንን ባሕርያዊ መልክዕ ዘለዎን እዩ። ክብርታቶም ብግልጺ ካብ ምትሕልላፍ ዝተቖጠቡ ኣዘንተውቲ ይጥቀሙ። ፍጻመታት ብመስርዕ ግዘ ዝቐረቡ ከም ዝኾኑን ትዕይንታዊ ዝኾነ ኣዘነታትዋ ከም ዘበዝሑምን ይሕብር። መጽናዕቲ Taye ብዘመናዊ መርአዩ (ብቅርጺ) ንዘመናውያን ሥነ ጽሑፋት

ኣምሓርኛ ሪኡ። እዚ መጽናዕቲ ግና ብዘመናዊ መርአዪ ወይ ክልስ ሓሳብ ሥነ ጽሑፍ ንብሉያት ሥነ ጽሑፋት ግእዝ (ገድላታት) ዝረአየ እዩ።

ብሓፈሻ ዛዕባ እዚ ርዕሲ መጽናዕቲ ኣብ መጽናዕቲ ዝንታው ዝኾነ ሥነ ዝንታው ብኣውርኡ ድማ ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታው ካብ ዝለዓሉ ቁም ነገራት ሓደ ዛዕባ ዝወሰደ ስለ ዝኾነ ብሥነ ዝንታው ምስ እዞም ተገሊፆም ዘለዉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ይዛመድ። ካብ እዚኦም ግና ብብርክት ዝበሉ ነጥብታት ይፍለ። እዚ መጽናዕቲ (ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተኻይዱ ዘሎ መጽናዕቲ)፦ ኣብ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ትኹረት ገይሩ። ንብግእዝ ዝተጽሓፉ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብዘመናዊ መርአዪ ሪኡ። ሥነ ጽሑፋዊ ኪናውነት (ማኅደርነት)፥ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ዝትንትንን ዝፍክርን እዩ። ሜላ መጽናዕቱ እውን በይነ ዲስፕሊናዊ (ጽሑፋዊ፣ ገለፃውን ፍካሬኣውን ሜላታት ትንተና) ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ። ብመሠረት እቶም ተረቑሑም ዘለዉ ነጥብታት ድማ፣ "ምስዚ መጽናዕቲ ውሱን ዝምድና ኣለዎም እዩ" ብዝብል ምኽንያት ዳህሳስ ካብ ተገይርሎም ዘለዉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዝተፈለየ እዩ።

# ምዕራፍ ሠለስተ
# ሜላ መጽናዕቲ

ኣብዚ ንኡስ ክፍሊ፦ ንድፊ መጽናዕቲ፣ ዓይነት መጽናዕቲ፣ ኣመራርጻ ሠነዳት መጽናዕቲ፣ መሣርሒታት መአከቢ መረዳእታ፣ ሜላ ኣተናትና መረዳእታ፣ ኣገባብ መጽናዕቲ፣ ኣዋድዳ መጽናዕትን ሥነ ምግባር መጽናዕትን ዝብሉ ዛዕባታት ክዝተየሎም እዮም።

## 3.1. ንድፊ መጽናዕቲ

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ምዕራፍ ሓደ (ኣብ ትሕቲ 1.2) ብውሱን መልክዑ፣ ኣብ ምዕራፍ ክልተ (ኣብ ትሕቲ 2.1) ድማ ስፍሕ ብዝበለ ሓተታ ዝተገብረሎም ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን መሠረት ዝገበረ ኰይኑ ኣብ ዝንታው ብኣውርኡ ኣብ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታው ንዝሕቈፉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ከም መርአዪ ተጠቒሙ።

ዝንታው፥ ኣብ ቃላዊ ይኹን ጽሑፋዊ ተረኽ ይርአ፤ ንኩሎም ዓይነት ዝንታወታት ብዝምርምር ሥነ ዝንታው ይጽናዕ፤ "ሥነ ዝንታው፦ ንሥነ ጽሑፉውን ኢሥነ ጽሑፉውን፣ ልቢ ወለዳውን ኢልቢ ወለዳውን፣ ልሳናውን ኢልሳናውን" የጽንዕ (Hamilton, 2007: 214; Pradl, 1984: 250)። እዚ ኣገላልፃ ሥነ ዝንታው ንኹሎም ዝንታወታት ዘጽንዕ ሣይንሥ ዝንታው ምዃኑ፤ ንኩሎም ዘጽንዕ እንተኾይኑ ድማ "ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን መልክዓት ዝንታው እዮም" ምባል ይከኣል። ብሉይ ሥነ ጽሑፍ እውን ኣካል እዚ ከም ዝኾነ ካብ ቀዲሙ ዝቐረበ ገለፃ Hamiltonን Pradlን ንርዳእ። ገድልታት ኣዳምን ኣብርሃምን፥ ኢልበ ወለዳዊ ዝኾኑ ኃይማኖታዊ ጽሑፋት ምዃኖም ምስ ሓሳብ Hamiltonን Pradlን ይቃዶ። ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከም ብሉያት ሥነ ጽሑፋት ግእዝ ብብልሓታት፥ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምርኣይ፥ ሒዞምዎ ዘለዉ ብትእምርቲ ዝተለበጠ ሚታዊ ቴማ ንዝህልዎ ዝንታው ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ንምርካብ ከምዘኽእሉ ተኣሚኑሉ እዚ መጽናዕቲ ንድፊ መጽናዕቱ ኣብ ኣገባባት ዝንታው (ትዕይንትን ኣኅጽሮትን) ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት (ልደት ተጋዳሊ፣ ተቀብኦ ተጋዳሊ፣ ቀቢጸ ተስፋ ተጋዳልን ተነጽሎ ተጋዳልን) ገይሩሉ። ብመሠረት እዚ፣

መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ፣ "ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን" ብዝብል ርዕሲ መጽናዕቲ፣ ብመግለፅታት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብምትንታን ገድል ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾነሎም ትሕዝቶታት (ዓውድታት) ምንፃር ኣድላዪ ኰይኑ ረኺቡዎ።

ኣገባባት ዝንታወ ንምሕባር እኒ፦ Genette (1980 [1972])፣ Bonheim (1982)፣ Chatman (1978)፣ Toolan (2001)ን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ሊቃውንትን ዘሰጉምዎም ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን ተጠቒሙ። ኣብ ንነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ንምድህሳስ፣ በዓል Frye (1957)፣ Jung (1959)ን ኣብዚ ዓውዲ ንናይ ዝነጥፉ ምሁራንን ሓሳባት ወሲዱ እዩ። ገድል ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዝኾንሎም ትሕዝቶታት ንምንጻር ድማ ንሓሳባት Cunningham (1985)ን Gregory & Greg (2015)ን ተገልጊሉ እዩ። ስለዚ ንድፊ እዚ መጽናዕቲ ብሥእላዊ መልክዕ እንትግለፅ ከምዚ ቀጺሉ ዘሎ ይመስል።



### 3.1.1. ዓይነት መጽናዕቲ

እዚ መጽናዕቲ ዓይነታዊ ሜላ ኣጸናንዓ ተግባራዊ ዝገበረ እዩ። ዓይነታዊ መጽናዕቲ ውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ንሓደ ኅብረተሰባዊ ወይ ሰብኣዊ፦ እምነት፣ መንነት፣ ባህሊ፣ ፍልስፍና፣ ዛንታ፣ ተጋድሎ፣ ጅግንነት፣ ዝህብዎ ትርጉም ንምድህሳስን ንምርዳእን ይሕግዝ። ከምኡ እውን ብሓተታን መብራህርህን ንዝግለፁ መረዳእታታት ንምትንታንን ሕቶታት ንምምላስን፣ ኣገባባትን መሥርሓትን መጽናዕቲ ብንጹር ንፍላይ፦ ዝንባለ፣ ድሌትን ፀባይን ተጸናዕቲ ንምድህሳስን ካብ ተጸናዕቲ ዓሚቕ ሓሳብ ንምርካብን ዝኽእል እዩ (Creswell, 2009: 1)። ካብ ተጸናዕቲ ዝእከብ መረዳእታ፦ ትንተና መረዳእታ፣ ብሜላ ድምዳመኣዊ፣ ካብ ውሱናት ናብ ሓፈሻዊ ቴማታት ዝሐንጽ፣ መጽንዒ ዝተፈላለየ ትርጉም ዘለዎም ካብ ብመርኣያ ዝተወሰዱ ጽሑፋት ዝተረኽቡ ሓሳባት ንክፍክር የኽእል። ሥነ ጽሑፋት ብፍላይ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶን ክትንተኑን ክፍከሩን ዝኽእሉ ቁም ነገራት ስለ ዘለውዎም ዓይነታዊ መጽናዕቲ ተመራጺ ኰይኑ እዩ (Sharan & Elizabeth, 2016: 5-6)። ዓይነታዊ መጽናዕቲ ዝተመረጸሉ ምኽንያት ካብ ቁጽራዊ (ኣሃዛዊ) ነገራት ነጻ ስለ ዝኾነ ሓሳባት ብመልክዕ ገለፃ ክትትንትን ክትፍክርን ስለ ዝፈቅድን እዩ። ስለዚ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣቢሎም ዝዝንተዉ ቁም ነገራት እውን ብመልክዕ ገለፃ ክትንተኑን ክፍከሩን ዝኽእሉ ስለ ዝኾኑ፣ ዓይነታዊ ሜላ መጽናዕቲ ተመራጺ ኰይኑ።

### 3.1.2. ኣመራርጻ ሰነዳት መጽናዕቲ

ነዚ መጽናዕቲ ዝተመረጸ ሜላ መርኣያ ኣብ ትሕቲ ዕድል ዘይህብ መርኣያ ዝካተት ዕላማ ተኰርን ሜላ ዝስማዕማዕ መርኣያን ብዝብል ዝፍለጥ እዩ (Mason, 2002: 121; Robinson, 2014: 25)። ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብይኹነንን ክልስ ሓሳባት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንምርኣይ ተሓርዮም (Trost, 1986: 54; Steve, 2020: 653)።

ብመንጽር ዕላማ መርኣያ ምውሳድ ኣብ ዝኾነ መጽናዕቲ ርትዓዊ ኣተሓሳስባ እዩ። ኣብ ዓይነታዊ ሜላ መጽናዕቲ ድማ ዝበለጸ እዩ (Punch, 2004: 55-56)። ርትዓውነት

ምምራጽ መርአያ ብዓይኒ ህላወኣዊ ኣረኣእያ ምስ ሓፈሻዊ ዕላማታት ናይቲ መጽናዕቲ ስለ ዝስማማዕ ኣብ ዓይነታዊ መጽናዕቲ ንእሽቶይን ብዕላማ ዝተመርጸን መርአያ ክውዕል ይኽእል እዩ (Miles & Huberman, 1994: 27-28)። ብዕላማዊ መረጻ መርአያ ምውሳድ ኣድላዪ እዩ። ምኽንያቱ ዕላማ ተኰር መርአያ ግቡእን ጠቓምን ሓበሬታ ናይ ምሃብ ተኽእሎ ዘለዎምን ተጸናዕቲ ንምምራጽ ስለ ዘኽእልን (Kelly, 2010: 317)። ዕምቈት ዘለዎ ርድኢት ንምዕባይ ዝዓለመ ምኽኑን ውሱናት እታወታት መጽናዕቲ ንምጥቃም ዘኽእሉ ዛዕባታት ንምልላዩን ንምምራጽን ዝሕግዝ መንገዲ ስለ ዝኾነን (Palinkas et al., 2015: 534) ብዙይ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ንመጽናዕቲ ክሕረዩ ክኢሎም።

ቀዲሙ ከም ዝተገለፀ ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ብሉያት ሥነ ጽሑፋት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዮም። ተወሳኺ ምኽንያትኑ፦ ብኣገባብ ዝንታውኦም፣ ሚታውን ታሪካውን ትርጉሞም፣ ውክልናዊ ባሕርያቶም፣ ትእምርታውን ቴማውን ተዛማድነቶም፣ ብዘልዕልዎ ዛዕባ፣ ዝሸፍንዎ ዘመን፣ ኣብ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ብዘለዎም ትርጉምን ፍካረን ተሓርዮም።

## 3.1.3. መሣርሒታት መአከቢ መረዳእታ

እዚ መጽናዕቲ ትኹረቱ ካብ ጽሑፍ ዝርከቡ መረዳእታታት (ድርሳዊ) እዩ። ብተወሳኺ ሜላ ተፍትሽ ሰነድ፣ ዕጹው ንባብን ካብ ውሽጢ ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ሰናዳት ኣብነታት ምምራጽን ተጠቒሙ። ብምኳኑ ኣብዚ መጽናዕቲ ተግባራዊ ዝኾኑ ሠነዳት ቀዳማይ ፍልፍላት መረዳእታ እዮም። ቀዳማይ ፍልፍላት መረዳእታ (ሠነዳት) ዝተብሃሉ፦ ገድለ ኣዳም፣ ገድለ ኣብርሃም፣ ንመተንተኒ ዘገልገሉ ክልስ ሓሳባት፣ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፣ መዛግብተ ቃላት ... እዮም። እዚኦም ድማ ሕቶታት መጽናዕቲ ንምምላስን መጽናዕቲ ሒዝዎ ዝተበገሰ ዕላማ ኣብ ሸቶ ንምብጻሕን ንትንተናን ፍካረን ሓገዝቲ ኰይኖም።

## 3.1.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

እዚ መጽናዕቲ ብዓይነቱ ኣብ ውሽጢ ዓይነታዊ መጽናዕቲ ተጠቓሊሉ። ብመዳይ ትንተና ድማ፦ ኣብ ጽሑፋዊ ትንተና፣ ገላጺዊ ትንተናን ፍካሬን ተደሪኹ። ስለዚ ኣብ

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝርከቡ፥ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን፥ ብምፍላይን ብምውዳብን፦ ሜላ ጽሑፋዊ ትንተናን ገለፃዊ ትንተናን ተጠቒሙ ተንቲኑ። ከምኡ እውን፥ ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝነታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾንሎም ምኽንያታት ንምንጻር፥ ካብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣብነታት ብምውሳድ ፈኪሩ።

ብተወሳኺ፥ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝግለፁ ቁም ምነገራትን ኣብ እቶም ገድልታት ሓሓሊፎም ዝጥቀሱ ቅንያዊ ሓበሬታታትን ምሥጢራዊ ትእምርትታትን ንምትንታን ፍካረ ከም ዓይነታዊ ሜላ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ። ንዝተሓረዩ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ንምትንታን ንጽሑፋዊ፣ ገለፃውን ፍካረን ሜላታት ትንተና ብምውህሃድ ብዙኃ ዓውድታት ዝሓቖፈ ሜላ በይነ ዲስፕሊናዊ ኣገባብ መጽንዒ ተጠቒሙ ተንቲኑ።

## 3.2. ኣገባብ መጽናዕቲ

መረዳእታት ካብ ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብትኩር ንባብን ደጋጊምኻ ብምንባብን ተኣኪቦም፣ ተፈልዮምን ተመዲቦምን እዮም። ዝተኣከቡ፣ ዝተፈለዩን ዝተመደቡን መረዳእታት ድማ ብገለፃዊ ትንተና ተተንቲኖም።

ንመጽናዕቲ ካብ ዝተሓረዩ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝተወሰዱ መረዳእታት ብግእዝ ዝተጽሓፉ እዮም። ናብ ትግርኛ ብምትርጓም፥ ትርጉም ቀዲሙ ክመጽእ ብምግባር እቲ ግእዝ ኣንባቢ ንምምስኻር እንትደሊ ምእንታን ብቐረባ ክረኽቦ ኣብ ትሕቲ ትርጉም ትግርኛ ተቐሚጡሎ። ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ዝተገበረ ትርጉም፥ መጽንዒ ጥረ ትርጉም ተጠቒሙ። ኣብ ገድልታት ዕላማ ዝገበረ መጽናዕቲ፦ ጥረ ትርጉም፣ ኂሳዊ ትርጉም፣ ሓበሬታዊ ትርጉምን ንጽጽራዊ ትርጉምን ምጥቃም ከም ዝከኣል ሊቃውንቲ እዚ ዓውዲ ይምዕዱ (Juliane, 2015: 207; Susan, 2014: 95)። ካብ ኣርባዕቲኦም ሜላታት ትርጉም ዝሐሸ ጥረ ትርጉም ምዃኑ የትዕሉ። ከም ምኽንያት ዘልዕልዎ ጥረ ትርጉም፥ ንምትንታን ሥነ ጽሑፋዊ ባእታታት ኣገባብ ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶን ኣበርክቶ ከም ዘለዎ፤ ትሕዝቶን ዕላማን ፍልፍል (ቦኽሪ) ቋንቋ ሓሊኻ ዝካየድ ትርጉም ስለ ዝኾነ ኣብ ቦኽሪ ቋንቋ ዘሎ ቁም ነገርን መዋቕር ሓሳብን ኣይዛባዕን ዝብል ርድኢት ኣለዎም (Susan, 2014: 185; André, 1992: 57)። ንመጽንዒ

እውን ኣብ እቶም ጽሑፋት (ገድላታት) ዘለዉ፦ ቴክኒካት ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ቅዳውን መዋቕራውን ባሕርያት፣ ብዘይምንም ርኡይ ለውጢ ንክትንትን ስለ ዘኽእሎ። ከምኡ እውን ግልፂ ዘይኾኑ መግለፅታትን ሓሳባትን መዘክር ትርጋጽ ተጠቒምኻ ክተብራህርህ ስለ ዝፈቅድ ዝበለጸ ሜላ ትርጉም እዩ (Mukta, 2014: 22; James, 2000: 86)። ብመሠረት እቶም ዝተገለፁ ርትዕታት፥ መጽንዒ እዚ መጽናዕቲ ኣገባባት ዝንተወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝርኢ ስለ ዝኾነ ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ዝገበሮ ትርጉም ሜላ ጥረ ትርጉም ኣብ ተግባር ኣውዒሉ እዩ።

## 3.3. ኣዋድዳ መጽናዕቲ

ብዛዕባ ኣገባብ ዝንታወን ንኡሳን ክፍልታቱን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንኡሳን ክፍልታትን ክልስ ሓሳባዊ ንባብ ተኻይዱ። ነናይ ሕድሕዶም ኣተኩሮን መፍለዪ ነጥብታትን ተነጺሮም። ምስዚ ጐናጐኒ ዛዕባታት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾኑ መርኣያታት ካብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብዓሚቕን ዕፁውን ንባብ መረዳእታታት ተወሲዶም፣ ተደራጅዮም፣ ተተንቲኖም።

እዚ መጽናዕቲ ብሽዱሽተ ምዕራፋት ተዋቒሩ። ኣብ ምዕራፍ ሓደ፦ መእተዊ፣ ድኅረ ባይታ፣ ሓተታ፣ ሕቶታት፣ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት፣ ረብሓን ደረትን መጽናዕቲ ገለፃ ተገይርሎም።

ምዕራፍ ክልተ፥ ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባትን ቅዱማት መጽናዕትታትን ሒዙ። ኣብዚ ምዕራፍ፦ ዝንታወ፣ ዝንታወን መዋቕራውነትን፣ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፣ ኣገባባት ዝንታወ፣ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፣ ገድልን ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝብሉ ክልስ ሓሳባት ሓተታ ተገይርሎም። ዳህሳስ ቅዱማት መጽናዕትታት ኣብ ዝብል ንኡስ ርእሲ እውን ቅዱማት መጽናዕትታት ዘለዎም፥ ትሕዝቶ፣ ዕላማ፣ ሜላን ብምርኣይ ምስዚ መጽናዕቲ ብምንታይ ከም ዝዛመዱን ከም ዝፈላለዩን ገለፃ ዝቐረበሉ እዩ።

ምዕራፍ ሠለስተ፥ ሜላ መጽናዕቲ ዝተገለፀሉ ኰይኑ፦ ንድፊ መጽናዕቲ፣ ኣገባብ መጽናዕቲ፣ ኣዋድዳ መጽናዕትን ሥነ ምግባር መጽናዕትን ኣለዉ። ምዕራፍ ኣርባዕተ፥

ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፣ ጽሚቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ሒዙ። ምዕራፍ ሓሙሽተ፥ ትንተና መረዳእታ ብዝብል ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፣ ህላወ ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዎ ፍካረ ብመርአዩ ነጥብታት ኣገባባት ዝንታወ ተተንቲኑ።

ብተወሳኺ ምዕራፍ ሓሙሽተ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዝተተንተንሉ እዩ። ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ውሽጢ እቶም ጥንታውያን ሥነ ጽሑፋት ዝቐረብሉ ኩነትን ዘለዎም ፍካረን ተገሊፁ። ከምኡ እውን ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾንሉ ትሕዝቶ (ዓውዲ) ንምንፃር፥ ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብዝብል ርእሲ ትንተና ተገይሩ። ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ፦ መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን ኣለዉ። መጠቓለሊ ብመሠረት ትንተናን ፍካረን ዝተረኽቡ ቁም ነገራት ብመልክዕ ምጥቕላል ቐሪቦም። መጠቓለሊ ሓሳብ መሠረት ብምግባር ድማ፣ ዝተበጽሐ መደምደምታን ንቐጻሊ ንመጽናዕቲ ግብኣት ዝኾኑ ሓሳባትን ዝሓዘ ለበዋ ኣሎ።

## 3.4. ሥነ ምግባር መጽናዕቲ

ንእዚ መጽናዕቲ ዝተሓረዩ መጻሕፍቲ ብሃይማኖታዊ መርአዩ ዝተዳህሰሱን ዝተፈተሹን እዮም። እዚ ንምግባር ናይ ውልቀ እምነትን ድሌትን ከይኣተ ልዑል ጥንቃቐ ተገይሩ እዩ። ብምኽንያት እዚ መጽናዕቲ ካብ ተዛመድቲ ዓውድታት፦ ካብ ዝንታወ፣ ሥነ ዝንታወ፣ ድኅረ ጥንታዊ መዋቕራዊ ሥነ ዝንታወ፣ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብዝተረኽቡ ክልስ ሓሳባትን ኣገባባትን ብምውሳድ፥ ጽሑፋዊ፣ ገለፃውን ፍካረኣውን ሜላ ትንተና ተኸቲሉ እዩ። ብእዞም ሜላታት እዚኦም ኣቢሉ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን መዚኑ ብምውጻእ ዘለዎም ረቂቕ ፍካረ ኣርእዩ እዩ። ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንዝኾንሎም ትሕዝቶታት ኣነጺሩ እዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፣ ጽሚቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

እዚ ምዕራፍ፥ ውሱን መሐብሮታት ብሉይ ሥነ ጽሑፍን ብዛዕባ ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ ገድልታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ጽሚቕ ትሕዝትኦምን ዝቐረበሉ እዩ።

## 4·1. ብሉይ ሥነ ጽሑፍ

ብሉይ ሥነ ጽሑፍ፦ ሕገ ልቡና፣ መንነት፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ዛንታ፣ ፍልስፍና ዝሓዘ ... ሰብኣዊነት ዘንጸባርቕ፣ ጽባቐ ዘርኢ፣ ተምሳሌታዊነትን ርትዕን ዘለዎ ሕዱር ፍልጠት እዩ (Rutherfor, 2005: 17-20)። ሰባት፦ ዝተፈላለየ ተመክሮ ዝወሰድሉ፣ ዝመሃርሉ፤ ከም መበገሲ ገይሮም ዝጥቀምሉ፣ ኣብ ልቡና ኣንባቢኡ ጦብላሕታን ስምዒትን ዝፈጥር፣ ከሣቲ ልቡና ... መብዛኅቲኡ ግዘ ንርትዒ ዝምጉት፣ ንሕይወት ብምስትያት ጥበብ ዘርኢ፣ ርትዒ ዝተላበሰ፣ መብዛኅቲኡ ዝኣምኖ፣ ዝቕበሎን ዝተቐበሎን፣ ጽሬት ሥነ ጽሑፋዊነቱ ዝተመስከረሉ፣ ብትሕዝትኡን ቴምኡን ኣድናቖትን ዝናን ዘትረፈ ኣብ መወዳእታ ድማ ምስ ብመምሃራይነቶም ኣብ ዝተመስከረሎም ዘፈራት ሥነ ጽሑፍ ዝምደብን እዩ (Edward, 2008: 4)። ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ጽባቐ ሥነ ጽሑፍ እዩ። ሥምዒት ናፍቖትኻ ዓለም ለኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ከም ዝኾነ ብሕታውነት ከም ዘይስምዐካን ካብ ማንም ከም ዘይተገለልኻን እትግንዘበሉ (Scott, 2002: 28-37)።

ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ቅድም ኢሎም ንዝተሠርሑ ብሉጻት ሥራሕቲ ሥነ ጽሑፍ የመልክት።[22] ግጥሚ፣ ቅያዊ ዛንታ፣ ገድላዊ ዛንታ (ገድልታት)፣ መስተንክራዊ ቅኔ፣ ውልቃዊ ስምዒት ዘንጸባርቕ ግጥሚ፣ ግጥሚ ደርፊ፣ ዘኀዝን ፍጻመ ወይ ኀዘኖታዊ፣ ዘሐጉስ ፍጻመ ወይ ትፍሥሕታዊ፣ ሃገረሰባዊ ሕይወት፣ ሃገረሰባዊ ኪነ ጥበብን ሥነ ጥበብን፣ ምኽርን ኣስተምህሮን ካህን ዝኣመሰሉን ካልእ ስልቲ ወይ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝኽተሉን ሥነ ጽሑፋት የካትት (Esther, 2022: 1; Atasi, 2020: 17)። እዚኦም ኣብ

[22] ኣብዚ ተገሊፁ ዘሎ ቅድምናን ብሉጽነትን ንኩሎም ጥንታውያን ሥነ ጽሑፋት ንምምልካት እንተይኰነስ፦ ንተነባብነት፣ ብዝተፈላለዩ ኩርንዓት ክፍከርን ክትንተንን ዝኽእል ዓሚቕ ቴማ፣ ረቂቕ ምሥጢርን ተሳጋርነት ዘመንን ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ንምምልካት እዩ። ስለዚ ብሉያት ዝበሃሉ ብመንጽር ግዘ ዝነውኀ ዕድመ ዘለዎም ሥነ ጽሑፋት ጥራሕ ይምልከት ማለት ከም ዘይኰነ ምርዳእ የድሊ። ከምኡ እውን ጥንታውያን ሥነ ጽሑፋት ኣወንታዊ ግደ ከም ዘለዎም ኩሉ ኣሉታዊ ግደ እውን ኣለዎም እዩ።

ምምሃርን ምቕራጽን ሰብኣውነት ዝለዓለ ግደ ኣለዎም። ከምኡ እውን ጐተራ ቦኽሪ ሓሳባትን ዓንዲ ጥበብን እዮም።

ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ኣብ ምቕራጽ ሥነ ልቡና ደቂ ሰባት ዘይትካእ ግደ ኣለዎም። ስያመኦም እውን ዘለዎም ተነባብነትን ተሳ.ንርነት ዘመንን የመልክት። ብዝተነበቡ ቁጽሪ ዝሕደሱ እዮም (Richard, 2021: 19)። መመሊስኻ ክንበቡን ብዝተነበቡ ቁጽሪ ኣብ ረብሓ ክውዕሉን ዝገበሮም ድማ ብሉጻት ተመኩሮ ሕይወት ደቂ ሰባት ዝሓዙ ስለ ዝኾኑ እዮም (Aigul, 2020: 231-244)።

ገድልታት ኣካል ብሉይ ሥነ ጽሑፍ እዮም። እዞም ብሉያት ሥነ ጽሑፋት፦ እምነታዊ፣ ርእዮተ ዓለማውን ፍልስፍናውን ተገዳሲ ስለ ዘዘንትዉ" (Gregory & Greg, 2015: 390-391) ማኅደር ብሉጻት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ከም ዝኾኑ ይእመን። ብዚኦም ድማ፥ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወት ይግለጽ (ዮሴፍ፥ 2012: 1)።

ቀዲሙ ከም ዝተገለጸ፥ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ዝብል መጸውዒ ሓፈሻዊ መጸውዒ ቅዱማት ብሉጻት ሥራሕቲ ሥነ ጽሑፍ የመልክት። ብምዃኑ እዚ መጽናዕቲ ካብ ብሉያት ሥራሕቲ ሥነ ጽሑፍ ብምኽንያት ዕላማዊ ሓረያን ይኾነንን (Tuckett, 2017: 654) ንገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተንቲኑ።

## 4·2. ጽሟቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣዳም

ንገድለ ኣዳም ዝጸሓፉ ንብሉይ ኪዳን ብዝግባእ ዝተረድኡ፦ ካብ ዕብራይስጢ ናብ ቋንቋ ጽርዕ (ግሪክ) ዝተርጐሙ ሰብዓ ሊቃናት እዮም። እዙይ ኣብ ገድሉ ተገሊፁ እንረኽቦ እዩ። ፈላማይ ገድለ ኣዳም ዝተጽሓፈሉ ዘመን ኣብ ከባቢ 284 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እዩ (ተስፋ ሚካኤል፥ 2009: 12)። ኣብዚ መጽናዕቲ ተኻቲቱ ዘሎ ገድለ ኣዳም ኣብ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተጽሓፈ ኣይኰነን። ንእዚ መጽናዕቲ ዝተሓረየ፥ ኣብ ደረት እዚ መጽናዕቲ ከም ዝተገለፀ ንመጽናዕትን ምርምርን ከገልግል ተባሂሉ ኣብ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ "ቤተ መጻሕፍቲ ወመዘክር" ተሰኒዱ ንዘሎ ኣብ 1964 [1956] ዓ.ም. ዝተጽሓፈ 221 ገጽ ዘለዎ ብራና እዩ።

ገድለ ኣዳም፥ ኣዳም'ዩ ናይ ኣበው፣ ነብያት፣ ሓዋርያት፣ ጻድቃንን ሰማእታትን ኣቦ ከም ዝኾነ ይነግር። ከምኡ እውን ናይ ብሉይ ኪዳን ኣበው ታሪኽ ዝሓዘ እዩ። ምስ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ዝምድና ዘለዎ ታሪኽን ተዘክሮን እውን ኣለዎ። ኣዳም'ዩ ሃብተ ክህነት፣ ትንቢትን መንግሥትን ዝተውሃቦ ኣቦ ብኣካለ ሥጋ ዝተግሃዱ ሓሰብቲ ፍጥረታት (ሰብ) ምዃኑ እውን የርኢ።

ገድለ ኣዳም መቅድም ኣለዎ። ኣብ መቅድሙ ናይ ሥላሴ ኣንድነትን ሦስትነትን ይትንትን። እግዚኣብሔር ኣምላክ በዓል ዋና ኩሎም ፍጥረታት ከም ዝኾነ ካብ ሰኒ ክሳብ ዓርቢ ዝተፈጠሩ ብምዝርዛር የረድእ። ምስዙይ ኣተሓሒዙ ነገረ ሥጋዌ ይነግር። ተጋድሎኣዊ ሕይወት ኣዳምን ሔዋንን ይገልፀልና። ኣፈጣጥራ ኣዳምን ኩነታት ከባቢኡን፣ ገድላዊ ሕይወቱ፣ ዝተቐበሎ መንከራን ዕረፍቱን ብስፍሓትን ብጥልቀትን የዘንትው። ኣብ መብዛኅቲኦም ገድላታት ዝረአዩ'ዩ ተኣምር፣ ራእይ፣ ጾምን ጸሎትን ኣብ ገድለ ኣዳም እውን ህልዋት እዮም።

ኣብ ገድለ ኣዳም ካብ እግዚኣብሔር ወይ መላእክቲ ንተጋዳሊ ዝግበር ረዲኤት ወይ ሓጋዝ ኣሎ። ኣብ ተጋዳሊ ዝበጽሐ ከቢድ ፈተናን ተጋዳሊ ዝተቐበሎ ቃል ኪዳንን ናይ ቃል ኪዳን ተጠቀምትን እውን ዘለዎ እዩ። ሰይጣን'ዩ ሽማግለ መሲሉ፣ ሰበይቲ ኰይኑ፣ ብኣርኣያ መላእክቲ እናመጸ፣ ንእግዚኣብሔር እናመሰለ ብተደጋጋሚ ንኣዳም እንትፍትኖ፣ ኣብ መንከራ እንትውድቖ ይስትብህል። ካብ ዝኣተዎ መንከራ ድማ ፈጣሪ ብተራዳኢነት መላእክቲ ካብ ጸገሙ እንተናግፎ ይርአ። ኣብ ልዕሊ ኣዳም ዝበጽሐ በደል ብከምኡ ዝኣመሰ ፍጡር እንትይኰነስ ብድያብሎስ ከም ዝኾነ የርኢ።

ገድለ ኣዳም'ዩ ኣፈጣጥራ ኣዳምን ምኽንያት ምፍጣር ሔዋንን፣ ኣዳም ምስ ሔዋን ካብ ፈጣሪ ዝተውሃቦም ጸጋን ክብርን፣ ኣብ ገነት ዝነበሮም ጻኒሕትን ዘጋጠሞም ፈተናን፣ ናብ ምድረ ፍዳ ከመይ ኢሎም ከም ዝወረዱን ናይ ንስሓ ሕይወቶምን፣ ዝተውሃቦም ተስፋን ድኅንነቶምን፣ ሥግውነት ፈጣሪ፣ ሕልፈት ዓለምን ዳግም ምምጻእን፣ ሕገ ልቡናን ግብረ ገብነትን ዘዘንቱ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ እዩ።

ካብ እቶም ቀዲሞም ዝተገለፁ ቁም ነገራት ብተወሳኺ፥ ብኅልዮ (ምሕሳብ)፣ ብነቢብን (ምዝራብ) ብገቢርን (ተግባር) ዝተፈጠሩ ፍጥረታት እንመን ከም ዝኾኑን ንምንታይ ብሠለስተ መልክዕ ኣፈጣጥራ ተፈላልዮም ከም ዝተፈጠሩን ይነግር።

ብኀልዮ (ብምሕሳብ) ዝተፈጠሩ ፍጥረታት፥ ሰማይ፣ ምድርን ቅዱሳን መላእክትን፥ ጥራሕ ከም ዝኾኑ ንእዞም ፍጥረታት እዚኦም ድማ "ክፈጥሮም ኣለኒ" ኢሉ ብምሕሳብ ዝፈጠሮም ፍጥረታት መዓልቲ ሰንበት ከም ዝኾኑ የውስእ (ይሕብር)። ካብ መንጎ ብነቢብ (ብምዝራብ) ዝተፈጠሩ ፍጥረታት ድማ፦ ፀሓይ፣ ወርሒ፣ ከዋክብቲ፣ ኣትኽልትን እንስሳትን ይጥቀሱ። *በቢ ፍርያቱን ወገኑንን ዝዝራእ ዘርኢ ምድሪ ተብቊል በለ እግዚኣብሔር* "ወይቤ እግዚአብሔር ለታብቊል ምድር ኩሎ ሓመልማለ ዘርእ ዘይዘራእ በበጽጌሁ ወበበኣግዋሊሁ" (ዘፍ. 1፥ 11)። ከምኡ እውን *መዓልትን ለይትን ንክፍለዩ፣ ናብ ምድሪ ከብርሁ ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ ይኹኑ በለ እግዚኣብሔር ከምኡ ድማ ኮነ* "ወይቤ እግዚአብሔር ይኩኑ ብርሃናት ውስተ ጠፈረ ሰማይ ከመ ያብርሁ ዲበ ምድር ወይፍልጡ ማእከለ ዕለት ወማእከለ ሌሊት፣ ወኮነ ከማሁ" (ዘፍ. 1፥ 14፣ 15) ዝብል ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ከም መርትዖ ገይሩ ብምምጻእ ፈጣሪ ንዞም ፍጥረታት ብምዝራብ ከም ዝፈጠሮም የረድእ። ካብ ኣፈጣጥራ ዒሥራን ሓደን ፍጥረታት ብዝተፈለየ መልክዑ መበል ዒሥራን ክልተን ኮይኑ ብገቢር ዝተፈጠረ ብሕታዊ ፍጡር ኣዳም ከም ዝኾነን ምኽንያት ምፍጣር ዝሓሰብን ዘስተንትንን ኣእምሮኣዊ ትዕድልቲ ዘለዎም ፍጡራን (ሰባት) እዛ ዓለም ኣዳም ከም ዝኾነን ብልሣን ሥነ ጽሑፍ እናዛረበ ኣብ ባሕሪ ጥበብ ሥነ ጽሑፍ ኣእትዩ የሐምሰና።

*ፈጣሪ ንኣዳም ብኣርኣያነን ኣምሳልናን ሰብ ንፍጠር* "ንግበር ሰብአ በአርአያነ ወበኣምሳሊነ" ኢሉ ብኣርኣይኡን ኣምሳሉን ከም ዝፈጠሮ፣ ካብ ጸጋማይ ጐድኑ ሓንቲ ዓጽሚ ወሲዱ ካልኣይቱ ክትኾኖ ሰበይቲ ከም ዝፈጠረሉ፣ ኣዳምን ሔዋንን ክቡራት ምኻኖም፣ ሕያዋን ኮይኖም ከም ዝተፈጠሩ፣ ገዛእቲ ኩሎም ፍጥረታት ምኻኖም፣ ዘጋጠሞም ውድቀት፣ ዝሓለፍዎ ገድላዊ ሕይወት፣ ዝተቐበልዎ ጸዋትወ መንከራን ትንሣኤኦምን ብሰፊሑ ይነግር። ብሓፈሻ፥ ገድለ ኣዳም ምኽንያት ፍጥረትን ህላወን ኩሉ ወዲሰብ ናይ ዝኾነ ኣዳም ኣብ መዋእል ዕድምኡ ዝገበሮ ንሕይወት ፈታኒ ዝኾነ ተጋድሎ፣ ዝነበሮ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወት፣ ዝረኸቦ መርገምን በረከትን፣ ምሥጢር ምፍጣር ዓለምን ፍጡራንን፣ ኣብ ገድላዊ ሕይወቱ ዝተኸሠቱ ተኣምራት (ልደተ ተጋዳሊ፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን)፣ ብኣበሳ ኣዳም፣ ዳግማይ ኣዳም ፈጣሪ ካብ ደቂ ደቁ ከም ዝውለድ፣ ብሞተ ሥጋ ወሪዱ መቓብር ከም ዝረኸቦን ብሞቱ

ንኣዳምን ዘርኡን ከም ዘድሕንን ብሰፊሑ የዘንቱ። ገድለ ኣዳም ምክንያተ ፍጥረትን ተፈጥሮን ዘረድእ እዩ። ኣስተምህሮታት፥ ሕገ ልቡና፣ ግብረ ገብነትን ሥነ ምግባርን፥ ዝሓዘ ሰነድ እዩ።

## 4·3. ጽሟቕ ትሕዝቶ ገድለ ኣብርሃም

ገድለ ኣብርሃም ካብ ዓረብ ናብ ግእዝ ዝተተርጐመ እዩ። ካብ ዓረብ ናብ ግእዝ ዝተተርጐመ ምዃኑ ኣብ ባዕሉ ኣብቲ ገድል ኣብ መወዳእታ ከበቢ (ገጽ 74) *ምእንቲ ፍቕረ ርእሲ ኣቦታት ኣብርሃምን እቶም ኣቦታት ቅዱሳንን ክብል፥ ንዛ መጽሓፍ እዚኣ ካብ ቋንቋ ዓረብ ናብ ግእዝ ዝተርጐማ ወላዲና ክቡር ጳጳስ ሰላማ ከሜቴ ብርሃን እዩ* "ለዛቲ መጽሓፍ ዘተርጐማ ኣባ ኣቡነ ክቡር ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ጳጳስ እም ልሣነ ዓረቢ ኀበ ግእዝ በእንተ ፍቅረ ርእሰ ኣበው ኣብርሃም ወእሉ ኣበው ቅዱሳን" ዝብል ስለ ዘሎ። ኣብዚ መጽናዕቲ ተኻቲቱ ዘሎ ገድለ ኣብርሃም፥ ንኣገልግሎት መጽናዕትን ምርምርን ክውዕል ተባሂሉ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ "ቤተ መጻሕፍት ወመዘክር" C3-IV-15, A36, 67 ገድለ ኣብርሃም 186፥ ብዝብል ተመዝጊቡ ዝርከብ 189 ገጻት ዘለዎ ብራና እዩ።

ገድለ ኣብርሃም፥ ኣብርሃምን ሣራን ዝተኣታተውዎ ቃል ኪዳን ዝሓዘ እዩ። ሣራ "ንስኻ ርእሲ ኣነ ኣእጋር፣ ንስኻ ጐይታ ኣነ መገልገሊትኻ፣ ናብ ባዕዲ እንተ ኸድኻ ኣነ ምሳኻ ኣለኹ፣ ናብ ባሕሪ እንተ ኣተኻ ሓቢረካ ክኣቱ እየ፣ ከም ዘይክሕደካ እግዚኣብሔር ምስክረይ" ኢላ ዝኣተወቶ ቃል ብኣንደበት ኣዘንታዊ ገይሩ ይነግር። ከምኡ እውን [ሣራ] መርዓት ፈርዖን ክትኸውን ብሓሻክር ፈርዖን ተዓጂባ ናብ ቤተ መንግሥቱ እንትትውሰድ "ኣብዛ ሃገር እዚኣ ክፍኣት (መሥገርት) ተሸሪቡለይ፣ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ንዘይፈልጥ ሰበይቱ ንክኸውን ሐዚ ኣእጋረይ ይወስዱኒ ኣለዉ፣ በቃ ኣብቂዑለይ ካባኻ ንክፈልዩኒ፣ ገጽኻ ኣይርእን፣ ድኅሪ ደጊም ጽቡቕ ወረ ዘስምዐኒ መን እዩ፣ እንትኃዝን ዘጽናዕንዐኒኸ መን እዩ" ብምባል ብጽይቲ ተጋዳሊ (ኣብርሃም) ዘስምዐቶ ምረተ ከርሢ ኣለዎ። ንእዚ ተኸቲሉ ኣብርሃም ብምኽንያት ሣራ ናብ ቤተ መንግሥቲ ፈርዖን ከም ዝተጸውዐ፣ ንሣራ ኣብ ቤተ መንግሥቲ ፈርዖን ተቐሚጣ ምስረእያ ዝተሰምዖ ከቢድ ስምዒትን ዝበጽሖ ውሽጣዊ ኃዘንን የርኢ።

ገድለ ኣብርሃምን፦ ልደተ ተጋዳሊ፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሉን ከምኡ እውን፦ ሕገ ልቡና፣ ግብረ ገብነት፣ ምክንያተ ልደት፣ ውርዝብና፣ ሽንግልናን (ርስእናን)

ተሓርዮን ኣብርሃም የዘንትው። ኣብርሃም ተቐባሊ (ተወካፊ) እንግዳ ከም ዝነበረን ብያዋህነቱ ዓርከ እግዚኣብሔር ከም ዝተብሃለን ይነግር። ኣብርሃም ርእሰ ኣበው ዝተብሃለሉ ምኽንያት፣ ብተራዳእነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝሠርሐ ተኣምር፣ ዝተውሃቦ ቃል ኪዳን፣ ስደት፣ ኣብ ስደት ምስ ብጽይቱ ሣራ ዝበጽሕዎ በደላትን ዘሕለፎ ገድላዊ ሕይወትን ብምኽንያት ሣራ ናብ ቤተ መንግሥቲ ፈርዖን ዝተጸውዐሉን ዝተውሃቦ ገጸ በረከትን ብተወሳኺ ናብ ስደት እንትኸይድ ኣብ መንገዲ ዝተቐበሎ ጸዋትወ መንከራን ካብ ኢድ ፈርዖን ምስ ብጽይቱ ሣራ ሓራ ዝወጽሉ ኣመክንዮ ንውላዱ ይስሓቕ ንመሥዋዕቲ ዝወሰነሉን ዝተፈጠረ ተኣምርን ዘዘንቱ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ እዩ።

ኣብርሃምን ኣዝማድ ኣብርሃምን ረኀብን ዓጸባን ጸኒዕዎም ናብ ምድሪ ግብጺ ከመይ ከም ዝተሰደቱ ናብ ምድሪ ግብጺ ከመይ ከምዝኣተዉን ኣብ ጉዕዝኦም ዘጓነፎም ተጓንፎን … ብጽይቲ ኣብርሃም ሣራ ምልክዕቲ ስለ ዝነበረት ኣብ ምድሪ ግብጺ ምስ ኣተዉ ብምኽንያት ብጽይቱ (ሣራ) ክበጽሖ ዝኽእል መንከራን ሞትን ንምትራፍ ምስ ሣራ ተረዳዲኦም "ሓፍተይ እያ" ዝብል ንፈርዖን ዘቕረቦ ምኽንያት ሣራ እውን "ሓወይ እዩ" ዝበለትሉ ምኽንያትን ብሰንኪ ረሃብ ዝዓበይሉ ማኅበረ ባህላዊ እሴትን ዝፈትውዎ ከባብን ለቒቖም ናብ ምድሪ ግብጺ ምስ ኣተዉ ዘሕለፍዎ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወት ብዕሊ የርኢ። ንጉሥ ፈርዖን ንሣራ ንምሕጻይ ናብ ኣብርሃም ሕጸ ዝሓቱ ሽማግለታት ልኢኹሉ ኣብርሃም ዝተሰምዖ ከቢድ ሥምዒትን ሣራ መርዓት ፈርዖን ክትኸውን ብሓሻክር ፈርዖን ተዓጂባ ናብ ቤተ መንግሥቲ ፈርዖን እንትትውሰድ ኣብርሃም ዝተሰምዖ መሪር ኃዘንን የርኢ።

ገድለ ኣብርሃም፦ እምነታዊ፣ ባህላዊ፣ መንነታዊ፣ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ኣስተምህሮ ኣለዎ። ቃል ኪዳን ኣብርሃምን ሣራን፣ ጽባቐን ቁመናን ሣራ፣ ብምኽንያት ጽባቐኣ ዝበጽሓ ፈተና፣ መርዓት ኈይና ኣብ ቤት ፈርዖን ምእታዋ፣ ብተራድኦ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ካብ ሥጋዊ ዓመጽ ፈርዖን ምድሓና […] የዘንትው። ቃል ኪዳን ልዕሊ ኩሉ ምኻኑ ብግሪ የርኢ። ትሕትናን ተኣዝዞን ይስሓቅን ይስሓቅ ብኢድ ወላዲኡ ኣብርሃም ንመሥዋእቲ ምቕራቡን በይዛ ይስሓቅ በጊዕ ብዕፀ ሳቤቅ (ሓረግ ሬሳ) ምውራዱ ከም ዘድሐኖ … ፈጣሪ ዘርኢ ኣብርሃም ከም ዘብዝኖ ዓሠርተ ክልተ ነገድ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ከም ዝውለዱን ውሉድ ውሉዱ ከም ዝባረኹን ከምኡ እውን

ካብ ዘርኢ ሓረገ ክርስቶስ ከም ዝውለድ ዘዘንትው እዩ። ኣብርሃም ብሠናይ ግብሩን ምግባሩን በረከተ ኣምላክ ከም ዝሓደሮን ውሉዱ ይስሓቅ እውን ከም ዝተባረኸን ናይ ኣርእስተ ኣበው ዝኾነ ወላዲኡ ኣብርሃም ምርቓትን በረከትን ከም ዝሓደሮ ይነግር። ነገረ ሥጋዌ ሕልፈት ዓለምን ዳግም ምጽኣትን እውን ከቲቡ ዝሓዘ ሥነ ጽሑፍ እዩ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
# ትንተና መረዳእታ

ኣብዚ ምዕራፍ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፥ ብኣገባባት ዝንታወ፣ ነገረ መበቌላዊ ትሕዚታትን ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታትን ብዝኾነሎም ትሕዝቶታትን ተተንቲኖም።

## 5.1. ኣገባባት ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ኣብ ትሕቲ 2.1.4 ከም ዝተገለፀ ኣገባባት ዝንታወ፥ ትዕይንትን ኣኅጽሮትን ብዝብሉ ክልተ ዓበይቲ መተንተኒ ሥነ ጽሑፍ ይፍለጡ። ብመሠረት እዞም መግለፅታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተተንቲኖም።

### 5·1.1. ትዕይንት

ኣብ ትሕቲ 2.1.4.1 ከም ዝተሓበረ፥ ትዕይንት ቁጡብነት ብዘለዎ ትሕዝቶ ሥነ ጽሑፍ ከምዝርአ ገይሩ ንምቕራብ ዘኽእል ሓደ መሠረታዊ ባእታ ኣገባባት ዝንታወ እዩ። ጸሓፍቲ ዝተፈላለዩ ብልሓታት ወይ ኣገባባት መግለፂ ብምጥቃም ንነገራት ንምግላፅን ንምቕራብን ከምኡ እውን ተደረስቲ ንእቲ ትሕዝቶ ንምጭባጥ ወይ ንምርዳእ ዘኽእሎም ብሥምዒት ሕዋሳቶም፦ ብምርኣይ፣ ብምድህሳስ፣ ብምጥዓምን ብምሽታትን ንክስተማቕሩ ዝሕግዞም ብልሓት ኣዘነታትዋ እዩ።

> መልኣክ ንኣዳም ወጺእኻ ካብ ዕሾኽ ዘለዎ ተኽሊ፣ ዕሾኽ ኣምጽእ በሎ። ኣዳም ወጸ፣ መልኣክ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዞ ድማ ኣምጽአ። መልኣክ ኣብ ቅድሚኦም ጀመረ፣ ብኣምሳል ዝተሰፈየ ክዳን፣ ቈርበት ንክሠርሑ፤ ዕሾኽ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚኦም ምስፉይ ጀመረ። ክዳን ኾነሎም፣ ንነብሲወከፎም ድማ ኣልበሶም። ንንባዕሎም ዝረኣአዩ ዝነበሩ ሽው ዕሩቕ ዝነበረ ሥግኦም ተኸደነ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 69)።

*　　　　*　　　　*

> *ወመልኣክሰ ይቤሎ ለኣዳም፣ ጻእ ወኣምጽእ እም ኣሥዋክ በቀልት። ወወጽአ ኣዳም ወኣምጽአ በከመ ኣዘዞ፣ መልኣከ እግዚኣብሔር። ወወጠነ መልኣክ ቅድሜሆሙ፣ ይግበሩ ኣምዕስተ፣ በኣምሳለ ዘይቀጽዕ ቀሚሰ። ወነሥአ ኣሥዋከ ወተከለ ውስቴቱ፣ ቅድመ ዓዕይንቲሆሙ። […] ወኮነ ሎሙ ኣልባሰ ወኣልበሶሙ ኪያሆሙ፣ ውእተ ጊዜ ተከድነት ዕርቃነ ሥጋሆሙ፣ ዕምርዕየተ ሥጋሆሙ ዓዕይንት ዘበበይናቲሆሙ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 69)።*

ኣብዚ ኣንባቢ ብዓይነ ኅሊንኡ ክም ዝርኢ ዘሎን ኣብ ግብራዊ ሥራሕ ተጋዳሊ ከም ዝሳተፍ ዘሎን መሲሉ ንክሥምዮ ዝገብሩ ምርኢታዊ ዝኾኑ ኣገላልፃታት ኣለዉ። እቶም ትዕይንታዊ ኣገላልፃትኑ ዕሾኽ ምምጻእ፣ ምውጻእ ኣዳም፣ ብኣምሳል ቀሚስ ንቈርበት ብምስፋይ ምሥራሕ ልብስን ምሽፋን ዕርቃነ ሥጋን ዝብሉ እዮም። እዚኦም ደጋውን ውሽጣውን ዝብሉ ክልተ መልክዕ ከሚተ ሕይወት ይሕዙ። ብዕሾኽን ቈርበትን ዝተወከሉ ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ምስሊ ዝፈጥሩ ትእምርትታት እዮም። ደጋዊ ትእምርቲ ዕሾኽኑ ዝወግኣካ ነቒስኻ እተውጽኣሉ፣ ዝደለኻዮ ንምሕዛእ ከም ሓፁር እትጥቀመሉ፣ ዘየቕርብ ተዋጋኢ፣ ክትሪኦ ዘፍርሕን ክትሕዞ ዘጸግምን ተፈጥሮኣዊ ተኽሊ የመልክት። ውሽጣዊ መልክዑ ድማ ዕሾኽ ትእምርቲኑ ኣሚከላ፣ ተንኰል፣ ክፍኣትን በቀልን እዩ። ኣብዚ ዘሎ ዕሾኽ ግና ካብ ነባራዊ ርትዒ ዝወጸ ንምፍልላይ ዘይኰነስ ዝተፈላለዩ ንምጥማር ጠጠው ዝበለ እዩ። እዚ ኰይኑ ምምጽኡን ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣራኺቡ ምኽንያት መጋረጃ ዕርቃነ ሥጋ ምኻኑን ኣብ ሰሌዳ ልቡና ዝሠኣል ምስሊ ኣብ ኣእምሮ ዘንት ዕለት ዝሽክርከር ሓሳብ ኣሎ።

እቲ ምስለ ሓሳብ *ብኣምሳል ዝተሰፈየ ክዳን ካብ ቈርበት ንክሠርሑ ዕሾኽ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚኦም መልኣክ ምስፋይ ጀመረ* "**ወወጠነ መልኣክ ቅድሜሆሙ ይግበሩ ኣምዕስተ በኣምሳለ ዘይቀጽዕ ቀሚሰ**" ዝብል እዩ። ቈርበት ብዕሾኽ ምስፋይን ተሰፍዩ ሓድነት ፈጢሩ ሓፍረተ ሥጋ ክሽፍን ምኽኣሉንኑ ኣዳም እንበለ በቀልን ቂምን ካብ ሕቱም መሬት ሥጋ ለቢሱ ምፍጣሩ (ትእምርቲ ሕቱም መሬት ድንግልናን ንጽሕናን እዩ)፣ ውርዝብና ኣዳም ብቂምን በቐልን ዘይተመልአ ምንባሩ ንምርኣይ … ሕዚ ካብ ልምሉም ተኽሊ ዘምጻእኻዮ ዕሾኽ ደሓር ካብ ኣብራኻ ዝፈርዩ ተንኰለኛታት ክህልዉ እዮም እንተብል፣ ብኣብሶ ሥጋ መርገመ ነብሲ ክረኽበካ እዩ ንምባልን መዋዕል ሕይወትኻ ብፈተና ክተሕልፎ ኢኻ ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍን እዩ። ብትእምርቲ ቈርበት ዝተገለፀ ሓሳብ፣ ምሽፋን ሓፍረተ ሥጋ፣ ነገረ ፍጥረት ኣዳም መሬት ምኻኑ፣ ብርኪ ብውሉድ ምምሳሉን ኣብ ሕይወት ፈተና ከም ዘሎን እዚኦም ኩሎም ቦኽሪ ሓሳባት ዝሓዙ ብመልክዕ ትዕይንት ዝተዘንተዉ ኣብ ሚታዊ ፍካረ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዮም።

ምልባስ ቈርበት እንስሳ ትእምርቲ ሞት[23] እዩ። እንስሳትን ሰብዋና እቶም ቈርበት ኰይኖም ዘለዉ እንስሳትን ከም ዝሞቱን ከም ዝበለዩን ኩሉ ኣዳምን ዘርኡን እውን እዚ ሙስና ከም ዝረኸቦም ንምርኣይ እዩ። ምልባስ ዕርቃነ ሥጋ ንሕልፈት ሥጋ ብመቓብር ምኽባት የፈክሩ። ብምኽንያት እቶም ትእምርቲ ኣብዚ ዝርአ ግብሪ ስለ ዘሎ ኣብ ኀሊና ራዕድን ፍርሕን ህልዋት እዮም። ዕርቃነ ሥጋ ሓፍረት፣ ምኽዳን ማእሲ ድማ ስኽፍታ ሰውነት፣ ምርኣይን ምድህሳስን ዕሾኽ እውን ምሽምራር ኣካላተ ሥጋ የምጽኡ። እዚኦም ካብ ኣእምሮ ዘይጠፍኡ ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት እዮም።

ዝቐረበ ኣብነት ከም ዘሎ ኰይኑ ትዕይንታዊ ዝኾነ መልክዕ ኣዘነታትዋ ዘለዎ ካልእ ኣብነት ካብ ገድለ ኣብርሃም ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ቀሪቡ ኣሎ።

> ኣብርሃም ይበኪ ነይሩ፣ ርእሱ ኣብ መንኈ ኣብራኹ ገይሩ፣ ንብዓቱ ብምዕጉርቱ ክሳብ ዝፈስስ በኽየ። ሣራ እንትበኪ ሪኣ ብጣዕሚ ኃዘነት፤

[23] ነገረ ሞት ፍካሬኡ ብዙኅ ኣንድምትኡ ረቂቕ እዩ። ኣካላዊ ሞት ምፍልላይ ነብስን ሥጋን (ዘፍ. 3፥ 19)። መንፈሳዊ ሞት፦ ካብ ሠናያን ተግባራት ምፍላይ፣ ካብ ፈጣሪ ምርሓቕ፣ ክሕደትን ጥልመትን ኣካል ሕይወትኻ ገይርኻ ምንቅስቓስ (ዘፍ. 3፥ 22-24)። ዘለኣለማዊ ሞት፦ ሰብኣውነትኻ ምርሳዕ፣ ብሕይወተ ሥጋ ኣብ ዓለም እናሃለኻ ንህላወኻ መዘከሪ ክኸውን ዝኽእል ሠናይ ሥራሕ ከይሠራሕኻ ምሕላፍን ብኽፉእ ግብርኻ ናብ ዘለዓለማዊ ስቃይ ወይ ሲኦል ምእታውን (ማቴ. 25፥ 41፤ ራዕ. 20፥ 14)። ሞት ኣንጻር ህልውናዊ ህላወ ጠጠው ዝበለ ኃይሊ እዩ። ማእምራነ ህልውናዊ ህላወ ከም ዝብልዎ ህልውናዊ ህላወ ሕቶ ነጻነትን ሓርነትን እዩ። ተጋዳሊ፦ ካብ ንባዕልኻ ጥፍኣተኛ ገይርኻ ምሕሳብ፣ ጸጸት፣ ፍርሓትን ተጠራጥሮን ዝኣመሰሉ ዓርሰ እምነትን ዘለኣለማዊነትን ዘስእኑ መቕጻዕትታት ህላወ ነጻ እዩ። ርትዓዊ ተጋዳሊ ንሕይወታዊ ሞቱ ብጸጋ ዝቕበል እዩ (Joseph Campbell, 1968: 356; ቴዎድሮስ፥ 2008: 155)። ነገረ ሞት እንትለዓል ወዲሰብ፦ ሰውነቱ ስኽፍኽፍ ይብሎ፣ ይፈርሕ፣ ይንቅጥቀጥ፣ ሞት ናብ ዘይብሉ ኣርሒቑ ክኸይድ ይደሊ። ይኹን እምበር ምስኡ ተፈጢሩ ሓቢርዎ ዝዓበየ፦ ኣብ ሓዉ፣ ሓፍቱ፣ ዓርኩ፣ ዘመዱ፣ ጐረበቱ እንተጋጥም ብኣካለ ሥጋ ዝረአዮ ሞት ዘርዕዶን ዘፈርሖን ሞት ሓዱሽ ኰይንዎ ኣይኰነን (Martin, 1949: 126)። ወዲሰብ ንሞት ዝፈርሐሉ ምኽንያት፦ ሓላፍነት ዘይምውጻእ፣ ልእኽቶ ዘይምፍጻም፣ ጉዕዞ ሕይወት ብጅግንነትን ዓወትን ዘይምኽምባት፣ ሰብ ናይ ምዃን ግቡእነት ዘይምፍጻም ክኸውን ይኽእል። ዝወጠንኻዮ ዘይምኽምባት፣ ኣብ ዝሓሰብኻዮ ዘይምብጻሕ፣ ብዘለኻዮ ዘይምዕጋብ፣ ኣብ ግዘ ንእስነት ምቅዛፍ እዩ ፍልፍል ፍርሓት ሞት (Becker, 1973: 101)። ሞት ብኩነተ መዋቲ ዝውሰን ትንቢታውነት ዘለዎ ክሥተት ተፈጥሮ እዩ። ንዝሓለፈ ካብ ምውካእን ዘሎ ካብ ምቕራጽን ሓሊፉ፥ ንጽባሕ እተራቕቐሉን ንድኅሪ ጽባሕ እትትንብየሉን፥ ከይሓሰብኻዮ ከመ ቅጽበት ብገሃድ ኣብ ልዕለኻ ዝኽሠትን ከይፎተኻ ብጸጋ እትቕበሎን ማዕርነት ዘይረአየሉ ግና ሰባት ሚዛን ማዕርነታዊ ፍትሒ ገይሮም፦ ዝወስድዎ፣ ዝኣምንሉ፣ ዝቕበልዎን ዝተቐበልዎን ትዕድልቲ ብህላወ ዝፍረጁ ፍጡራን እዩ። ዓቢዪ እናሃለወ ንኡሽተይ ምጚቱ፣ ሕሙም እናሃለወ ጥዑይ ብሃንደበታዊ ሓደጋ ምውሳዱ፣ ንሰነፍ ገዲፉ ንጅግና ምቕንጻሉ፣ ሞት ኣብ ዘይማዕራዊ ፍትሒ የመድቦ። ይንኣስ ይዕበ፣ ይሃፍትም ይድኸ፣ ይመሃር ኣይመሃር፣ በዓል ሥልጣን ይኩን ታራ ብዘየገድስ ሞት ኩሉ ዝቋደሶ ምዃኑ ድማ ሞት ማዕረኣዊ ፍትሒ ኣለዎ ንብሎ። እንተ ኩሉ ፍጡር ካብ ሞት ዘይተርፍ ምዃኑ ንምረኣይ ግና ኣብ ገድለ ኣዳም ዘሎ ተጋዳሊ እዚ ዕጻ ከም ዝበጽሖ ብትእምርተ ቈርበት ገይሩ ቀጻሊ ትዕድልቲ ወዲሰብ ኣሪእና።

"ኣንታ ርጎሩጎ ዓርከይ ኣብ ኩሉ መንገድኻ ሕጉስዶ ኣይነበርኻን ሕዚ እንታይ ኰይንኻ ተኃዝን" በለቶ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7-8)።

* * *

*ወነበረ ኣብርሃም እንዘ ይበኪ፣ ወወደየ ርእሶ ማእከለ ብረኪሁ፣ ወበከየ እስከ ውኅዘ ኣንብዑ ዲበ መላቲሒሁ። ወሶበ ርእየት ሣራ ጥቀ ኅዘነት፣ ወትቤሎ፣ ኦ ዓርክየ መሓሪ ምንተ ኮንከ ተኃዝን ኰንከ በኩሉ ፍናዊከ ፍሡሓ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7-8)።*

ኣብዚ ትዕይንት ዝፈጠሩ መልክዓት ዝንታወ፦ ኣብ መንጎ ክልተ ኣብራኽ ርዕሲ ምድፋእ፣ ምብኻይን ብምዕጉርቲ ንብዓት ምፍሳስንን ኃዘን ብጽይትን እዮም። ዝተፈጸመ ፍጻመ ተዘካሪ ምስሊ ሃልይዎ ኣብ ሰባት ዘሎ ዘወትራዊ ሕይወት የርኢ። ብኃዘንን ደስታን ዝግለፅ ሕይወት ንሥምዒት ነኺኡ ልቡና ክትርኢ ስለ ዝገብር፤ ሥምዒት ድማ ምስ ኣእምሮ ተራኺቡ፥ ሓላይነት፣ ሓሳብነትን ተንባይነት፥ ወዲሰብ ክትፍክር የኽእል። ስለዚ ኃዘንን ደስታን መንገዲ ትእምርቲ ሕይወት ኰይኖም፦ ንሰብ፣ ተፈጥሮ፣ ነገረ ተፈጥሮ ሰብን ዓለምን እንፍክረሎም መግለፂ (መክሥታነ) ህላወ እዮም።

*ኣብርሃም ይበኪ ነይሩ* "ወነበረ ኣብርሃም እንዘ ይበኪ" ነገረ ብኽያት ተጋዳሊ፦ ምረት ዓለም፣ ዓቐብ ቁልቁል፣ ድኻም፣ ቀቢጸ ተስፋ፣ ምስኣን (ኃጢኣ) ሲሳይ ዕለት፣ ተዘክሮ ስደትን ባርነታዊ ሕይወትን ብዝብሉ ይፍከሩ። ምውራድ ንብዓት (ውኂዘ ኣንብዕ) ድማ ዜናውያነ ሞትን ወሪደ መቃብርን እዮም። ኣብ ቀቢጸ ተስፋ ጽንዓትን ትብዓትን ከም ዘሎ ድማ ተጋዳሊ ብብጹቱ እንትጽናዕናዕ ይርእ። እዚ ድማ ነባራዊ ህላወ ሰባት ብከምዙይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዝተሓጸረ የርኢ።

ተጋዳሊ ርእሱ ምድፍኡ፦ ነገረ ትሕትና ንምርኣይ፣ ሕሉፍ ሕይወቱ ንምዝካር፣ ህልው ሕይወቱ ንምግምጋምን መጻኢ ሕይወቱ ንምትንባይን ኣርምሞን ምንጻግ ሓሳብን፣ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ብዘየገድስ ዘሎ ነባራዊ ኩነት ንዘይምርኣይ (ኢሳማዕነ ወኢርኢነ) የመልክተና። *ርእሱ ኣብ መንጎ ኣብራኹ ገይሩ* "ወወደየ ርእሶ ማእከለ ብረኪሁ" ሕልፈት ውርዛወ ምምጻእ ሽንግልና (ርስእና)፣ ምድላይ ሓገዝን ድጋፍን፣ ሕልፈትን ርደተ መቃብርን የዘኻኽሩ። "ደቀይ ብድኅረይ እንተይኾን ክኾኑ ይኽእሉ (ትካዘ)" እንትብልን ድኅሪ ሽንግልና ተኣሳሲሩ ኣብ ገዛ ዝውዕል እምበር ጉይዩ ድላዩ ዝፍጽምን ዘፈጽምን ብርኪ ከም ዘየለ እንተዘኻኽር እዩ። ምውራድ ንብዓት እውን

ርኅሩሃ ልቡናን ኃዘነ ከርሥን ይነግሩ። ድካመ ሥጋን ቀቢጸ ተስፋን የውሥኡ። ኣብ ኩሉ መንገዱ ሕጉስ ከም ዝነበረ ቢጺቱ ምንጋራ ሕሉፍ ጉዕዞ ሕይወት ተጋዳሊ ፍሥሓን ሓሤትን ዝመልኦ ምንባሩ የሪኣና። እዚኦም ኩሎም ወርትግ እንነብሮምን እንትግብሮምን ኲይኖም ጣዕሚ ሕይወት ክንፍክረሎም ዘኽእሉና ቦኽሪ ሓሳባት ኾይኖም ውልቃውን ማኅበራውን ነባራዊ ጉዕዞ ሕይወትና ክንግምግምን ከመይ ምስ ተፈጥሮ ኣጠዓዒምና ክንሽይድ ከም ዘለናን ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ትምህርቲ ዘስንቑ እዮም።

ኣብ ትዕይንትታ ዝንተዋ ገድላዊ ፍጻመታት፣ ምንቅስቓሳት፣ መሥተንክራውን ተኣምራውን ፍጻመታትን ክሥተታትን ንኅሊና ዝቐረቡ ምናባዊ ምስሊ ይፈጥሩ። ንነገራት በዓይነ ኅሊና ክትርኢ የኽእሉ። ብእግሪ ልቡና ተጓዒዝኻ ዝረቐቐ ምሥጢር ክትፍክር ክትትንትንን በሪ ይኸፍቱ።

> ኣዳም ብየመና ኃይሊ ሙቀት ዝቃጸል ዘሎ እሳት ካብ ምድቃሱ ተልዓለ። ዝተቐጸለ ሥርናይ ረአየ፤ ኣብ መትሐዚ ዝነበረ ማይ እውን ፈሲሱ። በኽዩ ናብ በዓቱ ተመለሰ። ሰይጣን መልኣክ መሲሉ፣ እንታይ ኲይንኻ ትኃዝን ዘለኻ፣ ብጥምየትን ጽምእን ይመስለኒ በሎ። ሥርናይካ ሰይጣን ድዩ ኣቃጺልዎ፤ ኣዳም እወ በሎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 91)።

*  *  *

> *ወእም ዕፀበ ላኅበ እሳት ተንሥአ ኣዳም እምንዋሙ። ወነጸረ ሥርናየ ዘውዕየት፣ በማኅየብ ማይኒ ዘኅቤሁ ተክዕወ። ወበከየ ወተመይጠ ኀበ በዓት። […] ወይቤሎ ሰይጣን ለኣዳም ተመሲሎ መልኣክ ምንተ ኮንከ ዘተኀዝን በረኀብ ወጽምዕ ይመስለኒ፤ ዘኣውዓየ ብከ ሰይጣን ሥርናየከ። ወይቤሎ ኣዳም እወ (ገድለ ኣዳም፣ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 91)።*

ኃይሊ ሙቐት፣ ዝቃጸል ዘሎ እሳት፣ ካብ ድቃስ ምትሣእ፣ ዝተቓጸለ ሥርናይ ምርኣይ፣ ኣብ ሒላብ ዝነበረ ማይ ምፍሳስ፣ ብኽያት፣ ምምላስ ናብ በዓትን መልኣክ መሲልኻ ምርኣይን ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት እዮም። ኣብ ግብራዊ ክሥተት ዝተፈጠረ ኣካላዊ ምንቕስቓስን ዝርርብን ኣሎ። ምስ እዙይ ሓቢሩ ርኡይ ዝኾነ ትዕይንታዊ ፍጻመ እውን ተኸሢቱ እዚ ድማ ስንእው ኣዘነታትዋ ኣብ ውሽጢ ዝንታወ ምክታት ከም ዝኾንን ኣብ ውሽጢ ትዕይንት ምስሊ ፈጣሪ ምልልስን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ክልቲኦም ዝተለመዱ ምኻኖም ዘረጋግፅ እዩ።

ብየመና ኃይሊ ሙቐት ኣዳም ካብ ምድቃሱ ተሲኡ "ወእም ዕፀበ ላኀበ እሳት ተንሥአ ኣዳም እምንዋሙ" ማለቱ ተጋዳሊ፥ ብምሒር ጭንቂ፣ ጻዕቒ መንከራን ምድርራብ መረርቲ ሓሳባትን፥ ቀሲኑ ክነብር፣ ልቡ ረጊዕሉ ክንቀሳቐስን ኀሊንኡ ኣሚንሉ ክፍጽምን ኣብ ዘይኽእለሉ ደረጃ ምብጽሑ ንምጥቃም እዩ። ዝተቃጸለ ሥርናይ ምርኣዩ ድማ ሥርናይ ትእምርተ ፍርያትን ውሉድን እዩ። ምቅጻሉ ሞተ ውሉድን ኃዘን ከርሥን ከም ዘሎ ኣርእዩ። ምፍሳስ ማይ እውን ምፍሳስ ንጹሕ ደም ይነግር።

ንትዕይንት መግለፂኡ ስንእው ዝንታው እዩ። ኣብ ስንእው ዝንታው ድማ ጻንሒት ግዘ ዝንታወን ጻንሒት ግዘ ዛንታን ማዕረ ዝምድና ኣለዎም (Genette, 1980: 109-112)። ኣብዚ እንሪኦ ዘለና ፍጻመ እውን ንሱ እዩ። ንቅጽበታዊ ክሥተት ቅጽበታዊ ዝንተዋ። ብትዕይታዊ ዝንታወ ኣቢሉ ዝፍከር ምሥጢር ድማ ኣሎ። ብኃይሊ ምቅጻል እሳት ነበልባሉ ኃይልዎ ኣዳም ካብ ድቃሱ ምትስኡ፦ ምረት ናብራ ዓለም፣ ውረድ ደይብ፣ ጽዒርኻ ግዒርኻ ምንባር እዩ። ምቅጻል ሥርናይ ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ፦ ሞተ ቦኽሪ ከም ዝርኢ፣ ብሞተ ቦኽሪ (ኣቤል) ኣምሪሩ ከም ዝበኪ፣ ድኅሪ ኃዘን ፍሥሓ ከም ዘሎን ብኀዙኑ ከም ዘይቅጽልን ብምምላስ ናብ በዓቱ ገይሩ ኣርእይና። ገባሪ እከይ መልኣከ ተመሲሉ ምርኣይ ድማ ደሓር ደቂ ደቁ ንኣዳም ዝገብርዎ ኣብሶን ኣበስኦም ሸፊኖም በደሎም ናብ ካልእ ከም ዘሳብብዎን ንምጥቃም እዩ።

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ትዕይንታዊ ኣዘንታትዋ ብሰፊሑ ይርአ። ትዕይንቲ ዝንተወ እቶም ገድልታት ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮ ብዝቐለለ መንገዲ ክትርዳእ የኽእል። ኣብ ሕልፊተ ሕይወት ዘጋጥም ክሥተት እንታይ ከም ዝመስል ብኣጋ ትርዳእ። ብዚ ኣቢልኻ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ማኀደር ኣገባባት ዝንታወን ሚታዊ ይትበሃላትን ምኺኖም ትግንዘብ።

> ኣብርሃም በኸየ፣ ድምፁ ኣበርቲዑ ተደሃየ፣ ኣብ ከባቢ መደቀስየይ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ክትፈልጥ ነዓ ቕረብ ኢሉ ንወዱ ይስሓቅ ጸውዖ። ዘፍረሐኒ እዙይ እዩ፣ ብእኡ እየ [እውን] ደንጊጸ። እርጋነይ ኣድኺምኒ ዓይነይ ምርኣይ ኣብዩኒ፣ እንታይነቱ ክፈልጥ ኣይኽኣልኹን (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 43-44)።

*   *   *

*ወበከየ ኣብርሃም፣ ወከልሐ በልዑል ቃል፣ ወጸውዖ ለወልዱ ይስሐቅ፣ እንዘ ይብል ቅረብ ኀቤየ ኦ ወልድየ ከመ ታእምር ዘንተ ዘየኀሥሥ ዓውደ ምስካብየ፣*

*ዝንቱ ዘዓፍርሓኒ ወደንገጽኩ በእንቲኣሁ እስመ ደክመኒ ርስእናየ ወከብደ ዓዕይንትየ ወኢየኣምር ዘንተ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 43-44)።*

ብኸያት ተጋዳሊ፣ ዓው ኢልካ ምጽዋዕ፣ ኣብ ከበቢ መደቀሲ ተጋዳሊ ዘሎ ምንቅስቓስ፣ እርጋንን ምድኻም ዓይንን ኣብ ዝብሉ ኣገላልፃታት ትዕይንታዊ ዝንታው ኣሎ። ኣብዚ ዝንታው ብእርጋን ኣብ መደቀሲኡ ዝግበር ዘሎ ዘይፈልጥ ኣዒንቱ ፈልዩ ነገራት ክለሊ ዘይኽእልን ሓገዝ ካልእ ኣካል ዝጽበ ሽማግለን ኣሎ። እርጋን ዝፈጠሮ ዓርስኻ ዘይምኽኣል፣ ዝነበረ ጉልበት ጠሊምካ ተደጋፊ ምኳን፣ ካብ ሓጋዛይ ናብ ተሓጋዛይ፣ ካብ ጠዋራይ ናብ ተጠዋራይን ካብ መጽዋታይ ናብ ተመጽዋታይን ዝተሰጋገረ ጕስቈልቈል ዝበለ ሽማግለ ኣብ ኣእምሮ ተደራሲ ይቕጀል። ኣብ ኣእምሮ ቅጅልታ ዝፈጠረ ዝንታው ፍካሬኡ እንታይ ኾን ይኸውን ዝብል መልሲ ንምድላይ መሊሱ ሕቶ ኰይኑ ምስ ምስሉ ይኸሠት፤ ኣብዚ እዩ ድማ ቦኽሪ ሓሳብ ዝርከብ።

ነገረ ቦኽሪ ሓሳብ ካብ ተልዓለ *ኣበርቲዑ ተደሃየ* "ወከልሐ በልዑል ቃል" ዝብል ምድኻም ውርዝብና ምስዓር ሽምግልና የርኢ። ድኅሪ ደጊም ብእግረ መንፈስ እምበር ብኣካለ *ሥጋ* ኣይጽውዐካን እንትብል። ምድራዊ ሕይወቱ ወዲኡ ሰማያዊ ንብረቱ ይጽበ ከም ዘሎ ንምርኣይ። እዚኦም ኩሎም ኣብ ነገረ ፍጥረት ወዲሰብ ዝረአዩ ቀወምቲ ርትዕታት እዮም። ብቃል እንትበሃሉ ቀለልቲ ሚታዊ ይትበሃላት ይመስሉ ብግብሪ ግና እንነብሮምን እንኾኖምን ቦኽሪ ሓሳባት እዮም። መልክዕ ዝንታውኦም እውን ትዕይንታዊ ኰይኑ መጺኡ ኣሎ። ትዕይንት ኣብ ተደረስቲ ዘይርሳዕ ምስሊ ናይ ምፍጣር ተኽእልኡ ልዑል ስለ ዝኾነ።

ትዕይንት ብተግባር ይኹን ብዝንተዋ ብመልክዕ ተዋሥኦ ኣብ ኣእምሮ ወይ ምናብ ተደረስቲ ዘይርሳዕን ተዛካርን ምስሊ ምፍጣር እዩ (Chatman, 1978: 71)። ዝፍከር ምሥጢር፣ ዝትንተን ቦኽሪ ሓሳብ፣ ሚታዊ ይትበሃል፣ ባህላውን መንነታውን ቴማ እውን ወርትግ ዘይርሳዕ ኣብ ጽላት ልቡና ዝጸሓፍን ኣብ ሰሌዳ ኣእምሮ ዝሠኣልን ህያው ምስሊ ኣለዎ። ዝተተንተኑ ኣብነታት እዙይ ዘትዐሉ እዮም። ስለዚ ገድለ ኣዳምን ኣብርሃምን ብትዕይንታዊ ዝንታወን ሚታዊ ይትበሃልን ዝተዋቐሩ ከም ዝኾኑ ከምዚ ዓይነት ብልሓት ዝንተዋ ምህላዎም ድማ መዋቕር ዝንታውኦም ዘይስልችውን ዘመን ተሳገርቲ ሥነ ጽሑፋት ክኾኑ ኣኽኢልዎም። ገድል ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ማኅደር (ቦኽራ) ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምኻኖም ድማ ግሁድ ይገብሮ።

### 5.1.1.1. ምርኣይ

ንተዋሥኣዊ ወይ ትያትራዊ ክዋነታት የመልክት። ኣብ ምርኣይ ኣገባብ ዝንተዋ ኣዘንታዊ ንተዋሥኣዊ ፍጻመታት የቕርብ። ኣብዚ ኣዘንታዊ ህልውንኡ ውሱን እዩ። ኣንበብቲ ወይ ተዓዘብቲ ግብራዊ ተግባር ብዓይነ ኅሊንኦም ዝሪእሉ ተዋሥኣዊ ፍጻመ ዝከታተልሉ እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታው ኣብ ገድለ ኣዳም ህልው እዩ።

> ኣዳም ንሔዋን ሒዙ ናብ ጸሊም ምድሪ ወረደ። ዝቦቐለት ሥርናይ ረኺበ፣ ሽዑ ሽዊታ ንምብላዕ ዝተዳለወት፣ ኣዳም ተደሰተ። [...] ኣዳምን ሔዋንን ዳግማይ ናብ ጸሊም ምድሪ ወረዱ፣ ቅድም ክብል ናብ ዝረኸብዋ ሥርናይ በጽሑ፣ ንዓፂድ ዝበጽሐት ደረኽ ኰይና ረኣይዋ (ገድለ ኣዳም፣ 1965፥ 90)።

*                    *                    *

> *ወነሥአ ኣዳም ለሔዋን ወወረደ ውስተ ምድር ጸሊም። ወረከበ ሥርናየ ዘበቈለት፣ ወኮነት ሰዊተ ወበዕለት ለበሊዕ፣ ወተፈሥሐ ኣዳም። [...] ወካእበ ወረዱ ኣዳም ወሔዋን ውስተ ምድር ጸሊም ወበጽሑ ኀበ ሥርናይ ዘረከብዋ ቀዳሚ፣ ወነጸርዋ ይብስተ ወተደለወት ለኣፂድ (ገድለ ኣዳም፣ 1965፥ 90)።*

ተገዳሊ፥ ኩነታት ኣከያይድኡን ናብ ከመይ ዝኣመሰለ ከባቢ ይከይድ ከም ዘሎን ተደራሲ ኣብ ዓይነ ህልንኡ ጸሊም ምስሊ ሥኢሉ ክርኢ ዝገብር ኣዘነታትዋ እዩ። እዚ ድማ ተግባር ኣብ ዛንታ ነገራት ዝፍጸመሉ ምኽኒ ዘረድእ እዩ። ይኹን እምበር ተግባር ግድን ርኡይ ወይ ጭቡጥ ዘይከኸውን ይኽእል። ኣዝዩ ረቂቕ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ዘሎ ግና ክልቲኡ ዝሓዘ እዩ። ተግባር ተጋዳሊ ናብ ጸሊም ምድሪ ምውራዱ፣ ሥርናይ ምረካቡ ዝረኸባ ሥርናይ እውን ንዓፂድ ከም ዝበጽሐት ምግላፁ እዩ። ረቂቕነቱ ብትእምርቲ ጸሊምን ንዓፂድ ዝበጽሐት ሥርናይን ዝተገለፀ ሓሳብ እዩ። ጸሊም፦ ክፍኣት፣ ተንኰል፣ ሕስድና፣ ... እዩ። ሥርናይ፦ ትስፍውነት፣ ጽቡቕ ምምናይ፣ ጽቡቕ ምሕሳብን ሠናይነትን የርኢ። ንዓፂድ ምብጻሕ ግና ሽንግልናን ምሕላፍ ዕድመን ኣሪኡ ሞት ዝነግር እዩ።

ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ቀዲሙ ዝተገለፀ ኣገባብ ዝንታወ ኣሎ። ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ድማ ይንበብ።

> ኣብርሃም ብሕልሙ ጽብቕቲ ቐለበት ረአየ፣ እታ ቐለበት ካብ ኢዱ ወደቐት። ኣብርሃም ብዝረአዮ ተከዘ። ፈርዖን ሰቡ ልኢኹ ንኣብርሃም ጸውዖ። ኣብርሃም ናብኡ ምስ መጸ ሰላም ኢሉ ናብኡ ኣቕረቦ። "እዚኣ እንታይኻ እያ" በሎ ፈርዖን ንኣብርሃም፤ "ሓፍተይ እያ" ኢሉ ኣብርሃም መለሰሉ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 12)።

*　　　　*　　　　*

> *ወርእየ ኣብርሃም በሕልሙ ሠናይተ ኀልቀት፣ ወይእቲ ኀልቀት ወድቀት እም እዴየሁ። ወተከዘ ኣብርሃም በዘርእየ። ወለኣከ ፈርዖን እምሰብኡ ኀበ ኣብርሃም ወጸውዖ። ወሶበ መጽአ ኀቤሁ ኣብርሃም ተኣምኆ ወኣቅረቦ ኀቤሁ። ወይቤሎ ፈርዖን ምንት ትከውን ለከ ዛቲ፤ ኣውሥኦ ኣብርሃም ወይቤሎ እኅትየ ይእቲ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 12)።*

ኣዘንታዊ ብነገረ ሕልሚ ድሌትን ባህግን ተጋዳሊ ኣሪኡ። ብሕልሚ ዝረአዮ ነገር ብጋህዲ መጺኡ። ምውዳቕ ቀለበት ምስኣን ካልኣይትኻ እዩ። ምምንጣል ቃል ኪዳንኻ እውን እዩ። እዚ ድማ (Jung, 1983: 159) "ሕልምታት ዝፍክሮም እንተ ረኺቦም ነገርቲ ርትዒ ትእምርትታት እዮም" ንዝብሎ ዘትዐለ እዩ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ተዘውቲሩ ዝረአየሎም ጥንታውያን ሥነ ጽሑፍ ግእዝ እዮም። ብዝበለጸ ግልፂ ንምግባር ቀጺሎም ዘለዉ ትንተናታት ፍካሬን ንርአ።

> ኣዳም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ነብሱ ደርበየ፣ ተላሒጹን ገጹ ተመሽሊጡን ሥግኡ እውን፣ ብዙኅ ደም ካብኡ ፈሲሱ፣ ናብ ሞት ተቓሪቡ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 36)።

*　　　　*　　　　*

> *ወወረወ ኣዳም ነፍሶ እም ርእስ እስከ ታሕት፣ ተልህጸ ወተዝኀቀ ገጹ ወሥጋሁ፣ ወውኀዘ ደም እምኔሁ ብዙኃ፣ ወቀርበ ለመዊት (ገድለ ኣዳም፣ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 36)።*

ኣብዚ ተዋሥኣዊ ዝኾነ ፍጻመ ኣሎ። ተጋዳሊ ብዝገበሮ በደል ተጸጺቱ ንበደሉ ብምኩናን ሥግኡን ምጥፋእ ሕይወቱን ካሕሳ ንምኽፋል ዝወሰነ። ሓደጋ ናብ ዘብጽሖ ጸድፊ በገዛዕ ባዕሉ ጸዲፉ ውሳንኡ ኣተግቢሩ፤ ርኡይ ዝኾነ ፍጻመ ተራእዩ። ብምጽዳፉ ኣብ ሥግኡ ዘበጽሖ ጉድኣት ንምርኣይ *ተላሒጹን ተመሻሊጡን* "*ተልህጸ ወተዝኀቀ*" ኢሉ ጉድኣት ዝበጽሖ ኣካል ክንርኢ ገይሩ። ብዙኅ ደም ክም ዝፈሰሶ ንምሕባር ዋሕዚ ማይ ከመይ ከም ዝብልን እንታይ ዓይነት ኩነታት ከም ዘርእን ብምግንዛብ ማይ ዘለዎ ኩነት ርኢና ንዕኡ ክንርኢ ብዋሕዚ ማይ መሲሉ

ኣምጺእዎ። ንሞት ዝቐረበ እንታይ ዓይነት መልክዕን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታትን ከም ዘሎ ንመዋቲ ዝቐረበ ኣካል ዝሪኦ ካብ ኀሊና ዘይጠፍእ ተዘክሮ ኣሎ። ብሰንኪ ምጽዳፉ ዝበጽሖ መጉዳእትን ዝፈሰሶ ብዙኅ ደምን ንሞት ከም ዝቐረበ ተዋሥኣዊ መልክዕ ኣልቢሱ ንኀሊና ኣቕሪቡ ተደራሲ ኣብ ፍጻመ ከም ዝነበረን ብዓይነ ኀሊንኡ ከም ዝረአየን መሲሉ ከም ዝሥምየን ኣካል እቲ ፍጻመ ኰይኑ ንክረአዮን ገይሩ ኣዘንታዊ ኣቕሪብዎ። ገድለ ኣብርሃም እውን እዚ መልክዕ ዝንታወ ኣለዎ።

> ኣብርሃምን ሣራን ናብ ምድሪ ግብጺ ከዱ። ምስ በጽሑ፣ ሓቀኛ ኣብርሃም ዝብላዕ ንክእልሽ ከደ፣ ከምቲ ድንገት እኳ ገጽ እኸሊ ዘይረአየ ስብኣይ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።

*                    *                    *

> *ኣብርሃም ወሣራ ሐሩ ውስተ ምድረ ግብጽ። ወሶበ በጽሑ፣ ሖረ ኣብርሃም ጻድቅ ከመ ይኅሥሥ ሎሙ መብልዓ ከመ ብእሲ ግሙራ ዘኢርእየ ገጸ ኅብስት (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።*

ነገረ ረሃብን ስደትን ብዙኅ እዩ ጣጥኦምን ምርኢቶምን። ረሃብ እንትለዓል ብጥምየትን ምንጋር ኣብይዎ ኣፉ ዝተለጕመ፣ ምንቅስቓስ ስኢኑ ብርኩ ዝጠለሞ፣ መተርከሲ ልሳን ስኢኑ መልሓሱ ዝተኣሰረ፣ ጐረርኡ ዝተዓጸወ፣ ምንቅስቓስ ኣብይዎ ሰውነቱ ኮሽሮ ጸመ ኣርብዓ መሲሉ ይርአየካ። ክንዲ ቁንጣሮ እትኣክል ምግቢ ንምርካብ ክብል ዝብሎ ላዕልን ታሕትን ንእታ ቁንጣሮ ምስ ረኸባ እውን ኣብ ሕይወቱ ምግቢ ሪኡ ከም ዘይፈልጥ ዘሪኦ ሃንቀውታን ድሌትን ንዓይኒ ዝቐረቡ እዮም። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋዳሊ እውን ብሰንኪ ምስኣን ዕለታዊ ምግቢ ናብ ስደት ዘምርሐን ኣብ ዝሓሰቦ ምስ በጽሐ ምግቢ ንምርካብ ክብል ዘርአዮ ድሌትን ብዓይነ ኀሊናና ክንሪኦ ክኢልና። ኣብዚ ኣብነት ዘሎ ተዋሥኣዊ ኣቀራርባ ገጽ ምግቢ ሪኡ ንዘይፈልጥ ተመልኪትኻ ንተጋዳሊ ክትርኢ ዝገበረ ተዋሥኣዊ ኣገባብ ዝንተዋ ዘለዎ እዩ።

እቶም ኣብዚ ተተንቲኖም ዘለዉ ኣብነታት ዘትዕልዎ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምርኣይ ብዝብል ኣገባባብ ዝንታወ እውን ከም ዝዝንተዉ እዩ። ስለዚ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ግብራዊ ምንቅስቓስ ብዓይነ ኀሊናኻ ክትርኢ ዝገብር ዝንታወ ኣሎ። እዚ ድማ ፍጻመታት ተዋሥኣዊ መልክዕ ተላቢሶም ንዝኸሠቱሉ ትዕይንት የርኢ። ምርኣይ ንኡስ ክፋል ትዕይንት ምዃኑ ድማ ተረጋጊጹ።

### 5.1.1.2. ምንጋር

ገጸ ባሕርያት ተግባራቶምን ፍጻመታቶምን እንታይ ከም ዝመስል ዝንገረሉ እዩ። ኣብ ምንጋር ዝንገር ዝንታው እምበር ዝርአ ምስሊ የለን። ብብልሓት ምንጋር ኣብ ዝቐርብ ዛንታ ግደ ኣዘንታዊ ዝለዓለ እዩ። ዝኾነ ይኹን ፍጻመ ብመልክዕ ምንጋር እንትቐርብ ኣቀራርብኡ ኣብ ኣእምሮ ኣንባቢ ምስሊ ዝፈጥር ኣይኮነን። እናተነበበ ወይ እናተዘንተው ዝርአ እንተይኮነስ እናተነበበ ወይ እናተዘንተው ዝድመፅ እዩ። ዝንገር ዛዕባ እውን መልእኽቲ፣ ትእዛዝ፣ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል።

> እግዚኣብሔር ንኣዳም፥ "ኣብ ምድሪ መንግሥትነት ሂበካ፣ መንግሥትነተይ ኣይትድለ" በሎ። ምስጋና ናብ ዝቐርበሉ መንበርየይ ኣይትእቶ፣ ንዓኻ ኢለ ዝፈጠርኹዎ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ስለ ዝሃብኩኻ፣ ልብኻ ዝፈተዎ ብላዕ ስተ። ንእታ ዕፅ ጥራሕ ከይትበልዓ። ትእዛዘይ ኣፍሪስኻ ኣብ ዝበላዕኻሉ፣ ዓቢዩ ሞት ክትመውት ኢኻ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 14)።

*                    *                    *

> *ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣቡነ ኣዳም፣ ወሃብኩከ መንግሥተ ዘበምድር፣ ኢትኅሥሥ መንግሥትየ። ወኢትባእ ውስተ መንበረ ስብሓትየ፣ እስመ ወሃብኩከ ዘታሕተ ሰማይ ወዘላዕለ ምድር ዘኣጥረይኩ ለከ፣ በከመ ፈተወ ልብከ ብላዕ ወስተይ። ወባሕቱ ኢትብልዓ ለይእቲ ዕፅ። ወለእመ ተዓደውከ ትእዛዝየ፣ ወኣመ መላዕከ፣ ትመውት ዓቢየ ሞተ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 14)።*

ኣብዚ ንተጋዳሊ ዝተነገረ ትእዛዝ ኣሎ። ተጋዳሊ ንሕይወቱ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ፍጻመ ከይፍጽም ብልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ተነጊርዎ። ንተጋዳሊ ዝንገር ዘሎ ትእዛዝ ብሕይወተ ሥጋ ንዘሎ ፍጡር ኣስተምህሮ እዩ። እዚ ዝተነገረ ትእዛዝ መሰል ዛዕባ ንተጋዳሊ ናብ ኩነኔ ዘእተወን ድሓር እውን ንፍጡር ተጋዳሊ (ወዲኣዳም) ከም ዕዳ ዝኾነን እዩ።

ቀዲሙ ዝተገለፀ ኣብነት ካብ ገድለ ኣዳም ዝተወሰደ እዩ። ቀጺሉ ድማ ካብ ገድለ ኣዳም ዝተወሰደ ኣብነት ኣሎ።

> እግዚኣብሔር ንኣብርሃም፣ "ሰላም ይብለካ ኣንታ ዓርኪ ፈጣሪ፣ እዙይ ብትሕትናኻ ዝረኸብኻዮ እዩ" በሎ። ዓቢዩ ነገር ክነግረካ፣ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ክብሪ ሂበካ እየ፤ ከምኡ እውን ኣብ ሰማይ ክህበካ እየ። ውሉድኻ ዓበይቲ ክኾኑ እዮም፤ ንሕዝቢ ብርትዒ ክገዝእዎም እዮም። ትእዛዘይ እንተ ኣኽቢርኻ ክብርኻን ክብሪ ውሉድኻን ክበዝሕ እዩ። ትእዛዝ ፈጣሪኻ እንተዘይሓሊኻ ግና ናብ ስደት ዘብጽሕ ረሃብን ጻምእን ከምጸኣልኻ እየ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 29)።

*                    *                    *

*ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣብርሃም፣ ሰላም ለከ ኦ ኣርከ ፈጣሪ፣ ዘኣጥረይኮ ዝንቱ በትሕትናከ። እንግርከ ዓቢየ ነገረ፣ እስመ ወሃብኩከ ክብረ በዛቲ ምድር፣ ወከማሁ እሁበከ በሰማይ። ወውሉድከኒ ይከውኑ ዓቢየነ፣ ወይቀንይዎሙ ለሕዝብ በርትዕ። ወለ እመ ኣክበርከ ትእዛዛትየ ይፈደፍድ ክብርከ ወክብረ ውሉድከ። ወለእመ ተኣደውከ ትእዛዘ ፈጣሪከ ኣመጽእ ለከ ረሃበ ወጽምኣ፣ ዘያበጽሃከ መንገለ ተሰዶ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 29)።*

ተጋዳሊ ዝረኸቦ ገጸ በረከት፣ ኣብ ኣብራኹ ንዝወለዱ እውን በረከት ከም ዘለዎም ይነግር። ተጋዳሊ ዝተብሃሎ እንተዘይፈጺሙ ዝተውሃቦን ብክብሪ እንተዘይሒዙ ግና መንከራን ሽግርን ከም ዝረኽቡ ትንቢት ብዝመስል ኣዘራርባ ነጊሩዎ። ንተጋዳሊ ዝተነገረ ንህልው ትምህርትን ተግሣጽን እዩ። ብኻኑ እቶም ክልተ ገድልታት (ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን) ብምንጋር ኣቢሎም እውን ከም ዝዝንተዉ ዘርኢ እዩ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከምዙይ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ከም ዘለዎም ግልፂ ንምግባር፦

> ኣዳም ንሴት ኣዚዙ ምስ ፈጸመ፥ መገጣጥምቱ ተፈትሐ፣ ኢዱን እግሩን ዘሓለ፣ ኣፉ ተለጒመ፣ ኣንደበቱ [እውን] ምንጋር ኣበየ፣ ዓይኑ ሸፈነ፣ ነብሱ ድማ ሃበ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 126)።

*                    *                    *

*ወሶበ ፈጸመ ኣዳም ትእዛዞ ለሴት ተፈትሐ መለያልይሁ ወተበጥለ እደዊሁ ወእገሪሁ። ወብሕመ ኣፉሁ ወኢነበበ ልሳኑ ግሙራ፣ ወደፈነ ኣዕይንቲሁ ወመጠወ ነብሶ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 126)።*

መገጣጥምቱ ተፈቲሑ፣ ኢዱን እግሩን ዝሒሉ፣ ኣፉ ተለጒሙ፣ ኣንደበቱ ምዝራብ ኣብይዎን ዓይኑ ተሸፊኑን ዝብሉ ብኣዘንታዊ ዝንገሩ ዘለዉ ኣብ ልዕሊ ተጋዳሊ (ገጸ ባሕሪ) ዘጋጠሙ ፈጻመታት እዮም። ኣብዚ ዝተነገረ ፍጻመ እምበር ዝርአ ከይዲ የለን። ኣዘንታዊ ተጋዳሊ ኣብ ኣፍ ሞት ከም ዘሎን ክመውት ክብል ከሎ ነብሲ ወከፍ ኣካላቱ ዝነበሮም ኩነትን ኣዘንቲውልና። ኣብ መወዳእታ ድማ ተጋዳሊ ክብሎ ዝደሊ ምስ ተዛረበን ከሕልፎ ዝደሊ ትእዛዝ ኣዚዙ ምስ ዛዘመን ኩሉ ፍጡር ዝቋደሶ ሞት ከም ዝተቋደሰ ነጊሩና። ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ከምዚ ዓይነት መልክዕ ዝንታወ ኣሎ።

> ዓበይቲ ዓዲ ግብጺ ዓው ኢሎም ተዛረብዎ። ብዘይኩናት ዘውደቐካ መን እዩ፤ ብዘይገመድ ዝኣሰረካኸ መን እዩ፤ ንከይትዛረብ ዝዓበሰካ መን እዩ፤ ሓለውትኻ ከይረአናዮ ኣብ ልዕለኻ መቕሰፍቲ ዘውረደ መን እዩ፤ ብምባል። ንሱ ክምልሰሎምን ክናገሮምን ኣይኸኣለን። ሱኞ ኢሉ ብኢዱ ኣብ ልዕሊ

ምድሪ ናብ ዓርኪ ፈጣሪ ኣብርሃም ስብኣያ ንሣራ ጸሓፈ፣ ሓዘኑ ናብ ፍሥሓ ተለዊጡ፣ ፍሥሓይ ድማ ኃዘን ኰይኑ ብምባል (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።

*　　　　　*　　　　　*

*ወሶቤሃ ጸርሐ ወይቤልዎ ጌራነ ግብጽ። መኑ ውእቱ ዘኣውደቀከ ዘእንበለ ተቃትሎ፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣሠረከ ዘእንበለ ሓብል፣ ወመኑ ውእቱ ዘለጐመከ ከመ ኢትትናጋር፤ ወመኑ ውእቱ ዘኣውረደ ላዕሌከ መቅሰፍተ እንበለ ንነጽሮ ወዓልያኒከ። ውእቱሰ ኢክህለ ይሠጠዎሙ ወይትናገሮሙ። ወባሕቱ ጸሓፈ ዲበ ምድር በኣጻብኢሁ ኀበ ኣብርሃም ዓርከ መሓሪ ምታ ለሣራ፤ ብሂሎ እስመ ኃዘኑ ተመይጠ ኀበ ፍሥሓ። ወፍሥሓ ዚኣየ ኮነ ኃዘነ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።*

ኣብዚ ዝተፈጸሙ ፍጻመታት እንትንገሩ እምበር እንትረአዩ ኣይስትብሀልን። ኣዘንታዊ ዓበይቲ ግብጺ ዝገበርዎን ብተራዳኢነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ተጋዳሊ ኣብ ልዕሊ ካልእ ኃይሊ ዝገበሮ ተኣምርን ነጊሩና። ኩናት ከይተኻየደ ዝወደቐ፣ ብዘይገመድ ዝተኣሰረ፣ ኣፉ ከይተለጐመ ምዝራብ ዝኣበዮ፣ ሓለውቱ ከይረአዩ መቅሰፍቲ ዝወረዶ፣ ከም ዘሎን ኣብ ልዕሊ ሓለቐኦም ዝወረደ መዓት ሪኦም ዝሓቱ ኣካላት ከም ዘለዉን ኣዘንታዊ ኣዘንቲውልና። ተበዳሊ ዝበጽሖ በደል ንኣብርሃም ኣብ ምድሪ ከም ዝጸሓፈሉ ደስታ ኣብርሃም እንትምለስ ደስትኡ ናብ ኃዘን ከም ዝተለወጠ ኣውሲእልና። *ብዘይኩናት ዘውደቐካ መን እዩ፣ ብዘይገመድ ዝኣሰረካኸ መን እዩ፣ ንከይትዛረብ ዝዓበሰካ መን እዩ፣ ሓለውትኻ ከይረአናዮ ኣብ ልዕለኻ መቕሰፍቲ ዘውረደ መን እዩ* "መኑ ውእቱ ዘኣውደቀከ ዘእንበለ ተቃትሎ፣ ወመኑ ውእቱ ዘኣሠረከ ዘእንበለ ሓብል፣ ወመኑ ውእቱ ዘለጐመከ ከመ ኢትትናጋር፣ ወመኑ ውእቱ ዘኣውረደ ላዕሌከ መቅሰፍተ እንበለ ንነጽሮ ወዓልያኒከ" እናበሉ ዝሓቱ ነይሮም ተባሂሉ ብኣዘንታዊ ዝተነገረ ዝንታወ እምበር ዝርአ ምስሊ የለን።

ኣብ ምንጋር ኣገባብ ዝንተዋ ኣዘንታዊ ፍጻመታት ብቀድም ስዓብ ግዘ ዘዘንትወሉን ንውኃት ግዘ ፍጻመታት ዘውስአሉን እዩ (Toolan, 1988: 57)። ኣብዚ ተተንቲኖም ዘለዉ ኣብነታት እውን ብኸምዚ ዝቐረቡ እዮም። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ምንጋር መልክዕ ኣገባብ ዝንተዋ ከም ዘለዎም ድማ የሪኡ።

## 5·1.2. ኣጎጽሮት

ኣብ ኣገባብ ዝንተወ ኣጎጽሮት ዝግለፁ ሰፋሕቲ፦ ታሪኻዊ፣ እምነታዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ተግሣጻትን ኣስተምህሮታትን ብኃጺሩ ብመልክዕ ምጥቕላል ይዝንተዉ። ግዘ ታሪኽ ዝነውኀ እናሃለወ ከይዲ ግዘ ዝንታወ ዝንህረሉ/ብቅልጣፈ ዝዝንተወሉ እዩ።

*ኣንታ ኣዳም ሓደ ነገር ክነግረካ ንዓ ኢሉ ጸውዖ። ኣዳም ካብ በዓቲ ወጸ። ንሱ መልኣክ ከም ዝኾነ ሓሰበ፣ ጽቡቕ ምኽሪ ንክመኽሮ ካብ መላእክቲ እግዚኣብሔር ዝመጸ ገይሩ ወሰዶ። ክወጽእ ከሎ ጠመቶ ናብ መልኣክ ዝተለወጠ ሕሱም ነገር ኣብ ልዕሊኡ ተመልከተ። ንስኻ መን ኢኻ በሎ ኣዳም፣ ከምዚ ክብል መለሰሉ፥ ኣብ ከርሚ ተመን ተሓቢአ ንሔዋን ዝተናገርክዋ፣ ኣታሊለ ትእዛዘይ ክትሰምዕ ዝገበርክዋ፣ መኺረ ናባኻ ዝለኣክዋ ንስኻን ንሳን ካብ ዘይተፈቐደልኹም ፍረ ተኸሊ በሊዕኹም ካብ ትእዛዝ ፈጣሪኹም ክትወጹ ዝገበርኹ ኣነ ሰይጣን እየ በሎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 76)።*

*　　　　*　　　　*

*ወጸውዖ እንዘ ይብል ሎቱ፣ ኦ ኣዳም ነዓ ከመ እንግርከ ነገረ፣ ወወጽአ ኣዳም እምበዓት፣ ወሓለየ ከመ ውእቱ መልኣክ እመላእክተ እግዚኣብሔር፣ መጽአ ከመ ያምክሮ በምክር ሔር፣ ወሶበ ወጽአ ነጸረ ወርእየ እምላዕሌሁ ሕሱመ ወውሉጥ በኣምሳለ መልኣክ፣ ወይቤሎ ሎቱ ኣዳም መኑ ኣንተ፣ ተሠጥዎ ወይቤሎ ኣነ ዘተኃባዕኩ ውስተ ከይሲ ወተናገርክዋ ለሔዋን ወኄጥክዋ እስከ ሰምዓት ትእዛዝየ፣ ወፈነውክዋ በምክረ ነገርየ እስከ ኄጠተከ ወበላዒከ ኣንተ፣ ወይእቲ እምፍሬ ዕፅ ወወጻእክሙ እምታሕተ ትእዛዘ እግዚኣብሔር (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 76)።*

እዚ ንተኃዳሊ ካብ ዝመቸወ ቦታ ናብ ምድሪ ዘውረደን ንተኃዳሊ ምስ ፈጣሪኡ ዘጻልአን ምኽንያት ውድቀት ተኃዲሊ ዝኾነ ኣብ ጥንቲ ግዘ ዝተፈጸመ ሰፊሕ ሓተታ ዘለዎ ዛንታ ዝሓዘ እዩ። ይኹን እበር ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ኣብነት ዘሎ ግዘ ዛንታ ብጣዕሚ ዝነውኀ፣ ከይዲ ክሥተቱን መልክዕ ኣፈጻጽምኡን ብጣዕሚ ዝተሓላለኸን ብክልተ ሠለስተ መስመራት ጽሑፍ ክግለፅ ዘይኽእልን እናሃለወ፣ ናብ ቀንዲ ቴማ ፍጻመ ብምትኳር ብኃጺሩ ተዘንቲዉ ኣሎ። ብመልክዕ ምጥቕላል ዝቐረበ ብምኳኑ ድማ ግዘ ዝንታወ ፍጻመ ካብ ግዘ ዝንታወ ታሪኽ ብጣዕሚ ዝነጸረ ኰይኑ ንረኽቦ። እዚ ዘበለ ምኽንያት ኣብ ጥንቲ ኣብ ተኃዳሊ ዝተፈጸመን ምኽንያት ምውራድ ናብ ምድረ ፍዳን ኰይኑ ኣብ ዛንታ ተኃዳሊ (ገድለ ኣዳም) ዝተመዝገበ ወይ ነዊኅ ዘመናት ዘቑጸረ

ግዘ ታሪኽ ብሸውዓተ መስመር ወይ ካብ ሓደ ደቒቓ ብዘይበልጽ ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ተገሊፁ ስለ ዘሎ።

ኣብ ብመልክዕ ኣኅጽሮት ቀሪቡ ዘሎ ዝንታወ ዘሎ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ኣስተምህሮ፥ ሰባት ምስ ጸገም ዝራኸቡ ብሠለስተ መንገድታት ከምዝኾኑ ንምፍካር ዘኽእል እዩ። ሰብ ጸገም ዝገጥሞ፦ ባዕሉ ፈጣሪ ጸገም እንትኸውን፣ ተቛዳሲ ዘጋጠመ ጸገም እንትኸውንን ፈታሒ ዘጋጠመ ጸገም ኰይኑ እንትርከብን ምኻኑ ክትግንዘብ ይገብር። ኣብዚ ዘሎ ተገዳሊ ድማ በጺሕዎ ዘሎ ጸገም ፈጣሪ ጸገምን ፈታሒ ዘጋጠመ ጸገምን ኰይኑ እንትርከብ እንተይኰነስ ተቋዳሲ ዘጋጠመ ጸገም እዩ። ብዘረባ ካልኣይቱ (ሔዋን) ተታሊሉ ካብ ሕዱር ሕገ ልቡናን ዝናበረሉ ግብረ ገብነታዊ መንነትን ወጺኡ ናብ ምኽንያት ፍድኡን ሞቱን ዝኾነ ጸገም ዝተዳረገ ተጋዳሊ እዩ። ብሓሶት፣ ምጭብርባር፣ ቃል ኪዳን ብምፍራስ፣ ንኻሊእ ተጠቒምኻ ዘይግበኣካ ረብሓ ምርካብ (Tripathi, 2003: 114) ዝብሉ ከይድታት ኢግብረገባዊ ፍጻመታት ዝፈጸመ እዩ። እዚ ድማ ንዝሓስብን ሓሲቡ ዝረብሖን ዝጐድኦን ዝፈሊ ኅሊና ዘለዎ ፍጡር (ሰብ) ተግሣጻዊ ኣስተምህሮ እዩ።

እቲ ዝንታወ ቅዱም ትእዛዝ ኣፍሪስኻ ድኅኑ ዝመጸካ ትእዛዝ ምቕባል ምፍራስ ሕገ ልቡና የርኢ። ምፍራስ ሕገ ልቡና ድማ ምፍራስ፦ ኪዳን፣ ጥልመት፣ ሓሶት፣ ምጭብርባርን ዓመጽን የኸትሉ እዚኦም ድማ ኢግብረገባዊ ተግባራት እዮም።

ኣኅጽሮት ኣብ ሓደ ዓመት ዝተፈጸመ ፍጻመ ወይ ኣብ ዝበዝኅ ኣዋርኅ እቲ ዓመት ንዝተኸሠተ ክሥተት ኣብ ጽሑፍ ኣብ ሓደ ገጽ ወይ ብናይ ሓደ ደቒቓ ምንባብ ምግላፅ እዩ።

> ኣብርሃም ንወዱ ከምዚ ኢሉ ተናገሮ፣ ስማዕ ወደይ ክነግረካን ከለብመካን፣ ብዛዕባ ቀዳመይ ሥራሕ፣ እግዚኣብሔር ብኢዱ ዝፈጠሮ ኣቦና ኣዳም፣ እኖና ሔዋን እውን፥ ኣቤልን ሴትን፣ ኣባ ሄኖስ፣ መላልኤል፣ ኣባ ማቱሳላን ላሜህን፣ ያሬድን ሔኖክን፣ ኖኅን ደቁ፥ ሴም፣ ካምን ያፌትን፣ ብድኅሪኦም እውን ኣልፋክስድ፣ ቃይናምን ዓረብን፣ እዚኦም ኩሎም ሞት ወሲድዎም እዩ፤ ብዘይካ ኣቦና ሔኖክ ((ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 29)።

* * *

*ተናገሮ ኣብርሃም ለወልዱ እንዘ ይብል፣ ስማዕ ወልድየ እንግርከ ወኣለቡከ በእንተ ቀዳሚ ልሕኩት ዘፈጠሮ እግዚኣብሔር በእዴሁ ዝውእቱ ኣቡነ ኣዳም ወእምነ*

*ሔዋን፣ ኣቤል ወሴት፣ ወኣባ ሄኖስ፣ ወመላልኤል፣ ወኣባ መቱሳላ ወላሜህ ወያሬድ ወሔኖክ፣ ኖኅ ወደቂቁ፥ ሴም፣ ካም ወያፌት፣ ወእም ድኅሬሆሙ፥ ኣልፋክስድ ወቃይናም ወዓረብ […] ለእሉ ኩሎሙ ነሥኦሙ ሞት ዘእንበለ ኣቡነ ሔኖክ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 29)።*

ኣብ እዚ ዘሎ ኣኅጽሮታዊ ኣገባብ ዝንታወ ብግዘ ዝንታወ እንትልካዕ ልክዕ ከምቲ ዛንታ ዘልዐሎ ዝንታወ ግዘ ታሪኽ ዝሸፍኖ ንውኃት ግዘ ዝኸደ ኣይኮነን። ሓሳባትን ፍጻመታትን ናብ ሓደ ብምጥቕላል ብናህሪ ተዘንቲዉ ኣሎ። ግዘ ታሪኽ ቐሪቡ ዘሎ ሓሳብ ካብ ነገረ ፍጥረት ቀዳማይ ፍጡር ዝኾነ ኣዳምን ድኅሪ ኣዳም ዝመጹ ዓበይቲ ዓሌታትን እዚኦም እውን ካብ ሞት ከም ዘየምለጡ የዘንትው። ካብ ቅድመ ህላወ፣ ህላወን ሕልፈትን ዘዘንትው ዝነውኃ ግዘ ታሪኽ ኣዘንታዊ ካብ ሓሙሽተ መስመራት ጽሑፍ ዘይበልዕ ወይ ካብ ክልተ ደቒቓ ዘይበልዕ ጻንሒት ግዘ ዝንታወ ብዝግለፅ ኣዘነታትዋ ኣዘንቲውዎ። ኣኅጽሮት ዝበሃል ድማ እዙይ እዩ።

ኣዘንተዊ ንእቶም ኣብ ጥንቲ ግዘ ዝተፈጸሙ ፍጻመታት ወይ ታሪኻት ምሉእ ብምሉእ ቅልጣፈ ብዘለዎ ብኃጺር ኣዘነታትዋ ኣዘንቲውዎም ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ዝነውኃ ዘመን ንዝተኸሠተ ፍጻመ (ገድላዊ ፍጻመ) ኣብ ጽሑፍ ኣብ ሓሙሽተ መስመር ወይ ብናይ ክልተ ደቒቓ ምንባብ ምግላፅ እዩ።

ኣብ ገድለ ኣዳም ሜላ ኣዘነታትዋ ሰፊሕ ትሕዝቶ ብኃጺር ኣቀራርባ ብተደጋጋሚ ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ ግልፂ ንምግባር፦

በሊሕ እምኒ ኣልዐለ፣ ንኣዳም የማናይ ጐድኑ ወግኦ። ካብኡ ደምን ማይን ወጸ። ኣዳም ዝሞተ መሲሉ ኣብ ልዕሊ መቕረቢ መስዋእቲ ወደቐ፤ ሰይጣን ሃደመ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 94)።

*  *  *

*ወኣልዓለ እብነ በሊሐ፣ ወረገዞ ለኣዳም ገበሁ የማናየ። ወወጽአ እምኔሁ ደም ወማይ። ወወድቀ ኣዳም እምላዕለ ምሥዋዕ በኣምሳለ ምዉት ወጐየ ሰይጣን (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 94)።*

እዚ ብትእምርተ ተጋዳሊ ዝቐረበ ደሓር ምእንቲ ፍጡር እዛ ዓለም (ሰብ) ኢሉ ዝፈስስ ደም ፈጠሪ እዩ። ሕሉፍን ትንቢትን ዘለዎ ዝነውኃ ፍጻመን ዝነውኃ ዛንታን ብክልተ መስመር ተገሊፁ ኣሎ። ብመልክዕ ኣኅጽሮት ቀሪቡ ዘሎ ዝነውኃ ዛንታ እንትትንተን፦ ምውጋእ ጐድኒ፣ ምፍሳስ ደምን ማይን ቀዲሙ ኣብ ኣዳም ምርኣዩ ፈጣሪ ንኣዳም *ከምዙይ ኣብ ምድሪ ክበጽሐኒ እዩ፣ ክውጋእ እየ ካብ ጐድነይ ደምን ማይን ክወጽእ እዩ*

ኣብ ልዕሊ ሥጋይ ክፈስስ እዩ "ከመዝ ካዕበ ይበጽሓኒ በውስተ ምድር፣ እትረገዝ ወይወጽእ እምኀበየ ደም ወማይ ወይውኅዝ ላዕለ ሥጋየ" (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 107) ዝበሎ ትንቢታዊ ቃል ከም ዝፍጸም የርኢ። እዚ ብግዘ ታሪኽ እንትርእ ነዊኅ ዘመናት ዘቑጸረ ግዘ ታሪኽን ሰፊሕ ዛዕባን ዘለዎ እዩ። እዚ ነዊኅ ግዘ ዘቑጸረ ግዘ ታሪኽን ሰፊሕ ዛዕባን ብኣኅጽሮታዊ ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ብክልተ መስመር ተዘንቲዉ ኣሎ። ዝነውኃ ግዘ ታሪኽ ብዝኃጸረ ወይ ምዕራት ክልተ መስመር ኣገባብ ግዘ ዝንታወ ተዘንቲዉ ስለ ዘሎ ኣኅጽሮት ንብሎ።

ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ኣሎ።

> ሓቀኛ ኣብርሃም ንሣራ ዝስዕብ በላ፣ ኣንቲ ሣራ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ኀዘን ኣይሓብኣክን። ኣብ ምድሪ ግብጺ ካብ ዝበጽሕ፣ ኣነ ክፍኣት ግብፃውያን ኣይፈልጥን። ሣራ፣ ካብ ኩለን ኣንስቲ ብጽባቐን ቁመናን ትበልጺ። ግብፃውያን ዘመውቲ ከም ዝኾኑ ድማ ብዛዕብኦም ይሰምዕ ኣለኹ። ኣነ ድማ ንዓኺ ምስ ረአዩ ክይቀትሉኒ፣ ኣብ ባዕዲ ዓዲ ክይመውት ይፈርሕ። ንደመይ ዝሟጐተለይን ዝብቀለለይን መን እዩ። ሣራ ብግድኣ፣ ኣብ ሃገርና እናሃለና ዝኣተኹልኻ ቃል ኣይዓጽፍን ኢላ መሓለትሉ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 9-10)።

*           *           *

> *ወኣውሥአ ኣብርሃም ጻድቅ፣ ወይቤላ ለሣራ፣ ኦሣራ ኣማን ኢየኃብኣኪ ምንተኒ እምኀዘን ዘብየ፣ ወኣንሰ ኢየኣምር እከየ ሰብአ ግብጽ፣ እስከ በጻሕኩ ኣድያሚሆ፣ ወኣንቲ ሣራ ትፈደፍዲ እምኩሎን ኣንስት በሥን ወበላኀይ። ወእሉ ሰብኣውያን ግብፃውያን እስመ እሰምዕ በእንቲኣሆሙ ከመ እሙንቱ ሰብኣውያን ዘማውያን። ወኣነኒ እፈርሕ ሶበ ውእቶሙ ርእዩኪ ይቀትሉኒ በእንቲኣኪ፣ ወእመውት በውስተ ነኪር። ወመኑ ውእቱ ዘየኀሥሥ ወይትዋቀሥ በእንተ ደምየ። ኣውሥአቶ ሣራ ሶቤሃ ወመሓለት ሎቱ በብሂለ ኢይኤምጽ ኪዳንየ ዘተካየድኩ ምስሌከ እንዘ ሃሎነ በምድረ ከንዓን (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 29)።*

ዝነውኀ ግዘ ታሪኽ ብማእኸላይ ምዕራት ሸሞንተ መስመር ወይ ድማ ካብ ሠለስተ ደቒቓ ዘይነውኀ ግዘ ንባብ ዝቐረበ ዝንታወ እዩ። ብዚ ኣቢሉ ነገረ ጽባቐን ቁመናን (ሥን ወላኀይ) ኣልዒሉ ኣሎ። ነገረ ጽባቐን ቁመናን ድማ፦ ጽንዓት፣ እምነት፣ ኣብ ቃል ኪዳንኻ ተወሲንካ ምንባርን ምእንትኡ መስዋዕቲ ምኽፋልን የመልክቱ። ከምዙይ ዓይነት ግብሪ ኣብ ልቡና ቀዳሞት ዝተጽሓፈ ጽላት ህላውኦም እዩ። ንዳኅረዎት ድማ ከም ሠረት ሕገ ልቡና ኾይኑ የገልግል። እዚ ድማ ገድላታት፥ ኣዳምን ኣብርሃምን፥ ኣኅጽሮታዊ ኣገባብ ዝንታወ ዘለዎም ምኻኖም ዘርኢ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ኣጎጽሮት ዝብል ርዕሲ ዝተገበሩ ትንተናታት ምርዳእ ዝከኣል ነዊን (ሰፊሕ) ግዘ ዝሸፍኑ ፍጻመታት፣ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፣ ብውሑዳት መስመራት ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብኃጺሩ ከም ዝቐርቡ እዩ። እዚ ኣቀራርባ ኣጎጽሮት ድማ ብናህሪ ከም ዝግለፅ። "ናህሪ/ቅልጣፈ ብባህሪ ኣብ መጠቓለሊ ወይ ሰፊሕ ትዕይንት ዘሎ ድባብ ገለፃ ዝግለፅ እዩ" ዝብል ገለፃ (Chatman, 1978: 43-44; Bonheim, 1982: 30-32) ከምኡ እውን "ኣብ ጽሑፍ ብንውሓ ዝበለ ግዘ ዝተገለፀ ሓሳብ ብኃጺሩ ክፋል እቲ ጽሑፍ ብምጥቃስ ዝርከብ ውጽኢት እዩ" ዝብል ሓሳብ (Toolan, 1988: 57) ዝግለፁ ምኽኖም እዚ ድማ "ቅልጣፈ ዝበሃል ዓይነት ግዘ ዝንታወ ግዘ ዝንታወ ካብ ግዘ ታሪኽ ይንእስ ምስ ዝብል ሓሳብ (Genette, 1980: 94-95, 96-99) ዝዛመድ ምኽኑ እዩ።

ኣገባብ ዝንታወ፣ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፣ ካብ እቶም ገድላታት ዝሸፍንዎ ግዘ ታሪኽ ብኣጎጽሮታዊ ዝንታወ ተዋቒሩ ዝቐረበ ምኽኑ የትዕል። ብዙይ ምቕራቡ ቴማ ሓፈሻዊ ብዝኾነ መልክዑ ንምርካብ የኽእል። ኣብ መዋቕር ዝንታወ እቶም ክልተ ገድላታት ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ድማ የርኢ።

### 5.1.2.1. ገለፃ

ኣዘንታዊ ንገጸ ባሕርያት ዘላልየሉን ንመዓበይ ዝገልፀሉን ናይ ምዝንታው ኣገባብ እዩ። ኣብ ኣገልግሎት ዘውዕሎም ምሉእ ሓሳባት እውን ኩነታት ዘመልክቱ እዮም። ኣብዚ ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ኣካላዊ ኩነትን መዓበይን ዝምልከቱ ገለፃታት ይበዝሑ።

> ፀሓይ ምስ ወጸት፣ ኣዳም ንሔዋን "ወርቂ ናብ ዝሃቡና ትሕቲ ጉቦ ክንኸይድ ተልዓሊ" በላ። ብዛዕባ እዙ ምኽሪ ንእግዚኣብሔር ክንልምን። "ኣንታ ኣዳም ብዛዕባ እንታይ ምኽሪ እዩ" በለቶ ሔዋን፣ "ብዛዕባ ውስብቲ፣ እግዚኣብሔር ሓደ ነገር ንክሕብረለይ ይደሊ እየ" ክብል መለሰላ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፣ 100)።

*　　　*　　　*

> *ወሶበ ሠረቀ ብርሃን፣ ይቤላ ኣዳም ለሔዋን ተንሥኢ ከመ ንሑር ኀበ ታሕተ ደብር ዘወሀቡነ ወርቀ እምኔሁ። ንስኣል ኀበ እግዚኣብሔር በእንተ ዝንቱ ምክር። ወትቤሎ ሔዋን ምንት ውእቱ ምክር ኦ ኣዳም፣ ወይቤላ ላቲ፣ እስመ ኣነ ኣኀሥሥ እም እግዚኣብሔር ከመ የኣምረኒ በእንተ ተዋስቦት (ገድለ ኣዳም፣ 1956፣ 100)።*

ብትእምርቲ ምብራቕ ፀሓይ ዝተወከለ ንውልደት ወይ ልደት ዘመልክት መዐበያዊ ገለፃ እዩ። ከምኡ እውን "ትሕቲ ጉቦ" ዝብል መዐበይ ኣሎ። ወርቂ ንጹሓ ዘርኢ እንትመልክት ንሥርዓት ውስብቲ ድማ ወኪሉ ንረኽቦ። እዚ ድማ ኩነት ውስብትን ናብራ ዘመልክት ገለፃዊ ኣገባብ ዝንታው ንብሎ።

ቀዲሙ ዝተገለፀ ኣብነት ኣብ ገድለ ኣዳም ካብ ዘሎ ቅዲ ገለፃዊ ኣገባብ ዝንታው ዘርኢ እዩ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ድማ፦

> ኣብርሃም ንሣራ ከምዚ ክብል ተዛረባ፣ ድኅሪ ሕዚ ንድኅሪት ክንምለስ ኣይከኣለናን፣ ንባዕልኺ ካብ ሕማቕ ነገር ብምሕላው ንዓይ ጥራሕ ኣደስትኒ። ሣራ ብግድኣ ንኣብርሃም ከምዚኢላ ተዛረበቶ፣ ኣነ ዝኾነ ይኹን ክፋእ ከምዘይፈልጥ እግዚኣብሔር ምስክረይ፣ ኣብ ናትኻ ቦታ እውን ካልእ ወድሰብ የለን (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 9)።

* * *

> *ኣውሥአ ኣብርሃም ለሣራ ወይቤላ፣ እምይእዜሰ ኢይከውን ለነ ፍኖት ኀበ ተመይጦ፣ ወባሕቱ ኣሠንዪ ሊተ ወዕቀቢ ርእሰኪ እም እከይ። ኣውሥአቶ ሣራ ወትቤሎ ለኣብርሃም ሕያው እግዚኣብሔር ከመ ኢየኣምር ኣነ ምንተኒ እም እከይ፣ ወኢያእመረ መካነከ እኅለ እመሕያው (ገድለ ኣብርሃም፣* $C_3$-IV-154*፥ 9)።*

እዚ ብመልክዕ ምልሶ ዝተዘንተወ፣ ቅዱም መንነት ከም ዘይምለስ ዘርኢ ገለፃ እዩ። ኣብዚ ገለፃ ንድኅሪት ምምላስ ከም ዘይከኣልን ብጽይቲ ተጋዳሊ ልቡንኣ ክተጠንክር ከም ዘለዋን ዝነግር ገለፃ ኣሎ። ንክብራን ንክብሪ ብጻያን ክትብል ኣብ እምነታ ዝጸንዐት ብጽይቲ እውን ኣላ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ገለፃዊ ኣገባብ ዝንታው ዘለዎም እዮም። ምኽንያቱ ቀጺሎም ዘለዉ ትንተናታት እዙይ ስለ ዘትዕሉ።

> ኣዳም ኣዒንቱ ንላዕሊ ቆላሕ ኣበለ፤ ንበዓቲ ዝኸደነት ኣብ ልዕሊ በዓቲ ዘላ ከውሒ ረአየ። ሰማይን ኩሎም ፍጥረታትን ክርኢ ኣይከኣለን፤ ኣዳም በኽየ እንግድዕኡ ጉድአ፣ ክሳብ ወዲቑ ዝሞተ ዝመስል (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 22)።

* * *

> *ኣንሥአ ኣዳም ዓዕይንቲሁ ኀበ ላዕል፣ ወነጸረ ኰሎሓ ተድባበ በዓት ዘከደነት ላዕሌሁ። ወኢክህለ ይርኣይ ሰማየ ወኵሎ ፍጥረታተ፤ ወበከየ ኣዳም ወጐድአ እንግድዓሁ፣ እስከ ወድቀ ወኮነ ከመ ምውት (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 22)።*

ኣዘንታዊ ንተጋዳሊ ብስመ ተጸውዕኡ ኣዳም ኢሉ ኣላሉይና። ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ከባቢ ከም ዘሎ "በዓቲ" ኢሉ መዓበይ ነጊሩና። ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዘየለ "ዝሞተ መሲሉ" ብምባል ገሊፁ። ተጋዳሊ ብደረጃ ገጸ ባሕሪ ዝተገለፀሉ ከምኡ እውን መዓበይን ኩነትን ኣብ ምግላፅ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ዝንታወ ብምህላዉ ብቃላት ዝተፈጠረ ምስሊ ኣሎ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ዛንታ "ኣዒንቱ ንላዕሊ ቁሊሕ ኣበለ፣ ንበዓቲ ዝኸደነት ከውሒ ረአየ፣ ንሰማይን ምድርን ክርኢ ኣይከኣለን፣ በኸየ፣ ሰውነቱ ጐድአ፣ ወዲቑ ዝሞተ መሰለ" ዝብሉ ብቃላት ዝዝንተዉ ዘለዉ ትዕይንታዊ ኣገላልፃታት እዮም። ብዚኦም ኣቢሉ ድማ ኣንባቢ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝንታወ ዘሎ ፍጻመ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣእምርኡ ንክሥእል የኽእሎ። ገለፃ ድማ ንነገራት፦ ብዓይኑ ጎሊናኻ ክትርኢ፣ ብእዝኑ ልቡናኻ ድምፂ ክትድምፅ፣ ጨና ክተሽትት፣ ጣዕሚ ክተለልን ኣካል ክትድህስስን ዘኽእሉ ሥምዒት ሕዋሳዊ  መግለፅታት ተጠቒሙ ንፍጻመ ዝገልፅ እዩ። ኣብዚ እውን እዚ ኣገባብ ዝንታወ ዝተኸተለ ገለፃ ኣሎ።

ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ኣሎ። ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ድማ ይንበብ።

> ኣብርሃምን ሣራን ዝነበሮም ኩሉ ገዲፎም ካብ ምድሪ ከነዓን ወጹ። [...] ብሓባር ከዱ፣ ኣብ ምድሪ ግብጺ ድማ በጽሑ። ኣብርሃም ብሓሳቡ ናብ ምድሪ ከነዓን ተመለሰ፣ ናይ ቀደም ክብሩ ብዓይነ ኅሊንኡ ቓነየ፤ ዝተወለደላ ምድሪ ዘኪሩ ኣስናኑ ሕጭምጭም ኣበለ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።

* * *

> *ወወጽኡ ኣብርሃም ወሣራ እምድረ ከነዓን ወኃደጉ ውስቴታ ኩሎ ዘኮነ ሎሙ። [...] ወሖሩ ኅቡረ እስከ በጽሑ ደወለ ግብጽ። ወተመይጠ ኣብርሃም በሓሰበ ዚኣሁ ምድረ ከነዓን፣ ወኀሠሠ በዓይነ ኅሊናሁ ዘቀዳሚ ክብሩ፤ ወሓቀየ ስነኒሁ፣ ተዘኪሮ ምድር ዘተወልደ ባቲ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 7)።*

ኣዘንታዊ ንሥነ ጽሑፋዊ ሜላ ኣገባብ ገለፃዊ ዝንተዋ ተጠቒሙ ገጸ ባሕርያትን መዓበይን ገሊፁልና። ሥምዒት፣ ምንቅስቓስን ሕሉፍ ተዘክሮን ተጋዳሊ ብመልክዕ ምልሰት ሓቢሩልና። ገጸ ባሕርያት ካበይ ናበይ ከም ዝተንቀሳቐሱ (ብደረጃ መዓበይ)፣ ሃዋህው፣ ከባቢ፣ ተኣማንነት ዛንታ ሓልዩ ብሥእላዊ መልክዕ ገሊፁ። ተጋዳሊ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዘሎ ብዓይነ ኅሊናና ንክንርኢ ገይሩ። እዚ ድማ ኣብ

ዝንታው ጽሑፍ ንዝርዝር ተግባራት ገጸ ባሕርያት ከምኡ እውን መዓበይን ነገራትን ኣብ ምግላፅ ትኹረት ዝገበረ ኣገባብ ዘመልክት ብቃላት ምስሊ ምፍጣር እዩ (Mieke, 1981: 122) ንዝብሎ ኣግሂዱ። ስለዚ ኣንባቢ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዘሎ ብቃላት ዝተዘንተወ ትዕይንታዊ ኣገላልፃ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣእምርኡ ንክሥእል ዝገብር መልክዕ ዝንተዋ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዝንታው ቀሪቡ ኣሎ።

## 5.1.2.1. ኣስተብህሎት

ኣዘንታዊ፦ ኣብ ተግባር፣ ምዕባለን ኩነታትን ገጸ ባሕርያት ኣስተብህልኡ ይጽብጽብ። ገጸ ባሕርያት፦ ዝትግብርዎምን ዘተግብርዎምን ተግባራት፣ ዘርእይዎም ዝተፈላለዩ ባሕርያት፣ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዕብየት እናርአየ ዝኸይድ ፍጻመ፣ ኩነታት ዛንታን ወሕዚ ፍጻመታትን ዘስተብህሎ የካፍል።

> ኣዳም ናብ ወዱ ሴትን ሰበይቱ ሔዋንን ተመለሰ። እግዚኣብሔር፣ ትእምርቲ ክኾነና ዝሃበና፥ ወርቂ፣ ዕጣንን ከርቤን ሓልውዎ በሎም። ንኩሉ ፍጥረት ንክጥፍእ ማየኣይኅ ኣብ ዝመጸሉ ግዘ፣ ናብ ታቦት ዝኣትው፥ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርቤን ሥጋይን ምስኦም ይውሰድዎ። ወርቂ፣ ዕጣንን ከርቤንን ምስ ሥጋይ ናብ ምድሪ ይመለሱ ኢሉ ዝተዛረቦ ኣዳም ጽቡቕ እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 125)።
>
> * * *
>
> *ወተመይጠ ኣዳም ኀበ ሴት ወልዱ ወሔዋን ብእሲቱ። ወይቤሎሙ ዕቀብዎ ለዝንቱ ወርቅ ወዕጣን ወከርቤ ዘወሃበነ እግዚኣብሔር ለነ ትእምርተ። እስመ በመዋዕል ዘይመጽእ ኣይኅ ያስጥም ኩሎ ፍጥረተ፣ ወዘይበውእ ውስተ ታቦት፣ ይንሥኡ ምስሌሆሙ ወርቀ ወዕጣነ ወከርቤ ወሥጋየ። ወርቅሰ ወዕጣነ ወከርቤ ይትመየጡ ምስለ ሥጋየ ውስተ ምድር፣ ሠናይ ውእቱ ዘነበቦ ኣዳም (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 125)።*

ኣዘንታዊ ንፍጡር ወዲሰብ ከም ትእምርቲ ህላወ ኰይኖም ዘገልግሉ ንዋታት፥ ተጋዳሊ ውላዱ ክሕልዎም ከመዘለዎ ከም ዝነገሮን ከም ዙይ ምግባሩ እውን ጽቡቕ ከም ዝኾነን ድሒሩ ንዝመጽእ ኩነታት ብምስትብሃል ዘለዎ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዝነገረሉ ዝንታው እዩ።

ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝንታው ህልው እዩ። ስለዚ ቀጺሉ ዘሎ ካብቲ ገድል ዝተወሰደ ንዙይ ዘርኢ ዝንታው እዩ።

> ኣብርሃም፥ ንኣዝማዱን ተለኣኣኽቱን ተባዕትዮን ኣንስትዮን ጸዊዑ ዓስቢ ጻምኦም ሃቦም፤ ምሳሕ ኣሰናዲኡ፥ ዓብይን ንኡስን፣ ድኻታትን ምስኪናትን

ኣብዛ መዓልቲ ጸውዐ። ነብሱ ካብ ሥግኡ ንክትወጽእ ምስ ቀረበ፣ ምግባር ወላዲኡ ንክሕሉ ንይስሓቅ ወዱ ኣዘዞ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 5፥ 42)።

*                    *                    *

*ወጸውዐ እንከ ኣብርሃም ኩሎ ኣግብርቲሁ ወላእካኒሁ ዕደወ ወኣንስተ፣ ወወሀቦሙ መጽሓፈ ግዕዛኖሙ ወኣሠነየ ምሰሓ ወጸውዐ ጓቢየ ወንኡሰ፣ ነዳየነ ወምስኪናነ፣ በይዕቲ ዕለት። ወሶበ ቀርበ ጸዓቱ እምሥጋሁ ናዘዞ ለወልዱ ይስሓቅ ከመ ይዕቀብ ግብረ ኣቡሁ (ገድለ ኣብርሃም፣* $C_3$-IV-154፥ 5፥ *42)።*

ኣብዚ ዘሎ ተዓዛቢ ወይ ኣቅላቢ፥ ተጋዳሊ፦ መገልገልቱን ተለኣኣኽቱን ዝኾኑ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ጸዊዑ ከከም ግብሮም ከም ዘሃቦምን ከም ዝኣንገዶምን ግንዛብኡ ኣውሲኡ። እዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ድማ ሕልፈቱ ከም ዘቐረበ ሪኡ ዝፈጸሞ ከም ዝኾነ ኣስተብሂልኡ ወይ ርኢትኡ ኣቐሚጡ። ካልእ ድማ፦

ንኣዳምን ንሔዋንን ናብ ሥርናይ ዘለዎ ቦታ ኣምጽእዎም፤ ከም ቀደሙ ረኺቦምዎ፣ መትሐዚ ማይ እውን ምሉእ። ንእታ ተኸሊ ረኣይዋ፣ ኣብ ልዕሊኣ ዝተቐመጠ ምግቢ ረኺቡ፤ ኣብ ግዝ ጥምየቶም ምግቢ ንክበልዑ መላእክቲ ኣዘዝዎም። ዝተኣዘዝዎ ኣይገበሩን። ፈተና ክበዝዕዎምን መንከራ ክረኽቦምን ድማ ግድን እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 92)።

*                    *                    *

*ወኣምጽእዎሙ ለኣዳም ወለሔዋን ኀበ መካነ ሥርናይ፤ ወረከብዎ በከመ ቀዳሚ፣ ወማኀየበ ማይ ምሉኣ። ወነጸርዋ ለዕፅ ወረከቡ ላዕሌሃ መና ንቡረ፤ ወኣዘዝዎሙ መላእክት ይብልዑ እመና በጊዜ ርኃቡ። ወኢገብሩ ዘተብህሉ። ኣማን ይረክቦሙ ፈተና ወመንሱት (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 92)።*

ኣዘንታዊ ገጸ ባሕርያት ናብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነት ከም ዝመጹን ዝተብሃልዎ ንክፍጽሙ ዝተውሃቦም ትእዛዝን ነጊሩ። ዝተብሃልዎ ብዘይምፍጻሞም ፈተናን መንከራን ከም ዝረኸቦም ኣውሲኡ። ዝረኸቦም መንከራ ግቡእ ከም ዝኾነ ድማ ኣስተብሂልኡ ኣቐሚጡ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ከምዚ ዓይነት ዝንታወ ኣሎ።

ኣብርሃም ኣብ ዝነብረሉ ሃገር፣ ጽኑዕ ጥምየት ተልዓለ። ኣብታ ሃገር ካብ ዝነብሩ፣ ኣብርሃም ዝዓበየ እዩ። [...] ጥምየትን ሽግርን ምስ ኃየለ፣ ዝነበሮ ሃፍቲ ሒዙ ተልዓለ፤ ኣብርሃም ከምኡ ምግሩ ርትዒ እዩ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 5)።

*                    *                    *

*እስመ ሃገር ዘኮነ የሓድር ውስቴታ ኣብርሃም፣ ኮነ ረኃብ ዕጹብ። ወኮነ ኣብርሃም የዓቢ፣ እም ኩሎሙ እለ የሓድርዋ። [...] ወሶበ ጸንዐ ረኃብ ወተጽናስ፣ ሖረ ነሚኦ ብዕሎ፤ ርትዕ ውእቱ ዘገብሮ ኣብርሃም (ገድለ ኣብርሃም፣* $C_3$*-IV-154፥ 5)።*

ኣብዚ ኣዘንታዊ ኣብ ተጋዳሊ ዝነብረሉ ከባቢ ኃያል ረሃብ ከም ዝተልዓለ ካብ ኩሎም ነበርቲ ዝዓበየ ንሱ ከም ዝነበረን ዝነበሮ ንዋት ሒዙ ናብ ካልእ ከም ዝተበገሰን ገሊፁ። ዝወሰዶ ስጉምትን ዘንበሮ ውሳንን ትኽክል ከም ዝኾነ ድማ "ተጋዳሊ ከምኡ ምግባሩ ርትዒ እዩ" ብምባል ግንዛብኡ ኣቐሚጡ።

እንትጠቓለል ኣብ ትሕቲ ትዕይንት፥ ምንጋርን ምርኣይን፥ ኣብ ትሕቲ ኣጎጽሮት ድማ፥ ገለፃን ኣስተብህሎትን፥ ዝብሉ መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ ኣለዉ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ትዕይንትን ኣጎጽሮትን ብዝበሃሉ ዓበይቲ ኣገባባት ዝንታወ ዝዝንተዉ እዮም። ኣብ ትሕቲ ትዕይንትን ኣጎጽሮትን ብዝሕቈፉ፥ ምንጋርን ምርኣይን፥ ገለፃን ኣስተብህሎትን፥ ከም ዝዝንተዉ እውን ብዝተገበረ ትንተና ተረጋጊፁ።

## 5.2. ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን

ኣብ ትሕቲ እዚ ንኡስ ርዕሲ፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብትእምርቲ፦ ጽድያ፣ ሓጋይ፣ ቀውዕን ክረምትን ዝተወከሉ፥ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ዘመልክቱ መግለፅታት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ተተንቲኖም።

### 5.2.1. ልደት ተጋዳሊ

ተጋዳሊ ትንፋስ ዝሰርዐሉን ብሕይወተ ሥጋ ናብ ሰቡ ዝሕወሰሉን ስለ ዝኾነ ትፍሥሕትን ሓሤትን ኣብ ልደት ዝረአ ድባብ እዩ። ብጽቡቕ ዝትርጐም ተሓጓስ (ነፈርዓጽ) እውን ኣሎ። ተጋዳሊ፦ ህላውኡ ዝብሠረሉ፣ ብሕይወተ ሥጋ ዝገሃደሉ፣ ካብ ዝጸልመተን ዝጸበበን ዓለም ወጺኡ ናብ ሰፊሕ ዓለም ዝሕወሰሉ እዩ። ሕያውነትን ትንሣኤን ተጋዳሊ ብግብሪ ዝረአየሉን ንኃይልታት ጸልማትን ሞትን ስዒሩ ሕይወት ዝላበሰሉን እዩ።

> [...] ፀሓይ ድኅሪ ምውጽኣ ኣብ እዋን ንጉሆ፥ ኣብ፣ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንኣቦና ኣዳም ካብ ኣርባዕተ ባሕርያተ ሥጋ ፈጢሮምዎ። ኣብ ቅድሚኡም ድማ ጠጠው በለ። ሽዑ ናብኡ መንፈስ ሕይወት ኡፍ በለሉ። ክህነት፣ መንግሥትን ትንቢትን ድማ ሃብዎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 14)።

*     *     *

> *[...] ወእምድኅረ ሠረቀ ፀሓይ በጊዜ ነግህ ለሓኩዎ ለኣቡነ ኣዳም እም ኣርባዕቱ ባሕርያተ ሥጋ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ወቆመ ቅድመ ገጸሙ። ወሶቤሃ ነፍሐ ላዕሌሁ መንፈሰ ሕይወት ወወሃብዎ ክህነተ ወመንግሥተ ወትንቢተ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 14)።*

እዚ ብመልክዕ ትዕይንት ዝተዘንተወ ነገረ ተፈጥሮን ክሥተትን ኣዳም (ተጋዳሊ) የርኢ። ልደቱ ንምብሣር፣ ተስፋነቱ ንምግሃድ፣ ትዕድልቲ ፈላጥነት ሕማቕን ፅቡቕን (በዓል ብሩህ ኣእምሮ) ምዃኑ ንምርኣይ ልደት ተጋዳሊ ብትእምርቲ ምብራቕ ፀሓይ ተገሊፁ። ኣብዚ ምኽንያታዊ ኣስተማስሎ ኣሎ። ምኽንያቱ ምብራቕ ፀሓይ ፍካሬኡ ቁልዕነትን ምስ ቁልዕነት ዝተሓሐዙ ነገራትን ከም ዝውክል *ሰማይ ትመስሊ ፀሓይ ትወልዲ፣ ምብራቕ ትመስሊ መብረቕ ትወልዲ* "ትመስሊ ሰማየ ወትወልዲ ፀሓየ፣ ትመስሊ ምሥራቀ ወትወልዲ መብረቀ" (መጽ.ሠዓ. 1985፥ 34-35) ብዝብል ምንጋሩ። ከምኡ እውን "ፀሓይ ትእምርቲ፦ ውልደት፣ ብሩህ ተስፋ፣ ንቕሓት ኣእምሮ፣ ክእለት ፈጠራ፣ ትኩስ ኃይሊ እያ" (Jung፣ 1983፥ 81) ንዝብሎ ስለ ዘረጋገፀ። ወለዲ ብተስፋ እንትምልኡ "ፀሓይና በሪቓትልና" ኢሎም ንዝዛረብዎ መበቈላዊ ብሂል ስለ ዘግሀደ። ሓሳቢ፣ ክእለት ፈጠራ ዝተዓደለ፣ ንሕማቕን ጽቡቕን ዝፈሊ ኣእምሮ ዝወነነ፣ ፍጡር (ሰብ) ተፈጢሩ ንምባል ልደት ተጋዳሊ ብትእምርተ ወጋሕታ (ምብራቕ) ፀሓይ ተገሊፁ።

*ድኅሪ ምውጻእ ፀሓይ* "ወእምድኅረ ሠረቀ ፀሓይ" ኣብ ነገረ ፍጥረት ተፈጥሮን ፍጡርን ናይ መወዳእታ ፍጡር ምዃኑ ንምረኣይን ድኅሪ ኩሎም ፍጥረታት ልቡናን ኣምሮን ዝተዓደለ ፍጡር ከም ዝተፈጠረን ንምሕባርን እዩ። ንቡርን ነውርን ፈልዩ ዝፈልጥ ምዃኑ ንምምሥጣር ድማ ኣብ እዋን ንጉሆ "በጊዜ ነግህ" ብዝብል ኣግሂድዎ።

*ንኣቦና ኣዳም ካብ ኣርባዕተ ባሕርያተ ሥጋ ፈጢሮምዎ* "ለሓኩዎ ለኣቡነ ኣዳም እም ኣርባዕቱ ባሕርያተ ሥጋ" ኣብዚ ብትእምርቲ ኣርባዕተ ዝተወከለ ተምሳሌታዊ ኣገላልፃ ኣሎ። እቲ ተምሳሌታዊ ኣገላልፃ ዑደት ሕይወትን ባሕርያዊ ተፈጥሮን ተጋዳሊ ዝብሉ ክልተ ቁም ነገራት የፈክረልና። "ኣርባዕተ፦ ዑደት ሕይወት፣ ኣርባዕተ ኣንፈታት፣ ኣርባዕተ ወቕትታት፣ ኣርባዕተ ባእታታት፥ መሬት፣ ንፋስ፣ እሳትን ማይን፥ እዮም (Jung, 1983: 76) ንዝብሎ የትዕል። ህላወ ተጋዳሊ (ሰብ) ካብ ኣርባዕተ ወቕትታት፦ ቀውዒ፣ ጽድያ፣ ሓጋይን ክረምትን ከም ዘይወፅእ ንምርኣይ ብኣርባዕተ ወቕትታት

መሲሉ ኣምሂእዎ። ዑደት ሕይወቱ[24] ኣብ ውሽጢ ምውላድ፣ ጉርምስና፣ ሽንግልናን ሞትን ምድራቱ ድማ ብዑደት ሕይወት ክንፍክሮ ኣኽኢሉና። ሰብ ተባዚኑ ናብ ኣርባዕተ ኣንፈት ከምዝብተን ብኣርባዕተ መዓዝናት ዓለም ኣሪእና።

*ኣርባዕተ ባሕርያተ ሥጋ*[25] "ኣርባዕቱ ባሕርያተ ሥጋ"። እሳት፣ ንፋስ፣ ማይን መሬትን እንትኾኑ ፈጣሪ ኣርባዕተ ባሕርያት ኣለውኒ እንትብል ንተጋዳሊ (ሰብ) ካብ ኣርባዕተ ባሕርያት ፈጢርዎ። ትእምርቶም፦ እሳት ኃይሊ፣ ንፋስ ፍርዲ፣ ማይ ንጽሕና፣ መሬት ድማ ሃፍቲ እዩ። ኣብ ባሕሪ ፈጣርን ፍጡርን ዘለዉ፦ ኃያልነት፣ ፈታሒነት (ፈራድነት)፣ መንጽሕነትን ባዕልነትን የፈክሩ። ዝተፈጠረ ፍጡር፦ ጸጋ ኃይለ መዊእ፣ ጥበብ ፈራድነት ዝተዓደለ፣ ንጽሕናን ሃፍትን ዝወነነ ምኻኑ ድማ የመሥጥሩልና።

ኣብ ነገረ ፍጥረት ፍጡር (ሰብ) ኣብ ቅድሚት ዝጽራሕን ከም ቀዳማይ ተጋዳሊ ተገይሩ ዝውሰድን ኣዳም፦ *ክህነት፣ መንግሥትን ትንቢትን ሂቦምዎ* **"ወወሃብዎ ክህነተ ወመንግሥተ ወትንቢተ"** ዝብል ኣብ ህላወ ሰብ ዘየቋርፅ መበቈላዊ ሓሳብ ዝተሰከመ ውረድ ተዋረድ ዘርኢ መዋቕር ህላወ እዩ። ትእምርቲ ተውህቦ ሃብተ ክህነት፣ መንግሥትን ትንቢትን ደቂቀ ኣዳም እዙይ ዝተዓደሉ ምኻኖም ንምርኣይ። ኣብ

---

[24] "ዑደት ሕይወት" ዝተብሃሉ፦ ካብ ልደት ክሳብ ዒሥራ (20) ዓመት ንንፋስ ዝውክል ህዉኽነት ዘርኢ፤ ካብ ዒሥራን ሓደን (21) ክሳብ ኣርብዓ (40) ዓመት እሳት፥ ቁጥዕነት፤ ካብ ኣርብዓን ሓደን (41) ክሳብ ስሳ (60) ማይ፥ ቀሪርነት፤ ካብ ስሳን ሓደን (61) ክሳብ መዋዳእታ ዕድመ ዘሎ ግዘ ድማ ብመሬት ዝምሰል ኰይኑ ርጉዕነት ዝገልፅ እዩ። ኣርባዕተ ዑደት ሕይወት ዝበሃሉ፦ ንምውላድ፣ ጉርምስና፣ ሽንግልናን ሞትን ዝውክሉ እዚኦም እዮም።

[25] "ኃያል እየ ዝፈጠርኹዎ ፍጡር እውን ከምኡ" እንትብል ካብ እሳት ፈጢርዎ። እሳት ኃያል እዩ። ማይ እንተዘይከልኺልዎ ደረቑን ርሑሱን የጥፍኦ። ሰብእ እውን ልቡናኡን ኀሊንኡን እንተ ዘይገዢጽዎን ጸጺትዎን "ዓብዩን ንኡሱን ሕማቑን ጽቡቑን ብሓደ ግዘ ከጥፍኦ ኣለኒ" እንተይሉ ይከኣሎ (ኣክ. 2009፥ 10፤ መዝ. 7፥ 11-12)። "ንርትዒ ኣሚኑ ብርትዒ ዝፈርድ ፍትሓዊ እዩ" እንትብል ድማ ካብ ንፋስ ፈጢርዎ። ንፋስ ፍትሓዊ እዩ፤ ሓሰር ካብ እኽሊ፣ እኽሊ ድማ ካብ ሓሰር ይፈሊ፤ ከምኡ ድማ ሰብ ንቡር ካብ ዘይንቡር፣ ጽቡቕ ካብ ሕማቕ፣ ጥዑም ካብ መሪር ይፈሊ "የኣምር እግዚኣብሔር ገቢረ ፍትሕ" (ማቴ. 3፥ 12-13)። ሰብ ኣርኣያን ኣምሳልን ፈጣሪኡ ስለ ዝኾነ ነገረ ፍትሒ ዝተዓደለ እዩ። "ንጹሓ ልቡናን ኀሊናን ዝወነነ ፍጡር ፈጢረ" እንትብል ድማ ካብ ማይ ፈጢርዎ። ማይ መጽረዪ እዩ ርስሓት ካብ ሰውነት፣ ሰውነት ካብ ርስሓት የንጽሕ። ፈጣሪ ነብሲ ካብ ኃጢኣት፣ ኃጢኣት ካብ ነብሲ ከም ዝፈሊ ኩሉ ሰብ ጽሩይ እምነውረ ኀሊና ወንጹሕ እም ርስሓት ዘኣፍኣ ምኻኑ የርኢ፤ *መንጽሒና ማይ ሂብና* "ወሃበነ ማየ መንጽሔ ዚኣነ" (ትም.ኅቡ. 2፥ 7)። "ዝተፈጠረ ፍጡር ሃፍታም እዩ" እንትብል ድማ ካብ መሬት ፈጢርዎ። *ሃፍቲ ካብ መሬት ይርከብ* "ወባቲ ብዕል ኩሉ"። ብተወሳኺ መሬት ጸዋር፣ ዓቃልን ከኣሊትን ኩሉ እያ። ሰብ እውን "ኩሉ ክኢሉ ንኩሉ ተዓጊሱ ዝነብር እዩ" እንትብል (ኢዮ. 13፥ 3-4) ካብ መሬት ፈጢርዎ።

ዝሓልፍ ሥጋዊ ጸጋ ዘይሓልፍ ነብሳዊ ሕይወት ከም ዘሎ ንምዝኽኻር። ብሞት ሥጋ ወሪደ መቓብር ከም ዘሎ ኩሉ ብሕልፈተ ነብሲ ድማ ብጽቡቕ ምግባር ዝውረስ ዘይሓልፍ መንግሥቲ ኣሎ እንትብል። "ንድኅሪት ምልስ ኢሉ ንሕሉፍ ዝዝክር፣ ኣብ ዘለዎ ኲይኑ ንህልው ኩነታት ዝግንዘብን ንቕድሚት ተወንጪፉ መጻኢኡ ዝትንብን ኣእምሮ ዝተዓደለ ፍጡር ምዃኑ ንምትዓል እዩ። እዚ ድማ ትንቢት ኣብ ገድል ተደጋጊሙ ዝርአ መግለፂ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ እዩ (Thompson, 1955: 59) ንዝብሎ ዘረጋግፀ እዩ። ኃያልነት፣ ፈራድነት፣ ንጹሕነት፣ ሃፍቲ (ባዕልነት)፣ ንሕሉፍ ምዝካር፣ ምግንዛብ ህልው ኩነታት፣ ትንቢት፣ ድኅሪ ሞት ሕይወት ምህላውን ምውራስ መንግሥተ ሰመናያትን ኣብ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ከም ርትዒ ተገይሮም ዝውሰዱ ትዕይንታዊ መልክዕ ዝንታወ ዘለዎም ሚታዊ ይትበሃላት እዮም።

ኣብ ልደተ ተጋዳሊ፦ ተጋዳሊ ካበይ ከም ዝመጽእ፣ ንምንታይ ከም ዝመጽእ፣ እንታይ ከም ዝመስል፣ ምኽንያት ፍጥረቱን ውልደቱን ዝፋለጠሉ እዩ። መብዛኅቲኦም ታሪኻት ልደት ዝተፈለየ ቦታን ዓለምን ዝሕዙ እዮም።

> ንኣዳምን ሔዋንን ተዋሊድኹም ንምድሪ ምልእዋ በሎም። ብመሠረት ትእዛዝ፣ ኣቤል ካብ ኣዳም ተወለደ። ንሱ እውን ብሕጻኑ ሞተ። ድኅሪ ኣቤል ሴት ተወሊዱ። ሴት ንሄኖስ ወሊድዎ፣ ሄኖስ ንቃይናን፣ ቃይናን ንመላልኤል፣ መላልኤል ንያሬድ፣ ያሬድ ንሔኖክ፣ ሔኖክ ንማቱሳላ፣ ማቱሳላ ንላሜህ፣ ላሜህ ንኖኅ፣ ኖኅ (ኣብ ዘመኑ ናይ ጥፍኣት ማይ ዘጋጠመ)፥ ንሴም፣ ካምን ንያፌት ወሊዱ፥ ሴም ንኣርፋክስድ ወሊድዎ፣ ኣርፋክስድ ንቃይናን፣ ቃይናን ንሳላ፣ ሳላ ንኤቦር፣ ኤቦር ንፋሌቅ፣ ፋሌቅ ንራግው፣ ራግው ንሴሮህ፣ ሴሮህ ንናኮር፣ ናኮር ንታራ፣ ታራ ንኣብርሃም ርዕሢ ኣቦታት (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ መቅድም)።

*　　　　　*　　　　　*

> *ወይቤሎሙ ለኣዳም ወለሔዋን ብዝኁ ወተባዝኁ ወምልእዋ ለምድር። ወበዝንቱ ትእዛዝ ተወልደ ኣቤል እምኣዳም፣ ወውእቱኒ ሞተ እምንእሱ። እምድኅረ ኣቤል ተወልደ ሴት። ሴት ወለዶ ለሄኖስ፣ ሄኖስ ለቃይናን፣ ወቃይናን ለመላልኤል፣ ወመላልኤል ለያሬድ፣ ወያሬድ ለሔኖክ፣ ወሔኖክ ለማቱሳላ፣ ወማቱሳላ ለላሜህ፣ ወላሜህ ለኖኅ፣ ወኖኅ በመዋዕሊሁ ዘኮነ ማየ ኣይኅ ወለዶሙ፥ ለሴም፣ ካም ወያፌት፣ ሴም ወለዶ ለኣርፋክስድ፣ ወኣርፋክስድ ለቃይናን፣ ወቃይናን ለሳላ፣ ወሳላ ለኤቦር፣ ወኤቦር ለፋሌቅ፣ ወፋሌቅ ለራግው፣ ወራግው ለሴሮህ፣ ወሴሮህ ለናኮር፣ ወናኮር ለታራ፣ ወታራ ለኣብርሃም ርእሰ ኣበው (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ መቅድም)።*

ተራክቦ ቅድስና እምበር ርኩስና ከም ዘይኰነን ተራክቦ ብሥጋ ንወድሰብ ፍቑድ ከም ዝኾነን ንምሕባር፥ *ብዝኁ ተባዝኁ ንምድሪ ድማ ምልእዋ* "ብዝኁ ወተባዝኁ ወምልእዋ ለምድር" ብምባል ትእዛዘዊ ፈቃደ ተራክቦ ነጊርና።

ኣብዚ ብርክብ ሥጋ ዝተግሃደ ልደት ኣሎ። ተጋዳሊ ብርክብ ሥጋ ስብኣይን ሰበይትን ልደቱ ከም ዘግሀደን ሓረግ ልደቱ ድማ ካብ ቀዲሙ ዝተገለፀ ተጋዳሊ ከምዝምዘዝን የርኢ። ይኹን እምበር ንምንጋር ምኽንያተ ልደት ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋደሊ ክበሃል ዝተልዓለ ገዚፍ ዛዕባ ኣሎ። ንሱ እውን ሞት ቦኽሪ (ኣቤል) እዩ። እዚ ድማ፥ ፍካሬ ኣለዎ፥ ወላዲ እናሃለወ ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ውላድ ሙማቱ ኣብ ዘርኢ ኣዳም (ሰብ) ንቡር ኰይኑ ከምዝቕጽልን ኣበሳ ዓበይቲ ፍድኡ ኣብ ንኡሳት ከም ዝርአን የረድእ። ብርክብ ሥጋ (ሩካቤ ሥጋ) ዘይተግሃደ ልደት ብርክብ ሥጋ ዝገሃድ ልደት ከም ዘምጽእ ኣጽንዖት ንምሃብ እዩ።

ኣብ ገድለ ኣብርሃም እንረኽቦ ተጋዳሊ ብሥራተ ልደቱ ብሩካቤ ምኻኑ ቀዲሙ ዝተገለፀ ኣብነት ትዑል መርትዖ እዩ። ኣብ ገድለ ኣዳም እንረኽቦ ተጋዳሊ ግና ልደቱ ብዘይርክብ (እንበለ ሩካቤ) ስብኣይን ሰበይትን ካብ ሕቱም መሬት ግብሪ እምግብሪ ዝተፈጠረ እዩ። ንእዚ ሓሳብ ቀጺሉ ዘሎ ካብ እቲ ገድል ዝተወሰደ ዝንታው እኹል መርትዖ እዩ።

> ኣብ፣ ወልድን መንፈስ ቅዱስን "ብኣርኣያናን ብኣምሳልናን ሰብ ንፍጠር" በሉ። ብዙ ቃል እዙይ ኣዳም ወዲ 30 ዓመት ስብኣይ ኾይኑ ብፍጹም ልቡና ተፈጠረ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 16)።

*                    *              *

> *ይቤሉ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ንግበር ሰብአ በኣርኣያነ ወበኣምሳሊነ፣ ወምስለ ብሂለዝ ተፈጥረ ኣዳም በዓቅመ ብእሲ ዘ፴ ዓመቱ በፍጹም ልቡና (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 16)።*

ተጋዳሊ (ኣዳም) ከመይ ከም ዝተፈጠረን ምኽንያት ፍጥረቱን ተገሊፁ ኣሎ። ዝመጽእ ተጋዳሊ ከመይ ዓይነት ተጋዳሊ ከም ዝኾነ እንትፋለጥ ነገረ ፍጥረቱ ካብ ንኩሎም ፍጥረታት ዝፈጠረን ዝእዝዝን ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ምኻኑ የርኢ።

*ኣብ፣ ወልድን መንፈስ ቅዱስን* "ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ" ኣብዚ ብባሕሪ ሓደ ብሥመ ተጸውዕኦም ሠለስተ ዝኾኑ ኣካላት ኣለዉ። ትእምርቲ ሠለስተ፦ ቅድስት

*ሥላሴ* (*ሦስትነት*)፣ *መንፈሳዊ ግንዛበ*፣ *ብርሃንን* ምሉእነትን እዩ (Jung, 1983: 97)። ምሉእነት፣ ጥምረትን ሓድነትን ሰብ የርኢ። ተማኺሮም ሓደ ኰይኖም እጹብ ድንቂ ዝኾነ ፍጻመ ንዝፈጸሙ ብምምጻእ *ንዘተግብራ ኩሉ ምኽሪ ጽቡቕቲ እ,የ* "ምክር ሠናይት ለኩሉ ዘይገብራ" (መዝ. 110፥ 19) ንዝብል ብሂል ኣበው ኣረጋጊፁ። ኣብ ዑደት ሕይወት ሰባት ንዘየቋርፅ ምስክርነት፣ *ብሠለስተ ምስክር ኩሉ ነገር ይጸንዕ* "በሥምዓ ሠለስቱ ይቀውም ኩሉ ነገር" (ማቴ. 18፥ 16) ንዝብል ጥንተ ርትዒ ኣመስኪሩ።

*ብኣርኣያንን ኣምሳልናን* "በኣርኣያነ ወበኣምሳሊነ[26]" ኣብ ምኽንያት ፍጥረት ተጋዳሊ ኣርኣያን ኣምሳልን ዝብሉ ክልተ ቃላት ኣለዉ። *ብኣርኣያና ወይ ቁመናና ሰብ ንፍጠር* ፈጠርተ ሰብ፦ ሕያው ነብሲ እምበር ዝመውት *ሥጋ* ኣይብሎምን፣ ሰብ ሞተ *ሥጋ* እምበር ሞተ ነብሲ ከም ዘይረኽቦ ንምምልካት። ፈጠርተ ሰብ ኅጸጽን ጉድለትን ኣይብሎምን፣ ብኣርኣይኦም ዝተፈጠረ ሰብ እውን ዋላ ኅጸጸ *ሥጋ* ይሃልዎ ኣብ ነብሱ ግና ፍጹም ኅጸጽ ኣይብሉን እንትብሉ። ፈጠርተ ሰብ፥ ሦስትነቶም፣ ሓድነቶምን *ሥምረቶምን*፥ ንምርኣይ። ዝተፈጠረ ፍጡር (ሰብ)፦ ዝሓስብ፣ ዘስተንትን፣ ሕማቕን ጽቡቕን ዝፈሊ ልቡናን ንነገራት ኣብ ሚዛን ርትዒ ኣቐሚጡ ዝፈርድ ኅሊናን ከም ዝተውሃቦ ንምርኣይ እዩ። ሓላፊ *ሥጋን* ዘይሓልፍ ነብስን ኣጻሚሩ ዝሓዘ ምኻኑ ንምሕባር። ንጉሥ፣ ገዛእን ኣዛዝን ኩሎም ፍጥረታት ተገይሩ ከም ዝተፈጠረ ኣጽንዖት ንምሃብ እዩ።

---

[26] ኣርኣያን ኣምሳልን ዝብሉ ነገረ ተፈጥሮ ተጋዳሊ ዘመልክቱ ክልተ ሓሳባት ግልፂ እንትግበሩ *እግዚኣብሔር፦ እሳትን ንፋስን፣ ማይን መሬትን ኣልዐለ ንወዲሰብ ብኣርኣይኡን ኣምሳሉን ፈጠሮ* "ወነሥአ እግዚኣብሔር እሳተ ወነፋሰ ማየ ወመሬተ ወገብሮ ለእጓለ እመሕያው በዘዚኣሁ ኣርኣያ ወኣምሳል" (ዘፍ. 1፥ 26-27)። *ንወዲሰብ ፈጠሮ* "ወገብሮ ለእጓለ እመሕያው" ማለቱ *ወዲሰብ* "እጓለ እመሕያው" ፈጠረ እንትብል እዩ። እጓለ እመሕያው ፈጠረ ማለት ኣዳም ካብ ሕያው ፈጣሪ ኣቦ፣ ካብ ሕያው መንፈስ ቅዱስ እኖ ዝተረኽበ ወይ ዝተፈጠረ ፍጡር ማለት እዩ። ኣንድም "እጓል" ዝተብሃለ ኣዳም፣ "እም" ዝተብሃለት ምድሪ ሕያው ዝተብሃለ ድማ ፈጣሪ እዩ። ካብ ሕያው ፈጣሪ ኣቦ፣ ካብ ኅቱም ምድሪ እኖ ዝተረኽበ ፍጡር እንትብል እጓለ እመሕያው ኢልዎ። "ወገብሮ" ማለት ፈጠሮ ማለት እዩ (ኣክ. 2009፥ 148)። እሳትን ንፋስን ማይን መሬትን እንትፍከሩ፦ *እሳትን ንፋስን ነብሲ፣ መሬት መትንታት፣ ጸጉርን ኣጽፋርን፣ ማይ ድማ፥ ደም፣ ምራቕን ንብዓትን እዮም። ኣብ ውሽጢ ነብስና ዘለዉ ኣርባዕተ ባሕርያተ ሥጋ እዚኦም እዮም* "እሳት ወነፋስ ነፍስ እሙንቱ፣ መሬትኒ ኣምትንት፣ ጸጉር ወኣጽፋር ውእቱ። ማይኒ ደም፣ ምራቅ ወኣንብዕ ወእቱ። እሉ እሙንቱ ኣርባዕቱ ባሕርያተ ሥጋ ዘሃለዉ ውስተ ነፍስትነ" (ኣክ. 2009፥ 149)።

ነገረ ፍጥረት ተጋዳሊ ብትውክልቲ ኣርኣያን ኣምሳልን ዝተገለፀሉ ምኽንያት እንትፍከር፦ ተጋዳሊ ቁመናን መልክዕን ፈጠርቱ ሒዙ ምፍጣሩ፣ ገዛእነትን ፈሊጠ ኩሉን ምትንጻፉ፣ ብዘይርክብ ሥጋ ስብኣይን ሰበይትን (ዘእንበለ ሩካቤ ብእሲ ወብእሲት) ምኽማቱ፣ ሞት ሥጋ እምበር ሞት ነብሲ ዘየርክቦ ምኳኑ፣ ክንፈ ኣእምሮ ዝተዓደለ ፍጡር (ተንባዪ) ከም ዝኾነ፣ ቅብኣ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ከም ዘለዎን ከለላ ከም ዝግበረሉን ብኣካለ ሥጋ ካብ ዝተፈጠሩ ፍጥረት ዝተፈለየ በዓል ልቡናን ኀልናን ከም ዝኾነ ንምትዓል እዩ።

"ንግበር" ጽንዓት ቃል የርኢ። "ኣርኣያን ኣምሳልን" እውን ውርዛበ ይገልፁ። እዚኦም ክልቲኦም "ሰብ ብመልክዕና ንኣና ኣምሲልና ንፍጠር ኢሎም ምስ ኣዘዙ ኣዳም ተፈጢሩ (ዘፍ. 1፥ 26-27) ብዝብል ይኽምበቱ። ጽንዓት ቃል ጽንዓት ተጋድሎ፣ ውርዛበ ድማ ባህሊ ዘመን ንምፍካር የኽእሉና። ጥንተ ሓሳብን ሥርዓት ተዋስቦን (ተላጽቆን) ኣብ ሕጊ ተፈጥሮ እንታይ ከም ዝመስል እትርጻእ ብምክንያት ተፈጥሮ ኣዳም እዩ። ምኽንያቱ ኣዳም ቀዳሜ ኩሉ ፍጥረት ስለ ዝኾነን ኩሉ ሥርዓትን ሕግን ፍጡርን ተፈጥሮን ኣብ ናቱ ቀመር ተወሲኑ ስለ ዝተወድአን። ስለዚ ውርዛወን ብምሉእ ልቡና ምሕሳብን ንቡርን ነውርን ፈሊኻ ምፍላጥን ወዲሰብ ኣብ 30 ዕድምኡ ከም ዝኾነን ንመብውስቦ ከም ዝበቅዕን የርኢ። እዚ ድማ ቦኽሪ ሓሳብ ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ክትርጻእ ዝገብር እዩ። ነገረ ፍጥረት ወዲ ሰብ ብሃበ ተረኽበ እንተይኰነስ ብቀመር ከም ዝኾነ እውን እትግንዘብ ብዙይ እዩ።

ካልእ ነገረ ፍጥረት ተጋደልቲ ዝነግር ኣስተማስሎ ኣሎ። ኣስተማስሎ ኣብ ወካልን ተወካልን ዘሎ ርክብ እዩ (Jung, 1983: 89)። ኣብዚ ድማ ውክልና ፈጣሪ ናብ ፍጡራን እንትሰግር ይስትብሀል። ማእምራነ ሥነ ትእምርት፦ ምስለት፣ ትእምርት፣ ምኽንያትን ውጽኢትን ዝብሉ ሠለስተ ዓይነት ርክባት ኣስተማስሎ ከም ዘለዉ ይዛረቡ (Colman, 2017 [2011]: 264)። ኣብ ተጋደልትን ምኽንያት ልደት ተጋደልትን ዘሎ ኣስተማስሎ ብምስሳል (ምስለት) እንትርአ ኣብ ወካልን ተወካልን ዘሎ ርክብ ኣስተማስሎ ኣካላዊ ወይ ባሕርያዊ ምምስሳል እዩ። ንበል ነብሪ ኣስተማስሎ ሰብ ኰይኑ እንተ ተጠቒሱ ሰበበ ምስለቱ ቁጡዕ ክኸውን ይኽእል። ምምስሳል ቁጥዕነቱ ግና ፍካሬ ምኳኑ ምስትብሃል የድሊ። ስለዚ ተጋደልቲ፦ መልክዕ፣ ቁመና፣ ባሕሪ፣ ጥንካረ፣ ክንሊነትን ቁጡዕነትን ፈጣሪኦም ሒዞም ምኽማቶም የርኢ።

ትእምርታዊ ኣስተማስሎ ድማ ሰባት ሓደ ነገር ንክውክለሎም ዘቐምጥዎ ገዚፍ ምሥጢር ዝተሰከመ ውጽኢት ሓበራዊ ሥምምየም ዝኾነ ዛዕባ ዝረአየሉ እዩ (Jung, 1921: 5)። ኣብ ወካልን ተወካልን ደመነብሳዊ ዝኾነ ርክብ የለን። እዚ ድማ ንነገረ ፍጥረት ተጋዳሊ (ኣዳም) ወዲ 30 ዓመት ስብኣይ ኮይኑ ፍጹም ልቡና ሒዙ ተፈጢሩ ንዝብልን ኣብርሃም ካብ ዘርኢ ሓረጉ ተወሊዱ ርእሰ ኣበው ዝብል ሥም ምርካቡን ይምልከት። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ዕድመ ተጋዳሊ ዘመልክት 30 ዝብል ቁጽርን ኩነተ ተጋዳልን ከምኡ እውን ኣብ መንጎ ኣብርሃምን ርዕሲ ኩሎም ኣቦታት ዝብል ስያመን ናይ ወካልን ተወካልን እምበር ብዘርኢ ዝተኣሳሰረ ደመነብሳዊ ዝኾነ ኣስተማስሎ ስለ ዘየለ። ኣስተማስሎ ምኽንያትን ውጽኢትን ዝበሃል ድማ ቅድም ኢሉ ሓደ ነገር ከም ዝነበረ የርኢ (Mitchel, 1990: 14)። ብምኻኑ ነገረ ፍጥረት ተጋደልቲ ድንገት ዝመጸ ሓሳብን ካብ ኣልቦነት ተላዒሎም ዝፈጥሩን እንተይኮኑስ ኣብ ኅሊናን ልቡናን ፈጠርቶም ከም ዝነበሩን "ንግበር" ብዝብል ግብራዊ ቃል ትርዳእ። "ንግበር" ዝብል ቃል ግብር እምግብር ስለ ዘርኢ። ከምኡ እውን ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋዳሊ ካብ ዘርኢ ሓረግ ኣብ ገድለ ኣዳም ዘሎ ተጋዳሊ ዝተፈጠረ እዩ ምባሉ።

ኣብ ልደተ ተጋዳሊ ከም ኣቦን ኣደን ተገይሮም ዝውሰዱ ንኡሳን (ኅዳጣን) ገጸ ባሕርያት ህልዋት እዮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሚታዊ ዝንታወታት እምበኣር እዮም ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታት እንብሎም። ምኽንያቱ እዚኦም ዘይተሓናፈጹን ካልእ ባዕዲ ነገር ዘይተወሰኸሎምን ቦኽሪ ዝንታወታት ስለ ዝኾኑ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እንረኽም ኣቦን ኣዶን፣ ኣብ ገድለ ኣዳም ኅሊናዊ ሓሳብን ተግባራዊ ቃልን ኰይኖም፥ ከም እኖ መሬት ከም ኣቦ ድማ ፈጣሪ እዮም። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ድማ ብወገን ኣቦ ድኅሪ ማይ ኣይኅ ካብ ዝተረኽበ ዓሌት ሴም ታራ ከም ዝኾነ ብወገን ወለዲቱ ግና ዝተገለፀ ነገር የለን። እንተ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብልደተ ተጋዳሊ እንትረአዩ ብመልክዕ ብሥራተ ልደት ዝዝንተዉ ኣብ ልደት ተጋዳሊ ዝርአ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ ኣማሊኦም ዝተረኽቡ ገድልታት እዮም።

### 5.2.2. ተቀብኦ ተጋዳሊ

ብልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ንተጋዳሊ ዝወሃብ ገጸ በረከት እዩ። ተጋዳሊ ናብ ዝተፈላለዩ ተግባራት ንከኣቱ ፍሉይ ክእለት ዝወሃበሉ ሓደ ነገር ናይ ምፍጻም ተኽእልኡ ዝብርኽሉ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዝረኽቦ ጸጋ ከኃሊነት እዩ።

ኣብ ገድለ ኣዳም ዘሎ ተጋዳሊ ተቀብእኡ፦ ክህነት፣ መንግሥትን ትንቢትን እዩ። ቅብኣ ክህነት፣ መንግሥትን ትንቢትን ሃብዎ "ወወሃብዎ ክህነተ ወመንግሥተ ወትንቢተ" (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 18)። ክህነት፦ ከባትነት ምሥጢር፣ ብሕታወን ጽምዋን፣ ትዕድልቲ ሰማያዊ ጸጋን ዓለማዊ ክብርን የርኢ። ኣብ ዝፈርስ ሥጋ ዘይሠዓር ክብሪ ምህላዉ ይነግር። ፍጡር ኣምሳል ፈጣሪኡ ምኳኑ ይሕብር። መንግሥቲ፦ ሓቋፊነት፣ ዘርዕድ ዘንቀጥቅጥ ምድራዊ ክብሪ ከም ዝተጐናጸፈን ለፊዕኻ ደኺምኻ ብላዕ "ብላዕ በኀፈ ገጽከ" ዝብል መርገመ ሥጋ ንምዝኽኻርን ሓላፊ ምኳኑ ንምሕባርን እዩ። ትንቢት ብግድኡ፦ ፍጡር (ሰብ) ሓሳቢ ልቡና፣ መመዛዘኒ ኣምሮን መጻኢኡ ዝርኢ ኣማቲ ኅሊናን ከም ዝወነነ የርኢ። ከምኡ እውን "ካብ ውሉድ ውሉድኻ ተወሊደ ኣብ መስቀል ተሰቒለ ከድኅነካ እየ" ዝብል ናይ ተስፋ ቃል ከም ዝፍጸም ንምትዓል እዩ። እዚኦም ንኣዳም ዝተወሃቡ ድሓር ድማ ናብ ዘርኡ ዝወረዱ ተቀብኦ ጸጋታት ተፈጥሮ ሰብ እዮም። ኣብ ቅዱም ተጋዳሊ (ኣዳም) ዝነበሩ ተቀብኦታት ሕዚ እውን ብውረድ ተዋረድ ይቕጽሉ ኣለዉ።

ተቐብኦ ንተጋዳሊ ካብ ዝነብረሉ ማኅበረሰብ ዝፈሊ ናብ ሓዱሽን ብጣዕሚ ናብ ዝተፈለየን ዓለም ዝመርሕ ናይ መንቅሒ መቐስቐሲ ደወል እውን እዩ። ቀጻሊ ሕይወት ተጋዳሊ ዝንገረሉ ብጽቡቕ ይኹን ብሕማቕ ቅዱም ናብርኡ ለቒቑ ብምውጻእ ጉዕዞ ዝጅምረሉ እዩ።

> ንመበል ካልኣይ ግዘ ምስ ረአዮ ብነበልባል ፍርሓት ልቡ ቐለጠ። ከም ርኅሩኅን ፍቅሪ ውሉድ ዘሸነፎን ወላዲ ልስልስ ብዘለ ድምጺ "ኣዳም ኣበይ ኣለኻ" በሎ። ከምዙይ ማለቱ ኣዳም ዘለዎ ቦታ ጠፊእዎ ኣይኰነን። ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ክፉእ ምግባር በጺሕኻ ማለቱ እምበር፤ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 18)።

*                    *                    *

*ወካዕበ ሶበ ርእዮ ተመስወት ልቡ እም ዋዕየ ፍርሓት፣ ጸውዖ በቃል ቀጢን በኣምሳለ ኣብ መሓኪ ዘመዖ ፍቅረ ውሉዱ፣ ወይቤሎ 'ኣይቴ ሃሎከ ኣዳም' ዝኒ ብሂሎቱ ኣኮ በኢያእምሮ መካን ኀበ ሃሎ ኣዳም ኣላ ይቤሎ ኀበ ኣይ ምግባር በጻሕከ፤ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 18)።*

*ምስ ረአዮ ልቡ ምሽት በለት* **"ሶበ ርእዮ ተመስወት ልቡ"** እዚ ዘይሕሱብን ሃንደበታውን ድንጋጸ ኣብ ውሽጢ ልቡና ተጋዳሊ ከም ዝተኸሠተ ዘርኢ እዩ። ከምዚ ዓይነት ክሥተት፦ ዝተብሃልኻዮ ገዲፍኻ ዘይተብሃልካዮ እንትትገብር፣ ዝጠቕመካ ገዲፍኻ ዝጐድኣካ መንገዲ እንትትኽተል፣ ካብ ዝተቐመጠልኻ ደረት እንትትሓልፍ፣ ንዝተውሃበካ ሓደራ ተኣማኒ ኰይንኻ ካብ ዘይምርካብ፣ ንጸጋኻ ከም ኽፍኣት ንተቀብኦኻ ድማ ከም ሕስረት ርኢኻ ኣብ ዘይንቡር ተግባር እንትትውዕል ዝኽሠት እዩ። ኣብዚ ዘሎ ተጋዳሊ "ገዛእን ኣዛዝን ኩሉ ፍጡር ኰይንኻ ድኻምን ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ንበር" ተባሂሉ ንዝተውሃቦ ትእዛዝ ከም ዘፍረሰ ንቅዱም ተቀብእኡ ብውሽጠ ፈሊጥ ኣመልኪቱ ካብ ቅዱም ጸጋን በረከትን ዝፈሊ ምችውን ዝተማልአን ናብራ ኣሕዲጉ ናብ ፈተናን ሽግርን ዘለዎ ዓለም ዘስግር መጸዋዕታ ኣብ ልዕሊኡ ተኸሚቱ።

*ሓዳም ሓበይ ሓለኻ* **"ኣይቴ ሃሎከ ኣዳም"** ዝብል መጸዋዕታ ተጋዳሊ ኣበይ ከም ዘሎ ጠፊእዎ ኣይኰነን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩፍእ ምግባር በጺሕኻ ንምባል ደልዩ እዩ። ንተውሃቦ ቅዱም ተቀብኦ ዘፍረሰ እንትኾውን "ዝተውሃበካ ትእዛዝ ኣፍሪስኻ ኢኻ እሞ ኣብ ልዕለኻ ንዝዓርፍ ውሳነ ተዳለ" ዝብል እዩ። እዙይ ኣብ ገድለ ኣዳም መጀመሪ ተጋድሎ ተጋዳልን መእንፈቲ ምውራድ ናብ ምድረ ፍዳን ዘመልክት እዩ።

ተቀብኦ ተጋዳሊ ካብ ሰብኣዊ ባሕሪኡ ንላዕሊ ሓደ ደረጃ ዝውስኽሉ ጸጋ ወይ ተቀብኦ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝጓነጸፈሉ እዩ። ኣብዚ ብርኪ እዚ፦ ፍጹምነት፣ መለኮትነት፣ ናብ መዓርግ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ናይ ምጽጋዕ ተግባር፣ ቅዱስ ሓዳርን ናብ ገነት ምእታውን ዝገልፁ ሚታዊ ዝንታወታት ኣለዉ።

> እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ጸውዖ፣ ዝስዕብ ድማ በሎ፣ ኢድኻ ኣብ ልዕሊ ሥጋ ፈርዖን ግበሮ፣ ወድያው ኢድ ኣብርሃም ኣብ ልዕሊ ሥግኡ እንትኸውን ኣብ ሰውነቱ ምንም ዓይነት ሕማም ከይተረፈ ጠፍአ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 20)።

*　　　　*　　　　*

> *ወጸውዖ እግዚአብሔር ለኣብርሃም፣ ወይቤሎ ደይ እዴከ ለዕለ ሥጋ ፈርዖን፣ ወበጊዜሃ እንተ ኮነት ትወድቅ እደ ኣብርሃም ላዕለ ሥጋሁ፣ ኮነ ይጐይይ ደዌሁ ወይትፈታሕ እስከ ኣልቦ ዘተርፈ ውስተ ኣባሉ ምንተኒ እምደዌ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 20)።*

ኢ.ድኻ ኣብ ልዕሊ ሥጋ ፈርዖን ኣንብር "ደይ እዴከ ለዕለ ሥጋ ፈርዖን" ኣብዚ ትእዛዝ ኣሎ። ተጋዳሊ ዝተውሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ ብምኽንያት ተኣዛዝነቱ ፈዋስነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ኣብኡ ሓዲሩ እንትፍውስን እንተድኅንን ይርአ። እዚ ድማ ተጋዳሊ ካብ ዝነበሮ ሰብኣዊ ባሕሪ ሓደ ደረጃ ሓፍ ዝበለሉ መለኮታዊ ኃይሊ ዝተላበሰሉን ተቀብኦ ፈዋስነት ዝተጐናጸፈሉን ኹይኑ ንረኽቦ።

ክፍኣትን ስንክልናን ኣእመሮ ተፈዋሲ ብትእምርቲ ደዌ ተገሊፁ። "ደዌ" ካብ ሥጋዊ ሕማምን ቁስልን ዝዘለለ ፍካሬ ኣለዎ። ብደዌ ዝግለፅ ከቢድ ሕማም ኣብ ልዕሊ ሥጋ ፈርዖን ከም ዝተኸሠተ ገይሩ ምምጽኡ፦ ክፍኣት ልቡና፣ ሕማም ኅሊና፣ ቁስለትን ብልሽውናን ኣእምሮ ሰባት የመልክት። ቂም፣ በቀል፣ ክፍኣት፣ ተንኰል፣ ምግባረ እከይን ኰንኖ ዘእንበለ ፍትሕን ጽቡቕ ከም ዘይኰነ ብኽኅሊነት ኣብ ልዕሊ ተጋዳሊ ዝሓደረ ተቀብኦ ሕማም ካብ ሰውነት ፈርዖን ከም ዝተቐረፈ ኩሉ ሕማቕ ተግባር (ምግባረ እከይ) ሰብ እውን ብጥብብ ልዕል ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ሕምዙ ከምዝለስሕ ብትእምርቲ "ደዌ" ነጊርና።

ኣብ ተቀብኦ ብተዘዋዋሪ ዝዝንተውን ተጋዳሊ ካብ ክብሪ ተዋሂብዎ ዝነበረ ተቀብእኡ እንትወርድን ዘመልክት ዝንታወ ልሙድ እዩ። እቲ ተቀብኦ እውን ብኣመክንዮ ልኡኽ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ እንተይኰነ እንትፈርስ ዝርአ ብተቓራኒ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝግበር ተዋርዶ ካብ ክብሪ እዩ።

> ኣዳምን ሔዋንን ብርሃናዊ ክዳን ዝተጐናጸፉ ነበሩ። ክልቲኦም ዝተኸደንዎ ክዳን ካብ ፀሓይ 100 ዕጽፊ የብርህ ነይሩ። ጽቡቕ ነገር ዘየፍትዎ ሰይጣን ግና ዘለዎም ክብርን ግርማ መጎስን ኣብ ዝረአየሉ ግዘ ቀኒኡ ኣብ ከርሲ ከይሲ ሓደረ። [...] "ንዕፀ በለስ ኣብ ዝበላዕኹምሉ ግዘ ሞት ኣይትሞቱን፣ ነገር ግና ምስ በላዕኹም ዓይንኹም ከም ዝግለፅ፣ ሕማቕን ጽቡቕን ከም እትፈልጡ፣ ኣምላኽ ከም እትኾኑ እግዚኣብሔር ስለ ዝፈልጥ ከልኪልኩም" በላ፤ እዙ ምኽርን ሽንገላን እዙይ ተንኮል ነይሩ፣ እዙ መጸዋዕታ እዙይ ተቐቢሎም ብምትግባሮም ድማ እዮም ኣዳምን ሔዋንን ናብ ምድረ ፍዳ ዝወረዱ፤ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 17)።

*　　　*　　　*

*ወኮኑ ኣዳም ወሔዋን ይትዓጸፉ ብርሃነ ከመ ፪ቱ ይልበሱ ዘያበርኅ ፻ ምክብኢተ እም ፀሓይ። ወሶበ ርእየ ሰይጣን ጸላኤ ሠናያት ስብሓቲሆሙ ወዕበየ ክብሮሙ ቀንአ ወተሰወረ ውስተ ከይሲ። [...] ስጣዊ ቃሉሰ ለሰይጣን ዘይቤላ ለብእሲት ኣኮ ሞተ ዘትመውቱ ኣላ እስመ የኣምር እግዚኣብሔር ኣመ ዕለተ ትበልዑ ይትፈታሕ ኣዕይንቲክሙ ወተኣምሩ ሠናየ ወእኩየ ወትከውኑ ኣምላከ፣ ከልኣክሙ፤ ዝኒ ኮነ እመንገለ ትምይንት ወኒጣን። በእንተ ሰሚያሙ ዘፈጸሙ ምክሮ፣ ወረሰዮሙ ለኣዳም ወሔዋን ይረዱ ውስተ ምድረ ፋዳ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፡ 17)።*

**ንመጋብር ሰብ ዘሪኡ ብርሃንን ከይስን ዝብሉ ክልተ ተቓረንቲ ሓሳባት ኣለዉ። ብርሃን፦ ተስፋ፣ ንቕሓትን መንፈሳዊ ርድኢትን እዩ። ከይሲ ድማ ትእምርቲ፦ ተንኰል፣ ክፍኣትን ጥልመትን እዩ** (Jung, 1959: 140)**። ትስፉው፣ ንቕሓትን መንፈሳዊ ርድኢትን ዝወነነ ናብ ልዕለ ፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዝተጸግዐ መዓርግ ዝተጐናጸፈ ተቀብኦ ዝተዓደለ ተጋዳሊ ምስ ብጽይቱ ከም ዘለዉ *ኣዳምን ሔዋንን ብርሃናዊ ክዳን ዝተጐናጸፉ ነበሩ። ክልቲኦም ዝተኸደንዎ ክዳን ካብ ፀሓይ 100 ዕጽፊ የብርህ ነይሩ።* "ወኮኑ ኣዳም ወሔዋን ይትዓጸፉ ብርሃነ ከመ ፪ቱ ይልበሱ ዘያበርኅ ፻ ምክብኢተ እም ፀሓይ" ብምባል ቅዱም ተቀብእኦም ኣሪእና። ተጋዳሊ ምስ ብጽይቱ (ሔዋን) ዝተውሃቦ ተቀብኦ ብኣንጻር ልዕለ ተፈጥኣዊ ኃይሊ ዝኾነ ኃይሊ እንትፈርስ ድማ ይርእ። "ምኽረይን ሓሳበይን ሥምዑ ትእዛዘይ ፈጽሙ ዝበልኽዎ ግበሩ" ዝብል ዘለዎ ካብ ዘይፈልጥዎን ዘይልሙድን ኃይሊ ዝመጸ ተወድሶ ከንቱ። ንእዚ ሰሚያም ድማ ኣብ ውሽጦም ስስዐ ፈሊጠ ኩሉን ህርፋን ኣምላክነትን እንትሓድር ይስትብሀል። ብምኽሪ ከይሲ ተስፍኦም ጸልሚቱ፣ ኅሊንኦም ብተንኰልን ክፍኣትን ደንዚዙ ንቕዱም ትእዘዝ ክነጽጉ ገይርዎም። እዚ ድማ ኣብ ብሓሳብነት ዝፍረጁ ኩሉም ፍጡራት** (ሰባት) **ዝነበረ፣ ዘሎን ዝነብርን መዋቕር ህላወ እዩ።**

***ኣዳምን ሔዋንን ምኽሩ ሰሚያም ስለ ዝፈጸሙ ናብ ምድሪ ፋዳ ክወርዱ ገይርዎም* "በእንተ ሰሚያሙ ዘፈጸሙ ምክሮ፣ ወረሰዮሙ ለኣዳም ወሔዋን ይረዱ ውስተ ምድረ ፋዳ" ዝብል ምንጻግን ምቕባልን ትእዛዝ የርኢ። ምንጻግ ትእዛዝ ተጋደልቲ "ንባርነትን ሞትን ከቃልዐኩም ዝኽእል ዕፀ በለስ ከይትበልዑ" እንትበሃሉ ከም መፍለጢ ኩሉን ምኽንያት ኣምላኽ ምኺንን ሐሲቦም ንቕዱም ትእዛዝ ነጺጎም ዝተውሃቦም ተቀብኦ ዘይተብሃልዎ ፈጺሞም እንተፍርስዎ ይርእ። ምቅባል ዘይተብሃልዎን ምፍጻም ድኒሩ ዝመጸ ትእዛዝን ድማ፣ ምሉእ መዋዕሎም ናብ ፈተና ዝዳረጎምን ካብ ጥምየት ፈተና ሞትን ሕልፈትን ዘይብሉ ምድረ ርስቲ ናብ ጥምየት ፈተና ሞትን ሕልፈትን ዘለዎ**

ምድረ ፍዳ ዘውረዶም እዩ። እዚ ዘሪአና ተጋደልቲ ዝተውሃቦም ተቀብኦ ከም ታራ ጸጋ ሪኦም ናብ ኩነኔን ፍዳን ከም ዝኣተዉ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ብነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶታት ተገሊፆም እንረኽቦም ቁም ነገራት፦ ብርሃንን ከይስን ኲይኖም፦ ቅሱን ናብራ፣ ርጉብ ሕይወት፣ ፍቕርን ሓልዮት ዝተመልኦ ጉዕዞ ሕይወት ብተንኰላዊ ውዳሰን ስብከትን ከይሲ ናብ ፍዳን መንከራን ዝተቐየረ ኲይኑ ንረኽቦ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተቀብኦ ድማ ኣብቶም ገድልታት ተደጋጊሙ ይርአ።

> ኣብርሃም ንይስሓቅ ዝስዕብ በሎ፣ ብሓቂ እብለካ ወደይን ፍቁረይን ይስሓቅ፣ እትሪኦ ዘለኻ ጽቡቕ ሂበት ወላዲኻ፣ ምቕራብ ሕልፈተይ የመልክት። ይስሓቅ በኸየ፣ ልቢ ዘድሚ ዓይኒ ዘንብዕ ነገር ካባኻ ዝሰማዕኹዎ ንምንታይ ኣንታ ኣቦይ ኣብርሃም በለ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 23)።

*                    *                    *

> *ወይቤሎ ኣብርሃም ለይስሓቅ ኣማን እብለከ ኦ ወልድየ ወፍቁርየ ይስሓቅ፣ ከመ ዝንቱ ተፍጻሜተ ጊዜ ዘትሬኢ ሂበተ ሠናየ ዘኣቡከ፣ ወበከየ እንከ ይስሓቅ ወይቤ ኦ ኣባ ኣብርሃም ምንትኑ ዝነገር ኀበጠ ልብ ወብካይ ዘሰማዕክዎ እምኔከ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 23)።*

ሲበት ሽንግልናን ምድፋእ ዕድመን ምኳኑ ብምምሥጣር ንሞት ኣሪኡ። ተቀብኦ ንእስነት ብሲበት ወኪሉ (ዘይተፈጥሮዊ ውክልና) ንሕልፈት ተጋዳሊ ኣበሂሩ። ሲበት ተጋዳሊ ፍካሬኡ ሕልፈት ምኳኑ *እትሪኦ ዘለኻ ጽቡቕ ሂበት ወላዲኻ ምቕራብ ሕልፈተይ የመልክት* "**ከመ ዝንቱ ተፍጻሜተ ጊዜ ዘትሬኢ ሂበተ ሠናየ ዘኣቡከ**" ብዝብል ተረጋጊፁ። ንሲበት ብጽባቐ ዝተገለፀሉ ድማ "ዝተውሃበኒ ልእኽቶ ንፍጻም ብጥበብ ነይረ ብጥበብ የሓልፍ ኣለኹ" እንትብል። እዚ ድማ ሰብ ካብ ሞት ከም ዘየምልጥን ምድራዊ መዋዕሉ ኣእኺሉ ከም ዝፍለን የሪአና። ብኽያት ውላድ (ይስሓቅ) እንተኾነ እውን ናፍቖትን ሞት ትዕድልቲ ሰብ ምኳኑን የሪኡ። ስለዚ ተቀብኦ ንእስነት ብሞት ከም ዝምንጠልን ሞት ድማ ሰባት ከይደለዩ ዝቕበልዎ ዑደት ሕይወቶምን ምኳኑ የምህር።

ብመሠረት እቶም ትንተናታት ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ተጋድሎኣዊ ዛንታት ብሚታዊ ዝንታወ ዝማዕበሉ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ገድለ ኣዳም ዘለዉ ከም ብጻይን መርዓትን ተገይሮም ዝውሰዱ ተጋደልቲ ኣዳምን ሔዋንን እንተኾኑ ኣብ ገድለ ኣብርሃም ድማ ኣብርሃምን ሣራን እዮም።

### 5.2.3. ቀቢጸ ተስፋ

ኣብ ቀቢጸ ተስፋኑ ተጋዳሊ ኣብ ዝጸልመተ ዓለም ዝኸፍአ ናብራ ዝመርሐሉ፣ ተስፋ ሕይወቱ ዝጠፍአሉ፣ ተጻባእቲ ተጋዳሊ ዓወት ዝረኸብሉ፣ ውድቀቱ ዝቀላጠፈሉ፣ ተጋዳሊ ተስፋ ቈሪጹ፣ ኣብ ማንታ ሓሳብ ጠጠው ዝብለሉ ... ሸንፈት ተጋዳሊ፥ ልዕልነት (ጸብለልታ) ኣንጻር ተጋዳሊ ጠጠው ዝበለ ኃይሊ ዝረአየሉ እዩ።

> ጽቡቕ ዘየፍትዎ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ኣዳም ቀንአ፣ [...] ካብ ዘለዉ በላሕቲ ኣእማን፣ በሊሕ እምኒ ኣልዐለ፣ ብኣምሳል ሰብ ኣብ ዝተርአዩ፣ ኣዳም ኣብዘለዎ ከይዱ ጠጠው በለ [...] ብበሊሕ እምኒ ገይሩ ከመ ቅጽበት የማናይ ጐድኑ ሰይጣን ንኣዳም ወግኦ፣ ደምይ ማይ ካብኡ ወጸ፣ ከም ዝሞተ ኣብ ልዕሊ መሥዋእቲ ዝግበረሉ ወደቐ (ገድለ ኣዳም፥ 1956፥ 179)።

*                    *                    *

> *ወሰይጣንሰ ጸላኤ ሠናያት ቀንአ ላዕለ ኣዳም [...] ወነሥአ እብነ በሊሓ እም ኣእባነ ኃፂን በሊሓት፣ በዘኣስተርኣየ በኣምሳለ ሰብኣውያን፣ ወሖረ ወቆመ ኀበ ኣዳም [...] ወፍጡነ ረገዞ ሰይጣን በእብን በሊሕ ገበሁ ለኣዳም የማናየ፣ ወወጽአ እምኔሁ ደም ወማይ፣ ወወድቀ ላዕለ ምሥዋዕ በኣምሳለ ምዉት (ገድለ ኣዳም፥ 1956፥ 179)።*

ንተጋዳሊ ናብ ሞት ዘብጽሕ ሥጋዊ ፈታና፥ ኣንጻር ተጋዳሊ ጠጠው ኢሉ ዘሎ ኃይሊ ድማ ዓወት ዝረኸበሉ ትዕይንታዊ ዝንታወ እዩ። ምምላስ ህውከትን ስዕረት ተጋዳልን ኣሎ። ምውጋእ የማናይ ጐድኒ መንገዲ ርትዕን ፍትሕ የርኢ። ምእንቲ መጻኢ ትስፉው ሕይወት ዝኸፈል መሥዋእቲ ይነግር። ደም ትእምርቲ ብመንከራ፣ ስቃይን መሥዋትን ዝርከብ ነጻነት እዩ። ማይ ድማኑ ዳግማይ ምውላድ፣ ጽሬት (ንጽህና)፣ ጥፍኣት ወይ ድምሳሰ እዩ (Jung, 1921: 300)። *ደም ከይከፈልኻ ናጽነት ኣይርከብን* **"ኢይነጽኅ ደም ዘእንበለ ደም"** (*መጽ. ስንክ.* 1991፥ 816) ምእንቲ ደቂ ኣዳም ኢሉ ካብ ዘርኢ ኣዳም ተወሊዱ ደሓር በይዛ ንዝኸውን ፈጣሪ ትንቢታዊ ቃል ንምሕባርን ብዕለተ ዓርቢ ኣብ ቀራንዮ ንዝፍጸም ፍጻመ ንምዝኽኻርን። ከምኡ እውን ሰማዕታትኑ ምእንቲ እምነቶም፣ ሕዝቦምን ሃገሮምን ኢሎም ዝኸፍልዎ መሥዋትን ብደሞም ዘንብርዎ ሕዝንብን ዝሓንጽዋ ሃገርን ከም ዝህልዉ ንምእንፋት እዩ። ማይ ዳግማይ ምውላድ ምኳኑ *ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ካልኣይ ወሊዱና* **"ወለደነ ዳግመ እማይ ወእመንፈስ ቅዱስ"** (ኣብ ዚቅ ዝተጠቐሰ) ዝብል፥ *መርትዖ* እዩ። ጽሬት ምኳኑ ድማ

ንመጽረዪ ማይ ሂቡና "መንጽሔ ዚኣነ ወሃበነ ማየ" (ትም.ኅቡ. 2፥ 7) ተባሂሉ እዩ። ማይ፥ ብጥፍኣት ወይ ድምሳሰ ምምሳሉ ነገረ ማየ ኣይኅ ዝዓበየ ተዘክሮ እዩ።

ኣብ ቀቢጸ ተስፋ፥ ተጋዳሊ ፍጥረታዊ ባሕርያቱን ልቡናዊ ሓሳብነቱን ዘንጊዑ ዓለም ከም ኣፍ ዑንቂ እንትጸቦ ይስትብሀል። ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎ ብማንታ ሓሳባት ይናወጽ። ዝፈትዎን ዝኣመነሉን ዋኒን ብካልእ ኃይሊ እንትምጠል ይረአዮ። ቀቢጸ ተስፋ ናብ ሕይወቱ ዘሊቑ ብምእታው፥ ኣብ ውሽጢ ኅሊንኡን ኣእምርኡን ብምምልላስ ደጋውን ውሽጣውን መንነቱ የስእኖ። ተስፋ ከም መብረቕ ብልጭ ኢሉ ድርግም ይብሎ፤ መሊሱ ብማዕበል ሓሳብ ይናወጽ። ካብ ምንባር ዘይምንባር ይመርጽ። ንህላውኡ ድማ ከም ሞት ይሓስቦ።

> ኣብርሃም ሱቕ ኢሉ፤ ኣይዛረብን ነይሩ፤ [...] ሣራ መሪር ብኽያት እናበኸየት ንኣብርሃም ሓቝፋ ሰዓመቶ። ሠላም ንዓኻ መብራህቲ ድኻመይ፤ ነብሰይ ብኽብሪ ዝወነነትካ ኣንታ ብርሃን ኣዒንተይ ሠላም ይብለካ፣ ሐዚ ኣእጋረይ ናብ ጸልማት ይወስዱኒ ኣለዉ። ሠላም ንዓኻ ይኹን ሎሚ ዝሰበርዎ ምርኩዘይ፣ እናበለት ኣምሪራ በኸየት። ሠራዊት ፈርዖን ንጉሥ ግብጺ መጺኦም ንሣራ ካብ ኣብርሃም መንጢሎም ወሰድዋ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 14-15)።

*             *             *

> *ወኮነ ኣብርሃም ያረምም ወኢይትናገር፤ [...] ወሓቀፈቶ ሣራ ለኣብርሃም ወሰዓመቶ ወይእቲ እንዘ ትበኪ ብካየ ዕፁበ። ሠላም ለከ ኦ ማኅቶተ ድካምየ፣ ሠላም ለከ ኦ ብርሃነ ዓዕይንትየ፣ ዘኣጥረየቶ ዮም ነፍስተ ከብካብየ። ናሁ ይወስዱኒ ዮም እገርየ ኀበ ጽልመት። ሠላም ለከ በትረ ኃይልየ፣ እንተ ሰበርዎ ዮም እንዘ ትብል በከየት ብካየ ዕፁበ። ወእምዝ መጽኡ ሠራዊተ ፈርዖን ንጉሠ ግብጽ መሠጥዋ ለሣራ እም ኣብርሃም (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 14-15)።*

"ኣብርሃም ሱቕ ኢሉ ኣይተናገረን" ኣብ ቀቢጸ ተስፋ ዝርአ ምስኣን ጥንካረ እዩ። ቀቢጸ ተስፋ፦ ብልባምኻ ሃሳስ፣ ምስ ኣንደበትኻ ብሃም፣ ምስ ንዋትኻ ተመጽዋቲ፣ ምስ ጉልበትኻ ድኹም ስለ ዝገብር። ኣብዚ ዘሎ ተጋዳሊ እውን ብሰንኪ ብጽይቱ ብኻሊእ ኃይሊ ምውሳዳ እዙይ ዝገጠሞ እዩ። ሱቕ ምባልን ዘይምዝራብን ኣብርሃም "ወኮነ ኣብርሃም ያረምም ወኢይትናገር" ነውጺ ኣእምሮን ምጥፋእ ልቡን ተጋዳሊ (ኣብርሃም) የሪኡ። ተጋዳሊ ዘይምንጋር ዝመረጸሉ ኣብ ልቡንኡ ቀቢጸ ተስፋ ከም ዘሎ የገንዝብ። ዝፈትዋን ዝኣምናን ብጺይቱ ብኻሊእ ኃይሊ ትምንጠል ከም ዘላን እዙይ ሪኡ ተስፋ ከም ዝቈረጸን እቲ ዝንታው ይነግር። ብጽይቱ (ሣራ) እውን ኣብ

ቀቢጸ ተስፋ ከም ዘላ ንምርኣይ፥ *ሣራ መሪር ብኽያት እናበኸየት ንኣብርሃም ሓቍፋ ሰዓመቶ* "ወሓቀፈቶ ሣራ ለኣብርሃም ወሰዓመቶ ወይእቲ እንዘ ትበኪ ብካየ ዕፁበ" ብዝብል ሰቀውቃው (ጓዘን) ልቡና ትርዳእ። ብጽይቲ ኣብርሃም ኣብ ዝለዓለ ቀቢጸ ተስፋ ከም ዘላ እውን፥ *ሠላም ንዓኻ ይኹን ለሚ ዝሰበርዎ ምርኩዘይ እናበለት ኣምሪራ በኸየት* "ሠላም ለከ በትረ ኃይልየ እንተ ሰበርዎ ዮም እንዘ ትብል በከየት ብካየ ዕፁበ" ዝብል ዝንታው ብዕሊ የርኢ። ብሰንኪ ካብ ኣብርሃም ምንጻላ ሓቦን ንሒን ከም ዝሰኣነት፣ ውነኣ ከም ዝጠፍኣ፣ ዓለም ከም ኣፍ ዕንቍ ከም ዝጸበበታ፣ ትሕዞን እትጭብጮን ስኢና መሬት ኣፍ ኣውጺኣ ክትውሕጣ ከም እትደልን ንህላወኣ ብሞት ከም ዝፈከረቶን የግህድ። እዚ ኩሉ ኣብ ዓለማዊ ናብራ ደቂ ሰባት፦ ዘጋጠመ፣ ዘጋጥም ዘሎን ንቐጻሊ እውን ከጋጥም ዝኽእልን ክሥተት ሕይወት እዩ። ሕሉፍ ኣምሲሉ ድማ ንናይ ሕዚ መጋብር ደቂ ሰባት ኣሪእና። ጭካነ ሕማኞ ምኺኑን ንከማኻ ዝኣመሰለ ፍጡር ክጎዝንን ክትክዝን ምግባር ጽቡቕ ከም ዘይኰነን ንሕና እውን ከምዙይ ዝኣመሰለ ተግባር ከይንገብርን ኣምሂሩና።

*ኣዳምን ሔዋንን ዕራቖቶም ወጹ ካብ ገነት ድማ ተባረሩ* "ወኮኑ ዕሩቃነ እም ልብሰ ብርሃን ወእምድኅሬሁ ወጽኡ ኣዳም ወሔዋን እምገነት" (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 26)። እዙይ ምሉእ ቀቢጸ ተስፋ ተጋዳልን ብጽይቱን የርኢ። ኣዳምን ሔዋንን ምድረ ተስፋ ንከይሪኡ ዝተኸልኸልሉን መርገመ ሥጋ ዝተቐበልሉን እዩ። ተስፋ ሪሒቕዎም ካብ ቅዱም ቅሱንን ትስፍውን ህላወ ተነጺሎም ናብ ዓለመ መንከራ ዝኣተውሉ እዩ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ቀቢጸ ተስፋ ዝረአየሎምን ብቀቢጸ ተስፋ ዝተዋቐረ ዝንታው ዘለዎምን እዮም። እዚ ምኺኖም ኣብዚ ርዕሲ ትንተናን ፍካረን ዝተገበረሎም ኣብነታት ኣረጋጊፆምዎ እዮም።

### 5.2.4. ተነጽሎ ተጋዳሊ

ተነጽሎ ብሞት ይኹን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት፦ ካብ ዘመደ ኣዝማድን ማኅበራዊ ህልውናን ምፍላይ፥ ካብ ባህላዊ፣ መንታዊ፣ እምነታውን ፍቕራውን ዓውዲ ምርሓቕ የመልክት። ናይ ዝኾነ ዘመን ተጋደልቲ ንዝኣመንዎ እምነት ኢሎም ብግዝያዊ ስብከት ተታሊሎም ወይ ንግዝያዊ ደስታ ኢሎም ካብ ሒዞምዎ ዝነበሩ መትከል

ይንጸሉ እዮም። ካብ ዓይኒ ዝረሓቐን ንልቡና ዝረቐቐን ኣብ ጎሊንኦም ድንገት ንዝኸሠት ሕልማዊ ዓለም ንምርካብ ኢሎም ካብ ቅዱም እምነቶም ይወጹ።

*ኣቦና ኣዳም ትእዛዝ ብምትሕልላፉ ካብ ገነት ወጺኡ ናብ ምድሪ ፍዳ ወሪዱ* **"ወኣቡነ ኣዳምሰ ወጽአ እምገነት በተኣድቦቱ፣ ወወረደ ውስተ ምድረ ፋይድ"** (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 20)። እዚ ምኽንያቱ ተነጽሎ ተገዳሊ ካብ ድኻምን ሞትን ዘይፍለጠሉ ምድረ ትፍሥሕትን ሓሤትን የርኢ። ተዋርዶ ካብ ክብሪ (እምክብር) ድማ ንብሎ። ብምኽንያት ትእዛዝ ዘይምኽባር ካብ ክብሪ ተነጺሉ ናብ ሕሰረትን ባርነትን ዝመልኦ ዓለም እንትወርድ ስለ ዘርኢ። ከምኡ እውን፥ *ኣብርሃም ንዕለት ዝኸውን እንጀራ ብምስኣኑ፥ ካብ ምድሪ ከነዓን ተላዒሉ ምስ ሰበይቱ ሣራ ናብ ምድሪ ግብጺ ከደ* **"ወተንሥአ ኣብርሃም እምምድረ ከነዓን በኃጢአ ሲሳየ ዕለት፥ ወሖረ ምስለ ሣራ ብእሲቱ ኀበ ምድረ ግብጽ"** (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 14-15፥ 7) ዝብል ተጋዳሊ ብሰንኪ ረሃብ ካብ ዝዓበየሉ፦ መንነት፣ ባህሊ፣ እምነት፣ ብሓፈሻ ማኅበራዊ ህላወ እንትንጸል የርኢ።

ኣብ ገድለ ኣዳም ዘሎ ተጋዳሊ ትእዛዝ ብዘይምኽባሩ ተነጽሎ ዘጋጠሞ እዩ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋዳሊ ግና ብሰንኪ ልዕሊ ዓቕሙ ዝኾነ ሽግር ዝተነጸለ እዩ። ንዝበለጸ ክብርን ልዕልናን ክብል ዝተዋረደን ዘጋጠመ ረሃብ ንምምካት ክብል ብስደት ካብ ሰቡ ዝተነጸለን ኣብ ክልተ ዓለም ዝነብሩ ተጋደልቲ ኣብ እቶም ክልተ ገድልታት ኣለዉ።

ተነጽሎ ብሞት ይኹን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ወገንን ማኅበራዊ ህልውናን ምፍላይ ጥራሕ ዘይከኸውን ይኽእል። ሠለስቱ ደቂቕ ዝተደርበይሉ እቶነ እሳት፣ ዳንኤል ዝኣተዎ ጉድጓድ ኣንበሳ፣ ቂርቆስን ወላዲቱ ኢዮሉጣን ዝኣተውዎ ነበልባለ እሳት፣ ዮናስ ዝነበረሉ ከርሲ ዓሣ ነባሪ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወረዶ መቓብር፣ ቅዱስ ጊዮርጊስ ዝተጥሓነሉ መጥሓንን (ማሕረጽ) ሠለስቱ ደቂቅ ዝተደርበይሉ (ዝተወረብሉ) ነበልባለ እሳትን እዚኦም ኩሎም ምኽንያት ተነጽሎ ተጋዳሊ እዮም። እዚ ዓይነት ተነጽሎ ፍጹም ዝኾነ ሕልፈተ ሕይወት (ተፈጥሮኣዊ ሞት) ተጋደልቲ ኣይረአየሉን። ተጋደልቲ ብሓገዝ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ዳግም ህላወ ረኺቦም መሊሶም ናብ ሒዞምዎ ዝነበሩ ገድላዊ ሕይወት ዝኣትውሉ እዩ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ተጋደልቲ ግና ተነጽልኦም ብሞት ዝተኸምበተሉ እዩ።

ተነጽሎ ተጋዳሊ ብሞት እንትኽምበት፦ ምርሓኞ ረድኤት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ፣ ዓመጽ ዝመልኡ ሞትን መሥዋእትን ህልዋት እዮም። ፍሥሓን ሓሤትን ርሒቑ ድባብ ኀዘን ዝነግሠሉን ተጋዳሊ ብእግሪ ሞት ናብ ካልእ ዓለም ዝጕዓዘሉን እዩ።

> [...] ኣዳም ንሴት ኣዚዙ ምስ ፈጸመ፥ መገጣጥምቱ ተፈትሐ፣ ኢዱን እግሩን ዘሓለ፣ ኣፉ ተለጕመ፣ ኣንደበቱ [እውን] ምንጋር ኣበዮ፣ ዓይኑ ሽፈነ፣ ነብሱ ድማ ኣሕሊፉ ሃበ። ውሉዱ ከም ዝሞተ ተረድኡ። ተባዕትዮን ኣንስትዮን ዓበይቶምን ንኡሶምን እናበኸዩ ሰውነቶም ኣብ ልዕሊኡ ኣዕረፍዎ። ኣዳም ኣብዛ ዓለም እዚኣ 930 ዓመት ምስ ተቐመጠ እዩ ሞይቱ። ዝሞተሉ [ድማ] ብኣቈጻጽራ ፀሓይ 14 ሚያዝያ፣ ዓርቢ መዓልቲ ሠዓት 9 እዩ። እዚ ዕለት ዝተፈጠረሉ እዩ። ዝሞተሉ ሠዓት ድማ ካብ ገነት ዝወጸሉ እዩ። (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 125-126)።

*　　　　*　　　　*

> *[...] ወሶበ ፈጸመ ኣዳም ትእዛዞ ለሴት ተፈትሐ መለያልይሁ ወተበጥለ እደዊሁ ወእገሪሁ። ወብሕመ ኣፉሁ ወኢነበበ ልሳኑ ግሙራ፣ ወደፈነ ኣዕይንቲሁ ወመጠወ ነብሶ። ወነጸሩ ውሉዱ ከመ ውእቱ ሞተ፣ ወረዉ ነብሳቲሆሙ ላዕሌሁ ዕደው ወኣንስት ዓቢያን ወንኡስ እንዘ ይበክዩ። ወኮነ ሞተ ኣዳም ፱፻፴ ዓመቱ ዘሓይወ ላዕለ ምድር። ወሞተ በዕለተ ፲ቱወ፬ ዕለት እም በርሙዳ በሓሰበ ኣበቅቴ ፀሓይ በተሰዓቱ ሠዓት፣ ኣመ ዕለተ ዓርብ። ወውዕቱ ዕለት ዘተፈጥረ ቦቶ፣ ወቦቱ ኣዕረፈ። ወበሠዓት ዘሞተ ባቲ ኮነ ጸኣቱ እምገነት (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 125-126)።*

ሓቀኛ ተጋዳሊ ንሞቱ ብጸጋ ዝቕበል እዩ (Joseph Campbell, 1968: 365) ዝብል ሓሳብ ተኸዊኑ። ተጋዳሊ ዝተፈላለዩ ከበድቲ ፈተናታት ሓሊፉ ካብ ገጸ ምድሪ ዝጠፍኣሉን ካብ ዓለማዊ ናብራ ዝተነጸለሉን ተፈጢሩ ኣሎ። እዚ ሞት ናይ ተጋድሎኡ መወዳእታ ምዃኑ ድማ የርኢ። ሥግውነት ዘብቀዐሉ ሥጋን ነብስን ዝተፈላለየሉ ናይ መወዳእታ ዕረፍቲ ድኻም (ጻማ) እዩ። ተጋዳሊ ካብ ህላወ ናብ ዘይህላወ ዝተቐየረሉ፣ ዝነበረሉ ዓለም ገዲፉ ናብ ካልእ ዘይፈልጦ ዓለም ዝዘለቐሉ ኩነት ተፈጢሩ ኣሎ። ሞት ምኽንያት ምቕያር ሓዱሽ ስፍራ ስለ ዝኾነ ድኅሪ ደጊም ኣብ ተጋዳሊ፦ መንከራ፣ ሽግር፣ ምጽማእ፣ ምጥማይ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ጸገማትን ፈተናታትን ምእታው ኣይረኣን። እዞም ከም እዚኦም ዝኣመሰሉ መንከራታት ዝበዝኖ ዓለመ ሥጋ ለቒቑ ናብ ካልእ ብሕይወተ ነብሲ ዝነብርሉ ዓለም ስለ ዝኣቱ።

*ዝሞተሉ ብኣቈጻጽራ ፀሓይ 14 ሚያዝያ ዓርቢ መዓልቲ ሠዓት 9 እዩ። እዚ ዕለት ዝተፈጠረሉ እዩ "*ወሞተ በዕለተ ፲ቱወ፬ ዕለት እም በርሙዳ በሓሰበ ኣበቅቴ ፀሓይ

በተስዓቱ ሠዓት ኣመ ዕለተ ዓርብ። ወውዕቱ ዕለት ዘተፈጥረ ቦቶ ወቦቱ ኣዕረፈ።″ ሞት ተጋዳሊ ኣብ ዝተፈጠረሉ መዓልትን ዕለትን ምኽኑ፥ ምዕሪት ህላወን ሕልፈትን ዘርኢ ኰይኑ ፍካሬኡ፦ ቀመር ፍጥረት ወዲ ሰብ ዘይዘተዛነፈ ምኽኑ ንምርኣይ፤ ፈጣሪ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ዓለም ዘድኃነሉ መዓልትን ሠዓትን ንምሕባር፤ ኣዳም ምግባር ትሩፋት ገይሩ ናብ ገነት ከም ዝተመለሰ ኩሉ ደቂ ኣዳም እውን ብሠናይ ምግባሮም ናብ ገነት ከም ዝኣትዉን ዘለዓለመዊ ዝኾነ መንግሥቲ ከም ዝወርሱን ንምንጋር፤ ምኽንያት ሞተ ሥጋ ድኅነት ነብሲ ምኽኑ ንምንጻር እዩ። እዚኦም ኩሎም ቦኽሪ ሓሳባት መዋቕር ህላወ እዮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘይተሓናፈጹ ፈኪርኻ ዝርከቡ ረቀቕቲ ምሥጢራት ድማ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት እዮም።

ኣብ ተነጽሎ፦ ተጋዳሊ ቀቢጸ ተስፋ ይሓድሮ፣ ጸልማት ይውሕጦ፣ ብዝኣተዎ በሪ ንምውጻእ፣ ናብ ናይ ትማሊ መንነቱ ንምምላስ፣ ብድፍረት ዘሊሉ ዝኣተዎም መሠናክላት ሕይወት፣ ብፍርሓት ኣምሊጡ ንምውጻእ ኣይከኣሎን። እዙይ ድማ ንሓዱሽ ሕይወትናን መንነትናን ከም ዘይንበጽሖ፣ ንነባር ሕይወትናን መንነትናን እውን ከም ዘይንምለሶ እናሓሰብና፦ ንባዕልና እንግሥጾሉ፣ ንርኢይና ብሕልሚ እንሪኣሉ፣ ንትንቢትና ናብ ዕለታዊ እንጀራ እንትርጉመሉ፣ ንናብራና ብከንቱነት ንህላወና ድማ ብፍረ ኣልቦነት እንፍክረሉ ብርኪ እዩ።

ብተወሳኺ፦ ተጋዳሊ ዓለመ ተጋድልኡ ብሞት ክኽምበት ከሎ፦ ሕልምታቱ፣ ራዕይታቱን ትንቢታቱን ኩሎም ካብኡ ይርሕቑ፥ ሰውነቱ ይዝሕል፣ ኣብ ገድላዊ ሕይወቱ ካብ ዝተፈላለዩ መንከራታተት ዘውጽኦን ዝሕልዎን ዝነበረ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ እውን ንመዋቲ ሥግኡ ገዲፉ ንዘይመውት ነፍሱ እንትሕለቕ ይርአ።

> ሚካኤል ንነብሲ ኣብርሃም ኣልዐላ፣ ከም ፃዕዳ በረድ ዛሕላም ኰይና ረኺባ፣ ድኅሪኡ ኣብ ሠረገላ ተሰከማ [...] ኣብ መዕረፌ ቦታ ኣብጽሕዋ። ኣቦ ኣቦታት ኣብርሃም፣ 28 ነሓሰ ኣብ መበል 195 ዓመቱ ካብ ዓለም ፈሊሱ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 14-15፥ 46-47)።

*     *     *

*ወነሥኣ ሚካኤል ለነፍሰ ኣብርሃም፣ ወረከባ ቁርርተ ከመ ዘበረድ ፀዓዳ፣ ወእምዝ ጸራ ዲበ ሠረገላ [...] እስከ ሴምዋ ውስተ መካነ ዕረፍት። ወፈለሰ ኣብርሃም ኣበ ኣበው ኣመ ፳ወ፰ ለወርኀ ነሓሴ እንዘ ውእቱ ወልደ ፻፺ወ፭ ዓመት (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 14-15፥ 46-47)።*

ፃዕዳ፦ ንቅንዕና፣ ንጽሕና፣ ገርህነትን የዋህነትን ብኣሉታ ድማ ንግዘ ምስኣን፣ ሞት፣ ራዕዲ ትእምርቱ እዩ (Jung, 1964: 291)። ተጋዳሊ ብቅንዕንኡን የዋህነቱን ንኩሉ ዓለመ መንከራ ክኢሉ ብምሕላፉ ናብ ሽምግልና በጺሑ፤ ሕዚ ግና ኣብ ግዘ ዘይህብ ፍርሕን ራዕድን ዝፈጥር ሞት ምህላዉ የርኢ። ከምኡ እውን መሥመርትን መደሰትን ሰቦምን ፈጣሪኦምን መኽበርቲ ወገኖምን ዝኾኑ ወለዶ ከም ዝገደፈ ንምሕባር ተነጽሎ ተጋዳሊ ብፍልሰት ተገሊፁ፤ ተነጽልኡ ብሞት ከም ዝተኸምበተ ኣሪኡ።

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እንረኽቦ ተነጽሎ፥ ኣካላውን ኅሊናውን (መንፈሳውን ሥጋውን) ተነጽሎ እኳ እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ተነጽሎ ግና ብሕልፈተ ሕይወት (ሞት) ዝተገለፀ እዩ። ተነጽሎ ተጋደልቲ ብሞት ተኸምቢቱ። ኣብ ህላወ፣ ዝዓበየ ተነጽሎ ፍጻምኡ ሞት ምዃኑ ተራእዩ። ይኹን እምበር ሞት ተፈጥሮኣዊ ክሥተት ጥራሕ ግና ኣይኮነን። ናይ ነገራት መወዳእታን መፈጸምታን እውን ኣይኣይኮነን። ካብዚ ንላዕሊ፦ ከከም ባህሉ፣ ዘመኑ፣ እምነትን ፍልስፍናን፣ ውልቃውን ማኅበራውን ርእዮተ ዓለም ኣንድም፥ ብምባል ክፍከርን ክትርጐመን ዝኽእል ዝንቕ ትእምርቲ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሥነ ጽሑፍ ሞት ዓይነት ኣለዎ። መንነት መዋቲ ኩነታት ኣመዋውታ እሴት የርኢ ፍትሒት ይልውጥ (Becker, 1973: 19)።

ሞት ግዝይኡ ዝሓለወን ግዝይኡ ዘይሓለወን ተባሂሉ ክልተ መልክዓት ይሕዝ። ብመሠረት እምነት Friedrich Nietzshe ወዲሰብ ንሞት ብዓወት ምውጻእ ወይ ንሞት ብሞት ምቕባል ይኽእል። ሓደ ሰብ ብሕይወት ኣብ ዓለም ምኽሣቱ ምኽንያት፥ ዓቢዪ ተግባር ብምፍጻም ወይ ግቡእነት ጅግንነትን ተጋዳላይነትን ብምፍጻም ብጥበብ ነይሩ ብጥበብ ምሕላፍ እንተ ኽኢሉ ሞቱ ግዝይኡ ዝሓለወ እዩ ኣብ (Miles, 1991: 202) ዝተጠቐሰ። ካብዙይ ብተቓራኒ ብራዕይ ኣልቦነት ምንባር ዘቐመጥኻዮ ራዕይ ዘይምፍጻም ኣብ ራዕይኻ ክትበጽሕ ዘይምኽኣል ግዝይኡ ኣብ ዘይሓለወ ሞት የመድብ (ቴዎድሮስ፥ 2001: 151)። ወዲሰብ ብጣዕሚ ዝዓሞቑን ዝተወሳሰቡን መንነታት ኣለውዎ። እዞም መንነታት (ህላወታት) ብሥነ ሕይወታዊ ህላውኡ፦ ምስ ግብረ ኣካላዊ መንነት፣ ጾታ፣ ሥርዓተ ተዋልዶ ... ብምዝማድ ዝርአ ተፈጥሮኣዊ ህላወ ጥራሕ ክግለፁ ክፍከሩ ክውከሉ ኣይኽእሉን (ዝኒ ከማሁ)። መንነት (ህላወ) ወድሰብ፣ ህላወ ሰፊሕ ትርጉምን ፍካሬን እዩ። ብምዃኑ ሰብ በዓል ብዙኅ መንነት ዝኾነ ፍሉይ

ፍጥረት (ብሓሳቢነቱ፣ ሕማቕን ጽቡቕን ምፍላዩ፣ ንውርን ነውርን ክግንዘብ ምኽኣሉ) እዛ ምድሪ እዩ።

ወዲሰብ፦ ሕገ ልቡናዊ፣ ግብረ ገባዊ፣ ማኅበራዊ፣ ሥነ ልቡናዊ፣ ሥነ ምግባራውን እምነታውን መንነት (ህላወ) ኣለዎ። እዞም መንነታት ወዲሰብ ብሥነ ሕይወታዊ ህላወ ካብ ዝቐርቦም ተፈጥሮን ፍጡራንን (ዕፅዋትን እንስሳትን) ዝተፈለየ ይገብርዎ። ንወድሰብ ብሥነ ሕይወታዊ መንነቱ ምውሳን ማለት ሰብኣዊ ክብሩን መንነቱን ብምትሓትን ብምጉዳልን ምስ ክሓስቡን ከስተንቱን ዘይኽእሉ ዕፅዋትን እንስሳትን ምምዳብ ይኸውን። ብዙኃ ዓውዲ መንነት ወዲሰብ፥ ናብ ብዙኃ መልክዓት ሞት ወዲሰብ ይመርሐና። ሞት ወዲሰብ ምስ ሥነ ሕይወታዊ መንነቱ ጥራሕ ብምጥማር ዝርአ ነጸላ ክሥተት ኣይኰነን። ወዲሰብ ካብ ሥነ ሕይወታዊ ሞት ብተወሳኺ፦ ሕገ ልቡናዊ፣ ግብረ ገባዊ፣ ማኅበራዊ፣ ሥነ ልቡናውን ሥነ ምግባራውን ሞት ኣለዎ። ይኹን እምበር እዞም መልክዓት ሞት እዚኦም ሓደ ካብቲ ካልእ ዝተፈለየ ዝተነጸለ ኣይኰነን። ነብሲ ወከፎም ከም ሓረግ ዝተሠናሰሉ እዮም። ወዲሰብ ኩሉ ፍጡርን ተፈጥሮን ኣብ ዝካፈሎን ዝቐምሶን ሥነ ሕይወታዊ ሞት ይካተት። ስለዚ ህላወ ሞት ወዲሰብ ክልተ ዓይነት እዩ። ቀዳማይ ሥነ ሕይወታዊ ህላወ ሞት[27] ተባሂሉ እንትጽዋዕ። ካልኣይ ድማ ነገረ ህልውናዊ ህላወ ሞት[28] ብምባል ይፍለጥ (Westphal, 1987: 102; ቴዎድሮስ፥ 2001: 154)። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እንረኽቦም ተጋደልቲ ብመንፈስን ኀሊናን ካብ ዝነብርሉ ዓለምን ማኅበረ ባህላዊ እሴትን ዝተነጸሉ ሥነ ሕይወታዊ ሞት ዝቐመሱ እዮም። ሥነ ሕይወታዊ ሞቶም ግና ብኣካል ሞይቶም ብመንፈስ ዝተልዓሉ ወይ ህልዋት ዝኾኑ ኣብ ህልውናዊ ትንሣኤ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ሥነ ሕይወታዊ ሞት ዝሰልጠኑ ዝተውሃቦም ልእኽቶ ብግቡእ ዝፈጸሙ ዓበይቲ ሰባት ኰይኖም ንረኽቦም። ነገረ ሞቶም ድማ ኣብ ግዝይኡ ዝሓለወ ሞት ይምደብ።

[27] ሥነ ሕይወታዊ ሞት (Biological Survival Death)፥ ካብ ቁጽጽር ወዲሰብ ወጻኢ ዝኾነ፣ ንኩሉ ፍጡር ዝገዝእ ዕጻ እዩ። እዚ ዕጻ፥ ብሓደጋ ይኽሠት፣ ብሕማም ይገሃድ፣ ብርሃብ፣ ብጥሜትን ብጻምእን ይመጽእ (Westphal, 1987: 102; ቴዎድሮስ፥ 2001: 154)።

[28] ነገረ ህልውናዊ ህላወ ሞት (Existential Survival Death)፥ ወዲሰብ ናብራ ንምሽናፍ ኣብ ዝገብሮ ጸዓርዓር፣ ዝበጽሖ፣ ዘዋህልሎ፣ ዝሠርሖ ናይ ባዕሉ ትዕድልቲ እምበር፣ ሃንደበት ዝመጸ ምጽኣት ወይ በረከት፣ ዝለኣኸሉ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ፣ መለኮታዊ ንፍገት ወይ ውህብቶ ኣይኰነን። ስምዒት ገበነኛነት፣ ቀቢጸ ተስፋን ፍርሓትን ዝመሳሰሉ ሥነ ምግባራውን ሥነ ልቡናውን ጣጣታት ድማ ጸረ ህልውናዊ ህላወ እዮም (Westphal, 1987: 102; Becker, 1973: 12)።

ኣዳም ኦቦ ኩሉ ወዲሰብ ዝብል፣ ኣብርሃም ተቐባሊ እንግዳን ርዕሚ ኣቦታት ዝብል መጸውዕን ከምኡ እውን ቃል ኪዳን ኣብርሃምን ሣራን ይግበረልኹም ዝብል ምርቓትን ድኅሪ ሕልፈት ተጋደልቲ ዘሎ ትሩፋት ገድሎም እዩ። ብኣካለ ሥጋ ሞይቶም ብግብሮምን ምግባሮምን ህልዋት ዝኾኑ ዘብሎም እውን እዚ ይ እዩ።

## 5.3. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን

ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝኾኑሎም ትሕዝቶታት ንምንፃር ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ተተንቲኖም።

### 5.3.1. ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ

ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ ዘሥምይዎ፦ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብን ትእምርታዊ ኣገባብን ዝብሉ መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ ሒዙ ምርካቡ እዩ።

#### 5.3.1.1. ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ

ኣብ ትሕቲ 2.1.7. ዝብል ርዕሚ ከም ዝተጠቐሰ ገድል ማኅደር ዝንታወታት እዩ። ኣብ ገድል ዘለዉ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ዝገልፁ ዝንታወታት፦ ኣብ ኣእምሮን ልቡናን ኣንባቢኦምን ሰማዒኦምን ካብ ኅሊና ዘይጠፍእ ተዘካሪ ምስሊ ዝገድፉ፣ ብኃጺር ኣገላልፃ ሰፊሕ ዛዕባ ዘዘንትዉ፣ ገድላዊ ፍጻመታት ተጋዳሊ ብኣመክንዮ ኣሰናሚሎም ብምምጻእ ግብራዊ ምስሊ እትርኢ ዘለኻ መሲሉ ንክስመዐካ ዝገብሩ እዮም።

> ኣቦና ኣዳም፣ መዋዕሉ ከም ዝቐረበ ረአየ። ንሴት ወዱ ጸውዮ፤ ንዋቲ ናብ ዝኸዝነሉ በዓቲ ናብኡ ቀረበ፤ ኣንታ ሴት ወደይ፣ ቅድሚ ሙማተይ ንክባርኾም ደቅኻን ደቂ ደቅኻን ንክባርኾም ናባይ ኣምጽኦዮም በሎ። ሴት እዚ ቃል ካብ ኣዳም ምስ ሰምዐ ንብዓቱ ብምዕጉርቲ እናወረደ ካብኡ ወጸ፣ ደቁን ደቂ ደቁን ኣኪቡ ናብ ወላዲኡ ኣዳም ኣምጽኦም። ከቢቦምዎ ምስ ረአዮም ካብኣቶም ይፍለ ከም ዘሎ ሓሲቡ ኣቦና ኣዳም በኸየ። እንትበኪ ሪኦም ኩሎም በኸዩ። [...] ኣቦና ኣዳም ንኩሎም ባረኾም (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 123)።

*　　　*　　　*

> *ወነጸረ ኣቡነ ኣዳም ከመ ቀርበ ተፍጻሜቱ። ጸውዖ ለወልዱ ሴት ወቀርበ ኀቤሁ፣ ውስተ በዓተ መዛግብት፣ ወይቤሎ ኦ ወልድየ ሴት ኣብጽሕ ሊተ ውሉድከ ኀቤየ ወውሉደ ውሉድከ ከመ እባርክ ላዕሌሆሙ፣ እምቅድመ እሙት። ወሶበ ሰምዐ ሴት ዘንተ ቃለ እምኣዳም ወጽአ እምኀቤሁ ወዓንብዐ ይውኅዝ ላዕለ መልታሕቴሁ ወኣስተጋብአ ውሉደ ወውሉደ ውሉዱ ወአምጽኦሙ ኀበ ኣቡሁ ኣዳም ወአቡነ ኣዳምሰ ሶበ ነጸሮሙ የዓውዱ ቦቱ በከየ በእንተ ተፈልጠተ እምኔሆሙ። ወሶበ ነጸርዎ እንዘይበኪ በከዩ ኩሎሙ [...] ወኣቡነ ኣዳም ባረከ ላዕለ ኩሎሙ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 123)።*

ፍጻመ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ የርኢ። ታሪክ ሕይወት ተጋዳሊ ብኸመይ ይኽምበት ከም ዘሎን ሥነ መለኮታዊ ኃይሊ ተጋዳሊ ካበይ ናበይ የብል ከም ዘሎን ኣብ ኅሊና ኣንበብቲ ምስሊ ብዘቕርጽ መልክዑ ወግዓዊ ብዝኾነ ኣገባብ ዝንታዋ ቀሪቡ። ብዚ ኣቢሉ ዝነበረ ባህላውን ማኅበራውን ከይዲ ኣነባብራ ሰባት ነጊርና። ኣብ ፍጻመታት ሕይወት ተጋዳሊ ትኹረት ዝገበረ ዛዕባ ብምምጻእ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳልን ኣገደስቲ ፍጻመታቱን ኣርእዩ። ኣገባብ ዝንታውኡ ድማ ቀድም ስዓባዊ ዝተኸተለ ኾይኑ ካብ ልደት ክሳብ ሞት ዝኸደን ንኣድለይቲ ገድላዊ ፍጻመታት ዘርአየን እዩ።

*ንክባርኽም ደቕኻን ደቂ ደቅኻን ናባይ ኣምጽኦዮም* "ኣብጽሕ ሊተ ውሉድከ ኀቤየ ወውሉደ ውሉድከ ከመ እባርክ ላዕሌሆሙ" ዝብል ገድላዊ ፍጻመ ተጋዳሊ ሥነ መለኮታዊ ኣገባብ የርኢ። ምኽንያቱ ረብሓ ኃይማኖትን ሞራላዊ ትምህርትን ስለ ዝነግር። ነገረ ሕልፈቱ ቀዲሙ ምፍላጡ፥ ተጋዳሊ ምስ ፈጣሪ ዘለዎ ርክብ መንፈሳዊ ጉዕዝኡን ትምህርታዊ ኣበርክትኡን ይድህስስ። ኣብ ግዘ ሕልፈቱ ንዝተርፉ ምምራቒን ምእንቲ ደቁን ደቂ ደቁን ኢሉ ምብካዩን፦ ሞራላዊ፣ ሥነ ምግባራዊ ትምህርትን ጽቡቕ ፀባያት ተጋዳልን ዘሪኡ እንትኾኑ ኣንበብቲ ንተፈጥሮኣዊ ባሕርያቶምን ደሓር ንዘማዕብልዎ ጽቡቕ ፀባዮምን ንክመስሉ የተባብዕ። ኣዘንታዊ ብፍጻመ ሕይወት ታሪክ ተጋዳሊ ኣቢሉ፦ ኃይማኖታዊ፣ ሞራላውን ሥነ ምግባራውን ትምህርትታት ኣምሂሩና። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ዝንታወ ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ኣሎ።

> ኣብርሃም ንሣራ ሕዚ ንድኅሪት ምምላስ ኣይከኣልን በላ። ንባዕልኺ ካብ ሕማቕ ብምሕላው ንዓይ ኣደስትኒ። ሣራ ንኣብረሃም ዝስዕብ በለቶ፣ ኣነ ዝኾነ ይኩን ሕማቕ ነገር ከም ዘይፈልጥን ዝኾነ ወዲሰብ ከም ዘይተራኸበንን እግዚኣብሔር ምስክረይ እዩ በለቶ። ንንእስነተይ ብዙኃት ኣወዳት ሓቲቶምኒ ከም ፍታን ይሪኦም ነይረ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 9)።

*　　　*　　　*

*ኣውሥኦ ኣብርሃም ለሣራ ወይቤላ እምይእዜሰ ኢይከውን ለነ ፍኖት ኀበ ተመይጦ፣ ወባሕቱ ኣሠንዩ ሊተ ወዕቀቢ ርእሰኪ እም እከይ። ኣውሥኣቶ ሣራ ወትቤሎ ለኣብርሃም ሕያው እግዚኣብሔር ከመ ኢየኣምር ኣነ ምንተኒ እም እከይ ወኢያኢመረ መካነከ እኁለ እመሕያው። ወብዙኃን ወራዙት ሰኣሉኒ ውርዝብናየ ወከመ ኩስሕ ኮንኩ እሬእዮሙ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 9)።*

ጽንዓትን ተኣማንነትን ተጋዳሊ ዝወለዶ ጽኑዕ ቅዋም ብጽይቲ ተጋዳሊ ኣሎ። ከምኡ እውን ሕሉፍ ጉዕዞ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ ዘርኢ፦ ኣብ ዝሓዝኻዮ እምነት ምጽናዕ፣ ብእምነትኻ ምቕጻል፣ ካብ እተኣምኖ እምነት ፈተኽ ንዘይምባል ዝነግር፥ ንድኅሪት ምምላስ ኣይከኣልን "እምይእዜሰ ኢይከውን ለነ ፍኖት ኀበ ተመይጦ" ብዝብል ዝነተዋ ኣርእዩ። ሠናይ ምግባር ዝተላበሰ ተጋዳሊ ግብረ ገባዊ ሕግጋት ዝቕበል፥ ዘኽብርን ተፈጻሚ ዝገብርን ይብሉንን ቅጽዓትን ብምፍራሕ ካብ ዕላምኡ ዘየዘምብልን ምዃኑ የርኢ። ጽቡቕ ነገር ምሕሳብን ምሥራሕን ዓርሱ ዝኸኣለ ዕላማ ምዃኑ ይነግር። "ውሽጣዊ ሕይወትኻ ምንጻሕ ዓርሱ ዝኸኣለ ሽቶ እዩ" (Barry, 1983: 93) ንዝብል ብሂል ኣግሂዱ። ብሠናይ ባሕሪ ንባዕሉ ዝሓነጸ ሰብ ዝለዓለ ቦታን ዋጋን ዝህብ ንደጋዊ ግዴታን ትእዛዝን እንተይኰነስ ንጻይነት ናይ ባዕሉ ኅሊና ከም ዝኾነ የምህር። ብደጋዊ ምንቅስቓሱ ዝግለፅ ፀባይ ካብ ምስትኽኻል ንላዕሊ መግለፂ ውሽጣዊ ሕይወቱን መንነቱን ዝኾነ ባሕሪኡ ንጹሕ ምግባር ቀንዲ ሥርሑ ከም ዝገበረ እውን ተራእዩ።

ብሠናይ ባሕርን ፀባይን ዝተሓነጸ ሰብ ዝነበሮ ዘለዎን ክህልዎ ዝደልዮን ግብረ ገባዊ እሴት ዝውድስን ዘኽብርን ጥራሕ ከም ዘይኰነ የምህር። እኳ ድኣስ ዝሐሸን ዝበለጸን ግብረ ገባዊ ጸጋ ምሓዝን ንኻሊእ ምትሓዝን ራዕይ ዘለዎ እዩ። ኣብ ዝለዓለ ግብረ ገባዊ እሴት ንምብጻሕ ዝሓልም ፍጡር ብሓሳቡን ተግባራዊ ምንቅስቓሱን ካብ ዝነበሮን ዘለዎን ልምዳዊ ግብረ ገብነት ሓሊፉ ክኸይድ ከም ዘለዎ ድማ ብብጺይቲ ተጋዳሊ ኣቢሉ ገሚጹ። ስለዚ ተጋዳሊ ገድላዊ ሕይወቱ ብጥበብ ነይሩ ብጥበብ ዝሓለፈ ንወለዶ ዝኸውን ኣስተምህሮኣዊ ጸጋ ገዲፉ ነገረ ህላውኡ ዝዛዘመ ምዃኑ ኣሪእና።

### 5.3.1.2. ተኣምራዊ ኣገባብ

ተኣምራዊ ኣገባብ፥ ንገድል ከም ማጎደር ኣገባባት ዝንታወ ዘሥምዮ እዩ። ኣብ ተኣምራዊ ኣገባብ፦ ተኣምራዊ ዛንታታትን ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ክሥተታትን ጐሊሆም ይረአዩ። ብተጋዳሊ ዝፍጸሙ ንሰማዒ እጹብ ድንቅን ኣገረምትን ዝኾኑ ተኣምራዊ ፍጻመታት ዘማእኸለ ኲይኑ መለኮታዊ ምትእትታውን ደረጃ ተጋዳልን የርእዩ።

> እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ጸውዖ፣ ዝስዕብ ድማ በሎ፣ ኢድኻ ኣብ ልዕሊ ሥጋ ፈርዖን ግበሮ፣ ወድያው ኢድ ኣብርሃም ኣብ ልዕሊ ሥግኡ እንትኸውን ኣብ ሰውነቱ ምንም ዓይነት ሕማም ከይተረፈ ጠፍአ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 20)።

*                    *                    *

> *ወጸውዖ እግዚኣብሔር ለኣብርሃም፣ ወይቤሎ ደይ እዴከ ለዕለ ሥጋ ፈርዖን፣ ወበጊዜሃ እንተ ኮነት ትወድቅ እደ ኣብርሃም ላዕለ ሥጋሁ፣ ኮነ ይጐይይ ደዌሁ ወይትፈታሕ እስከ ኣልቦ ዘተርፈ ውስተ ኣባሉ ምንተኒ እምደዌ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 20)።*

ተጋዳሊ ዝለዓለ ተኣምር ዝገበረሉ ፈውሰ ድኅነት ዘርአየሉ መለኮታዊ ኃይሊ ኣብኡ ሓዲሩ ብኢዱ እጹብ ድንቂ ዝተብሃለ ክሥተት ዝተፈጸመሉ ኩነት ተፈጢሩ ኣሎ። እዙይ ድማ፥ ተጋዳሊ ዝበጽሖ ደረጃ ቅድስና የርኢ። ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ባእታት ኣብ ተጋዳሊ ከም ዝሓደሩ ብግብሪ ትግንዘብ። ንቅድስናን ብፅእናን ተጋዳሊ ዘጉልህ ራዕይ ተገልፆን ተጋዳሊ ብኣካለ ሥጋን ብኣጸደ ነፍስን ክገብሮም ዘይኽእል ፍሉያት ፍጻመታት ብተቀብኦን ተራዳኢነትን ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ምፍጻሙ ተግሂዱ። ብደዌ ዝተኣሳሰረ ፍጡር ፈዊሱ። ፍጡር ብፍጡር እንትፍወስ ዘይልሙድ ተኣምር ተራእዩ።

ብተወሳኺ፥ ኣብ ገድለ ኣብርሃም ዘሎ ተጋዳሊ፥ ንይስሓቅ መሥዋእቲ ንምቕራብ ኣብ ዝሓሰበሉ ግዘ በይዛ ይስሓቕ ብዕፀ ሳቤቅ (ሓረግ ሬሳ) በጊዕ ምውራዱ ዝተፈጸመ ተኣምር ተቀብኦ ገቢረ ተኣምር ተጋዳልን ክኀሊነት ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይልን ዘርኢ እዩ።

ተኣምራት ሓለሓሊፎም ዝረአዩን ከመ ቅጽበት ዝኽሠቱን ንነባራዊ ዓለም እንግዳ ዝኾኑ ኣገረምቲ ፍጻመታት እዮም። ተጋደልቲ ኣብ ግዝየኦም ካብ ዘሎ ቀለበት ሕይወት ብምውጻእ ንዝበለጸ ሕይወት እንትጽዕሩ ንዘኣመንሉ ክብሉ መሥዋእቲ

እንትኸፍሉ ዝሐሸ ራዕይ ሓዲርዎም ኣብ ራእዮም ንምብጻሕ ዝመረረ ጉዕዞ ተጋድሎ እንትፍልሙ ይኸሠት። ተጋዳሊ፦ ዓለማዊ ሕይወቱ ንምሽናፍ፣ ህልውን ትንቢታውን ባህጉ ንምስኻዕ፣ ኣብ ካልእ ዓለም ኣብ ዝጽመደሉ ግዘ ንጉዕዝኡ ንቕድሚት ዘሰጉሙ ወይ ዝኹልፉ ተኣምራት ይኸሠቱ።

> ትዕቢተኛ፣ ዕቡይ ልብን ቀታልን ቃየል፣ ዓቢዩ እምኒ ኣልዒሉ ሓንጎል ርእሱ ክሳብ ዝወጽእ ንሓዉ ርእሱ ወቕዖ። ደም ሓዉ ኣብ ቅድሚቱ ፈሰሰ። ብዝገበሮ ኣይተናስሐን። ዝወደቐላ ምድሪ ግና ተሃወኸት፣ ኣብ ክንዲ ደም ኣቤል ተበቂላ ድማ ምድሪ ክትውሕጦ ደለየት። ደም ኣቤል ብምሥጢር ናብ ፈጣሪ ኣመልከተ [...] ቃየል ንሓዉ ዝሸውን መቓብር ከመ ቅጽበት ክቑፍር ጀመረ፣ ምድሪ ትህወኽ ስለ ዝረአየን ብዝበጽሖ ፍርሓትን ድማ ይንቅጥቀጥ ነይሩ፤ እዙይ ዝኾነ ብንጹህ ልቢ ወላዲኦም ኣዳም እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 111)።

*                    *                    *

> *ወቃየልሰ ዕፁበ ልብ ወግዙፍ ወቀታሊ ነሥአ እብነ ዓቢየ ወዘበጦ ለእኁሁ ቦቱ ዲበ ርእሱ እስከ ወጽአ ናላሁ። ወውኅዘ ደመ እኁሁ በቅድሜሁ። ወኢነስሓ ላዕለ ዘገብረ። ወምድርሰ ዘወድቀ ላዕሌሃ ደሙ ለኣቤል ጻድቅ ኣድለቅለቀት ወረሰየት ደሞ ከመ ተሓጦ ለቃየል ወጸርሐ ደሞ ለኣቤል በምሥጢር [...] ወቃየልሰ ወጠነ ይክሪ ለእኁሁ ውስተ ምድር ፍጡነ ውእቱ ይርዕድ እምፍርሓት ዘበጽሐ ላዕሌሁ ሶበ ነጸረ እንዘ ታድለቀልቅ ቦቱ ምድር፣ ዝንቱሰ ኮነ በእንተ ኣዳም ኣቡሆሙ ንጹሃ ልብ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 111)።*

ኣብዚ ብንጽሓት ልቡና ተጋዳሊ ክልተ ተኣምራት ተኸሢቶም ኣለዉ። ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ሞት ከም ዘሎ ብቀቲለ ኣቤል ብሥራተ ሞት ሰብ ብኢድ ሰብ ዝተግሃደሉ ተኣምር። ካልኣይ ኣብ ክንዲ ሞት ኣቤል መሬት ምምስካራን ዝብሉ። ኣብዚ ንውሉድ ኣዳም ከም ሕገ ልቡና ኾይኑ ዘገልግል እፁብ ድንቂ ዝኾነ ተኣምር ተኸሢቱ። ሞት ኣብዘይፍለጠሉ፥ ሰብ ከይረአዮ ቃየል ንኣቤል ቀቲሉ። ምድሪ ኣብ ክንዲ ደመ ኣቤል ተበቂላ ብምሥጢር ሞት ኣቤል መልእኽቲ ናብ ፈጣሪ ኣብጺሓ። "ሰብ ዋላ ኣይርኣይኻ ምድሪ ግና ትሪአካ ኣላ" ዝብል ሰብ ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ፍጡር ጭካነ ከየሕድር "ኢትቅትል" ዝብል ሕጊ ኣብ ልቡና ፍጡራት ተተኺሉ። ብከንቱ ደም ሰብ ዘፍስስ ድማ ከም ቃየል ድንጉጽን ርዑድን ንክኸውን ተፈሪድዎ። ኣብ ሞት ኣቤል ዝተኸሠተ ተኣምር ኣብ ዘርኢ ኣዳም ኣብ ገድላዊ ሕይወት ኣዳም ከም ሓደ ተኣምራዊ ክሥተት ኰይኑ ተዘንቲዉ።

### 5.3.1.3. ትእምርታዊ ኣገባብ

ትእምርታዊ ኣገባብ፥ "ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ እዩ" ካብ ዘብልዎ ነጥብታት ሓደ እዩ። ንተምሳሌታዊ ፍካሬታትን ባህላዊ ዓውድን ይሕዝ። ተምሳሌታዊ ፍካሬታት ትእምርትታትን ፍሉያት ምልክታትን ተጠቒሙ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎም መንፈሳውን ዓለማውን መልእኽትታት የመሓላልፍ።

> እግዚኣብሔር ንኣዳም፣ ንዙ ሕሡም ገጽ ዲያብሎስ ረአዮ በሎ። ክሳብ ሕዚ ካብ ብርሃን ናብ ጸልመት፣ ካብ ዕረፍቲ ናብ ድኻም ዘውረደካ እዙይ ከም ዝኾነ ፍለጥ (ገድለ ኣድለ ኣዳም፣ 1956፥ 118)።

*　　　*　　　*

> *ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣዳም ነጽሮ ለዝንቱ ዲያብሎስ ዘገጹ ሕሡም። ወኣእምር ከመ ዝንቱ ውእቱ እስከ ይእዜ ዘኣውረደከ እም ብርሃን ኀበ ጽልመት፣ ወእም ዕረፍት ኀበ ድካም (ገድለ ኣድለ ኣዳም፣ 1956፥ 118)።*

ዲያብሎስ፦ ትእምርቲ ክፍኣት፣ ስሕተትን መፍለቒ ኩሎም መንከራታትን ተገይሩ ይውሰድ። ኣብ ዓለማዊ ርድኢትን እምነታዊ ኣስተምህሮን ምኽንያት ምውራድ ገሃነመ እሳትን ምስኣን ዘለኣለማዊ ክብርን (መንግሥትን) እዩ። ብሥጋ ኣስሒቱ ብነብሲ ወጋ ዘስእን ወላዲ ጽልመትን ኣቦ ኩሎም ተንኮላትን ተገይሩ ኣብ ኅሊና ደቂ ሰባት ዝተሥኣለ እዩ። ወዲሰብ ጸላኢኡን ፈታዊኡን ፈልዩ ክፈልጥ እንተ ደልዩ ፈለማ ንባዕሉ ክፈልጥ ከም ዘለዎ፥ ርአዮ ንዙይ "ነጽሮ ለዝንቱ" ዝብሎ ኣምሲሉ "ንባዕልኻ ተመልከት" ዝብል ትምህርቲ ሂቡ። ትእምርትታት ቀንዲ ገለፅቲ ዘይፍለጡ ሓቅታት ምዃኖም (Jung, 1921: 89) ኣግሂዱ። ነገረ ጽልመት እንትለዓል፦ ብኽፉእ ዝደንዘዘ ኣእምሮ፣ ብጥልመት ዝሓበጠ ልቡናን ብተንኮል ዝዓወረ ኅሊናን ትእምርቱ እዩ። ኣብ ዕረ ጥዑም ከም ዘየለ ኩሉ ኣብ ጸልማት እውን ብርሃን የለን (ሰብ ዝፈጥሮ ብርሃን ኣይበልኩን)። ነገረ ጽልመት ድያብሎስ ድማ ተንኮልን ክፉእ መጋብርን ወዲሰብ የፈክር።

ትእምርትታት ቃላት ካብ ዝገልፅዎ ንላዕሊ ንነገራት ይገልፁ። ዝተገለፀ ሓሳብ ንምጥንኻር Jung ካብ ዝበሎ ክወሓስ፦ "ዘረባይ ኣይተኽክልን። ብቃላት ክደምቕ ስለ ዝደሉኹ ግና ኣይኮነን ካብ ቃላት ወጻኢ ብትእምርቲ እየ ዝዛረብ። ኣብ ትእምርቲ ዘሎ ዓሚቕ ምሥጢር ብቃላት ክገልፆ ስለ ዘይኽእል" (Jung, 2009: 230)። ከም ገለፃ Jung ካብ ትእምርቲ ወጻኢ ዝገብሮ ዝርርብ ምሉእ ኣይኮንን ከም ምኽንያት ዘቕርቦ፥

ሓሳቡ ብቃላት ክገልፅ ዘይምድላዩ እዩ። ሓሳብ ብቃላት ዘይምግላፅ ውልቃዊ ድሌት እኳ እንተኾነ ብዘይቃላት ዝግለፅ ሓሳብ ወይ ዝርርብ ግና ወካልነቱን ገላፅነቱን ትሑት ከም ዝኸውን ኣየጠራጥርን። ይኹን እምበር Jung እዚ ምባሉ ንቃላት ክናእስ ደልዩ ዘይኰነስ ክብደት ገላፅነትን ወካልነትን ትእምርቲ ንምርኣይ ዝተጠቀመሉ ብልሓት እዩ።

ትእምርቲ ፈኪርኻ ዝርከብ ምሥጢር ከቢቱ ዝሓዘ እዩ። ምፍካር ትእምርቲ ምፍኻር ዓሚቕ ምሥጢር እዩ።

> ኣብርሃም ንይስሓቅ ንክሥውኦ ወሰዶ፤ ኣብ መሠውኢ ቦታ ኣቐመጦ፤ ኢዱን እግሩን ኣሠሮ፣ ንክሥውኦ ቀረበ፣ ኣብ ክንድኡ ብሓረግ ሬሳ ተኣሲሩ በጊዕ መጸ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 107)።

*			*			*

> *ወወሰዶ ኣብርሃም ለይስሓቅ ከመ ይሥውኦ፣ ወኣንበሮ ውስተ መካነ ምሥዋዕ፤ ወኣሠሮ እደዊሁ ወእገሪሁ፤ ወቀርበ ከመ ይሥውኦ፣ ወመጽአ ሎቱ በግዕ ኅየንቴሁ፣ እሡረ በዕፀ ሳቤቅ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 107)።*

ንዘኣመነሉ መሥዋቲ ንምግባር ቈሪጹ ዝተልዐለ ወላድን ትእዛዝ ኣኽቢሩ ንመሥዋእቲ ቅሩብ ዝኾነ ውሉዱን ኣለዉ። ልዕሊ እዚ ግና ነገረ ህላወን ሕልፈትን ወዲሰብ ክንፍክረሉ እንኽእል ብትእምርቲ *ሓረግ ሬሳ* (ዕፀ ሳባቤቅ) ዝተወከለ ገዚፍ ዛዕባ ቀሪቡ። በጊዕ ኣምሳል ወዲ ሰብ እዩ። ብሓረግ ሬሳ ተኣሲሩ ምምጽኡ ድማ ግንዘት የመልክት። ወዲሰብ ተገኒዙ መቓብር ከም ዝወርድ የርኢ። ኣብ ክንዲ ይስሓቕ በጊዕ ምምጽኡ ኣዳም ብዝበደሎ በደል ክርስቶስ ሥጋ ለቢሱ መሥዋእቲ ከም ዝኸፍል ንምዝኽኻር። "ኢይነጽህ ደም ዘእንበለ ደም" ኢሉ ዝተዛረቦ ትንቢታዊ ቃል ከም ዝፍጸም ንምርኣይ ዝተቐመጠ ትእምርቲ። እዙይ ኣብ ቅዱም ዘመን ዝነበረ ኅብረተሰባውን ባህላዊ ጸጋታትን ክብርታትን ዘንጸባርቕ ኰይኑ ኣዘንታዊ ንሕይወት ተጋዳሊ ተጠቂሙሉ እምነት ማኅበረሰብ ኣሪእና። ካብ ፍቕሪ ውሉድ ፍቕሪ እምነት ይዛይድ ከም ዝነበረ "ካብ ዝኣመንኻዮ ክጥለም፣ ዝወለድኻዮ ይጠለም" ዝብል ብሂል ይዓዝዝ ምንባሩ ጽኑዕ ፍቕሪ ኣማንነትን ተኣማንነትን ዝነበሮ ዘመን ከም ዝሓለፈ የርኢ።

### 5.3.2. ገድል ከም ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት

ኣብ ትሕቲ እዚ ንኡስ ርዕሲ ገድል ከም ማኅደር ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ብዘሥምይዎ፦ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ ኣስተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን ብዝብሉ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ተንቲኖም።

#### 5.3.2.1. ተጋዳሊ ከም ጅግና

ተጋዳሊ ርኡይ ፈተናን መንከራን ዝሰግረሉ ኵይኑ ኣብ መንጎ ሰናይን ክፉእን ንዝግበር ቃልሲ ትእምርቱ እዩ። መብዛኅቲኡ ግዘ ተጋዳሊ ዝጋፈጦም ጸገማት እውን ንውልቃዊ ለውጥን ኣክሊለ በረከትን የመልክቱ። ዘይንቕነቕ ጽኑዕ እምነት፣ መሥዋእትን ሰማዕትነትን ዘወትራዊ ተግባሩ እዮም።

> ኣዳም ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን እኽሊ ከይበልዐን ከይሰተየን፣ ክሳብ ብጥምየትን ጻምእን ናብ ምድሪ ዝወድቕ ጠጠው ኢሉ ኢዱ ዘርጊሑ ይጽሊ ነበረ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 97-98)።

* * *

> *ወሃሎ ኣዳም ከመዝ ቅውመ በጸሎት ሰፊሆ እዴሁ ፵ መዓልተ ወ፵ ሌሊተ ኢይበልዕ ወኢይሰቲ፣ እስከ ወድቀ ላዕለ ምድር እም ረኃብ ወጽምእ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 97-98)።*

ተጋደልቲ፦ መብዛኅቲኡ ግዘ ብሰንኪ ጽኑዕ ቅዋሞምን እምነቶምን፦ ረኃብ፣ ጻምእ፣ መግረፍቲ፣ መቑሰልቲ፣ ስደትን ሞትን የጋጥሞም። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክሥተት ብጽንዓት ስለ ዝዋጽእዎ፥ ትእምርቲ ጽኑዕ እምነትን ናይ መወዳእታ ዋጋ ጥንካረን ኵይኑ የገልግሎምን ምስክር ጅግንነቶም ይኸውንን። ተጋዳሊ ምእንቲ ዝኣመነሉ ኢሉ ኣብ ከቢድ ፈተና ሕይወት ወዲቑ። ግዘ ዘይህብ ጥምየት (ተኣርዞ ከርሥ) ርኡይ ፈተና ሰጊሩ ኣብ ኣርብዓ መዓልቲ ዝረኸቦ ቁልዕነትን ቅብኣ እምነትን ዘመስከረሉ ኩነት ኣሎ። ብሥጋ ዝነብሮ ማኅበራዊ ሕይወቱ ገዲፉ ብነብሲ ዝረኸቦ ዋጋ ንምርካብ ክብል ካብ ማይን እኽልን ተነጺሉ ንዝኣመነሉ መሥዋእቲ እንትኸፍል ይርአ። ካብ ዝኣመኖ በረከትን ትሩፋተ ነብስን ንምርካብ ንሕይወቱ እንተሳቂ ይስትብህል። ኩነታት ጠጠው ኣበሃህልኡ፣ ብስእነት ማይን እኽልን ውንኡ ስሒቱ ናብ መሬት እንትወድቕን ዘሪኡ ትዕይንታውን ኣኀጽሮታውን ዝኾኑ መልክዓት ዝንታወ ኣለዉ። ስእነት፣ ጥምየት፣ ጻምእን ውነ ምስሓትን ወርትግ ኣብ ደቂ ሰባት ዝረአዩ ሚታዊ ሕሳቦታት እዮም።

እዚኦም ብመልክዕ ትዕይንትን ኣጎጽሮትን ምዝንታዎም ኣገባብ ዝንታወ ገድለ ኣዳም እዚ መልክዕ ዝንታወ ከም ዘለዎም የረድእ። ገድለ ኣብርሃም እውን ተጋዳሊ ከም ጅግና ብዝብል ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ይዝንተው እዩ።

> ናብ እግዚኣብሔር ክጽሊ ፍርቂ ለይቲ ይለዓል፣ ከላይ መዓልቲ፣ ከምዙይ እናገበረ ንዝተወሰኑ ዓማውቲ ተቐሚጡ። ንኩሉ ብማዕረ በቢ 40፣ ጾም ይጸውም። ኣብ መዋዕል ሕይወቱ ሥጋ ኣይበልዐን፣ ወይንን ሜስን እውን ኣይሰተየን። ፍረታት ኣይጥዕምን ኣብ ዓራት ኣይድቅስን። ኣብ ጸሎትን ልመናን ጥራሕ ዝተጸመደ እዩ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 30)።

* * *

> *ወይትነሣእ በመንፈቀ ሌሊት፣ ወበመዓልት ወይጼሊ ኀበ እግዚኣብሐር፣ ወነበረ ጕንዱየ ዓመታተ እንዘ ዘንተ ይገብር። ወኮነ ይጸውም ኣጽዋመ በበ ፵ ለለ ኩሉ ምዕረ። ወኢይበልዕ ሥጋ ወኢይሰቲ ወይነ ወሜሰ በኩሉ መዋዕለ ሕይወቱ። ወኢይጥዕም ፍሬያተ ወኢይሰክብ ዲበ ዓራት። ዳዕሙ ጽሙድ ውእቱ ለጸሎት ወለስእለት (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 30)።*

ህርመተ ሥጋን ብሕታወን ተጋዳሊ የርኢ። ሥጋ ዘይምብላዕ፣ ፍረታት ዘይምጥዓም፣ ወይንን ሜስን ዘይምስታይ ኣብ ህርመተ ሥጋ ዝረአዩ ተርእዮታት እንትኾኑ፥ ኣብ ዓራት ዘይምድቃስ ድማ፥ ንምስኣን ድቃስን (ኃጢኣ ንዋም) ዕረፍትን ዝውክል ንምናነ ሥጋዊ ድሌት ዘርኢ እዩ። ሥጋ ኣይበልዕን ካብ ሓሜት ዝረሓቐ ምኻኑ ወይንን ሜስን ኣይሰትን ኣብ ምድራዊ ዝኾነ ዓመፅ ክፍኣትን ተንኰልን ከም ዘየለ የሪኡ። እዚኦም ተጋዳሊ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ይሕብሩ። ተጋዳሊ ዝኸፈል መሥዋእቲ ከፊሉ ካብ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ክረኽቦ ዝደልዮ ቃል ኪዳንን ኣክሊለ በረከትን ንምርካብ ከም ዝተዳለወ ድማ የግህዱ። ንመሥዋእቲ ድልው ዝኾነን ጅግንነቱ ብምኽፋል ሕይወት ክኸምብት ዝደልን ተጋዳሊ እዩ። ካልእ፦ ብጽንዓት ተጋዳሊ ዝተገለፀ ቁም ነገር እንተ ሃለወ፥ "ንኩሉ ጾም ብማዕረ ይጸውም" ዝብል እዩ። ምዕሪት ጾም ተጋዳሊ፥ ተጋዳሊ ኣብ መዋዕል ሕይወቱ፦ ኣድልዎ ከም ዘይነበሮ፣ ንኩሉ ብማዕረ ዝርእን ዘኽብርን ምንባሩ የርኢ።

## 5.3.2.2. ኣስተምህሮ

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እንረኽቦም ተጋደልቲ መምህራንን መራሕትን ኰይኖም፦ ግብረ ገብነት፣ ሕገ ልቡና፣ ሥነ ምግባር፣ ጥበብ ዓለምን መንከርኡን፣ ተስፉን ቀቢጸ ተስፉን፣ ህላወን ተነጽሎን ኣመልኪቶም መንፈሳውን ዓለማውን ርድኢት ንክህልወና፥ ኣብ ተጋድሎ ሕይወቶም ዘጥረይዎ ተመክሮ ዘካፍሉ ዘምህሩ እዮም። እዚኦም ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ ኰይኖም ኣብ መንፈሳውን ዓለማውን ጉዕዞ ኣገዳስነት፦ ግብረ ገብነት፣ ሠናይ ግብሪ … ዘይግኑሕ ሥምዒትን እኩይ መንፈስን ዘጉልሁ ዓውደ ፍልጠታት እዮም።

> ኣንታ ይስሓቅ ወደይ ኣይትብኸ በሎ፣ ኣብርሃም፤ ጥራሕ ብዝበልኹኻ ጽናዕ፣ ተስፋ ዝቄረጸ እውን ኣይትኹን፣ ካብ ኣንደበትኻ ክፉእ ቓል ኣይውጻእ፣ ይብሉኒ ዘይፈልጥ ኣይትኹን፣ እግዚኣብሔር ክረድኣካ እዩ፤ ካብ ኩሉ ክፍኣት እዛ ዓለም ክስውረካ እዩ፤ ክሳብ ዕለት ካብ ሥጋኻ እትፍለ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 44)።

*                    *            *

> *ወይቤሎ ኣብርሃም ኢትብኪ ኦ ወልድየ ይስሓቅ፣ ባሕቱ ጽናዕ በዘኣለበውኩከ ወኢትኩን ቅቡጸ ተስፋ፣ ወኢይጻእ እምኣፉከ፣ ሕሱመ ቃል፣ ወኢትኩን ዘኣልቦቱ ምልጎ፣ እስመ እግዚኣብሔር ይረድኣከ፣ ወውእቱ ይከድነከ እምኩሉ እከያተ ዛቲ ዓለም እስከ ዕለት ዘትትፈለጥ ቦቱ እምሥጋከ (ገድለ ኣብርሃም፣ $C_3$-IV-154፥ 44)።*

ተጋዳሊ ንውላዱ ዝምዕድ ዘሎ ኣምሲሉ ኣብ መንፈሳውን ዓለማውን ጉዕዞ ሕይወት፦ ቅቡጽ ተስፋ፣ ሕማቕ ቓል ምዝራብ፣ ይብሉኒ ዘይትፈልጥን ኣብ ክፍኣት ዝተጸመድኻን ክትኸውን ከምዘይብልካ ካብ ተጋድልኡ ብዘጥረዮ ተመክሮ ኣቢሉ ተግሣጻዊ ትምህርቲ ኣሕሊፉ። *ካብ ኣፍኻ (ኣንደበትኻ) ክፉእ ቓል ኣይውጻእ* "ወኢይጻእ እምኣፉከ ሕሱመ ቃል" ብምባል ድማ ግብረ ገብነታዊ ኣስተምህሮ ኣምሂሩ። *ካብ ኣንደበትኹም ኩፉእ ቓል ኣይውጻእ* "ኢይጻእ ዓብዪ ነገር እም ኣፉክሙ" (1ይ ሳሙ. 2፥ 3; ጸሎ.ሓ.እ.ሳሙ. 4፥ 8) ንዝብል ጥንታዊ ኣስተምህሮ ደጊምዎ። ኣብ ውላድ ተጋዳሊ ዝሓደረ ዘይግኑሕ ሥምዒትን ድባብ ኃዘን ዘስፍን እኩይ መንፈስን *ተስፋ ኣይትቁረጽ* "ወኢትኩን ቅቡጸ ተስፋ" ብዝብል መጽናዕንዒ ቃል ተሳዒሩ።

ቀቢጸ ተስፋን ዘለፋን ንከማኻ ዝኣመሰለ ፍጡር ጽቡቕ ካብ ዘይምሕሳብን ካብ ዘይምምናይን ዝፍልፍሉ ውሉድ ብቂምን በቐልን ዝቈሰለ ልቡናን ብኽፍኣት ዝደንዘዘ ኣእምሮን እዮም። ብባሕሪኦም (ተፈጥርኦም) ኣፍረስቲ ስለ ዝኾኑ ድማ፥ ንማኅበራዊ ምንቅስቓስን ዕብየትን ጠንቅታት እዮም። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተግባራት ብዓይኒ ሕገ ልቡናን ግብረ ገብነትን እንትረአዩ፥ ኣብ ኩሉ ፍጡር ወዲሰብ ተስፋሕፊሑም ዝርከቡ ጠንቂ መንነት ጣጣ ህላወ እዮም። ክውገዙ ከም ዘለዎም ተጋዳሊ፥ *ካብ ሥጋኻ ክሳብ እትፍለ [...] ኣብ እምነትኻ ጽናዕ* "ጽናዕ በዘኣለበውኩከ [...] እስከ ዕለት ዘትትፈለጥ ቦቱ እምሥጋከ" ኢሉ እንትግሥጽ ይርአ። ጥበብ ዓለም ኣብ ኢድ ልዕለ ተፈጥሮኣዊ ኃይሊ ከም ዝኾነን ብዘይካኡ ምንም ከም ዘይሥራሕን ሰብ ዝበሃል ፍጡር ዓቕሙ ኣብ ፍቓድ ፈጣሪኡ ከም ዝኾነን እውን ዝምዕድ እዩ። ኣብ ገድለ ኣዳም እውን ከምዚ ዓይነቱ ኣስተምህሮ ኣሎ።

> ኣታ ወደይ ኣይትፈልጠናንን ድኻ በሎ እቲ ሽማግለ፣ ኣይፈልጠኩምን በሎ ያሬድ፣ እግዚኣብሔር ዝፈጠሮ ቀዳማይ ፍጥረት ኣነ ኣዳም እየ በሎ እቲ ሽማግለ፣ እዚ እውን ሰይጣን ኣብ ልቢ ሓዉ ቃየል ኣትዩ ዝቐተሎ፣ ኣቤል ወደይ እዩ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 135)።

*　　　　*　　　　*

> *ወይቤሎ ውእቱ ኣረጋዊ ኦ ወልድየ ኢተኣምረነኑ፣ ወይቤሎ ያሬድ ኢየኣምረክሙ፣ ወይቤሎ ኣረጋዊ፣ ኣነ ውእቱ ኣዳም በቀዳሚ ዘገብሮ እግዚኣብሔር፣ ወዝንቱሰ ኣቤል ወልድየ ዘቦአ ሰይጣን ውስተ እኅሁ ቃየል እስከ ቀተሎ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 135)።*

ተጋዳሊ ብሽማግለ ተመሲሉ መጺኡ። ብሽማግለ ምምሳሉ፥ ነገረ ትሕትና ንምርኣይ፣ ልቢ ዝወሓጠን ሕማቕን ጽቡቕን ዘሕለፈን ከም ዝኾነን ካብ ሕሉፍ ሕይወቱ ምግባረ ሠናይ ከምህር ከም ዝመጸን የርኢ። *ኣይትፈልጠናንን ዲኻ* "ኢተኣምረነኑ" ምባሉ "ግብርን ምግባርን ወዲሰብ ኣየጽናዕኻዮን ዲኻ" እንትብል እዩ። ከም ውላድ ተሓሲቡ *ኣይፈልጠኩምን* "ኢየኣምረክሙ" ብምባል ግብረ መልሲ ዝህብ ዘሎ እውን "ኣብ ሕማቕ ግብሪ ወዲሰብ ገና ኣይኣተኹን" እንትብል እዩ። ተጋዳሊ፥ ነገረ ሞት ኣቤል ብኢድ ሓዉ መሲሉ ምምጽኡ፥ ኣብ ፍጥረት ዘርኢ ኣዳም ብኢድ ኣሕዋቶም ዝሓልፉ ከም ዘለዉ ንምጥቋም እዩ። ተጋዳሊ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ሞት ከም ዝረአየን ኃዘነ ከርሢ ከም ዘጋጠሞን ብምሕባር ደቂ ሰባት ካብዚ እኩይ ተግባር ክመሃሩ ከም ዘለዎም ድማ ምዒዱ።

ገድለ ኣዳም ሕሉፍ ተጓንፎ ተጋዳሊ ኣሠናሲሉ ብምምጻእ ኣብ መንጎ ንሕይወትና ዝቖርጹን ዝልውጡን እምነታውን ማኅበራውን ዛዕባታት ዘሎ ርክብን ምትእስሳርን እንታይ ከም ዝኾነን ከም ዝመስልን ንምርኣይ ዝሕግዝ ትምህርቲ የቕስመና። ነገረ ሕልፈት ሕይወት ወዲሰብ እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ እውን ኣብ ጥንቲ ኣብ ክልተ ኣኅዋት ዘጋጠመ ክሥተት ብመልክዕ ዝንታወ ብምምጻእ ብጥበብ ሥነ ጽሑፍ እናዋዘየ ዓለማዊ (ምድራዊ) ሕይወትና የሀውጸና።

> ቃየል እናጕየየ ምስኡ ናብ ዝተወለደት ሓፍቱ ኣተወ። ምስ ረአየቶ ፈርሐት፣ ኣንታ ሓወይ ብምንታይ ምኽንያት እዩ እትፈርሕ ዘለኻ በለቶ። ንኣቤል ኃወይ ኣብ እከለ ቦታ ቀቲለዮ በላ። ሓፍቱ ዝብላ ዘሎ ሰሚዓ በኸየት። እናበኸየት ናብ ኣቡኣን እኖኣን ከደት፣ ቃየል ንኃዉ ኣቤል ከምዝቐተሎ ነገረቶም። [...] ቃየል ንኃዉ ገኒዙ ምስ ፈጸመ፣ ንሓፍቱ ልልዋ ወሰዳ፣ ብዘይፍቓድ [ትእዛዝ] ወላዲኡ ኣዳም ድማ ኣእተዋ (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 113-114)።

* * *

> *ወቃየል ቦአ እንዘ ይረውጽ ኀበ እኅቱ ዘተወልደት ምስሌሁ። ወሶበ ነጸረቶ ፈርሐት ወትቤሎ፣ ኦ እኁየ በእንተ ምንት በጽሓከ ከመዝ ረዓድ። ወይቤላ ቀተልክዎ ለኣቤል እኁየ ውስተ መካነ እገሌ። ወሶበ ሰምዐት እኅቱ ዘንተ ነገረ በከየት። ወሖረት እንዘ ትጸርሕ ኀበ ኣቡሃ ወእማ፣ ወኣመረቶሙ በከመ ቀተሎ ቃየል ለኣቤል እኅሁ። [...] ወቃየልሰ እምድኅረ ፈጸመ ግንዘተ እኅሁ ነሥኣ ለእኅቱ ልልዋ ወኣውሰባ ዘእንበለ ትእዛዘ ኣቡሁ ኣዳም (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 113-114)።*

ጉያ ገባሪ ክፉእ ኀጸጸ ዕድመ፣ ብምርኣይ ምፍራሕ ድማ ወዲሰብ ሞት ተሰኪሙ ይጕዓዝ ከም ዘሎ ንምዝኽኻር እዩ። ብኽያት ምግሃድ ሕቡእ (ክቡት) ምሥጢር ሞት ድኅሪ ግንዘት ምፍጻም ውስብቲ ድማ ድኅሪ ሞት ሕይወት ምህላዉ የሪኡ፤ ድኅሪ ኃዘን ደስታ ከም ዘሎ የውስኡ። ንፍጡር (ሰብ) ጽንዓት ዘላብሱ ኣስተምህሮታት ድማ ንብሎም።

ኣብዚ ዘሎ ክሥተት፥ ጥንቲ ብመልክዕ ታሪኽ ሕዚ ድማ ብመልክዕ ሓዱሽ ክሥተት፣ ንቐጻሊ እውን ብመልክዕ ትንቢት ዝዝንተው ርትዒ ዘለዎ እዩ። ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ኃው ንኃዉ ቀቲሉ፥ ታሪካዊ ፍጻመ የሪአና። ኣብ ልዕሊ ኃውካ ምጭካን ሕዚ ተግባራዊ ፍጻመ እዩ። ወዲሰብ ሕዚ ብዘለዎ ልቡና እንተ ቐጺሉ፥ ኃው ንኃዉ እናቐተለ ክነብር እዩ፤ ትንቢታዊ ቃል እዩ። ሕይወት ደቂ ሰባት ብዙይ ዝተመልአ ምኽኣኑ ንምርኣይ ተጋዳሊ ሞት ኣብ ዘይፍለጠሉ ግዘ ሞት ውላዱ ሪኡ ዓለመ መንከራ ተቛዲሱ።

ምድራዊ ሕይወቱ ከምዙይ ዝኣመሰለ ኣሜኬላ ዝተመልአ ከም ዝኾነ ብግብሪ ሪኡ። ተጋዳሊ በደሉ ኣሚኑ ንስሓ ይኣቱ። ንስሐ ድማ ቴማ ድኅነት ዘንጸባርቕ ነገረ መበቌላዊ ትሕዝቶ እዩ። ነገረ ጸጸቱ እውን ኣብ ኅሊና ዝሠኣል ኣብ ኣገባብ ዝንታወ ትዕይንታዊ ዝንታወ እዩ። ኃጢኣት ዝገበሩ ወይ ካብ መንገዲ እምነት ዝወጹ፦ ሕድገት፣ ይቕርታን ለውጥን ዝደልዩ ኃይልታትን ኣስተምህሮ ተኽእሎ ሕድገት መለኮታዊ ኃይልን ጐሊሁ ዝተርአየሉ እዩ።

*ንኣቤል ሓወይ ኣብ እከለ ቦታ ቀቲለዮ በላ* "ወይቤላ ቀተልክዎ ለኣቤል እኁየ ውስተ መካነ እገሌ።" ኣብ ነገረ ህላወ፦ ዓመጽ፣ ጥልመት፣ ክሕደት፣ ንጽቡቕ ብሕማቕ ምፍዳይ፣ ብሞት ካልእ ህላወኻ ምርግጋጽ ከም ዘሎ የርኢ። ውሉድ ተጋዳሊ (ኣዳም) ሥጋዊ ሥምዒትን ደጋዊ ጽባቐን ኣሸኒፍዎ ንሓዉ ቐቲሉ። ኣብ መንነ ሥምዒትን ኣእምሮን ወዲሰብ ብጽቡቕን ሕማቕን ክፍከር ዝኽእል ጐንጽን ተጋድሎን (ቃልስን) ከም ዘሎ ይነግር። ሓለሓሊፉ ጐንጺ ካብ ቃልሲ ሚዛን ዝደፍኣሉ ግዘ ምህላዉ ይሕብር። ቃልሲ ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሥጋውን መንፈሳውን ድሌታት ከምዝወድቕ የውሥእ። ሰብ መንፈሳዊ ቃልሲ ንጐድኒ ብምግዳፍ ኣብ ሥጋዊ ቃልሲ ጥራሕ እንትጽመድ ናብ ዝተሓተ ደረጃ እንስሳነት ክወርድ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ሰብ ባሕርያዊ ተፈጥርኡ ረሲዑ ብደሓር ዘጥረዮ ፀባዩ ተሳዒሩ ካብ ሰብኣዊ መንነቱ ወጺኡ እናወረደ ይኸይድ እሞ ኣብ መወዳእታ ኣብ ምግባራተ እከይ ክሠምጥ ይኽእል። ንመንፈሳዊ ድሌታቱን ባህግታቱን ብምዕጋት ሥጋውን ቁሳውን ድሌታቱ የዕቢ። ንሥጋዊ ድሌቱ ዘዕግብ ዘይንቡር ዝኾነ ነውራም ፍጻመ ይፍጽም። ይኹን እምበር ወዲሰብ ንሥጋውን ቁሳውን ድሌታቱ ብምቁጽጻር፣ ኣብ ውሽጡ ዝዳሀ ዘሎ ሙክንያዊ፦ ሓሳብ፣ ድምፂ፣ ሥርዓትን ሕግን እንተተገዚኡ፣ ግዝያዊ ሕማቕ ፀባዩ እናደኸመ ተፈጥሮኣዊ ባሕሪኡ እናጐልበተን እናዓበየን ከባብያዊ ፀባዩ እናተመሓየሸ ስለ ዝኸይድ ሰብኣዊ መንነቱ ሓፍ ይብል። ንባዕሉ ምስ ውሽጣውን ደጋውን ሕግጋት ተፈጥሮን ፍጡርን ብምሥምዕማዕ ውሽጣዊ ሕይወቱ ዘጽርየሉን ሥሙር ዝገብረሉን ኩነታት ይፈጥር፤ ኣብዚ ዘሎ ተጋዳሊ እዚ ኩሉ ኣምሂሩና።

ኣብ ገድለ ኣዳም እንረኽቦ ተጋዳሊ ከም ውልቀን ከም ማኅበረሰብን ዝሕሰብ ተጋዳሊ እዩ። ብውልቃዊ ሕይወቱ ዘጋጠምዎ ፈተናታት ይሓልፍ። ብማኅበራዊ ሕይወቱ ድማ ከም ሓደ ኣካል ማኅበረሰብ ብምኳን ሕግን ሥርዓትን ኣንቢሩ መውስቦታት ይፍጽም።

ዝነበረ ሕገ ተዋስቦ ዝወለዶ ጣጣ ድማ ውሉድ ተጋዳሊ "ምሳይ ዝተወለደት ንዓይ እያ እትግባእ ንኻሊእ ክትወሃብ ኣይብላን" ብዝብል ቂምን በቀልን ተላዒሉ ካብ ማኅበረሰብ ዝደልዮ ብዘይምርካቡ ቅትለት ፈጺሙ፤ ብቅትለት ዝፈጸሞ ድሌት ካብ ማኅበራዊ ሕይወትን ነባራዊ ኩነተ ህላወን ነጺልዎ እዩ። ካብ ሥርዓትን ሕግን ወጺኡ ብኃይሊ መውስቦ ፈጺሙ። ሰብ ንዘይግኑሕ ሥምዒቱ ዝለዓለ ቦታ ከም ዝህብ ንወለዶ ዝተረፈ ዓብዪ ትምህርቲ ገዲፉ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም እንረኽቦ ተጋዳሊ እውን ንእዞም ኩሎም ጣጣታት ህላወ ዝሓለፈ እዩ።

## 5.3.2.3. ምሥራሕ ተኣምር

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ተጋደልቲ ብተኣምር ተኸዊቶም ገድላዊ ሕይወቶም ብተኣምር ዝፈጸሙ እዮም። *ኣብ ማእኸል ገነት ዘላ ዕፅ ከይትበልዕ ንእኣ ኣብ ዝበላዕኻሉ ግዘ ሞት ክትመውት ኢኻ* "ኢትብልዓ ለዕፅ ዘሃለወት ማእከለ ገነት፣ ወበጊዜ በላዕካሃ ሞተ ትመውት" (ገድለ ኣዳም፣ 1956፥ 146) ተባሂሉ፣ ብምብልዑ ንወዲሰብ ዝተረፈ ፍዳ ሥጋ ዘመልክት ተኣምር ተኸዊቱ። ብግብሪ ኣዳም ልደትን ወሪደ መቓብርን ፈጣሪ ኣምጺኡ። ኣብ ወሪደ መቓብር ፈጣሪ መቓብራት ተኸፊቶም ምዉታት ተንሢኦም እጹብ ድንቂ ዝኾነ ተኣምር ተርእዩ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም እውን ከምቲ ቀጺሉ ዘሎ ዝነብብ ትሕዝቶ ዘለዎ ተኣምራዊ ፍጻመ ንረክብ።

> እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ጸውዖ፣ ዝስዕብ ድማ በሎ፣ ኢድኻ ኣብ ልዕሊ ሥጋ ፈርዖን ግበሮ፣ ወድያው ኢድ ኣብርሃም ኣብ ልዕሊ ሥግኡ እንትኸውን ኣብ ሰውነቱ ምንም ዓይነት ሕማም ከይተረፈ ጠፍአ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 20)።

*                    *              *

> *ወጸውዖ እግዚኣብሔር ለኣብርሃም፣ ወይቤሎ ደይ እዴከ ለዕለ ሥጋ ፈርዖን፣ ወበጊዜሃ እንተ ኮነት ትወድቅ እደ ኣብርሃም ላዕለ ሥጋሁ፣ ኮነ ይጐይይ ደዌሁ ወይትፈታሕ እስከ ኣልቦ ዘተርፈ ውስተ ኣባሉ ምንተኒ እምደዌ (ገድለ ኣብርሃም፣ C3-IV-154፥ 20)።*

ብጺይቱ ብፈርዖን ብኃይሊ እንትውሰድ ንፈርዖን ኢዱን እግሩን ኣሳሲሩ ከቢድ ሕማም ኣብ ልዕሊኡ ብምውራድ ተኣምር ዝሠርሐ ተጋዳሊ ኣብዚ ኣሎ። መሊሱ ብኢዱ ፈርዖን ፈውሰ ድኅነት ረኺቡ። እዚ ኩሉ ኣብ ምሥራሕ ተኣምር ዘመድብ ከኀልነት ተጋዳሊ ዘርኢ እዩ።

ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን እዩ ዘብልዎ፦ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብ፣ ትእምርታዊ ኣገባብ፣ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ ኣስተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን ዝዝንተዉ ዛዕባታት ሒዙ ምርኻቡ ምኳኑ ማእምራነ ብሉይ ሥነ ጽሑፍ ጽሒፎም (Gregory & Greg, 2015: 390; Delehaye, 1961: 3; Cunningham, 1985: 83)። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዚኦም ኩሎም ኣማሊኦም ዝተረኽቡ ስለ ዝኾኑ ድማ ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምኳኑ ተረጋጊፁ።

# ምዕራፍ ሽዱሽተ
# መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን

## 6.1. መጠቓለሊ

ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ፥ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ንምሕባር ምፍላይን ምዳባን ተኻይዱ። ብመዳይ ኣገባባት ዝንታወ፥ ትዕይንትን ኣጎጽሮትን፥ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፦ ብጽድያ፣ ሓጋይ፣ ቀውዕን ክረምትን ዝምሰሉ፦ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ዘመልክቱ መልክዓት ዝንታወታት ኣብ ክልቲኦም ገድልታት ከም ዘለዉ ብትንተናንን ፍካረን ተረጋጊጹ። ኣብ ትሕቲ ትዕይንት፥ ምንጋርን ምርኣይን፥ ዝብሉ መልክዓት ኣገባባት ዝንታወ እንትህልዉ ኣብ ትሕቲ ኣጎጽሮት ገለፃን ኣስተብህሎትን ኣለዉ። ስለዚ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብዝተገለፁ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝዝንተዉ እዮም።

ብትዕይንታዊ ዝንታወ ኣቢሎም፦ ሰፊሕ ምሥጢር ተፈጥሮ ወዲሰብ፣ ሕይወት ንምፍካር ዘኽእል ሚታዊ ይትበሃል፣ ባህላውን መንነታውን ቴማ፣ ወርትግ ዘይርሳዕ፦ ኣብ ጽላት ልቡና ዝጸሓፍ፣ ኣብ ሰሌዳ ኣእምሮ ዝሠኣል ህያው ምስሊ የጨብጡ። ከምዚ ዓይነት ብልሓት ዝንተዋ ምህላዎም መዋቕር ዝንታውኦም ዘይስልችውን ዘመን ተሳገርቲ ሥነ ጽሑፋት ክኾኑ ኣኽኢልዎም። ማጎደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ምኻኖም ድማ ኣትዒሉ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣጎጽሮታዊ ሜላ ዝንታወ እውን ኣለዎም። ዝግለፁ ሰፋሕቲ፦ ታሪካዊ፣ እምነታዊ፣ መንነታዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናውን ግብረ ገባውን ተግሣጻትን ኣስተምህሮታትን ብኃጺሩ ብመልክዕ ምጥቕላል ተዘንቲዎም ኣለዉ። እዚ ድማ ነዊኅ (ሰፊሕ) ግዘ ዝሸፍኑ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ፍጻመታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብውሑዳት፦ መስመራት፣ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብኃጺሩ ከም ዝዝንተዉ የርኢ። ካብ እቶም ገድልታት ዝሸፍንዎ ግዘ ታሪኽ ብኣጎጽሮታዊ ዝንታወ ተዋቒሩ ዝቐረበ ምኻኑ ኣትዒሉ። ቴማ ሓፈሻዊ ብዝኾነ መልክዑ ንምርካብ ከም ዘኽእል ተረጋጊፁ። እዚ ድማ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን

ኣብ መዋቕር ዝንታወ እቶም ክልተ ገድልታት ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎም የገንዝብ።

ዛንታታት፥ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፦ ልደት፣ ተቀብኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ዘርእዩ እዮም። እዚኦም መግለፅታት ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ኰይኖም፣ ብነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ንዝተኸበተ ቦኸሪ ሓሳብን መስርዕ ዝንታውኡን እንፍክረሎም እዮም። ልደት ኣብ ገድለ ኣዳም እንረኽቦ ተጋዳሊ ብዘይካ ርክብ ስብኣይን ሰበይትን (እንበለ ሩካቤ ብእሲ ወብእሲት) እዩ። ኣብ ገድለ ኣብርሃም እንረኽቦ ተጋዳሊ ግና ልደቱ ብርክብ ስብኣይን ሰበይትን ዝተግሃደ እዩ። ኣዘንተዊ ንልደት ዘቕርበሉ ብልሓት ዝንታወ ትዕይንታውን ኣጎጽሮትን እዩ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብመልክዕ ተቀብኦ ተጋዳሊ እውን ይዝንተዉ እዮም። ኣብ ክልቲኦም ገድልታት ንተጋዳሊ ንቅዱም ተቀብኦን በረከትን ብውሽጠ ፈሊጥ ኣመልኪቱ ካብ ቅዱም ጸጋን በረከትን ዝፈሊ ምችውን ዝተማልአን ናብራ ኣሕዲጉ ናብ ፈተናን ሽግርን ዘለዎ ዓለም ዘስግር ተቀብኦ ኣሎ። ተጋደልቲ ኣብ ክወጽዎ ዘይኽእሉ ፈተና እንትኣትዉ ዝርአ ቀቢጸ ተስፋ ኣሎ። ዓለመ ፈተና ኣብቂዑ ብኣካለ ሥጋ ዝነበርሉ ዓለም ኣሕዲጉ ናብ ካልእ ዓለም ዝወሰደ ተነጽሎ እውን ኣለዎ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ንኣምራትን መግለፅታትን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት ዘማልኡን ሰፊሕ ፍካረ ዘለዎምን እዮም። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን እዚ ስለ ዘሪኡ ማኀደር ብሉጻት ዝንታወታትን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ከም ዝኾኑ ተረጋጊፁ።

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ንገድል ከም ማኀደር ኣገባባት ዝንታወታን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዘሥምዩ፦ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብ፣ ትእምርታዊ ኣገባብ፣ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ ኣስተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን ኣለዎም። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ገድላዊ ተኣምራዊ ዝንታወታትን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን፦ ኣብ ኣእምሮን ልቡናን ኣንባቢኦምን ሰማዒኦምን ካብ ኀሊና ዘይጠፍእ ተዘካሪ ምስሊ ዝገድፉ፣ ብኃጺር ኣገላልፃ ሰፊሕ ዛዕባ ዘዘንትዉ፣ ሕይወት ንምትርጓም ዘኽእሉ ቦኸሪ ሓሳባት ዝሓዙ፣ ሞትን መልክዓት ሞትን ዘሪኡ፣ ገድላዊ ፍጻመታት ብኣመክንዮ ኣሠናሂሎም ብምምጻእ ግብራዊ ምስሊ እትርኢ ዘለኻ መሲሉ ንክስመዐካ ዝገብሩ እዮም። ብዙ ኣቢሎም ዝነበረ ባህላውን ማኅበራውን ከይዲ ኣነባብራ ሰባት ይነግሩ። ኣብ ፍጻመታት ሕይወት ተጋዳሊ ትኹረት ዝገበረ ዛዕባ

ብምምጻእ ታሪኽ ሕይወት ተጋዳልን ኣገደስቲ ፍጻመታቱን እናርአዩ ተግሣጻዊ ኣስተምህሮ ንናይ ሕዚ ወለዶ ዘመሓልፉ እዮም። ከምኡ እውን፦ ሥነ መለኮታዊ፣ ታሪካዊ፣ ባህላዊ፣ ሕገ ልቡናውን ሞራላውን ትሕዝቶታት ኣለዎም። ስለዚ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝዝንተዉ ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን እዮም።

## 6.2. መደምደምታ

ኣገባባት ዝንታወ ብትዕይንትን ኣኅጽሮትን ይግለፁ። ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታት፦ ልደት፣ ተቀኦ፣ ቀቢጸ ተስፋን ተነጽሎን ተጋዳሊ ብዝብሉ ይንገሩ። ገድል ከም ማኅደር ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዘሥምዩ ነጥብታት እውን፦ ገድላዊ ሕይወት ተጋዳሊ፣ ተኣምራዊ ኣገባብ፣ ትእምርታዊ ኣገባብ፣ ተጋዳሊ ከም ጅግና፣ ኣስተምህሮን ምሥራሕ ተኣምርን እዮም። እዚኦም ኩሎም ኣብ ዝመሓላለፍ ገድላዊ ታሪኽ፣ ኣብ መንነ በዓል ታሪኽን (ተጋዳሊ) እቲ ታሪኽ (ገድል) ዝዝንተወሉ ዘሎ ኣገባብ ዝንታወን ምስ እዙይ ተተሓሒዙ ዝመጽእ ሚታዊ ይትበሃልን (ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ) ዘሎ ርክብ እንታይ ከም ዝመስልን ገድል ማኅደር ኣገባባት ዝንታወ ከም ዝኾነን ንምርኣይ ዘኽእሉ እዮም። ነብሲ ወከፎም ዝቐረብሉ ሜላ ዝንታወ፥ እንትቐርቡ ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዝህልዎም ግልጋሎት ኣብ ዝቐርብሉ ግዘ ምስ ፍሰት ሓሳብ፥ ጥምረትን ተኣማንነትን ገድላዊ ፍጻመ ተገዳልቲ ክልቲኦም ገድልታት ዘለዎም ዝምድና ጥቡቕ እዩ። ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ከም እዚ ዓይነት ሜላ፥ ኣገባብ ዝንታወን መበቈላዊ ይትበሃላትን ምህላዎም እቶም ገድላዊ ፍጻመታት ካበይ ተበጊሶም ኣበይ ከምዝበጽሑ መን ቀዲሙ ኣየናይ ከምዝኽተል ኣብ ሓደ ታሪኽ ዉሽጢ መስርዕ ሓሳባት ምስ ዘይህሉ ክመጽእ ዝኽእል ምፍላስ ሓሳባት ንከይህሉ እቶም መግለፅታት ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝለዓለ ኣበርክቶ ከም ዘለዎም የርኢ።

ሰባት ብዛዕባ ዘለውዎ ኩነታት እንትድህስሱ ዝሓለፈ ታሪክ መሠረት ይኾኖም። ከምኡ እውን ኣብ ጉዕዞ ሕይወትን ማኅበራዊ ርክብን ደቂ ሰባት ሕማቕን ጽቡቕን፣ ሠናይን ኩፍእን ኣገጣምታት ኣለዉ። ኣብ ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ዘለዉ ተጋደልቲ ቅድሚ ልደቶምን (ብኣካለ ሥጋ ቅድሚ ምኽሣቶም) ድኅሪ ተነጽሎኦምን

ከምኡ እውን ኣብ ሥጋዊ ሕይወቶም ዝረኸብዎም መንከራታት ዝሓለፍዎም ፈተናታት ዝሠርሕዎም ተኣምራት ዝሃብዎም ትምህርታዊ ቁም ነገራትን ዝረኸብዎ ኣክሊለ በረከትን የዘንትዉ። ዘሎን ዝሓለፈን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞ ሕይወት እንታይ ከጋጥም ከም ዝኽእል እውን ብሜላ ግዘ ዝንተወ ትንቢት ኣቢሎም ይነግሩ። ልቢ ኣንባቢ ንምስቃል ኣንባባይ ብባዕሉ መንገዲ ንክዝትን ምስልቻው ታሪኽ ንከይፍጠርን ድማ ንነገራት ብሜላ ኣገባባት ዝንታወ ትዕይንትን ኣኀጽሮትን (ምርኣይን ምንጋርን፣ ገለፃን ርኢቶን) የዘንትዉ። ኣብ ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶ ዘሎ ቦኽሪ ሓሳብን ይትበሃልን ንምርኣይ እውን ብትእምርቲ ኣቢሎም ይነግሩ። ገድላዊ ፍጻመታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ኣብ ልብን ኣእምሮን ኣንባቢ ንክሰርጹን ተዘካሪ ምስሊ ሃልይዎም ንዘንቲ ዕለት እናተዘከሩ መታን ክነብሩ ተኣምራዊ ፍጻመታት ኣሠናሲሎም ብብምጻእ ቦኽሪ ሓሳብ የፈክሩ።

ተጋደልቲ ብኣካለ ሥጋ ተጋሂዶም ገድላዊ ጉዕዞ ምስ ፈለሙ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቶም ዘጋጠምዎም ፈተነታትን  ንፈተናታት ሓሊፎም ዘረኸብዎ ጸጋ ተጋድሎን ዘዘንትዉ፣ ኩነታት ነገረ ፍጥረትን ተፈጥሮን ሕልፈት ዓለምን ድኅሪ ሕልፈት ዓለም ዘሎ ሕይወትን ዝነግሩ ብሉያት ሥነ ጽሑፍ ግእዝ እዮም። ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ገድላዊ ፍጻመታት ኣንቢብካ ኩነታት ኣዘነታትውኦም (ኣገባብ) ኣገላልፃ ሓሳባት ዋሕዚ ፍጻመታት ንኣፈታትሓ ዘጋጠሙ ጸገማትን ካብ ዘጋጠሙ ጸገማት ንምውጻእ ዝወሃብ ምኽንያትን ሪኢኻ ዘመን ዘይስዕሮም ውጽኢት ሥነ ጽሑፍ እዮም የብሉ። ምኽንያቱ፥ ብከይዲ ዝንታውኦም፣ ኣጠቓቕማ ቋንቋኦምን ዝቐረብሉ ቅድን" ክሳብ ዘለናሉ ዘመን ዝዘለቑ ስለ ዝኾኑ። ገድላዊ ፍጻመታት ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብግዘ ፍጻመ ኣብ ቅድም ኢሉ ዝነበረ መሠረት ዝገበሩ እኳ እንተኾኑ ብኣገባብ ዝንታወን ዘልዕልዎ ሓሳብን ግና ቅዱም መሠረቶም ከይለቐቑ ክሳብ ዘለናሉ ዘመን ዝዘለቑ እዮም።

## 6.3. ለበዋ

ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን፦ ሰፊሕ ታሪኽ (ገድላዊ ፍጻመ)፣ ዓሚቕ ምሥጢር፣ ብርክት ዝበሉ መልክዓትን ኣገባባትን ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ዝሓዙ እዮም። ብመዳይ፦ ኣጠቓቕማ ቋንቋኡ፣ መዋቕር ዝንታወ፣ ቅርጺ፣ ኣሠኣእላ ገጸ ባሕሪ፣ ቴክኒክ፣ ቴማ፣ ብዘለዎም ዓሚቕ ትሕዝቶ፣ ብዘመሓላልፍዎ ቁም ነገር፣ ታሪኽ

ዝተዋደደሉ ፍጻመን ካልእን ኣቢልካ ክጽንዑ ይኽእሉ። መጽንዒ ካብ ብርክት ዝበሉ ዛዕባታት ጎኒስ ሥነ ጽሑፍ ንኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ጥራሕ ሪኡ። ካልኦት ተመራመርቲ ግና ገድለ ኣዳምን ገድለ ኣብርሃምን ብብዙኅ መልክዑ ከጽንዕዎም ዝኽእልሉ ዕድል ኣሎ። ካብ ኣገባባት ዝንታወን ነገረ መበቈላዊ ትሕዝቶታትን ብዝዘለለ፦ ሥነ ጽሑፋዊ ጎኒስን ታሪኻዊ ትንተናን ክግበረሎም ይኽእል። ምሁራን ሥነ መለኮት ተመራመርቲ ዝተፈላለዩ ዓውደ ፍልጠት ሊቃውንቲ ሥነ ጽሑፍን ሥነ ሰብን ትኹረት ገይሮም ከጽንዕዎም መጽንዒ ይላቦ።

## መዋኸስቲ ድርሳናት


መክብብ ኃይለ ጊዮርጊስ። ገድለ ኣዳም [ብራና] EMML 722። የኢትዮጵያ የብራና መጻሕፍት ድርጅት። ኣዲስኣበባ፥ 1964 (1956 ዓ.ም.)።

_________። ገድለ ኣብርሃም [ብራና] $C_3$-IV-15፤ A36፣ 67 ገድለ ኣብርሃም 186።

ሃፍተ ንጉስ። "ግዘ ዝንታወ ኣብ ተኣምረ ኢየሱስ" መቐለ፥ ዩኒቨርሲቲ መቐለ፥ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ሥነ ጽሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ፥ ኤም ኤ ተሲስ፥ 2011።

ሓጐስ ኣብርሃ። "ሓፈሻዊ ዳህሳስ ቅዱስ ያሬድን ግእዝን።" ኣብ ውጽኢት መጽናዕታዊ ጽሑፋት 5ይ ሃገራዊ ሲምፖዝየም ቋንቋታት ትግራይ፥ መቐለ፥ ቤት ኅትመት ፕላኖግራፊ፥ 2011።

ባህሩ ዘርጋው። ዘርጋው የኣማርኛ መዝገበ ቃላት። ኣዲስ ኣበባ፥ ንግድ ማተሚያ ቤት፥ 1994።

ብሩህ ኣለምነህ። የፍልስፍና ትምህርት ቅጽ - ፩፤ የሰው ልጅ የሓሳብ ታሪክ ከቅድመ ሶቅራጥስ እስከ ድኅረ ዘመናዊነት። ኣዲስ ኣበባ፥ 2013።

ተስፋ ሚካኤል ታከለ። ገድለ ኣዳም ወሔዋን። ኣዲስ ኣበባ፥ ከኑ ማተምያ ቤት፥ 2013።

________________። ገድለ ኣዳም፥ ትርጉም። ፫ይ ዕትም። ኣዲስ ኣበባ፥ H&F ማተምያ ቤት፥ 2009።

ቴዎድሮስ ገብሬ። በይነ ዲስፕሊናዊ የሥነ ጽሑፍ ንባብ። ኣዲስ ኣበባ፥ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ፕሬስ፥ 2001።

___________።በይነ ዲስፕሊናዊ የሥነ ጽሑፍ ንባብ። ሁለተኛ እትም። ኣዲስ ኣበባ፥ ኣዲስ ኣባባ ዩኒቨርሲቲ ፕሬስ፥ 2008።

ኪዳነ ወልድ ክፍሌ። መጽሐፈ ሰዋስው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ። ኣዲስ ኣበባ፣ ኣርቲስቲክ ማተምያ ቤት። 1948።

ኣኅው ማኅበረ ሓዋርያት። መጽሓፈ ስንክሳር። ኣሥመራ፥ ቤት ኅትመት ኮከበ ጽባሕ፥ 1991።

ኣየለ ፍቅሬ። "የተረክ ግዘ ትንተና በኣማርኛ ልቢ ወለዶች" ኣዲስ ኣበባ፥ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ፥ የኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ሥነ ጽሑፍ ትምህርት ክፍል፥ የፒ.ኤች.ዲ. ዴሰርቴሽን ጽሑፍ፥ 2007።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ጥናትና ምርምር ማዕከል። የኣማርኛ መዝገበ ቃላት። ኣዲስ ኣበባ፥ ኣርቲስቲክ ማተሚያ ቤት፥ 1993።

ያለው እንዳወቀ። የምርምር መሰረታዊ መርሆዎችና አተገባበር። አዲስ አበባ፥ አልፋ አታሚዎች፥ 1998።

__________። የምርምር መሰረታዊ መርሆዎችና አተገባበር። ሁለተኛ እትም። አዲስ አበባ፥ ንግድ ማተምያ ድርጅት፥ 2006።

ዮሴፍ ጌትነት። "የትረካ ድምጽእና አተኩሮ በተመረጡ የአማርኛ የወንጀል ክትትል ረጅም ልቦለዶች" አዲስ አበባ፥ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ፥ የኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ሥነ ጽሑፍ ትምህርት ክፍል፥ የፒ.ኤች.ዲ. ዴሰርቴሽን ጽሑፍ፥ ሚያዝያ 2012።

ይታገሱ ጌትነት። "የአተራረክ ቴክኒክ በዐዴ ዐምደ ጽዮን ዜና መዋዕል እና በዐዴ ዘርዐ ያዕቆብ ዜና መዋዕል ውስጥ" አዲስ አበባ፥ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ፥ የኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ሥነ ጽሑፍ ትምህርት ክፍል፥ የኤም.ኤ ጽሑፍ፥ 2005።

ዳኛቸው ወርቁ። የጽሑፍ ጥበብ መመሪያ። አዲስ አበባ። ኩራዝ አሳታሚ ድርጅት፥ 1977።

ገብረሥላሴ ብርሃኑ። መጽሓፈ ሠዓታት ምስለ ኩሉ ጸዋትዊሁ ወባሕረ ሓሳብ። ኣዲስ ኣበባ፥ 1985።

ጌታቸው ኃይሌ። ስለግዕዝ ሥነ ጽሑፍ የተሰበሰቡ አንድአንድ ማስታወሻዎች። ኒውዮርክ፥ 2010።

Abbott, H.P. The Cambridge Introduction to Narrative. Cambridge, UK: Cambridge University Press, 2002.

Abrams, M.H. A Glossary of Literary Terms. 7th edition. United States of America, Heinle and Heinle Inc. 1999.

Adagogo Brown. Myths and Archetypes. Article· July 2024. https://www.researchgate.net/publication/382276085. at: 2024.

Adele Cutler. ARCHETYPAL ANALYSIS. University of California, 1993.

Aigrain, R. L'hagiographie. Ses sources, ses méthodes, son histoire, Brussels: Société des Bollandistes, 1953.

AigulIsmakova.GulzyiaPirali,BibizhanBegmanova,BekzadaKozhekeyeva, and Aisulu Oisylbai. "The Role of Classical Literature in The Formation of a Personality's Worldview." Proceedings of the7th International Conference on Applied Linguistics Issues (ALI 2020). Saint Petersburg,: SaintPetersburg, 2020.

Alison Criddle. Narrative Twists: Spiraling Time and Projected Identities in the Hair of Vertigo's Madeleine, Fashion Theory, 22:6, 677-697, DOI: 2018.

Allan Greer. Colonial Saints: Gender, Race, and Hagiography in New France. Omohundro Institute of Early American History and Culture: Williamsburg Virginia, 2000.

Amerian M. and Jofi L. Key concepts and basic notes on narratology and narrative. Scientific Journal of Review (2015) 4(10) 182-192. Arak University, 2015.

André Lefevere. Translation, Rewriting, and the Manipulation of Literary Fame. Lefevere, André: Routledge, 1992.

Anna Redhair Wells. Hagiography as Source: Gender and Conversion Narratives in The Book of the Saints of the Ethiopian Church. 29 May 2020; Accepted: 18 June 2020; Published: 23 June 2020.

Annual Meeting North American Paper of the International Group for the Psychology of Mathematics Education, Blacksburg, Virginia, USA, 1991.

Antonio Moreno. Laval théologique et philosophique Jung's Collective Unconscious. Laval théologique et philosophique, Université Laval. philosophique, 23(2), 175–196. https://doi.org/10.7202/1020110ar, 1967.

Atasi Sahoo. Back ground of Classical Literature. Raja N. L. Khan Women's College (Autonomous) Midnapore, West Bengal, 2020.

Assefa Mekonnen. A Study Of Narrative Technique In Adafris And Grachakachiloch:

Point Of View And Speech And Thought Presentation In Focus. (Unpublished M. A. Thesis), Addis Ababa University: Addis Ababa, 2009.

Association for Educational Communications and Technology (AECT). "What is Descriptive Research?".http://www.aect.org/edtech/ed1/41/41-01.html. Retrieved 14 Jun. 2021.

Bal,M. Narratology: Introduction to the Theory of narrative. Canada: University ofToronto Press, 1985.

____________. Narratology: Introduction to the Theory of narrative. 2nd ed.Canada: University ofToronto Press, 1999.

Barthes, R. Introduction to the Structural analysis of Narratives. London: Fontana, 1977.

Barry Vincent. Philosophy: A text with Reading. Belmot: Wadswoth Publishing Company, 1983.

Bateson, G. Steps to an ecology of mind. Chicago: University of Chicago Press. (Originally published by Ballantine, 1972.) 2000.

Becker, Ernest. The Denial of Death. New York and London: The free Press, 1973.

Benhabib, Seyla. ‘Sexual Difference and Collective Identities: The New Global Constellation’. Signs: Journal of Women in Culture and Society, 24(2): 335–361. 1999.

Berger, A. A. Narratives in Popular Culture, Media and Everyday Life.1st ed. Thousand Oaks; London; New Delhi: Sage Publications, 1997.

Bodkin M. Archetypal patterns in poetry: psychological studies of imagination. New York: Vintage, 1934.

Bonheim, Helmut. The Narrative Modes: Techniques of the Short Story. Cambridge: Brewer, 1982.

Booth C W.The Rhetoric of Fiction. Chicago: University of Chicago Press, 1961.

____________. The rhetoric of fiction. 2nd ed. Chicago:University of Chicago Pres,1983.

Bordwell, David and Thompson Kristin. Film Art: An Introduction. McGraw Hill Companies, New York, 2004.

Brown, Peter. "The Rise and Function of the Holy Man in Late Antiquity," in Society and the Holy in Late Antiquity. Chicago, 1982.

______________. The cult of the saints Chicago, IL: University of Chicago Press, 1981.

Chamran, Shahid. "Literature and Nationalism" Journal of Research in Applied Linguistics.Published byUniversity of Ahvaz, 2020.

Chatman, S. Story and discourse: narrative structure in fiction and film. London:Cornell University Press, 1978.

____________. “Characters and Narrators: Filter, Center, Slant, and Interest Focus”. In Poetics Today, vol.7,no.2, pp.189-204, 1986.

____________.Coming to Terms. The Rhetoric of Narrative in Fiction and Film. Ithaca, London: Cornell University Press, 1990.

____________. “Narrative Discourse by Genette”. Rev. of The Journal of Aesthetics and Art Criticism. Vol. 39 No. 2. Wiley on the behalf of the American Society for Aesthetics. http://www.jstor. org/stable/420895. Retrieved 22/10/13, 1980.

Childs, Peter & Roger Fowler. The Rout ledge Dictionary of Literary Terms. New York: Rout ledge & Kegan Paul Ltd, 2006.

Cressman, D. 'Exploring Biography', in D.G. Godfrey (ed.), Methods of Historical Analysis in Electronic Media, London – New York: Routledge, 283–302, 2006.

Creswell, John W. Research design: Qualitative, quantitative, and mixed methods approaches. 3rd ed. New Delhi: SAGE Publications India Pvt. Ltd. 2009.

Chris Wall. Standardization of insitu coral bleaching measurements highlights the Variability in responses across genera, Morphologies, and regions. University of California, san Diego, 2014.

Colman, Warren. Soul in the World: Symbolic Culture as the Medium for Psyche. Journal of Analytical Psychology, 2017 [2011].

Coste, Didier. Narrative as Communication. Vol. 64. Minneapolis: University of Minnesota Press, 1989.

Cunningham, L. S. Hagiography and imagination. Studies in Literary Imagination, 1985.

Davidson Donald. Inquiries into Truth and Interpretation. Oxford: Clarendon Press; New York: Oxford University Press, 1984.

David Ingram. Archetype Definitions and Principles. University College London, 2007.

Dawit Girma. Literary Features of Ethiopian Hagiographies: Figurative Languages and Literary Techniques in Gädlä Krestos Sämra. IOSR Journal Of Humanities And Social Science (IOSR-JHSS) Volume 24, Issue 8, Ser. 3 (August. 2019) 70-78. 2019.

Delehaye, H. The legends of the saints: An introduction to hagiography. Notre Dame, IN: University of Notre Dame. (Original work published 1907), Retrieved from http://www. fordham.edu/halsall/basis/delehaye-legends.asp, 1961.

Deribsa Abate. Research Methodology. Addis Ababa: Folcon Printing, 2017.

Descartes, R. Discourse on Method and Meditations on First Philosophy. 4$^{th}$ edition. Trans, 1998.

Dessaleng Gebeyehu. Narratology in Films: With Reference to Two Amharic Films—'Wubetin Felega' and 'Siryet'. (Unpublished M. A. Thesis), Addis Ababa University: Addis Ababa, 2010.

Devi Sari Panggabean and Rahmadsyah Rangkuti. The Basic Concept of Narratology and Narrative. Language Circle: Journal of Language and Literature, 2020.

Drabble, Margaret. The Oxford Companion to English Literature, edited by Margaret Drabble. 6th ed., Oxford University Press, 2000.

Duffy, Eamon. Introduction. In The Golden Legend: Readings on the Saints. Translated by William Granger Ryan. Princeton: Princeton University Press, 2012.

Edward John, Kenney. “Books and readers in the Roman world”. The cambridge history of classical literature. Edited by E. J. Kenne & W. V. Clausen. United State of America Cambridge University Press, 2008.

Elias Norbert. The Symbol Theory. Sage Publications, London, 1995.

Elizabeth M. G. Krajewski, M. Div. Archetypal Narratives: Toward a Theological Appreciation of Early Celtic Hagiography. University of Wales: Unpublished PhD Dissertation, 2015.

Ephrem Eshete “Narrative Techniques of Three Selected Ethiopian Hagiographies.″ M.A. Thesis. Addis Ababa University, School of Graduate Studies. 1999.

Erica Wickerson. The Architecture of Narrative Time: Thomas Mann and the Problems of Modern Narrative. United Kingdom. Oxford University Press, 2017.

Esther Lombardi (Literature Expert). What Is Classical Literature? California State University-Sacramento. 2022.

Fathalla, M. F. A Practical Guide for Health Researches. WHO Regional Publications, Eastern Medeteranian Series, 2004.

Ferm Vergilius. AN Eneyclopoedia of Religion. West Port: Greenwood Press Publishers, 1976.

Findlay, C. Higher Results in Textual Analysis. Oxford: Oxford University Press, 2002.

Fludernik, M. The Fictions of Language and the Languages of Fiction. The Linguistic Representation of Speech and Consciousness. London: Routledge, 1993.

____________. “Defining (In) Sanity: The Narrator of the yellow wall paper and the question of Unreliability, “In Grenzubers chreitungen: Narratologim context Transcending Boun Daries: Narratology in Context, ed. by Walter Grunzweig and Andreas solbach, TubingenNarr, 2000.

____________. The Fictions of Language and the Languages ofFiction.The Linguistic Representation of Speech and Consciousness. London: Routledge, 2004.

____________. Towards a Natural Narratology. London: Routledge, 2005.

____________. An introduction to narratology. New York: Routledge, 2006.

____________. "Beyond Structuralism in Narratology: Recent Developments and New Horizons in Narrative Theory," in Anglistik 11.1: 83–96. 2000.

Fludernik M. and Margolin U. Introduction. Special issue german narratology I of Style, 38, 148–87, 2004.

Forster E M. Aspects of the Novel. Harmonds Worth: Penguin, 1963.

Frazer JG. The Golden bough. New York: Macmillan, 1890.

Freud Sigmund. The Interpretation of Dreams. Nalanda Digital Library Etext Conversion Project, 1911.

Frye Northrop. Anatomy of Criticism: Four Essays. Printed in the United States of America, 1957.

____________.The Great Code: The Bible and Literature. Sandiego: A Harvest/ HBJ Books, 1982.

____________. The archetypes of literature. The Kenyon Review, 13(1), 92-110. 1951.

Gabriel Abend. The Meaning of Theory. American Sociological Association: 1430 K Street NW, Washington, DC, 2008.

Genette, G. Narrative Discourse. Tran. Jane Elewin. Oxford: Cornell University Press, 1980.

____________.Narrative discourse revisited. Ithaca, New York: Cornell Univerity Press, 1988.

____________. Narrative Discourse: An Essay in Method. Jane E. Lewin. trans. Ithaca, New York, Cornell University.1972/1980.

Getachew Haile. Ethiopic Literature. In M. Heldman (Eds.), African Zion (pp. 47-56). London: Wiley, 1993.

Goethe J W. The metamorphosis of plants. Cambridge, Mas.: The MIT Press, 2009.

Goyal R. "Infinite World of Narration: A Never Ending Saga." International Multidi Disciplinary Research Journal,vol.4,issue 3, May 2016.

Gregory Mitchell & Greg Howcroft. Hagiography: Current and prospective contributions. Nelson Mandela Metropolitan University, Port Elizabeth, South Africa. Journal of Psychology in Africa, 2015.

Gurevich A. J. and Roberts H. M. G. R. Saints and Their Miracles in Medieval Society. London: Macmillan, 1985.

Habib, M.A.R. A History of Literary Criticism: From Plato to the present. Oxford: Black Well publishing Ltd. 2005.

Haile Gezae. Narrative Time and Mode in Minkuhkuwah Zeyfleyelu Mae'tso and Hezike Nabey. (Unpublished M. A. Thesis), Addis Ababa University: Addis Ababa, 2013.

Hamilton, N. Biography: A Brief History. Cambridge, Massachusetts: Harvard University Press, 2007.

Hawthorn, J. Studying the novel. London: Guten Berg Press, Ltd. 2001.

Herbert W. Schneider. The Making of a Saint: The Hagiography of Saint Francis of Assisi. New York: Harper & Brothers, 1958.

Herman, D.etal. Narrative Theory: Core Concepts and Critical Debates. Colombus: The Ohio State University Press,2012.

Herman, David. The Cambridge companion to Narrative. University press, 2007.

Herman, Luc and Bart Vervaeck. Handbook of Narrative analysis. University of Nebraska Press, 2005.

Herman, Luc. Handbook of Narrative analysis. London: University of Nebraska Press, 2005.

Hiwot Walelign. Narrative Technique of Adam Reta's Gracha Qachiloch: Stream-of-Consciousness in Focus. (Unpublished M. A. Thesis), Addis Ababa University: Addis Ababa, 2012.

Holman, CH. A Hand Book to Literature.New York: MacMillan, 1992.

Hoover, David L. "Text Analysis". http://disanthology. Commons mla.org./textual analysis/. Retrieved 14 Jun. 2021.

Hughes, Kathleen, Early Christian Ireland: Introduction to the Sources Cambridge: Cambridge University Press, 1972.

Igbifa, Ene. "Myth, Archetype and Symbols". Introduction to Literature. Onyemaechi Udumukun, Ikenna Kamala and Oyeh Out Eds, 100-110, Port Harcourt: Pearl Publishers, 2014.

Igor C aruso. Existential Psychology. New York, 1964.

Jahn, M. Narratology: A Guide to the theory of Narrative. English Department,University of Cologne. http//www.uni-koein.de/ameoz/ppn.Htm. 2005.

James S. Holmes. The Art of Translation. Holmes, James S. In "The Translation Studies Reader," edited by Lawrence Venuti: Routledge, 2000.

____________. Narratology: A Guide to the theory of Narrative. English Department, University of Cologne. http//www.uni-koein. de/ameoz/ppn. Htm. 2017.

____________. Narratology: A Guide to the theory of Narrative. English Department, University of Cologne. http//www.uni-koein.de/ameoz/ppn.Htm. 2021.

